ፍሬ ጸሪ

ቁ. ሕታም 06 ሓምለ 2025

ብሚኒስትሪ ሕርሻ እትዳሎ መጽሔት



- ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ እተመርጹ ፍርያት
- ንኡስን ርቡሕን ቃጽየ ሕርሻ (ንርቃሕ)፣ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ









ሃገረ ኤርትራ - ሚኒስትሪ ሕርሻ
ብጨንፈር ህዝባዊ ርክባት እትዳሎ ሽዱሽተ ወርሓዊት መጽሔት
ፍረ-ጻዕሪ ቁ. 6
ሓምለ 2025

ትሕዝቶ

ቃል ኣሰናዳኢ 2

ዓበይቲ ፍጻመታት
- ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ሚኒስትሪ ሕርሻ 2024 3
- ወግዓዊ ጽንብል 8 መጋቢት ሚኒስትሪ ሕርሻ 7
- ምርኢት ውድድር ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት 9
- ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ ዝተመርጹ ፍርያት 12
- ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቕሊ 14
- ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ 15
- ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምድረበዳነትን ደርቅን 16

ኣተኩሮ
- ገስጋስ መደብ ንርቃሕ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ 17

ኣርካናት ሕርሻ
- ዛንታ ኣርካን ሓረስታይ ነፍስሄር ሙሳ ዑመር 19

ኣስተብህሎ
- ድሕነት ኣብ ምህርቲ ጸባን ውጽኢት ጸባን 25

መንእሰያትን ሕርሻን
- ዛንታ ዓወት መንእሰይ ሰሎሞን ብርሃነ 28

ሕርሻን ደቀንስትዮን
- ንጥፈታት ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ..... 33
- ኣብነታዊት ሓረስታይ ዕጸገነት ዕቑባይ 38

ኣብነታውያን ሰራሕተኛታት ሚ/ሪ ሕርሻ
- ኣብነታዊት ሞያተኛ ኣልማዝ ገዛኢ 40
- ኮኾብ ሰራሕተኛ ሚ/ሪ ሕርሻ 2024 48

ባህርያዊ ሕርሻ
- ፍልሰት ሓመድ 49

ሕቶታት ፍረ-ጻዕሪ 51

ቴክኖሎጂ ሕርሻ 53

ቀመም ፍረ-ጻዕሪ
- ብኻዶ..... 57
- ጉድጉዶ 59

መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ 61

ክለብ ኣትለቲክስ ፍረ-ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ 64

ዋና ኣሰናዳኢ
ኤርምያስ ሰሎሞን

ኣሰናዳኢ ቦርድ
ፊልማዊት መዓሾ
መስፍን ገብረሂወት
ተስፋኣለም ገብረስላሴ

ለይ-ኣውት
ሶፍያ ፍቓዱ

ዲዛይን ገበር
ዮሴፍ ኣረገህኝ (JOሲ)

ካርቱኒስት
ሳምንዳሪ ዮሴፍ

ስእሊ
ኣብርሃም ብርሃነ
ኣርዓዶም በረኸት
ሃብትኣብ ዓንደማርያም
ቶማስ መሓሪ
ኣዜብ ክብሮም
ኣርካይቭ ሚኒስትሪ ሕርሻ

ኣድራሻ መጽሔት
ሚኒስትሪ ሕርሻ
ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት
ቁ. ስልኪ 291-1-182225
ቁ.ሳ.ፖ 1048
ኢ-መይል፡ fretsaeri@gmail.com

ቃል ዋና ኣሰናዳኢ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኮሉ!” ዝብል መርሓ ጉደና ሒዙ ብሓያል ናህሪ ካብ ዝብገስ፡ ድሮ ካልኣይ ዓመቱ ሒዙ ኣሎ። ኣብ መላእ ሃገር ንዘሎ ሓፋሽ፡ እኹል፡ ድሕነቱ ዝተሓለወ ከምኡ’ውን መኣዛዊ መግቢ ምቕራብ ዓቢ ተልእኾ ስለ ዝኾነ፡ ንዕኡ ዝበቅዕ ኩለንተናዊ ምድላዋት ምግባር ድማ ማዕሪኡ ዓቢ ምኻኑ ርዱእ’ዩ። በዚ መሰረት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስ ኩሎም ነዚ ዕማም ኣብ ምዕዋት ተራ ዘሎዎም ኣካላት መንግስቲ፡ መሻርኽቲ ልምዓት ብዓቢኡ ድማ ሓረስቶትን ሓፋሽ ህዝብን ሓያል ጽምዶታት ብምፍጣር፡ ሰለም ከየበለ ይሰርሕ ኣሎ።

ካብቲ ኣብ መዛዘሚ ወርሒ ጥሪ 2025 ዘካየዶ ዓመታዊ ገምጋም ሰራሑ ጀሚሩ፡ ክሳዕ’ዚ እዋን፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ስሩዕ ንጥፈታት ኩለን ኣካላት ናይቲ ሚኒስትሪ፡ እተፈላለዩ ፍጻመታት ማለት ወግዓዊ ጽንብል 8 መጋቢት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምርኢት ውድድር ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት፡ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ ዝተመርጹ ፍርያት፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቑሊ፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምድረበዳነትን ደርቅን ምስ ዝምልከቶም መሻርኽቲ ብምኻን ወዲቡን ኣሰናዲኡን። መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ድማ ጽማቕ ናይዚ ኹሉ ፍጻመታት ኣብ ቅድሚት ሰሪዓ ቀሪባቶ ኣላ።

ንኡሰን ርቡሕን ቃጽየ ሕርሻ (ንርቃሕ)፡ ኣብ ሸሕ ትርብዒት ሜትሮ ዝትግበር ሓድሽን እቶታውነት ብዕጽፍታት ዘዕብይን ሜላ ልምዓት ምኻኑ፡ ብቑጻሊ ኣብ ብዙሕ መድረኻት ይጉሰንሰሉ ኣሎ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም፡ እዚ ሜላ’ዚ ኣብ ፋልማይ ዓመቱ ዘርኣዮ ገስጋስ እንታይ ከም ዝመስል፡ ኣብ ዓምዲ ኣተኵሮ ብሕጽር ዝበለ መገዲ ቀሪቡ ኣሎ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብዚ ሕታም፡ ዛንታታት ዓወት ኣርካናትን ኣብነታውያንን ሓረስቶትን ሞያተኛታትን ከምኡ’ውን ብፍሉይ ኣብ ዕዉታት መንእሰያትን ደቀንስትዮን ዘተኩረ ኣዝዩ መሃሪ ትሕዝቶታት ተሓቑፉ ኣሎ።

ከም ወትሩ ዓምድታት ድሕነት ሕርሻዊ ፍርያት፡ ባህርያዊ ሕርሻ፡ ቴክኖሎጂ ሕርሻ፡ ቀመም ሕርሻ፡ ሕቶታት ፍረ-ጻዕሪ’ውን፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም ግቡእ ቦታኦም ሒዞም ኣለዉ። እታ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ተቐባልነታ እናዓበየ ትኸይድ ዘላ፡ ኣብ ኤሪ-ቲቪ መደብ ፍረ-ጻዕሪ እትቐርብ ንኣሰራርሓ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ እትገልጽ ‘መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ’ እውን ብርክት ዝበሉ ዘመናውን ያታውን ኣገባብት ኣሰራርሓ መግቢ፡ መምስ መኣዛዊ ትሕዝቶኦም ሒዛ ቀሪባ ኣላ። ኣብ መጻኢ’ውን ዝሰፍሐ ቦታ ተዋሂቡዋ ክትቅጽል እያ።

ኣብዚ ሕታም እተጀመረት ሓዳስ ዓምዲ፡ ‘ስፖርት ፍረ-ጻዕሪ’ እያ። እዛ ዓምዲ ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታማ፡ ነታ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ሕርሻ እትጥርነፍ ክለብ ኣትለቲክስ ፍረ-ጻዕሪ ምስ ብምሉኦም ኣባላታ ብስእልን ጽሑፍን ምስ ዓበይቲ ዓወታቶም ዘላሊ ትሕዝቶ ሒዛ ኣሃዱ ኢላ ኣላ። ኣብ መጻኢ ድማ፡ በብውልቀም ንዘመዝግብዎ ፍሩያት ዓወታት ሒዛ ብቑዋምነትን ብስፍሓትን ክትቅጽል እያ።

“ውሑስን መኣዛውን መግቢ፡ ንኹሉ፣ ኣብ ኮሉ!”

ጥሉል ክራማት - ሰናይ ንባብ!

ብርሃነ ዓንደመስቀል

ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ሚኒስትሪ ሕርሻ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ናይ ዓመተ 2024 ንጥፈታት ብምግምጋም፡ ኣብ ውጥን ዓመተ 2025 ዘትዩ። ኣብ'ቲ ካብ 29-31 ጥሪ 2025፡ ኣብ ኣስመራ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣዳራሽ 'ቍ.1' ዝተኻየደ ዓመታዊ ገምጋም ሰራሕ፡ ካብ ኩለን ዞባታት ክፍሊ ሕርሻን መሬትን፡ ኣካላት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዝኹና ክፍልታትን ጨናፍርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ተሳቲፈን። ኣብቲ ዓመታዊ ኣኼባ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ዝርከቦም ላዕለዎት ሓለፍትን ክኢላታትን ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓለፍቲ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባታት፡ ሓለፍትን ወከልትን ኣብያተ ጽሕፈት ሕርሻ ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ከምኡ'ውን ወከልቲ መሻርኽቲ ልምዓት ዝኹኑ ማሕበራትን ትካላትን ተሳቲፎም።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻባት፡ ኣብ መዳይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ናይ 53,793 ሄክታር ኣብ ዝሕረስ፡ ዘይሕረስ መሬትን ማይ-ኩሪታትን፡ ሓድሽ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ንጥፈታት ክሰላሰል ከሎ፣ 6,000 ሄክታር ዝበጽሕ ስፍሓት መሬት ድማ ኣቐዲሙ ተሰሪሑ ዝጸንሐ ትሕተ-ቅርጽታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ጽገና ከም ዝተገብረሉ ተሓቢሩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ፍወሳ ማይ-ኩሪታት፡ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሜተር ኩቦ ዝዓቐኑ ሓደስቲ ከትርታት ክሰራሕ እንከሎ፡ ኣስታት ሓደ ሚእቲ ሸሕ ዝዓቐኑ ድማ ግቡእ ጽገና ተኻዪድሉ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዓመተ 2024 ኣብ ህንጸት ከዘንቲ ማያት ዝነኣድ ስርሓት ከም እተዓሙ ዝፍለጥ ኰይኑ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝዝርግሓ 24 ሓደስቲ መጠነ-ንኡስ ዲጋታት ህንጻዊ ስርሓተን ተዛዚመን ንስራሕ ድልዋት ክኾና ከለዋ፡ ብተመሳሳሊ 22 ዲጋታት ድማ ኣብ መስርሕ ህንጸት ከም ዝርከባ ተገሊጹ።

ኣብ ልምዓት ዘራእቲ ዝነበረ ጸብጻብ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ዓመተ 2024 ሳላ ዝነበረ ህጡር ክራማት ዘተባብዕ ምህርቲ ከም እተሓፍሰ ተሓቢሩ። ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣስታት 414 ሸሕ ሄክታር ዝስፍሓቱ መሬት ብሱል ኣእካል ክዝራእ እንከሎ፡ ካብ'ቲ ብደረጃ ሃገር ዝለምዐ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት መሸላ ልዕሊ ፍርቂ ክሸፍን ከሎ፣ ብልቲግ፡ ጣፍ፡ ስርናይ፡ ዳጉሻ፡ ስገምን ዕፉንን ብቐደም-ተኸተል ተሰሪየም ከም ዝነበሩ ይፍለጥ።

ሓፈሻዊ ገምጋም እቶት ብሱል ኣእካል፡ ገና ካብ 9 ኵንታል ኣብ ሄክታር'ኳ እንተዘይሓለፈ፡ ኣብዚ መዳይ ብፍላይ ኣብ ስርናይ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብምንጽጻር ኣተባባዒ ገስጋስ ተመዝጊቡ ይርከብ። ብፍላይ እተን ብግጡም ኣገባብ ዘልምዓ ዓድታትን ብደረጃ ኣብነታውያን ሓረስቶት ዝፈርያን ክግምገም እንከሎ፡ ካብ 30 ክሳዕ 60 ኵንታል ኣብ ሄክታር ተረኺቡ ከምዘሎ ካብቲ ዝቐረበ ጸብጻባት ንምፍላጥ ተኻኢሉ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት፡ ኣብ ልምዓት ጥረታት ዝነበረ ጸብጻብ ከም ዝሕብሮ፡ ልዕሊ 38 ሸሕ ሄክታር ዝስፍሓቱ መሬት ሕርሻ ከም እተዘርኣ ይፍለጥ። ካብዚ ዓተር ዝሰፍሐ ቦታ ክሸፍን እንከሎ፡ ባልደንጓን ዓይኒ-ዓተርን ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃታት ብቐደም-ተኸተል ተሰሪየም ንረኽቦም።



ኣብ ናይ ቅብኢ ዘራእቲ ድማ ብደረጃ ሃገር ኣስታት 60 ሽሕ ሄክታር ክዝራእ እንከሎ፡ ማእከላይ ገምጋም እቶት ሓሙሽተ ኮንታል ኣብ ሄክታር ከም ዝነበረን፡ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብምንጽጻር ድማ መጠናዊ ዕብየት ከም ዘርኣየ ተሓቢሩ።

ኣብ ዓመተ 2024 ሳላ ዝነበረ ህጡር ክራማትን ውሁድ ስራሕ ኩሎም ዝምልከቶም መሻርኽቲ ልምዓትን ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ርቡሕ ምህርቲ ክሕፈስ ከም ዝኸኣለን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ልምዓት ዘራእቲ ዝሕረስ መሬት ብሰለስተ ሚእታዊት ክዓቢ እንከሎ፡ ምህርቲ ድማ 138 ሚእታዊት ዕብየት ክምዝገብ ከም እተኻእለ ተገሊጹ።

ኣብ ጸብጻብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታት ከም ዝተገልጸ፡ ኣብ ኣስታት 4,800 ሄክታር ካብ ዝለምዐ ፍረታት፡ ልዕሊ 67 ሽሕ ቶን ዝግመት ምህርቲ ክሕፈስ እንከሎ፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልቲ ድማ ልዕሊ 182 ሽሕ ቶን ዝግመት ምህርቲ ከም እተሓፍሰ ተገሊጹ።

ኣብ መዳይ ሃብቲ እንስሳ ከም ዝተጸብጸበ ድማ፡ ኣብ ልምዓት ጸባ ብሰንኪ ሕጽረት መግቢ እንስሳን ንመግቢ እንስሳ ዝኸውን ውሑስ መሬትን ገስጋስ ከም ዘይተመዝገበ ክሕበር እንከሎ፡ ኣብ ቀረብ እንቋቑሖ'ውን ብተመሳሳሊ ብዙሕ ስራሕ ከም ዘድሊ ተሓቢሩ። ቀረብ እንቋቑሖ ኣብ ዓመተ 2025 ቡቲ መንግስቲ ዘእትዎ ዘሎ ቀረብ ጨቓዊት ክመሓየሽ ምኻኑ'ኳ እንተተሓበረ፡ ንዘላቒ ፍታሕ ግና ሓረስቶት ጨቓዊት ባዕሎም ኣሜጨሖም ከራብሑ ከም ዝግባእ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብ ምኽዕባት ምህርቲ መዓር ዝሳተፉ ሓረስቶት፡ ኣብ ዓመተ 2024 ልዕሊ 11,800 ክበጽሑ እንከለዉ፡ ምህርቲ መዓር'ውን ምስ ናይ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ብምንጽጻር፡ ርኡይ ዕብየት ከም እተመዝገበ ተሓቢሩ።

ኣብ ንጥፈታት ጥዕና እንስሳ፡ ንልዕሊ ሓደ ሚልዮን ጥራት ክታበት ናይ ትሸዓተ ዓይነት ሕማማት ከም እተዋህበ፡ መጠን ሕማምን ሞትን እንስሳታት ድማ ኣዝዩ ትሑት ምንባሩ ተሓቢሩ። ኣብ ቀጽጽር ኣንበጣ ምድረበዳ ኣብ መላእ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝዘርጋሕ፡ ኣንበጣ ገረብ ድማ ኣብ ሰፋሕቲ ደቡባዊ ምዕራብን ምዕራባዊ ጎላጉል ዞባ ጋሽ ባርካን ክፋል ዞባ ደቡብን ብድምር ናይ 770 ሽሕ ሄክታር ዳህሳስ ከም እተገብረ፡ ኣብ ልዕሊ 34 ሽሕ ሄክታር ዝስፍሓቱ መሬት ድማ ቀጽጽራዊ ስራሓት ከም እተሰላሰለ ተፈሊጡ።

ብወገን ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ዝቑረበ ጸብጻብ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኩለን ጨናፍር ዘካየዳኦ ምርምራዊ ንጥፈታት፡ ኣብ ትሸዓተ ዓይነታት ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ፡ ዕዉት ምርምራዊ ስራሓት ብምክያድ፡ ንሓረስቶት ክዕደል ድሉው ምኻኑ ተሓቢሩ። ብተወሳኺ ድማ ቀልጢፉ ዝበስል ዓሌት ፋጆሊ ማዕቢሉ ምህላዉን ነቑጣታት ምርምር ሓልሓሊ፡ ጎልጅን ሻምብቆን ኣብ ምርምራዊ ስራሓት ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ (ንርቃሕ) ኣድማዒ ንጥፈታት ከም ዘሰላሰሉን ተሓቢሩ።

ኣብቲ ኣኼባ፡ ኣብ ምሕደራ ባህርያውን ተወርሶኣውን ጸጋታት፡ ምምሕያሽ ዘራእቲ፡ ሃብቲ እንስሳ፡ ሕርሻዊ ምህንድስና፡ ቴክኖሎጂ መግብን ባዮ-ቴክኖሎጅን እተኻየዱን ኣብ መስርሕ ዘለዉን ምርምራዊ ስራሓትን ከምኡ'ውን ዝተሰላሰሉ ምምሕዳራዊ ንጥፈታትን ዝነበሩ ብድሆታትን ብዝርዝር ቀሪቦም።

ብመሰረት ጸብጻብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ንምርግጋጽ ድሕነት መግቢ ኣተኩሩ ዝተዓመ ስራሓት ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባት ናይዚ ክፍሊ ምኻኑ ክሕበር እንከሎ፡ ነዚ መደብ'ዚ ዕዉት ንምግባር ኣብዚ ዓመት ብዙሓት ኣገደስቲ



ዕማማት ከም እተሰላሰሉ ተሓቢሩ። ኣብ ዕዳጋ ዝቐርብ ዘሎ ፍርያት ውጽኢት እንስሳን ብቕልን፡ ገለ ሕጽረታት ገዲፍካ፣ ጥዕናኡ ዝተረጋገጸ ንምግባሩ ኩሉ መዳያዊ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ክሕበር እንከሎ፣ ኣመሰራሕቲ ትካላት'ውን ሕርሻዊ መግቢ ደረጃኡን መስመሩን ዝሓለወ ንምግባሩ፡ ዕዉት ስራሓት ተኻዩዱ። ዳርጋ ኩለን ትካላት ድማ ካብ ዘይስሩዕ ኣሰራርሓ ወጺአን ከም ዝርከባ ተገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ዓመታዊ ገምጋም፡ ኣብ ምቑጽጻርን ምውጋንን መዓልቶም ዘሕለፉ ሕርሻዊ ቀመማት፡ ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ዘርኢ፡ ምሕደራ ባህርያዊ ሃብቲ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ብምውህሃድ ሰፋሕቲ ንጥፈታት ከም ዝተሰላሰሉ ተገሊጹ። ኣብ ምዕባይ ንቕሓት ዘተኩረ ሰፊሕቲ መደባት ከም ዝተሰርዐን፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ቑጽጽራዊ ስራሓት ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቑጽጽርን (ድሕነት መግቢ፡ ውሽባ፡ ዘርኢ፡ ሕርሻዊ-ስነ ቀመም፡ ከምኡ'ውን ባህርያዊ ሃብቲ) ንቕሓት ሓረስቶት፡ ኣመሰራሒ ትካላት መግብን ሕርሻዊ ፍርያትን ካልኦት መሻርኽትን ንምዕባይ ሓያል ጻዕሪ ተኻዩዱ። በዚ መሰረት ኣስታት 2700 ዝኾኑ ሰባት፡ ብደረጃ ዞባን ማእከላይ ቦታን፡ ኣብዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ዓውድታት ከም ዝሳተፉ ተገይሩ። ንቕሓት ሓረስቶትን ኣመሰራሕቲ ትካላትን ብፍላይ ኣብ ድሕነት መግቢ ንምብራኽ ድማ ሃገራዊ ዋዕላ ድሕነት መግቢ ከም ዝውደብ ተገይሩ። ምስ ድሕነት መግቢ ዝተኣሳሰሩ 13 ወረቓቕቲ ከም ዝቐረቡ ድማ ተገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቕልን፡ ኣብ ዓመተ 2024፡ 5602 ቅምሶታት ኣብ ምንጻር ሕማማት እንስሳ፡ 53 ኣብ ምርግጋጽ ሕማማትን ባልዓትን ብቕሊ፡ 611 መርመራ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ ሰብን እንስሳን፡ 771 ንምንጻር ሕማማትን ባልዓት እንስሳን ብቕልን ብድምር 7,037 መርኣያታት (samples) ከም ዝተመርመሩ ተገሊጹ።

ኣብ መፍረ ክታበት፡ ብመሰረት ጠለብ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን፡ 300,000 ዶዝ ንምክልኻል ሕማም ደርሁ (Newcastle Disease; NCD) ከምኡ'ውን 70,000 ዶዝ ንምክልኻል ሕማም ጉልሓይ መሰል ጠለ-ብጊዕ (Paste des petites ruminants; PPR) ዘገልግል፡ ብድምር 370,000 ዶዝ ከም ዝተረከበ ክጽብጸብ እንከሎ፡ ኣስታት 280,000 ዶዝ ከኣ ኣብ መስርሕ ምድላው ከም ዝርከብ ተገሊጹ። ምስዚ ብዝተኣሳሰር፡ ንምፍራይ ክታበት ጸረ-ሕማም ጉምቦሮ (Infectious bursal disease) ዘገልግሉ ፈለምቲ ዋህዮታት ብውሽጣዊ ዓቕሚ ክዳሎ ክኢሉ ከም ዘሎ ኣብቲ ጸብጻብ ቀሪቡ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ምምዕባል ዘይንቡር ዋህዮታት እንስሳ ከጋጥም ንዝኽእል ጸገም ንምልላይ ዝሕግዝ ላቦራቶሪ ንምምስራት ተበግሶ ተወሲዱ፡ መባእታዊ ናይ ላቦራቶሪ መሳርሒታት ዝዓጠቐ ንኡስ ላቦራቶሪ (Basic Cytogenetic lab) ከም እተበገሰ ተገሊጹ። በዚ ሞያ'ዚ ንኽምዕብሉ ዝተሓጽዩ ሓሙሽተ ኣባላት ከኣ መባእታዊ ስልጠና ከም ዝተዋህቦም ተሓቢሩ።

ኣብ መዳይ ምምዕባል ትካላዊ ብቕዓት ዘተኩረ ብዓይነቱ ፈላሚ ዝኾነ ምስ ወኪል ኣህጉራዊ ኣቶማዊ ጸዓት (International Atomic Energy Agency; IAEA) ብምሽራኽ፡ ካብ 10 ሃገራት ኣፍሪቃ ተወከልቲ ዝተሳተፉዎ፡ ኣብ ጽገናን ዕያረን መሳርሒታት ላቦራቶሪ ዘተኮረ፡ ክልሰ ሓሳባውን ግብራውን ስልጠና ከም ዝተወደበ'ውን ተሓቢሩ።

ዞባውያን ላቦራቶሪታት ጥዕና እንስሳን ብቕልን ሃገርና'ውን ብተዛማዲ ዘድሊ ዕጥቂ ተዋዲዱሉን፡ መሰረታዊ ዝኾነ ኣገልግሎት ንተጠቀምቲ ሓረስቶት ይህባ ከምዘለዋ ኣብቲ ዝተኻየደ ዓመታዊ ገምጋም ተገሊጹ።

መደብ 'ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ' (ንርቃሕ)፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምህርቲ ኣእካልን ኣሕምልትን ኣብ ውሱን ቃጽያ ሕርሻ ንምኽዕባት ሓንጺጹ ዝሰርሓሉ ዘሎ ኾይኑ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ካብ ክራማት ዓመተ 2024 ዝጀመረ ንሰለስተ እብረ ዝኾይድ ስትራተጂ እዩ። ኣብዚ ፈላማይ እብረ ናይዚ መደብ፡ ልዕሊ 12 ሽሕ ሓረስቶት ክሳተፉ እንከለዉ፡ ምህርቲ ሎምዘመን ኣብ ምኽዕባት ድማ ደራኺ ተራ ከም እተጻወቱ ተፈሊጡ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ምዕዋት ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ግሉሕ ኣበርክቶ ንዘገበሩ፡ 100 ክኢላታትን ኣወሃሃድቲ ስራሕን ከምኡ'ውን ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ሸልማት ተዓዲሎም። በዚ መሰረት ብደረጃ ሃገር፡ ዞባ ማእከል ቀዳማይ ደረጃ፡ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ድማ ንኡስ ዞባ በሪኽ ቀዳመይቲ ብምኻን ዝለዓለ ሸልማት 'ንርቃሕ' ተቐቢሉን።





ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘስምዖ መዛዘሚ ቓል፡ ጸብጻባት ዓመተ 2024 ተዓቕንትን ኣብ ውጽኢት ዘተኩሩን ኩይኖም ብመንእሰያትን ደቀንስትዮን ብምቕራቦም ብምምጻእ፡ ሽቶ 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኾሉ፣ ኣብ ኮሉ!' ንምዕዋት፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሕርሻ ብፍላይ ድማ ኣብ ምዕዋት መደብ 'ንርቃሕ' ዕቱብ ኣተሓሕዛ ንዘገበራ ዞባታት ኣመስጊኑ። ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣስዒቡ፡ ኣብ ዓመተ 2025 መደብ ንርቃሕ ምስ መፍረ ደርሁን ምስራሕ ጋብላዊ ቐፎን ተሳንዩ ክትግበር ተላብዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ መደብ 'ንርቃሕ' ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ንኽተኣታቶ፡ ኣብ ቅድመ-ግንባር ዝርከቡ ክኢላታት ሕርሻ ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝርከቡ ወከልቲ ሃማመተኤን ሃማደኤን ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት ኩሎም ዝምልከቶም መሻርኽቲ ብትኾረትን ብውህደትን ክሰርሑሉ ከም ዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ 2024 ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብተሳተፍቲ ንዝቐረቡ ሕቶታትን ርእቶታትን ብምዝታይ፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ መጻኢ ፍሉይ ኣተኩሮ ዘድልዮም ለበዋታት ብምትሕልላፍ ተዛዚሙ፡

- ዝስርሑ ዘለዉ ሕርሻዊ ትሕተ-ቕርጽታት ብፍላይ ድማ ዲጋታት ብግቡእ ኣብ ልምዓት ክውዕሉን ኣበርክቶኦም ክግምገምን
- ወነንቲ ጀራዲን ብጸሓያዊ ጸዓት ንኽልምዑ ኣድላዩ ደገፍ ክግበረሎም
- ብኽነት ድሕረ-ምህርቲ ኣብ ሕርሻዊ ፍርያት ንምውጋድ ብዕቱብ ክሰራሕ
- ባህርያዊ ኣገባብ ሕርሻ ክድፍኣሉ
- መፍረ ደርሁ-ገደና ክተባባዕ
- ኣብ ስራሕ ዘይወዓላ ትካላት መኣከቢ ጸባ ስራሕ ዝጅምራሉ መገዲ ክፍጠር
- ኣብ እንሰሳታት ዝግበር ምርምራዊ ስራሓት ክሕይል
- ውጽኢት ምርምር ዝኾኑ ርኽበታት ብግቡእ ተሓቲሞም ዝዝርግሑሉ መገዲ ክፍጠር
- ምብዛሕን ምሕዳስን ምሩጻት ዘርእታት መሸላን ብልቲግን



ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ

ክድፍኣሉ ከምኡ'ውን ኣብ ኣሕምልትን ፍረታትን ዘተኩረ ምርምራዊ ንጥፈታት ክሕይል

- ጸገም ሓረስቶት ማእከል ዝገበረ ምርምራዊ ንጥፈታት ክድፍኣሉ
- ንጥፈታት ምርምር ነቑጣ ሽዕብ ክበራበር
- ኣብ ቴክኖሎጂ መግቢ ዝግበር ምርምራዊ ንጥፈታት ብትኾረት ክሰርሓሉ
- ኣብ ዓመተ 2025 መደብ ንርቃሕ ምስ መፍረ ደርሁን ምስራሕ ጋብላዊ ቐፎን ተሳንዩ ክትግበርን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ክተኣታቶን
- ኣብ ቅድመ-ግንባር ዝርከቡ ክኢላታት ሕርሻ ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝርከቡ ወከልቲ ሃማመተኤን ሃማደኤን ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት ኩሎም ዝምልከቶም መሻርኽትን ብውህደት ክሰርሑ መዘኻኸሪ ተዋሂቡ።

***



ወግዓዊ ጽንብል 8 መጋቢት ሚኒስትሪ ሕርሻ



ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ

ሸሞንተ መጋቢት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዝያዳ ኮሉ ዘስተማቕራላን ብዝለዓለ ኣብ ህንጸት ሃገር ዝሳተፋላን ክብርቲ ዕለት'ያ። ኣብ ኤርትራ፡ መሰልን ማዕርነትን ጓለንስተይቲ፡ ብትኳቦ ዝተመጽወተላ ዘይኮነ፡ ኣብ መሪር ቃልሲ ብመስዋእቲ ዝተረጋገጸ፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ዝደመቐ ብንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ህንጸት ሃገር ዝተኾልዐ ክዉንነት እዩ። "ማዕርነት፡ ብማዕረ ተሳታፍነት ኣብ ስራሕ" ዝብል መሪሕ ቄርሔ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝጀመረ ጉዕዞ፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ እውን እምነ ኮርናዕ ኮሉ መዳያዊ ጉዕዞ ደቀንስትዮ ኬይኑ ዝቐጽል ዘሎ'ዩ።

ኣብ ኮሉ መዳይ ብዘይ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ዝውቃዕ ዕላማ ስለ ዘየለ፡ ብፍላይ ድማ ደቀንስትዮ ኤርትራ ማዕረ ኣሕዋተን ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ዘካየዳኦ ቃልሲ ማዕረ ተሳታፍነት ዘርኣያኦ ኣበርክቶን ጽንዓትን ብቐሊል ዝሕለፍ ጉዳይ ብዘይ ምኻኑ እዩ። ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ፡ ወግዓውነቱን ርዝነቱን ቡብሃገሩ ዝፈላለ እኳ እንተኾኑ፡ ደቀንስትዮ ኤርትራ ካብ 60ታት ጀሚረን ኣብ ውዳበታት እናተጠርነፋ፡ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ድምጺ ጓለንስተይቲ ኤርትራ ኾኣ ብፍላይ ከቃልሓ ጸኒሐን እየን። ብፍላይ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ብወግዒ ካብ ዝቐመሉ ግዜ ጀሚሩ፡ ማዕርነትን መሰል ጓለንስተይቲ ንምርግጋጽ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ድምጸን ከም ዝሰማዕ ገይረን።

ከም መቐጸልታ ክካየድ ዝጸንሐ ቃልሲ ድማ ኣስታት 500 ኣባላት ዘለዋኦ ጨንፈር ሃማደኤ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብ6 መጋቢት 2025 ኣብ ኣዳራሽ ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን እቲ ሚኒስትሪ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ኣባላት እቲ ማሕበርን ዝተሳተፍዎ ወግዓዊ ጽንብል ተኻይዱ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ናይ





ወ/ሮ ኤልሳ ወልደጋብር

ሎሚ ዓመት ጽንብል መዓልቲ ደቀንስትዮ ንፈለማ ግዜ ደቀንስትዮ እቲ ሚኒስትሪ ብኽምዚ ዝበለ ሰፊሕን ምዕሩግን ኣገባብ የብዕላኡ ብምህላወን ዮሃና ድሕሪ ምባል፡ ኣግእዞ ደቀንስትዮ ብኽኖልንትናኡ ክረጋገጽ እንተ ኸይኑ ጥምረትን ሓድነትን ከም ዘድሊ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣስዒቡ፡ ደቀንስትዮ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ሞያውያን ካብ መዛኑኣን ደቂ ተባዕትዮ ከይሰነፋ፡ ነቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣበጊስዎ ዘሎ ዕላማ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኽሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ኣብ እዋኑን ብምልኣትን ንኽትግበር ክጽዕታ ከም ዝግባእ ብምዝኽኻር፡ ነዚ ድርብ ዕማም ብወንን ተወፋይነትን ከም ዘትግብራኡ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ሓላፊት ፖለቲካውን ውድባውን ጉዳያት ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወ/ሮ ኤልሳ ወልደጋብር ኣብ ዘስምዓቶ ቃል ሃማደኤ፡ ሕቶ ማዕርነት ደቀንስትዮ ምጽውታ ዘይኩነሰ ብኽቡር ደምን መስዋእትን ዝተረጋገጸ ስለዝኾነ መንእሰያት ደቀንስትዮ ሚኒስትሪ ሕርሻ ቀጻልነት ናይ ወለዶታት ከረጋግጻ ይግባእ ኢላ። ንላ ኣስዒባ፡ ሕቶ ማዕርነት ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብግብሪ ዝተመስከረሉ ከም ዝኾነ፡ መሪሕነት እቲ ሚኒስትሪ ንሕቶ ማዕርነት ደቀንስትዮ ብግቡእ ምርድኡ ዘሕብን ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ እቲ ዕድላት ብግቡእ ክጥቀምሉን ኣብ ዝበረኸ ደረጃ ንኽበጽሕ ክጽዕታን ዘለዋ እምነት ገሊጻ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣደ-መንበር ጨንፈር ሃማደኤ ሚኒስትሪ ሕርሻ ወ/ት ሄራን ዮሴፍ ኣብ ዘስምዓቶ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ቴማ ንልምዓት ዘንጸባርቕ ብምኻኑ፡ ነተን ኣብ ቀድመ ግንባር ዝርከባ ኣባላት እቲ ሚኒስትሪ ብቑጥታ ስለ ዝምልከተን ዝያድ ሓላፍነት ከም ዘለክመን ብምጥቃሱ፡ ኣብ ወፍሪ ልምዓት ብምስታፍ እኹል ፍርያት ብምፍራይ ንኻልኦት ናይ ልምዓት ኣግእዞ ኣብ ምፍጣር ብዕቱብ ንኽሰርሕ ዘዘኻኽር ቴማ ምኻኑ ገሊጻ።

ንላ ኣስዒባ፡ ደቀንስትዮ ኤርትራ ሎሚ እውን ከም ትማሊ ንምርግጋጽን ምውሓስን ሃገር ልዑል ተራ ዝነበረንን ዘለወንን ኩይኑ፡ ኣብቲ ካልእ ገጽ መድረኻት ህንጸት ሃገር ማለት ምዕቃብ ኮለንተናዊ ክብርታት ሕብረተሰብን ወኒ ልምዓትን



ወ/ት ሄራን ዮሴፍ

ካብ ኣደታተን ዝወረሳኡ መድረኽ ዝጠልቦ ጽኑዕ ኤርትራዊ መትከል ንልምዓት ዝረጋገጸሉ መድረኽ ምኻኑ ገሊጻ።

ኣብ መወዳእታ ደቀንስትዮ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ክኢላታትን ኣማኸርትን፡ መሃዝትን ሰናዕትን፡ ኣልማዕቲ እተፈላለየ ምህርቲ ሕርሻ ብምኻነን፡ ነቲ ሚኒስትሪ ዘውጽኡ ጥቡቕ ክትትልን ግምገማን ዘድልዮ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ምስ ብጾተን ደቂተባዕትዮ ብምኻን፡ ነቲ መሪሕ ቴማ ሚኒስትሪ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ሃገራዊ፡ ሕልናውን ሞያውን ሓላፍነት ከም ዘለወን ወ/ት ሄራን ወሲኻ ገሊጻ።

ብድሕር'ዚ ነቲ በዓል ንምድማቕ ንእተፈላለየ ንጥፈታትን ተሳትፎን ስራሕ ደቀንስትዮ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘንጸባርቕ ብጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ዝተዳለወት ሰነዳዊ ፊልም ክትቀርብ ከላ፡ ግጥምታትን ንሞያ ጓለንስተይቲ ዘንጸባርቕ መዘናግዒታትን ንተሳተፍቲ ቀሪቡ።

ካብቲ ዝቐረበ መሰናድኡ፡ ኣብ 'ኣሰርካ' እትብል ግጥሚ ብካንደስ ኣሸብር፡ 'ውሻጠ' ብሳሙኤል ገብረኣዶናይ፡ 'ክነግረልኪ ባዕለይ' ብሳይሞን ሓጎስ፡ መዘንግዕ ቴለፎን ብባህልቢ ጎይትኦምን ኣርዓዶም በረኸትን፡ 'ኪንዮ' እትብል ግጥሚ ብባህልቢ ጎይትኦም፡ 'ማህጸንኪ' እትብል ግጥሚ ብኤደን ኣሸብር፡ 'ሹም ንህቢ' እትብል ድማ ብሰላም ኣብርሃም፡ ኣብ መወዳእታ ድማ 'ኣይርብርብን እየ' እትብል ደርፊ ብሰነ ጥበበኛ ኣብርሀት ኣንከረ ቀሪቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዓቕሚ ደቀንስትዮ ኣብ መኣዲ ስርሐን ክብ ንምባል፡ ቡቲ ሚኒስትሪ ን13 ደቀንስትዮ ብሞያ ምሕያል ደቀንስትዮ ኣብ መሪሕነት ክስልጥና ዝጸንሓ ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ። ኣብ መወዳእታ፡ ብደቀንስትዮ እተዳለወ ምርኢት ምምስራሕ መግቢ ቀሪቡ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ስራሕተኛታት ደቀንስትዮ ብፍላይ ድማ ኣደ-ቑልዑ፡ ከይተጸገማ ማዕረ ብጾተን ግቡእ ስራሕን ንኽዓማን ንኽሰርሓን፡ ኣብ ቀጽሪ ኮለን ኣካላት ሕርሻ፡ መውዓሊ ህጻናት ብምህናጽ፡ ብቑረባ ደቀን እናተኸታተላ መዓልታዊ ስራሕን ንኽፍጽማ ጥጡሕ ባይታ ተፈጢሩለን ከም ዝርከብ ይፍለጥ።

ደቀንስትዮ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዋላ'ኳ ኣብ እተፈላለየ ሞያን ጽፍሕን ልዑል ኣበርክቶ ይገብራ እንተሃለዋ፡ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ በጺሐን፡ ውክልና ደቀንስትዮ ብምልኣት ንምፍጻም፡ ብመገደን ይኹን ብመገዲ እቲ ሚኒስትሪ ልዑል ጻዕሪ ዘድልዮ ጉዳይ ምኻኑ'ውን ይፍለጥ።

ብዘኹነ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝኹና ደቀንስትዮ፡ ኣብ ዓመተ 2025፡ ብሓያል ወንን ተወፋይነትን ደራኺ ለውጢ ንምምጻእ ተበጊሰን ከም ዝርከባ ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ናይቲ ሚኒስትሪ ተሓቢሩ'ዩ።

***

ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን

"ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኽ ልምዓት!"

ሃገር ንምህናጽ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ነብስኻ ንምኽኣልን ንምምዕባልን ገዚፍ ዕላማ ሒዝካ፡ ኣብ ልምዓታዊ ጉዕዞ ምሕንባብ የድሊ። ኣብዚ ጉዕዞ'ዚ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጽእ ትሕዝቶን ክእለትን ግድነት ዘድሊ'ኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ንሓዋሩ ሃገር ዝሃንጽ ግን ውሽጣዊ ትሕዝቶ፡ ክእለትን መሃዝነትን ዜጋታት ምኻኑ ሓተታ ዘድልዮ ኣይኮነን። ኣብዚ መዳይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ኣብ ቴክኒካዊ ዕዮታት ልዑል ተገዳስነት ዝጸንሐ ህዝቢ'ዩ።

ሎሚ ዓለምና፡ ብሓደስቲ ምህዞታትን ቴክኖሎጅን፡ ብዝረቐቐ መገዲ ትሕንበሉ ዘላ እዋን'ዩ። ብፍላይ ድማ ናይ ሎሚ መንእሰይ ወለዶ፡ ኣሰር ኣሰር'ቶም ዓበይቲ ተመራመርቲ እናሰዓበ ዘካይዶ ዘሎ ርኽበታት መበል 21 ክፍለ ዘመን፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ብቐሊል ለውጥታት ዘምጽእ ምህዞታት ይዓዝዝ ኣሎ።

መንእሰይ ኤርትራ'ውን ብግዲኡ መነባብሮ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ፡ ኣብ ከባቢኡ ብዝረኽቦም ጥረ ነገራት ተጠቒሙ፡ ምህዞኣዊ ንጥፈታት ኣብ ምስልሳል ይርከብ። ከም ኣካል ናይዚ'ምበኣር ብምትሕብባር ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራን ሚኒስትሪ ሕርሻን "ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኽ ልምዓት" ብዝብል ቴማ ዝተዳለወ ካልኣይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን፡ ምህዞን ሰንዓን፡ ካብ 21 ክሳዕ 22 መጋቢት 2025፡ ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት ተኻይዱ።



ወ/ ሄለን ኣሚነ

ኣብቲ ኣጋጣሚ ሓላፊት ምክትታል ዞባታት ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ፡ ሄለን ኣሚነ ከም ዝሓበረቶ፣ እቲ ዝተኻየደ ሃገራዊ ምህዞን ሰንዓን በብእዋኑ ብመንእሰያት ዝተፈላለየ ስርሓት ክቐርብ ከም ዝጸንሐን ኩሉቲ ዝካየድ ምህዞኣዊ ስርሓት ሽግር ሕብረተሰብ ዝፈትሕ ክኸውን ከም ዝግብኡ፡ መንእሰያት ንሓድሕዶም ሓሳባትን ተመኩሮን ዝለዋወጥሉ ባይታ ድማ ተዳልዩሎም ምህላዉ ሓቢራ።

ወ/ ሄለን ኣስዒባ፡ "ኣብቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብቐዳምነት ሒዝዎ ዘሎ ስትራተጂ፡ መንእሰያት ማእከል ዝገበረ፡ ኩሉ መዳያዊ ልምዓት ገስጋስ ንምምዝጋብ፡ ተሊሙ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምህዞን ሰንዓን ድማ ከም ኣካል ልምዓታዊ መደብ ተወሲዱ፡ ኣብ ሕርሻ ዘሎና ሃጓፋት ኣለሊኻ፡ መሃዝቲ መንእሰያት ከም ኣካል ናይቲ መደብ ጠርኒፍካ፡ ነዚ ሃጓፋት ኣብ ምዕባስ ከም ዝዋስኡ ምግባር" ብምባል ተወጢኑ ይሰርሓሉ ምህላዉ ገሊጻ።

ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊት ኣሃዱ ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን፡ ወ/ሮ ኣልማዝ ገብረዮሃንስ ብወገና፡ "እዚ መደብ፡ ብደረጃ ሃገር ዝተወደበ ኾይኑ፡ ኣበርክቶ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብቲ ዝቐረበ ምርኢት ድማ ኣብ ሓረስቶት ዝርኣ ጸገማት ፍታሕ ንምንዳይ እዩ። እዚ ተወዲቡ ዘሎ ምርኢት ምህዞኣዊ ስርሓት ኣገዳሲ ብምኻኑ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ብደረጃ ሃገር ምስ ሃማመተኤን ሃማደኤን ዝተገብረ ጽምዶ፡ ውሁድ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ንምዕዛዝ ዝተወስደ ስጉምቲ ምኻኑ ኣብሪሃ። ዝቐርቡ ዘለዉ ምህዞታት፡ ጸገማትን ሕጽረታትን ሓረስታይ



ወ/ሮ ኣልማዝ ገብረዮሃንስ

ዝምልሱን መነባብሮ ብሕርሻ ዝነባበር ሕብረተሰብ ዘቃልሉን ክኾኑ ኣተኮሮ ተዋሂብዎም ክሰርሑ ድማ ወ/ሮ ኣልማዝ ተዘኻኽር። ዝፈርዩ ዘለዉ ምህዞታት ኣለሊኻ፡ ብቐዋታ ናብ ኢድ ተጠቃማይ (ሓረስታይ) ዝበጽሓሉ ባይታ ንኽጣጣሕ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ'ውን ኣብሪሃ።



ኣቶ ዘካርያስ በይን

ቀንዲ ተልእኾ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት፡ “ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ብብልሓትን መሃዝነትን ኣብ ምፍታሕ ዝተግሁ መንእሰያት ምህናጽ እዩ።”

ኣብ ሰለስተ ኣዳራሻት ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት፡ ንዕዱማት ካብ ዝቐረቡ ሕርሻዊ ምህዞታትን ሰንዓን ቀጺልና ነቕርብ፡

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ኣብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ከምኡ- ጀርመን፡ ዒራቕ፡ ሱዳን ኣብ ጽርበት ሓጺን ተዋፊሩ ሰሪሑ። ድሕሪ ናጽነት ናብ ሃገሩ ብምምላስ ኣብ ስራሓት ሓጺን ብምውፋር፡ ብርክት ዝበሉ ናውቲ ሕርሻ (ማሽነሪ) ብምምሃዝን ብምስናዕን ኣበርኪቱ - ኣቶ ዘካርያስ በይን።

ኣቶ ዘካርያስ በይን፡ በብእዋኑ ማሽነሪታት ብምምሃዝ ኣብ ምርኢት ፈስቲቫል ኤርትራ ኣቕሪቡን ንሸልማት በቒዑን እዩ። ካብ ወጻኢ ሃገር ተገዚኦም ዝኣትዉ ዝነበሩ ማሺነሪታት ሕርሻ'ውን ከፍሪ ብምኽኣሉ፡ ኣስተዋጽኦ ዝገበረን ዝገብር ዘሎን ህርኩት ዜጋ እዩ። ኣብ ሓደ ሰዓት ክሳብ 12 ኩንታል ፋል ክትጨጭፍ እትኽእል ማሽን፡ ካልኦት ዝተፈላለያ ንመኽዳ እኽሊ ዘገልግላ ማሽነሪታት እዩ ንምርኢት ኣቕሪቡ።

***

ካልእ መሳጢት ምህዞ ዘቕረቡ፡ መምህር በራኺ ገብረሂወት፡ ካብ ከተማ ከረን እዩ። ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ሃገረ ጀርመን፡ ብዓውዲ ኤለክትሮኒክስ ተማሂሩ ዝተመረቐ መንእሰይ እዩ። ኣብዚ እዋን ድማ መምህር ናይ ኤለክትሮኒክስ ኩይኑ ኣብ ከተማ ከረን ይሰርሕ ኣሎ። ነቲ ኣብ ሃገርና ዝርአ ጸገም ኣጠቓቕማ ኤለክትሪክ ንምቅላል፡ ሞጎጎ ኤለክትሪክ ብውሑስን ቀጣብን ኣገባብ ንኽትሰርሕ ዝገበረ መሃዛይ እዩ።

ንምርኢት ሒዝዋ ዝቐረበ ሞጎጎ “ኤሪቴክ ሞጎጎ” ኢሉ ብምስማይ፡ ቀጣቢት መጎጎ ምኽና ይገልጽ። ነዛ ፕሮጀክት ንምድላው ኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት ከም ዝወሰደሉ ይዛረብ። ፍሉይነት እዛ ምህዞ፡ ነቲ ቅድሚ ሎሚ 3300 ዋት ጸዓት ትወስድ ዝነበረት ሞጎጎ፡ በዚ ምህዞኣዊ ስራሕ፡ ካብ 400



መምህር በራኺ ገብረሂወት

ክሳብ 800 ዋት ሓይሊ፡ ብምውራድ ንስራሕ ድልውቲ ገይሩዋ ይርከብ። ብተወሳኺ መጎጎ ንምርሳን ዝጠፍእ ዝነበረ ግዜ፡ ካብ 18 ክሳዕ 25 ደቒቕ ከም ዝነበረን፡ በዛ ሕጂ ዝተማህዘት መጎጎ ግን ካብ 3 ክሳብ 15 ደቒቕ ነክዩ ከም ዘሎ ይሕብር። ብተወሳኺ እዛ ተማሂዛ ዘላ መጎጎ፡ ብተተካኢ ጸዓት (ጸሓያዊ ጸዓት) ክትሰርሕ ትኽእል እያ። እዚ ድማ ካብ 400 ክሳብ 800 ሓይሊ ዘመንጨ ጸሓያዊ ጸዓት ብምትካል፡ ከተገልግል ትኽእል ምኽና መምህር በራኺ ይገልጽ።

***

ኣሌክሳንደር ፍጹም እዩ ዝበሃል፣ ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ዝመጸ ኾይኑ፡ ብሓገዝ ብሽግለታን ዲናሞን እትሰርሕ፡ ንመኹዳ ጣፍን ዳጉሻን እተገልግል ማሽን ዝሰንዐ እዩ። እዛ ምህዞ ብኽልተ ኣገባብ



መንእሰይ ኣሌክሳንደር ፍጹም

ከም እትሰርሕ ኮይና እያ ቀሪባ። እቲ ቀዳማይ ብጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ዲናሞ ዝተገጥመላ፡ ንዓበይትን ንኣሽቱን ወይ ድማ ስንኩላን ክጥቀሙላ ይኽእሉ። እቲ ኻልኣይ ኣገባብ ድማ ምስ ብሽግለታ ብምግጣም፡ ጉልበት ዘሎዎ ክግልገለላ ዘኽእል እዩ።

***

ካልእ ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ምህዞኡ ሒዙ ዝቐረበ መንእሰይ ዳኒኤል ገዛኢ እዩ። ንሱ ሒዝዎ ዝመጸ ምህዞኣዊ ስራሕ፡ ጸረ ባልዕ መድሃኒት እትነጽግ መሳርሒት እዩ። ቅድሚ ሎሚ ብሓንቲ ኣብ ዝባንካ ተሰኪምካ፡ ውሕስነት ጥዕና ብዘይብሉ መገዲ፡ መድሃኒት ትነጽግ ዝነበረ፡ በዛ ናይ ሕጂ ዝተማህዘት መሳርሒት ግና ኣብ ሰለስተ ሜትሮ ጎድናዊ ቁመት፡ ሸሞንተ ዝነጽግ መናፈት ዘርጊሕካ፡ ብቐሊሉ ኣብ ዝኾነ እዋን ብሓይሊ መጽዓኛ እናተጐተት መድሃኒት፡



ኣቶ ዳኒኤል ገዛኢ

እትንስንስ ምህዞ እያ። በዚ ድማ ኣብ ምቕጣብ ሃልኪ ግዜን ጉልበት ሰብን ዓቢ ተራ ከም ዘለዋ ይገልጽ።



መንእሰይ ዳናይት ሃብተሚካኤል

ብመንእሰይ ዳናይት ሃብተሚካኤል፡ ዝቐረበት ምህዞ ድማ ካብ ጉንዲ ባናና ወረቐት እትምስርሕ እያ። መንእሰይ ዳናይት፡ ብዓውዲ ኬሚስትሪ ዝተመረቐት ኮይና፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ትሰርሕ ዘላ እያ። መንእሰይ ዳናይት፡ ብዛዕባ ኣቐረባቶ ዘላ ፕሮጀክት ክትገልጽ እንከላ፡ ኣብ ሃገርና ዝበዝሕ ህዝቢ ካብ ፕላስቲክ ዝተሰርሐ ፈስታል እዩ ዝጥቀም። እዚ ድማ ኣብ ብከላ ኣከባቢ ዓቢ ኣሉታዊ ተራ እዩ ዘለዎ። ነዚ ንምውጋድ ድማ ብወረቐት ዝተሰርሐ መትሓዚ (ሳኬት) ክትምህዝ በቒዓ ከም ዘላ ትሕብር።

“ኣብ ዓለም ወረቓቐቲ ካብ ኣግራብ ስለዝስርሑ፡ ኣብ ብርሰት ኣግራብ ሰፍ ዘይብል ሃሲያ ከሰዕቡ ጸኒሖምን ኣለዉን። እንተኾነ እዛ ምሂዘያ ዘለኹ መሳርሒት፡ ነቲ ድሕሪ ምህርቲ ክጎሓፍ ዝጸንሐ ጉንድን ቀጽልን ባናና ኣብ መዓላ ተውዕል ምኻና ዓቢ ብልጫ ኣለዋ።” ትብል።

ቀንዲ ረብሓታት እዛ ምህዞ ክትገልጽ ከላ መንእሰይ ዳናይት፡ ቀዳማይ፡ ብርሰት ኣግራብ ምክልኻል፣ ካልኣይ፡ ተጠቃምነት ፕላስቲክ ብምጉዳል፡ ኣከባቢ ብዘይጎድእ መትሓዚ ምፍራይ፣ ሳልሳይ፡ ምንጪ ኣታዊ ኣፍረይቲ ባናና ምስሳን ምኻኑ ተብርህ።

***

ካልእ ኣብ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ትሕዝቶኣ ሒዛ ዝቐረበት፡ ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብዓውዲ ስነ መግብን ምዕባለን ራብዓይ ዓመት ትመሃር ዘላ መንእሰይ ራንያ ኣሕመድ እያ። መንእሰይ ራንያ ብሓርጭ ሰገምን ዱማን ብሸኮቲ ክሰራሕ ከም ዝከኣል’ያ ትምህር። ዝበዝሕ ካብ ሕብረተሰብና፡ ብሸኮቲ ብሓርጭ ፊኖ ከም ዝሰራሕ’ዩ ዘፈልጥ። እዚ ድማ ጎድናኣዊ ሳዕቤን ጥዕና ዘለዎ፡ ግጉይ ልምዲ እዩ። ገለ ካብ ረብሓታት፡ እዞም ጥረ-ነገራት ብሸኮቲ ክትገልጽ ከላ፡

ሰገም ብብዝሒ ጽሕጊ ስለ ዘለዎ ዝኾነ ኣብ ነብስና ዘሎ ርስሓት ኣብ ምጽራግ ዓቢ ተራ ከም ዘለዎን ካብ



መንእሰይ ራንያ ኣሕመድ

ኮለስትሮል ናጻ ብምኻኑ ድማ ኣብ ምክልኻል ሕማም ሸኮርያ ወሳኒ ተራ ከም ዝጻወት ትገልጽ። ዱማ ድማ ብዙሕ ማዕድናት ከምኒ ፖታሽዩም፡ ካልሽየምን ፎስፎረስን ስለ ዝውንን፡ ኣብ ምህናጽ ኣካላት ቁልዑን ምድልዳል ኣዕጽምትን ኣስናንን ዓቢ ተራ ኣለዎ። ብተወሳኺ እኹል ዝኾነ ትሕዝቶ ሓጺን ስለዝውንን ካብ ሕማም ኣነምያ ይከላኸል።

***

ብተመሳሳሊ ተመሃራት ዓውዲ ስነ መግብን ምዕባለን፡ ራብዓይ ዓመት



መንእሰይ ዲቦራ የብዮ

ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዝኾነት መንእሰይ ዲቦራ የብዮ እያ። መንእሰይ ዲቦራ፡ ካብ ጻህያይ ባሕሪ ዝተመስርሐ ግሪሲኒ እያ ኣዳልያ። ኤርትራ፡ ሓንቲ ካብተን ብጸጋታት ባሕሪ ዝሃብተማ ሃገራት እያ። ሕርሻ ጻህያይ ባሕሪ ኣብ ሃገራት እስያ፡ ብሰፊሑ ይካየድ እዩ። ኣብ ሃገርና ግን ጻህያይ ባሕሪ ከም መመስርሒ ባህርያዊ ድኾሚ ጥራይ ኢና ክንጥቀመሉ ጸኒሕና። እንተ ኾነ እዚ ኣብ ገማግም ባሕሪ ብብዝሒ ዝርከብ ጸጋ ክንምዝምዞ ዘለና ሃብቲ እዩ። ቁጽሊ ጻህያይ ባሕሪ ተጣሒኑ ከም መግቢ ክዳሎ ዝኽእል እዩ።

ካልኣይ ሃገራዊ ውድድር ምህዞን ሰንዓን፡ ካብ ሃገር ክሳብ ዞባታት፡ ሽማግለታት ብምጅምር፡ ብዕቱብ ክሰረሓሉ ጸኒሑ እዩ። ከም መርኣያ ናይዚ ስራሕ ድማ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ብርክት ዝበለ ምህዞን ሰንዓን ንምርኢትን ውድድርን ቀሪቡ። ዞባ ማእከል 64፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 15፡ ዞባ ጋሽ ባርካ 9፡ ዞባ ዓንሰባ 8፡ ዞባ ደቡብ 8፡ ዞባ ደቡብዊ ቀይሕ ባሕሪ 2 ፕሮጀክትታት፡ ብሓፈሻ 106 ስርሓት ምህዞን ሰንዓን ንምርኢት ቀሪቦም። ካብዚኦም እቶም 58 ፕሮጀክትታት ብቑልዑ ዝቐረቡ እዮም ነይሮም። 53 ድማ ኣብ ኤለክትሮኒካዊ ምህንድስና፡ 18 ኣብ ኬሚካዊ ወይ ቀመማዊ ምህንድስና፡ 7 ኣብ መካኒካዊ ምህንድስና፡ 7 ኣብ ኮምፕዩተራዊ ምህንድስና፡ ሓደ ድማ ኣብ ሲቪላዊ ምህንድስና ዝቐረቡ ፕሮጀክትታት ንምርኢትን ውድድርን ቀሪቦም።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ምርኢትን ውድድርን፡ ንዕዉታትን ተሳተፍትን ሸልማትን ናይ ተሳትፎ ወረቐት ምስክርን ካብ ላዕለዎት ሰብ መዚ መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበርን ክወሃብ እንከሎ፡ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባ ሃማመቱኤ ዞባ ማእከል ድማ ዝተፈላለየ መሰናድኦታት ኣቕሪባ።

***

ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ እተመርጹ ፍርያት

"ምድንፋዕ ሕርሻዊ ዋኒን ንዘላቒ ስርዓተ መግቢ"

ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ኣብ ትሕቲ "ምድንፋዕ ሕርሻዊ ዋኒን ንዘላቒ ስርዓተ መግቢ" ዝብል ቴማ፡ ብ24 ሚያዝያ 2024፡ ኣብ ኣደራሽ ሃ.ኮ.ሰ.ኤ. "ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ እተመርጹ ፍርያት" ኣቃኒው ነይሩ።



ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና

ኣብቲ ዋዕላ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ፡ ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ መሻርኽቲ ልምዓት፡ ክኢላታት ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን፡ ኣፍረይቲ መግቢ፡ ሓረስቶትን ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ መኽፈቲ እቲ ዋዕላ፡ ንሚኒስተር ሕርሻ ወኪሉ ቃል ዘስምዐ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፡ ሕርሻ ኣብ ኤርትራ ዓንዲ ሕቑ መነባብሮ ሰፊሕ ክፋል ህዝብና ምኳኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ዋዕላ ብሓፈሻ፡ ዓለምለኻዊ ተበግሶ ንምርግጋጽ ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ድማ ብፍላይ፡ ከም እምነ-ኩርናዕ ንዘላቒ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ዝውሰድ ምኳኑ ጠቒሱ። እዚ ተበግሶ ኣሳታፊ፡ ዘላቕን ተጻዋርን ስርዓተ ሕርሻ ከምኡ'ውን ውሁድ ህዝባውን ብሕታውን ወፍሪ ኣብ ምምዕባል ዘሎዎ ተራ ዓቢ ምኳኑ ድማ ኣስሚርሉ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ሚስ ናህላ ሻልጂ ብወገና፡ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዘሎ ሓባራዊ ዕዮ ንምዕዋት ሽቶታት ዘላቒ ምዕባለ ብምምሲጋን፡ እዚ መድረኽ ንዘተ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ጭቡጥ ሓበሬታ እተመርኰሰ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ንምሕያል ዝዓለመ ምኳኑ ሓቢሩ።



ሚስ ናህላ ሻልጂ

ኣብ ሕርሻ፡ ስርዓተ መግብን ገጠራዊ ልምዓትን ዝግበር ሓባራዊ ተበግሶታት፡ ኣብ ሰብኣውነት ዝግበር ወፍሪ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ነዚ ዕላማ ንምውቃዕ ድማ ሕቡራት ሃገራት ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዘሎዎ ጽምዶታት ከሐይል ምኳኑ ኣረጋጊጹ።



ዶ/ር ወልዳይ ፍጡር

ሓላፊ ማእከል ወፍሪ ኤርትራ፡ ዶ/ር ወልዳይ ፍጡር ኣብ ዘስምዖ መልእኽቲ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ ማእከል ዝገበረ ናይ ልምዓት ስትራተጂ ከም ዝኽተል ብምግላጽ፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ድማ ኣብ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ሕርሻን ልዑል ወፍሪ ከም ዝገበረ ገሊጹ። እቶትን እቶታውነትን ሕርሻ ንምዕባይ፡ ምምዕባል ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ኣገዳሲ ምኳኑ ብምጥቃስ ድማ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ንምትብባዕ፡ ምስ መሬት፡ ፋይናንስ፡ ናውቲ፡ ዓያዩ ጉልበት፡ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ስርዓተ ሓበሬታ ዝተሓሓዙ ጉዳያት ብኣተኩሮ ክስርሓሎም ከም ዘድሊ ኣስሚርሉ።





ሚስ ፋራዩ ዚሙድዚ

ኣወሃሃዲት ውድብ መግብን ሕርሻን ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ሚስ ፋራዩ ዚሙድዚ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺባ፡ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ውድብ መግብን ሕርሻን ብምትሕብባር ንዝለዓለ ዋኒንን ወፍርን ሕርሻዊ ፍርያት ኣለልዩ ምምራጹ መገሳ።

ንሳ ወሲኻ፡ እዚ ሓበራዊ ተበግሶ ኣብ ሰንሰለት ክብሪ ንዝርከቡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብምሕቋፍ፡ ምህርቲ ብዘዕብይን ብኽነት ብዘጉድልን ኣገባብ ምስ ዝትግበር፡ ዓብይ ውጽኢት ዘምጽእ ምኻኑ ሓቢራ። ኣብ መወዳእታ፡ ሚስ ፋራዩ፡ ሕርሻዊ ሰንሰለት ክብሪ ቁጠባዊ ኣገዳስነት ዋራይ ዘይኩነ፡ ቁጠባዊ ዕብየትን ማሕበራዊ ኩነታትን ዘደንፍዕ ከምኡ'ውን ዘላቒ ልምዓት ዘውሕስ ምኻኑ ኣስሚራትሉ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ ኣገባብ ኣቀራርባ ልምዓት ንሕርሻዊ ዋኒንን ሰንሰለት ክብርን፡ ዓለምለኻዊ ሓባራዊ ተበግሶ፡ ጸብጻብ ሓባራዊ ተበግሶ ኣብ ኤርትራ፡ ኣገባብ መስርሕ መጽናዕትን ዝተረኽበ ውጽኢትን፡ ተመኩሮ ሃገራት ዛምብያ፡ ዚምባብዌ፡ ሳኡ-ቶም ፕሪንሲፕን ኣብ ዓለምለኻዊ ሓባራዊ ተበግሶ፡ ንወፍሪ ዝዓለመ መጽናዕቲ ሰንሰለታዊ ክብሪ፡ ውጥንን ዋኒንን ኣብ ፍርያት ባናና፡ ድንሽ፡ በለስ፡ በርበረ፡ መዓር፡ ልምዓት ደርሆን እንቋቑሑን፡ ንኣሽቱ ዓሳታት (ኣንቾቪ) ዘተኩሩ ወርቓቕቲ ቀሪቦም።

ብተወሳኺ፡ "ምቅልጣፍ ሓጀፊ ቁጠባዊ ዕብየት፡ ብመገዲ ስትራተጅያዊ ወፍሪ ኣብ ጽላት ሕርሻ" ኣብ ዝብል መዛተዪ ዛዕባ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን፡ መሬትን ማይን ኣከባብን ከምኡ'ውን ወከልቲ ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራትን ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃን እተሳተፉዎ ሰፊሕ ሓባራዊ ዘተ ተኻዪዱ።



ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም ኣብ ዘስምዖ መዛዘሚ ቓል፡ ንዕላማ ናይዚ ዋዕላ ንምዕዋት ንዘጸዓቱ ኣካላት ድሕሪ ምምስጋን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ውድብ መግብን ሕርሻን ብምትሕብባር፡ ኣብዞም እተመርጹ ሕርሻዊ ፍርያት ኣበጊስዎ ዘሎ መደብ ብዝለዓለ ክደፍኣሉ ምኻኑ፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ድማ ምትሕብባሮም ከዕዝዙ ተላብዩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብቶም ዝቐረቡ ሕርሻዊ ፍርያት ዘተኩረ ሕርሻዊ ምርኢት ብኣብነታውያን ሓረስቶትን ኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራን ቀሪቦም ነይሮም።

***

ኣቕረብቲ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ



ኣቶ ምስግና ዑቕባስላሴ



ኣቶ ዛይድ ተኽለ



ሚስተር ካዝ ፉጁዋራ



ኣቶ ኤርምያስ ኣስመላሽ



ወ/ት ሳሮን የማነ



ወ/ት ቤተሳይዳ ስብሀትለኣብ



ኣቶ ካሕሳይ ነጋሽ

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቕሊ

"ኣገዳስነት ጥዕና፡ ብቕሊ ንውሁድ ጥዕና"

12 ግንቦት፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቕሊ፡ ብደረጃ ዓለምን ሃገርናን ንራብዓይ ግዜ ተዘኪራ ውዒላ። ሎሚ ዓመት፡ "ኣገዳስነት ጥዕና ብቕሊ ንውሁድ ጥዕና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ላዕለዎት ሓለፍትን ክኢላታትን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ወከልቲ ውድብ መግብን ሕርሻን ዝምልከቱን ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ዕዱማት ኢጋይሽ እተሳተፉዎ፡ ብዕለት 13 ግንቦት 2025፡ ኣብ ኣስመራ፡ ብእተቓንዐ ዓውደ ዙት ተዘኪራ ውዒላ።

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቕሊ ኣብ ዝበዓለሉ እዋን፡ ጥዕና ብቕሊ፡ ከም ኣካል "ውሁድ ጥዕና" (One Health Framework)፡ ኣብ ልዕሊ ህይወትን መነባብሮን ዘሎዎ ወሳኒ ግደ ምዝኻር የድሊ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብኢጋጣሚ ዝኽሪ እዛ ዕለት፡ ነቶም በብእዋኑ ኣብ ዓለምና ዝኽሰቱ ባልዓት ብቕሊ፡ ንጥዕና ወዲ ሰብ ስለ ዝጸልዉ፡ ምስ መሻርኽቲ ብምኻን፡ ነቶም ዘለዉ ባልዓት ብቕሊ ሓደስቲ ድማ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ንኽይኣትዉ፡ እንታይ ቅድመ-ጥንቃቐ ክግበር ከም ዘለዎ፡ ዘለዉ ብድሆታት ብኽመይ ናብ ዕድላት ይልወጡ፡ ዝብሉ ኣርእስትታት ብምልዓል ዘትዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ኣብ ዘስምዖ



ወግዓዊ ቓል ናይቲ መዓልቲ፡ ቅርጺ መሬት ኤርትራ ብብዙሕነት ክሊማዊ ለውጥታት ስለ ዝልለ፡ ብእኡ መጠን ድማ ንሕርሻዊ ንጥፈታትን ጥዕና ብቕልን ብዙሕ ዕድላትን ብድሆታትን ዝፈጥር ምኻኑ ጠቒሱ። ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ ዝሓለፉ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ እቲ ሚኒስትሪ ንጥፈታት ጥዕና ብቕሊ ንምሕያል፡ ኣብ ምክልኻልን ቁጽጽርን ኣንበጣ ምድረ በዳን ኣንበጣ ገረብን፡ ሳጋሚ ባርናስ ቀውዒ፡ ምሕያል ስርዓተ ውሽባ ብቕሊ፡ ምትእትታውን ምሕያልን ውሁድ ምሕደራ ባልዓት፡ ከምኡ'ውን ምምዕባል ደርቅን ሕማማትን ዝጸወሩ ኣእካል ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ወፍርታት ተጸሚዱ ክሰርሕ ከም ዝጸንሐ ሓቢሩ።

ንውድብ ሕርሻን መግብን ኣብ ኤርትራ ወኪሉ ቃል ዘስምዐ ኣቶ ሰዩም ጠዓመ ብወገኑ፡ ጥዕና ብቕሊ ዘውሕስን ዘላቕነት ዘሎዎን ሕርሻዊ ኣካይዳታት፡ ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ቅድሚት ዝሰርያ ዕማም ምኻኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ተልእኾ ምውጋድ ጥሜት፡ ምምሕያሽ ኣመጋግባ ከምኡ'ውን ዝምልከቱም ክኢላታት ሕርሻ፡ ጥዕናን ኣከባብን ብዘዋስእ ኣገባብ ብመገዲ ውሁዳት ኣገባባት ስራሕ ኣቢልካ ዘላቕነት ጽላት ሕርሻ ምድንፋዕ ምኻኑ ኣብሪሁ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ብድምር ሓሙሽተ መጽናዕታዊ ወረቐቕቲ ቀሪቡ። ድሕሪ ዝቐረበ መጽናዕታዊ ወረቓቕትን፡ ሓባራዊ ዘተን፡ ተሳተፍቲ ኣብ ልዕሊ ዝቐረቡ ኣርእስታት ድሕሪ ምዝታይ፡ እዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ኣመሓላሊፎም፡

- ሓደስቲ ባልዓት ዶብ ሰጊሮም ናብ ሃገርና ንኸይኣትዉ ልዑል ቁጽጽር ክግበር፣
- ብሰንኪ ምድካይ መሬት፡ ጸህያይ ጉልሒንጣ የስፋሕፍሕ ስለ ዘሎ ዕቱብ ክትትል ክግበረሉ፡
- ስሩዕን ዕቱብን ኮለላታት ኣብ ናይ ባናና፡ ማንጉስን ተምርን ባልዓት ክካየድ፡
- ውህደት መሻርኽቲ ኣካላትን ትካላት ምርምርን ዝያዳ ክሰጥም
- ንጥዕና ብቕሊ ዝምልከት ጉስጓሳት ብቑጻሊ ክካየድ (ብፍላይ ድማ ንሓረስቶት)
- ዓለምለኻውን ዞባውን ምልውዋጥ ሓበሬታ ክሕይል
- ብውጽኢት ምርምር እተሰነየ ባህርያዊ ኣገባብ ጸረ-ባልዕ ክድፍኣሉ ዝብሉን ካልኦትን ይርከብዎ።



ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ

"ድሕነት መግቢ፡ ስነ ፍልጠት ብተግባር"

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ (7 ሰነ)፡ "ድሕነት መግቢ፡ ስነ ፍልጠት ብተግባር" ብዝብል ቴማ ብ10 ሰነ፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከል መዘናግዒ ዓዲ ሓውሻ፡ ዓውደ ዘተ ብምክያድ ኣብዒልዋ። ኣብቲ ዓውደ ዘተ፡ ካብ መላእ ሃገር ዝተዋጽኡ ወከልቲ ሓረስቶት፡ ትካላት ኣመስራሕቲ መግቢ፡ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ዞባዊ ቍጽጽርን ዕዱማት ኣጋይሽን ተሳቲፎም።

ኣብ መኽፈቲ'ቲ ዓውደ ዘተ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ድሕነቱ ዘይተሓለወ መግቢ፡ መግቢ ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ ጥዕና ሕብረተሰብና ንምሕላው ካብ ኣፍረይቲ ጀሚርካ ክሳብ ተጠቀምቲ ኣብ ዘሎ መስርሕ፡ ድሕነቱን ጽሬቱን ዝተረጋገጸ ክኸውን ከም ዝግባእ ሓቢሩ።

ኣቶ ምስግና ኣስዒቡ፡ ምሕላው ድሕነት መግቢ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝሓንጸጾ ስትራተጂ 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ' ንምብጻሕ፡ ኣፍረይትን ኣመስራሕቲ ትካላትን ኣብ ዘካይድዎ ንጥፈታት፡ ድሕነቱ ዘሓለወ ክኸውን ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

ወኪል ውድብ ሕርሻን መግብን ኣብ ኤርትራ፡ ኣቶ ሰዩም ጠዓመ ብወገኑ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ እቲ ውድብ፡ 'ሕቶ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ፡ ንመሰረታዊ መሰል ወዲ ሰብ ዝምልከት ጉዳይ ደኣ እምበር ሕቶ ምኾትን ሕንቃቕን ኣይኮነን' ኣብ ዝብል መትከል ኣተኩሩ ይሰርሕ ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ፡ ምስ ህዝባዊ ጥዕና ጥራይ ዘይኩነስ ምስ ቁጠባዊ ርትእነት፡ ማሕበራዊ ምዕሩይነትን ዘላቕነት ልምዓት ዝተኣሳሰር ዕማም ምኻኑ ኣብሪሁ።

ወኪል ዓለምለኻዊ ውድብ ጥዕና ኣብ ኤርትራ፡ ዶ/ር ኖንሶ ኢጂዮፎር ብወገኑ፡ ውሕስነት መግቢ ብዛዕባ ምሕላው ጥዕና ጥራይ ዘይኩነ፡ ምርግጋእ ቁጠባ፡ ማሕበራዊ ርግኣት፡ ቀጻልነት ምዕባለን ከም ዘረጋግጽ ብምጥቃስ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ምኻኑ ኣብሪሁ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ዓውደ ዘተ፡ ብዛዕባ ኣብ ኮለጅ ማይ ነፍሒ ንተመሃሮ ሳይንስ ዝቐርብ ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ መግቢ፣ ውሑስ ኣከባቢ ንውሑስ ድሕነት መግቢ፣ ኣተሓሕዛ መግብን ጽሬቱን ኣብ መውዓሊ ህጻናት ሚኒስትሪ ሕርሻ-ቪላጆ፣ ጽልዋ ከበድቲ ማዕድናት ኣብ እተመርጹ ኣሕምልቲ ኣብ ከባቢ ኣስመራ፣ መዓልቱ ዘሕለፈ መግቢ - ጉዳይ ምሕደራኡ፡ ቍጽጽሩን ድሕነቱን፣ ተራ ስነፍልጠት ኣብ ድሕነት መግቢ ዝብሉ ሸዱሽተ ኣርእስትታት ብሰብ ሞያ ወረቓቐቲ ቀሪቦምን ዓሚቕ ዘተ ተኻዪዱሎምን። ኣብ ርእሲኡ፡ ምስ ቴማ ናይቲ መዓልቲ ዝሳነ ሓባራዊ ዘተ'ውን ተኻዪዱ።

***





ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን

"መሬት ናብ ንቡር ንምለሰ፡ ዕድላት ኣይነባኽን"

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብምኽንያት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን፡ "መሬት ናብ ንቡር ንምለሰ፡ ዕድላት ኣይነባኽን" ብዝብል ቴማ፡ ብ17 ሰነ 2025 ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ሆቴል እምባሶይራ ዓውደ ዘተ ወዲቡ። ኣብቲ ዓውደ ዘተ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ፡ ክኢላታት ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ መሬትን ማይን ኣከባብን፡ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንሰሳ ዘገዳምን፡ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ወከልቲ ናይ ሰራሕ መሻርኽቲ፡ ማሕበራትን ሓረስቶትን ዝርከብዎም ዕዱማት ተሳቲፎም።



ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም ኣብ ዘስምዖ መኽፈቲ ቃል፡ ምድካይ መሬትን ደርቅን እቶም ቀንዲ ማሕንቆታት ምህርቲ ሕርሻን መግብን ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፣ ደርቅን ምስፍሕፋሕ ምድረበዳነትን ንክሊማዊ ለውጢ፡ ምንቁልቋል ህይወታዊ ብዙሕነት፡ ግርጭት ኣብ ተጠቃምነት ፍርያም መሬትን ማይን ዝኣመሰሉ ኣሉታውያን ተርእዮታት ከም ዘተባብዑ ኣብሪሁ። መሬት ናብ ንቡር ንምምላስ እምበኣር፡ ነዞም ብድሆታት ብምቕልባስ፡ ሰፊሕ ዕድላት ልምዓት ምፍጣር ምኻኑ ኣብሪሁ።

ኣቶ ሰመረ ወሲኹ፡ ኤርትራ ሃገርና ከም እምነ ኩርናዕ ስትራተጅያዊ ፖሊሲኣ ሒዛ ትሰርሓሉ ዘላ መደብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን፡ ሳላ ውሁድ ውዳበ ህዝቢ፡ ተመሃሮ፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ማሕበራትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣብ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን ኣተባባዒ ገስጋስ ተመዝግብ ከም ዘላን ንመጻኢ ወለዶ ብእወታ ዝጸሉ ባይታ ተንጽፍ ከም ዘላን ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ዓውደ ዘተ፡ ቅሩብነትን ተመኮሮን ኤርትራ ኣብ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን፡ ስርዓተ ኣጠቓቕማ መሬት፡ መዐቀኒታት ምዕቃብን ናብ ንቡር ምምላስን ዝደኸየ መሬት፡ ተራ ምግራብ ኣብ ሕውየት መሬት፡ ገምጋም ጽልዋ ኣከባቢ ኣብ ሕርሻዊ ቦታታት፡ ኣብነታት ኣጠቓቕማ ሚላታት ስርዓተ ሓበሬታ (ጂኡ-ስፓሻላዊ) ምሕደራ መሬት፡ ተራ ተኽሊ ተምሪ ኣብ ሕውየት ዝደኸየ መሬት ዝብሉን ካልኦት ኣርእስትታትን ዘጠቓለለ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ብኽኢላታት ቀሪቦም ነይሮም።

ኣብ ውሽጢ መቓን ተመኮሮ ኤርትራ ንዝርኣየ ዕድላት ምስ እንምልከት ከኣ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን ካብ ቀዳምነታት ፖሊሲ ኤርትራ እዮም። ኮም ዝሰረቱ ሃገራዊ ወፍሪ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ብፍላይ ከኣ ንተማሃሮ፡ ኣባላት ሰራዊትን ህዝብን ብመልክዕ ውዳበታት ማእቶትን ዕማማት ዘሳትፍ ብምኻኑ፡ ዝያዳ ውጽኢት ክርከቦ ይኽእል። ድሕሪ ናጽነት እተሰላሰሉ ዕማማት ዝያዳ ሕውየታዊ ጽልዋ ንምፍጣር ደረኽቲ ምኻኖም'ውን ካልእ ዝተጠቕሰ ጉዳይ'ዩ።

ኣብቲ ዓውደዘተ እዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ቀሪቦም፦

- ሓመድ ንምዕቃብ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ብዝለዓለ ክድፍኣሉ
- መበቁላውያን ኣግራብና ንኽይበርሱ ልውል ጥንቃቐን ምክልኻልን ክግበር፡
- ስርዓተ ማሕድሮ፡ ባህላውን ቅርሳውን ዝኾኑ ቦታታት ክልለዩን ፍሉይ ክንክን ክግበረሎምን፡፡
- ብደረጃ ሃገር፡ ንሓባራዊ ምዕባለ ውጥን ኣጠቓቕማ መሬት ክንደፍ፣
- ዓሌት ሳዕሪ ሓርማዝ ዝኾነ ጃንካዎ ክድፍኣሉ፡
- ደርቂ ንምምካትን መኣዛዊ መግቢ ንምውሓስን ንዝተሓንጸጹ ናይ 5 ዓመታት ስትራተጂያዊ ውጥን "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ" ብሓባር ምስራሕ፡
- ከምዚ ዓይነታት ዓውደ ዘተ ኣብ ዞባታት ወሪዱ፡ ንቕሓት ህዝቢ ንምብራኽ ክስርሓሉ።

***



ንኡስን ርቡሕን ቃጽየ ሕርሻ (ንርቃሕ)

ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ

ብርሃነ ዓንደመስቀል

ስትራተጂ ንኡስን ርቡሕን ቃጽየ ሕርሻ (ንርቃሕ) ኣብ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ ኣብ ሰለስተ እብረታት ዝትግበር ሓደ ኣገዳሲ ስትራተጂ ናይቲ ሚኒስትሪ ብምኻን ካብ ዓሚ ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ውዒሉ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ብመሰረት ዝተሓንጸጸ መደብ ኣብ ቀዳማይ እብረ ማለት ኣብ ክራማት ብዝተኻየደ ንጥፈታት ኣብ ዞባ ማእከል፡ ዞባ ደቡብ፡ ዞባ ዓንሰባን ዞባ ጋሽ ባርካን ዝተሰርሐ ስርሓት ዘተባብዕ ውጽኢት ተረኺቡዎ ስለ ዘሎ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ክራማት'ውን ብዝለዓለ ክድፍኣሉ ይግባእ።

ናይ ዓሚ ውጽኢት ምስ እንርኢ፡ ውጽኢት ምህርቲ ቀዳማይ እብረ መደብ ንርቃሕ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ቃጽየ ዝለዓለ ኣብ ስርናይ 9.7 ኩንታል፡ ዕፉን 9.5 ኩንታል፡ ስንም 4.2 ኩንታል፡ መሸላ 7.3 ኩንታል፡ ብልቱግ ድማ 2.3 ኩንታል ከም ዝተረኽበ ተሓቢሩ።

ወኪል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስራት ሃይለ ብዛዕባ እቲ ዝተኻየደ መደብ ክገልጽ እንከሎ፡ ኣብ 2023 መደብ ንርቃሕ ንምትግባር ብዝተዋህበ መምርሒ መሰረት፡ ኩሎም ኣባላት ኣብ ቅድመ ግንባር ብምውፋር ምስ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳር ከባቢታትን ብዝተኻየደ ጎስጓስ ሓረስቶት ነቲ መደብ ምሉእ ብምሉእ ከም እተቐበልዎ እዩ ዝገልጽ። በዚ መሰረት ድማ ዞባ ማእከል፡ ጎብለል መደብ ንርቃሕ ቀዳማይ እብረ 2024 ምኻና ይፍለጥ።

ቀንዲ ንሽልማት ካብ ዘብቀዖም ምኽንያት ድማ ነቲ መደብ ንምዕዋት ሰጡም



ኣቶ ኣስራት ሃይለ

ውህደትን ምርድዳእን ብዝዓሰሎ መንገዲ ምትግባር ምንባሩ ኣቶ ኣስራት ይሕብር።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ መደብ ንርቃሕ ንምዕዋት ኣብ ቀዳማይ ገጽ 7477 ቃጽየታት ተሓሪሱ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ዘርኢ ዕፉን ካብ ሄክታር 95 ኩንታል፡ ኣብ ስርናይ ድማ 88 ኩንታል እኽሊ ክሕፈስ ተኻኢሉ። ኣብ መጻኢ ድማ ናብ 30 ሽሕ ከም ዘዕብይዎ እዩ ዝገልጽ ኣቶ ኣስራት።

ኣብዚ ልምዓት ዝተሳተፉ ክኢላታት ሕርሻ ብወገናም ምስ ሓረስቶት ብምውህሃድ ነዚ መደብ ንምዕዋት ሓያል ጻዕርታት ኣካዪዶም እዮም።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ሓላፊ ቤ/ጽ ሕርሻ ንኡስ ዞባ በሪኽ ኣቶ ማጆር መንግስተኣብ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ቀንዲ ምንጪ ቀዳማይ



ኣቶ ማጆር መንግስትኣብ

ደረጃ ዓወት መደብ ንርቃሕ ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ እቲ ኣብ ሓረስቶት እተገብረ ልውል ጎስጓስ ልውል እምነት ብምፍጣሩን ልውል ውህደት ክኢላታትን ሓረስቶትን ድማ ምንባሩ ይገልጽ።

***

ኣብ ልምዓት ንኡስ ርቡሕን ቃጽየ ሕርሻ እትሳተፉ ገለ ኣብነታውያን ሓረስቶት ዝሃቡዎ ምስክርነት ይስዕቡ፦

ሓረስቶት ብወገናም፡ እዚ መደብ ሃልኪ ጉልበት ከም ዘጉድለሎም፡ ንጻህያይ ብእዋኑ ክኣልዩን ግራቶም ድማ ብግቡእ ከመሓድሩን ከም ዝኸኣሉን'ዮም ዝምስክሩ። ንሳቶም ኣስዒቦም ካብቲ ቅድሚ ሎሚ ዘእትዉዎ ዝነበሩ እቶት፡ ብመንገዲ ንርቃሕ ብዕጽፍታት ከም ዝዛይድ ይገልጹ።



ኣቶ ኣማኑኤል ዮሃንስ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ በሪኽ ካብ ዓዲ ገብሩ ሓረስታይ ኣማኑኤል ዮሃንስ ነቲ ዝተኣታተወ ንኡስን ርቡሕን ቃጽየ ሕርሻ ተቐቢሉ ኣብ ግብሪ ብምውዓሉ፡ ካብቲ ቅድሚ ሎሚ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ኣገባብ ሕርሻን ሕጂ ዝረኸቦ ፍልልይን ክገልጽ እንከሎ፡ "ቅድሚ ሎሚ፡ ኣብዛ ትርእዩዋ ሓደ ሽሕ ትርብዒት መሬት ብባህላዊ

ኣገባብ ኣብ ዝሓርሰሉ ዝነበርኩ እዋን ንሸዊት እዋመላ ነይረ። ካብኡ ሓሊፉ ድማ እንተረኸብኩ ካብ ሓደ ኮንታል ኣይሓልፍን እዩ ነይሩ። ሕጂ ግን ሳላ ሓያል ጎስጓስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ሕርሻ ተጠቃማይ መደብ ንርቃሕ ብምኻን ኩሉ እቲ ንሓንቲ ግራት ዘድልያ ብምምላእ ዕፉን ዘሪአ ልዕሊ 9 ኮንታል ዕፉን ረኺቡ። ከይተጸገምኩ ኸኣ ቀለብ ዓመተይ ረኺቡ።” ክብል ገሊጹ።

***



ኣቶ ዮሴፍ ተኽለማርያም

ሓረስታይ ዮሴፍ ተኽለማርያም፡ ሓደ ኻብቶም በዚ መደብ ዕዉታት ዝኾኑ ሓረስቶት ኩይኑ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲኻላ ምምሕዳር ከባቢ ቅስሞ ደንጎሎ ይነብር። ንሱ ንዝረኸቦ ዓወት ክገልጽ እንከለ፡ “ሳላ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ጎድኒ ሓረስቶት ብምስላፍ፡ በብእዋኑ እቶትን እቶታውነትን ንምኽዕባት ዘካይዱልና ጎስጓሳትን ኣስተምህሮን ከምኡ’ውን ቀረብ ምሩጽ ዘርኢ ንመደብ ንርቃሕ ሓንቲፉ ኢልና ኢና ተቐቢልናዮ። ተቐቢልና ብመሰረት ዝተዋህበና መምርሒ ድማ ብመደብ ብምዝራእ፡ ግራውትና ብምድኳን ብምልስላስን ካብ 800 ትርብዒት መሬት 9 ኮንታልን 70 ኪሎ ግራምን ስርናይ ክሓፍስ በቒዐ። ካብተን ዝተረፋ 200 ትርብዒት ሜተር ድማ ዝተፈላለየ ኣሕምልቲ ብምዝራእ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ፍርያተይ ናብ ዕዳጋ ብምሻጥ ጽቡቕ እቶት ክረክብ ክኢለ” ክብል ምስክርነቱ ሂቡ።

***

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ምምሕዳር ከባቢ ዒላበርዕድ መሓበሽ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ብሕርሻ እትመሓደር ኣብነታዊት ሓረስታይ ወይዘሮ ለተብርሃን መሓሪ ብወገና፡ “ቅድሚ ሎሚ ብባህላዊ ማሕረስ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ብምሕራስ ዘይጠቅም እቶት ኢና ክንረክብ ጸኒሕና፡ ኣብ ከባቢና ብዛዕባ ዘርኢ ስርናይ



ወ/ሮ ለተብርሃን መሓሪ

ኣፍልጦ ኣይጸንሓንን። ተጠቒመሉ ኣይንፈልጥን’የ። ኣብ ከበሳ ጥራይ ዝበቑል እዩ ዝመስለና ነይሩ። ካብዚ ቀረባ እዋን ግን ብኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዛዕባ መደብ ንርቃሕ እኹል ጎስጓስን ሓበሬታን ምስ ተዋህበና፡ ንዕኡ ኣብ ግብሪ ብምውዓል፡ ግራትና ደኩዕናን ኣለስሊስናን ብምዝራእ፡ ካብ 250 ትርብዒት ሜተር 2.5 ኮንታል ስርናይ ክሓፍስ ክኢለ። ጎድኑ ጎድኑ ድማ ዝተፈላለየ ኣሕምልቲ ብምዝራእ ቀለበይ ክረክብ በቒዐ” ትብል። ንሳ ኣብ ካልኣይ እብረ’ውን ብመሰረት ዝወጸ መደብ ዋረታት ብምዝራእ ቀጠሊያ ኣዳጉራን (ግሪን ግራም) ኣሕምልትን ከም ዝዘርኣት ትሕብር።

***



ዕዉት ስራሕ ወትሩ ሀያው’ዩ!

ዛንታ ኣርካን ሓረስታይ ነፍስሄር ሙሳ ዑመር

ፍናን ተኽለ



ኣብ 1940፡ ካብ ስድርኡ ኣቶ ሓጅ ዑመር ጀሃርን ኣዲኡ ወ/ሮ ራውዳ ሳልሕን ኣብ ዓዲ-ገደላ ዞባ ደቡብ ተወሊዱ። ዝተወሰነ ክፋል ህይወቱ ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ንግዲ ክነጥፍ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ1994 ናብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ከባቢ ገዛ ጎቦ ብምኻድ መሬት ተኻርዩ፡ ንጥፈታት ሕርሻ ፈሊሙ። ብዝነበሮ ወኒ ስራሕ ድማ ኣይደንየን ጽቡቕ ገሲጋስ ከመዝግብ ጀሚሩ፣ ዝተረፈ ህይወቱ ድማ ሃሙን ቀልቡን ኣብ ሕርሻ ብምትኳር፡ ሓደ ኻብቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ ሓረስቶት ሃገርና ክኸውን በቒዑ - ኣርካን ሓረስታይ ነፍስሄር ሙሳ ዑመር። መጽሔት ፍረ ጻዕሪ፡ ፈለጥቱን መቕርቡን ብምውካስ፡ ንጉዕዞ ህይወቱ ዝምልከት ትሕዝቶ ቀሪባትልና ኣላ፦

ኣርካን ሓረስታይ ነፍስሄር ሙሳ ዑመር፡ ኣድማዕኑቱን ዓውቱን፡ ብኣካል ናብ’ቲ ምስ ጠሉ ገዲፉዎ ዝኸደ ቦታ ብምዝዋር ተዓዚብካ ክትፈርዶ ዝከኣል’ዩ። ብህዝብን መንግስትን’ውን ተመስኪርሉ’ዩ። ነቲ ምስ ሃብታም ትሕዝቶኡ ድኽዩ ዝነበረ ኣብ ዓዲ ገዛ ጎቦ እተዋህቦ መሬት፡ ሳላ ጻዕሩን ሓርኮትኩቱን ሃብታም ምህርቲ ናብ ዝሕፈሶ ለሰ ሕርሻ ክቕይሮ ኣይተጸገመን። ብዘይካ’ዚ፡ ንፍስሄር ሙሳ ዑመር፡ ነቲ ባዲሙ ዝጸንሐ ከባቢኡ’ውን መስርሕ ምግራብ ብምክያድ፡ ሎሚ ክትኣምኖ ናብ ዘገርም ምድረ-ገነት ቀዪርዎ፡ መዕቁቢ ኣዕዋፍን ካልኦት እንስሳታት ዘገዳምን ኩይኑ፡ ንዓይኒ ዝማርኽ ትርኢት ኩይኑ ኣሎ።

ወዲ-ሰብ ግን ኣብ’ዛ ዓለም ነባሪ ኣይኩነን። ተወሊዱ ማለት ሞይቱ ማለት ምኻኑ’ውን ርዱእ’ዩ። ሙሳ ዑመር ድማ፡ ነቲ ንኣስታት 30 ዓመታት ዝጸዓረሉን ዝሰርሓሉን ዝዒፍ ሕርሻዊ ንጥፈት፡ ብዝግባእ ከየስተማቑሮን ናብ’ቲ ዝለዓለ ደረጃ ኩብጽሖ እናቋመተን እንከሎ፡ ብዘጋጠሞ ሃንደበታዊ ሕማም፡ ኣብ መበል 84 ዓመት ዕድሚኡ፡ ብ3 ጥሪ 2024፡ ብሞት ካብ’ዛ ዓለም ተፈልዩ። ብ4 ጥሪ 2024 ኸኣ ስድራቤቱ፡ ኣዝማዱ፡ ደቂ-ዓዱ፡ ኣዕሩኽቱን ፈለጥቱን፡ ሓለፍቲ መንግስቲ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ካልኦትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ሰዓት 11፡00 ቅ.ቐ ኣብ ዓዲ-ጓዕዳድ ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ሓመድ ለቢሱ። ሞት ሙሳ ዑመር፡ ኑቶም ብቐረባ ዘፈልጥዎ፡ ብሕልፊ ድማ ኑቶም ብጉልቡቶምን ካልእን ብቐረባ ተጠቕምቲ ሕርሻኡ ዝነበሩ ደቂ-ዓዱን ከባቢኡን፡ መሕደሪ ሸሕ ስለ ዝሞቶም፡ ኣመና’ዩ ኣሰንቢድዎም። ሙሳ ዑመር፡ ብዓዲ፡ ምምሕዳር ከባቢ፡ ንኡስ ዞባ፡ ዞባን ሃገርን ደረጃ ኣብነታዊ ሓረስታይ ዘብሎ ደረጃን ዓቅምን ኣመዝጊቡ’ዩ ሓሊፉ። እቲ ንሱ ዝጀመሮ ገዚፍ ወፍሪ ሕርሻ፡ ብዝግባእ ዓብዩን ሰሲኑን፡ ናብ’ቲ ንሱ ዝሓልሞን ዝጽዕረሉን ዝነበረ ደረጃ ተሰጋጊሩ፡ ኣብ ረብሓ ደቂ-ዓድን ሃገርን ንኽውዕል ግን፡ ገና ሓያል ኒሕን ተወፋይነትን ዝሓትት ዕዮ ገዛ እዩ።

ኣርካን ሓረስታይ ነፍስሄር ሙሳ ዑመር ኣቐዲሙ ንተመኩሮ ስራሑን ዓወታቱን ኣመልኪቱ ኣብ ተለቪዥን ኤርትራ ኣብ እትፍኖ መደብ ፍረ ጻዕሪ ቃለመጠይቕ ኣካይዱ ነይሩ። መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ብወገና፡ ንኣብነታዊ ስራሓቱን ኣበርክቶኡ ኣብ ሕብረተሰብን ንምዝካር ጽማኞ ናይቲ ቀዲሙ ዘካየዶ ቃለመጠይቕን ድሕሪ ሞቱ ናይ ቀረባ ፈለጥቱ ዝሃብዎ ቃለ-ምስክርነትን ብምውካስ ንኣንበብታ ዘዳለወቶ ጽሑፍ ይስዕብ፦

***

ኣቶ ሙሳ ሓጅ ዑመር ጀሃር፡ ካብ ኣቦኡ ኣቶ ሓጅ ዑመር ጀሃርን ካብ ኣደኡ ወ/ሮ ራውዳን ሳልሕን ኣብ 1940 ኣብ ዓዲ-ገደላ ዞባ ደቡብ ተወሊዱ። ኣብ ኣስመራ ኣብ ሸቐጥ ክነጥፍ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ1994 ናብ ዓዲ ገዛ ጎቦ ብምምጻእ ኣብ’ቲ ከባቢ ዝርከብ፡ ‘ማይ ዓለቐቲ’ ዝበሃል መሬት ብክራይ ከልምዕ ንደቂ-ዓዱ ተወኪሰዎም። ደቂ-ዓዱ ብጽቡቕ ተቐቢሎም፡ ‘ርኹብ ኣይትሰኣን’ ብምባል፡ ነቲ ዝጠለቦ መሬት ማይ ዓለቐቲ ከልምዮ መርሕሉ። ነቲ ናይ ሕርሻ መሬት፡ ቅድሚ ኣቶ ሙሳ ምምጽኡ፡ ን16 ሓረስቶት ደቂ ዓዲ ከልምዕዎ ተዋሂቡዎም ነይሩ’ኳ እንተነበረ፡ ከም’ቲ ዝድለ ከልምዕዎ ኣይከኣሉን። መንግስቲ ነቲ መሬት ንኻልኦት ብዝግባእ ከልምዕዎ ዝኽእሉ ክህቦም ምኻኑ ሓቢሬታ ምስ በጽሑም፡ ንኣቶ ሙሳ ዑመር፡ መሬት ዓድኻ’ዩ ኣልምዓዮ ክብሉ ሃብዎ። ኣቶ ዑመር ከኣ፡ ወላዲኡ ሓረስታይ’ኳ እንተ ነበረ፡ ንሱ ግን እንትርፎ ድሌት፡ ተሞኮሮ ዘይብሉ ክነሱ፡ ተቐቢሉ ከልምዮ ተበገሰ። ብጽቡቕ ከልምዮ’ውን ከኣለ። ድሕሪ ገለ መኻልፋት፡ እንደገና ኣብ 2006፡ ነቲ መሬት፡ ብዝግባእ ሓሪሱን ኣለሳሊሱን ንዘርኢ ድሉው ገበሮ። ዝኣክል ዘርኢ ስለዘይነበሮ ግዳ፡ ናብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ክኸይድ ወሲኑ። ኣብ ሓልሓለ ዝነበረ ሱዳናዊ ክኢላ ዘራእቲ፡ ምስ ዓወት ዝተባህለት ጸሓፊቱ ናብ ግራቱ ብምምጻእ ከኣ፡ ነቲ ድሉው ዝገበሮ መሬት ተዓዘብዎ። ምስ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምርድዳእ ድማ 20 ኩንታል ዘርኢ ስርናይ ተዋሂቡ፡ ዘርኡ። ካብኡ ጀሚሩ ድማ፡



ንሕርሻ ክመልኮን ክፈትዎን ጀሚሩ።

“ዋላ’ኳ ብድፍኢት ደቂ-ዓደይ ናብ ሕርሻ እንተኣተኹ፡ ምስ ግዜ ግን ተሞኮሮ እናደለብኩ ስለ ዝመጻእኩ፡ ኣብነታዊ ሓረስታይ ተባሂለ ኣብ’ዚ ደረጃ’ዚ ክበጽሕ ክኢለ’የ። ብተወሳኺ፡ ሕርሻይ ኣብ ከባቢ ምርምር ሓልሓለ ስለዝርከብ፡ ምስ ክኢላታት ሕርሻ ብቐረባ ክላለይን ጽቡቕ ደገፍ ክረክብን ዕድል ብምርካበይ፡ ነዚ ሕርሻ ከዕብዮን ብዙሕ ምህርቲ ስርናይ፡ ድንሽ፡ ዕፉን፡ ኮመደረ፡ ኣድሪ፡ ጉዕ፡ ድንሽ ወዘተ ከፍሪ በቒዐ እየ” ብምባል ኣቶ ሙሳ ዑመር ገሊጹ ነይሩ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ኣብ መላእ ሃገር ንምዝርጋሕ፡ ካብ’ቶም ብዕቱብ ዝሰርሓሎም ዘሎ ጉዳያት’የ። ነዚ ንምትግባር ድማ፡ ብቑንጹ ነቶም ኣብነታውያን ሓረስቶት ብምዕዳል፡ ነቲ ዘርኢ ከም ዝባዛሕ ክገብር ጸኒሑን ኣሎን። ኣቶ ሙሳ ዑመር ከኣ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ይኹን ሃገር፡ ካብ’ቶም ቀንዲ ኣባዛሕቲ ዘርኢ ስርናይ’የ። ብኣማኢት ኮናትል ዝቑጸር ዘርኢ ስርናይ ኣባዚሑ ንሚኒስትሪ ሕርሻ ብምርካብ ከኣ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ንሓረስቶት ተባዚሑ ክዕደልን ምህርቶም ከሰስንሉን ኣኽኢሉዎም’የ። ኩሉ ዝካየድ ስራሕ፡ ኣብ መወዳእታኡ ፍረ ንምርካብ’የ። ኣቶ ሙሳ ድማ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወቕቲ፡ ኣብ ድንሽ ካብ ሄክታር ካብ 300 - 400 ኩንታል፡ ኣብ ስርናይ ካብ ሄክታር ካብ 50-55 ኩንታል፡ ኣብ ኣድሪ ዘይቲ ካብ ሄክታር ካብ 7-12 ኩንታል እናሓፈሰ ዕዉት ሕርሻዊ ልምዓት ከካይድ ክኢሉ’የ። ብዘይካ’ዚ ኣቶ ሙሳ፡ ንጻህያይ ብመድሃኒት ዘይኩነ፡ 350 ዝበጽሑ ሰራሕተኛታት ቁጺሩ ስለ ዝጸህዮ፡ እኹልን ባህርያውን ምህርቲ ንኽሓፍስ ሓጊዙዎ’የ።

ኣብነታዊ ሓረስታይ ንፍሰሄር ሙሳ ዑመር፡ ብዘይካ’ቲ ልሙድ ፍርያቱ፡



ባህርያዊ ኣግራብ'ውን ኣካል ናይ ልምዓት ገይሩ ስለዝወሰዶ፡ ከባቢኡ ሓምላይ ክገብሮ ኣይተጸገመን። ነቲ ዳርጋ ምድረ-በዳ ዝጸንሐ ቦታ፡ ናይ ምግራብ ዕማም ብምክያድ፡ ምድረ-ገነት ክቕይሮ ክኢሉ። ኣብ'ቲ ቦታ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣግራብ ተተኺሎም ስለዘለዉ፡ ንፍስሄር ሙሳ ዑመር ምስ ሰራሕተኛታቱ ብምኻን፡ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ተንከባኺቡዎ'ዩ። ዝተወሃህደ ሕርሻ ኣብ ልምዓት፡ ወሳኒ ግደ እዩ ዘለዎ። ሓረስታይ ሙሳ ዑመር፡ ብመንግስቲ ዝተዋህቦ ክልተ ኣርሒ ቡፋሎ፡ ዕዳእን ብምምላስ፡ ኣብ'ዚ እዋን ምስ ዝኾነ ሓረስታይ ዘይርከባ ልዕሊ ዓሰርተ ዝቑጽረን ቡፋሎ ከባዝሕ በቒዑ እዩ። እዘን ቡፋሎ፡ ካብ'ቲ ሕርሻ ንመግቢ ዝኾነን ሓሰር፡ ሳዕሪ፡ ቃንጫ፡ ኣልፋ-ኣልፋ ወዘተ. እናፍረየ ስለ ዝቕልበን፡ ማይን ካልእ ዘድልየን ነገራትን'ውን ብዝግባእ ስለ ዘማልኣለን፡ ኣብ'ዚ ግዜ ብጽቡቕ ዝቕጽላ ዘለዋ'የን። ጸባእን ኮነ ርግኣእን ብዘይ መጠን ሓፊሉ፡ ጠሰመን'ውን ካብ ኮለስትሮል ናጻ ብምኻኑ፡ ብዙሕ ቍጠባዊ ረብሓታት ዘሎወን'የን። በዚ ኸኣ፡ ኣብ ኮሉ ሓረስታይ ንምብጽሐን፡ ሓደ ካብ'ቲ ሓረስታይ ሙሳ ዑመር ብህይወት ከሎ ዝጸዓረሉ ተግባር'ዩ።

ነፍስሄር ሙሳ ዑመር፡ ነዚ ዘልምያ መሬት፡ ደቂ-ዓዱ ባሪኾም ስለ ዝመርሑሉን ኣጆኻ ስለ ዝበልዎን፡ ስም ዓዲ ዘጸውዓሉ ዕዉትን ተዘካርን ሕርሻዊ ልምዓት ገዲፉ'ዩ ሓሊፉ ዘሎ። ምስክር ናይ ዓወቱ ኸኣ፡ ኣብነታዊ ሓረስታይ ተባሂሉ ክልተ ግዜ ናብ ፑጋንዳ፡ ሓደ ግዜ ድማ ናብ ኢትዮጵያ ብምኻድ፡ ተሞኮሮኡ ዘዕብየሉን ንኻልኦት ተሞኮሮኡ ከካፍልን ዕድል ክረክብ ኣኽኢሉዎ'ዩ። ሞት ሓረስታይ ሙሳ ዑመር ግን፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ዓቢ ክሳራ ምኻኑ ኣይክሓድን። ጅግና ግን፡ ታሪኹን ስራሑን ደኣ'ምበር ንሱ ስለዘይነብር፡ ንተራኡን ኣበርክቶኡን ኣብ ፍርያት ሕርሻዊ ልምዓት ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ንምዝካር፡ ንደቂ-ዓዱን ፈልጥቱን ተወኪሰናዮም ኣሎና።

***

ኣቶ ሓሰን መሓመድብርሃን ጀሃር

ምስ ሙሳ ዑመር፡ ደቂ-ሓወቦታት ኢና። ብወገነይ፡ ናይ ሓወይ ታሪኽን ልቦናን



ኣቶ ሓሰን መሓመድብርሃን ጀሃር

ገሊጸን ተንቲነን ኣይክእሎን'የ። ገሊጸካ ዝውዳእ'ውን ኣይኩነን። እዝክረኒ፡ ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ፡ ኣብ 1977፡ ዓፋን ናብ ገዝኡ መጺኡም፡ ናብ ግቢ ወሲዶምዎ። ሙሳ ንኹሉ ለዋህን ሕያዋይን ብምንባሩ ኩሉ ፈታዊኡ'የ ነይሩ። ሓደ ገባሪ ሰናይ ናብ መኪና ክሰቕልዎ ምስ ረኣዮም፡ ናብ ሓደ ፈታዊኡ ብምኻድ ነጊርሉ። እቲ ፈታዊኡ፡ ነቲ ናይ ኣጂፕ መርማሪ ዝነበረ ረኺቡ፡ ሙሳ ሰራሑ ዝናበር ሰላማዊ ሰብ ምኻኑ ነጊሩ፡ ካብ ሞት ከም ዝወጽእ ገይርዎ።

ካብ ናጽነት ክሳዕ ሕጂ፡ ንልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ብህይወት ጸኒሑ። ሕጂ ከኣ፡ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ ዝጸንሕ ሰብ ስለዘየለ፡ ወዲ 84 ዓመት ኩይኑ፡ ጽቡቕ ዕድመ ጸጊቡ ዓሪፉ ኣሎ። እዚ ዕድመ'ዚ፡ ረቢ ዝሃቦ'የ ዝረኽቦ፡ ልክዕ'የ፡ ካብ ማእከልና ብሞት ምፍላዩ ንሓዝን'ኳ እንተ ኾንና፡ ብዘይኣፈላላይ ዘሐብን ታሪኽን ዝናን ገዲፉ ምኻዱ ግን፡ ወትሩ እናተዘከረ ክነብር ስለ ዝገብሮ፡ ብሙሳ ሓውና ሕቡናት ኢና። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ንሙሳ ሓወይ ቅድሚ ሞቱ ዝገበረሉ ምትብባዕ ይኹን ምስ ሞተ ብኣካል መጺኡ ንዝገበረልና ምጽንናዕ ብልቢ ኣመስግን። ንሚኒስትሪ ዜናን ክኢላታት ሕርሻን'ውን ስለቲ ምትብባዖምን ምጽንናዖምን ምስጋና ኣቕርበሎም። ንዓድና ድማ፡ ነዚ ሓወይ ካብ'ታ ዝመጽኣላ፡ ዓይንኻ ትደፈን ከይበሉ፡ ብኽብረትን ብፍቕርን ምስኡ ስለዝተዋስኡ ክብረት ይሃበልና እብሎም።

***

ኣቶ ፍስሃየ ተስፋጽዮን

"ኣነ፡ ክኢላ ልምዓት ብቕሊ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ እየ። ንሓረስታይ ሙሳ ዑመር ካብ'ቶም ብቕረባ ሞያዊ ምኽሪ ዝልግሰሉ'የ። ሙሳ ዑመር፡ ብሃንደበታዊ ሕማም ካብ ማእከልና ምፍላዩ፡ ሰንቢድናን ሓዚንናን ኢና። ሕጂ ኸኣ፡ መንግስተ-ሰማይ የዋርሶ፡ ንደቁን ቤተሰቡን'ውን ጽንዓት ይሃቦም። ኣቶ ሙሳ፡ ስራሑ ዝመስከረሉ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ንኡስ ዞባና ህርኩትን ኣብነታውን ሓረስታይ ነይሩ። ንጥፈታት ሕርሻ፡ ኣዝዩ ስለ ዝፈተዎን ኣብ ደሙ ስለ ዝኣተወን ከኣ፡ ብዘደንጹ ኣገባብ ክዓብይን ክዕወትን ክኢሉ። ብተወሳኺ፡ ምስ ክኢላታት ጽቡቕ ምርድዳእ ዝነበሮ ዝበልዎ ዝሰምዕን'የ ነይሩ። ኮሉ ዓይነት ውሁብ ሜላ ሕርሻ ዝጥቀምን ዝሃብናዮ ዓይነት ዘርኢ ንፈተነ ዘፍርይን ምንባሩ'ውን ተወሳኺ ብልጫ ነይሩዎ። ንሱ ንፈተነ ዘፍረዮም ፍርያት፡ ናብ ዝበዝሑ ሓረስቶት ዞባ ደቡብ ተባዚሑም'ዮም። ኣብ መፍረ ናይ ጸባ ክብቲ ዕዉት ስራሕ'የ ኣሰላሲሉ። ሕርሻ ምሃብን ምቕባልን'የ፣ መዓስን እንታይ ትገብርን ምስ እትፈልጥ ድማ ዝያዳ ትዕወት። ኣብነት ናይ ስራሕ ዝነበረ ነፍሲሄር ኣቶ ሙሳ ዑመር ድማ፡ ካብ ሓረስታይ ምኻን ሓሊፉ፡ ናብ ደረጃ ክኢላ ዝተሰጋገረ ኣብነታዊ ሓረስታይ እዩ ነይሩ። ነቲ ኣርኣያ ኮይኑ ገዲፉልና ሓሊፉ ዘሎ ልዑል ናይ ስራሕ መንፈስ፡ ክንቅጽሎ ድማ እላቦ።

***

ኣቶ ገብረሩፋኤል ገረዝግሄር

ንሙሳ ብዓቕመይ ክገልጾ እንተኹይነ፡ ሳላኡ፡ ብዙሕ ድኻ ህዝቢ ናይ'ዚ ከባቢ ተደራጉ እዩ። 'ተጸጊመ፡ ተሸጊረ' ንዝበሎ፡ ብዘይ ተጉላባነት ሓጊዙ፡ ሓሚመ ንዝበሎ ለይቲ ከይተረፈ ዝኣክል ኣስቤዛኡ ጽዒኑ ናብ ሆስፒታልን ማይ-ጨሎትን ኣብጺሑ፡



ኣቶ ገብረሩፋኤል ገረዝግሄር

ኣብ ግብሮታት ንኣስላማይ ክስታናይ ብማዕረ ሓሪዱ፡ ከም ሰብ'ውን ምስ ዓቢ ዓቢ ምስ ንእሽቶ ንእሽቶ ተሳንዩ ዝኸይድ ተፈታዊ ባህሪ ነበሮ። ስለዚ፡ ከምቲ "ሸሕ ይሙቱ መሕደሪ ሸሕ ግና ኣይሙትን" ዝበሃል፡ መሕደሪ ሸሕ ዓዲ ዝነበረ ሙሳ ዑመር ንዓና'ዩ ሞይቱና፣ ኣምላኽ ድማ ኣብ የማኑ የቐምጦ። ንሕና ኸኣ ኣሰሩ ክንሰዕብ ዝገደፈልና ፍቕርን ሕያውነትን ነተግብር።

***

ኣቶ ማሕሙድ መሓመድ ብርሃን

ሰብ ኣይነብርን'ዩ፡ ታሪኹ'ዩ ዝነብር ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ናይ ሙሳ ዑመር ታሪኽን ግጅንነትን ከኣ እናተዘከረ ዝነብር እዩ። ኣቶ ሙሳ፡ ነዚ ትካል ክጅምሮ ዓዲ ምስ ፈቐደሉ፡ ብሳላ ጸዕሩን ሓርኮትኮቱን፡ ብጽቡቐ ኣፍርዩ፡ ኣብ ረብሓኡን ረብሓ ከባቢኡን ዓዱን እዩ ኣውሲሎዎ። በዚ ኸኣ ሕቡናት ኢና። ካልእ፡ ንሰብ ውራይ፡ ማይ ቦጥ ከምጽኣሎም እንከሎ፡ ኣደታት "መጺእካለይዶ ክጽበየካ" እናበላ፡ ክሰዕሰዓሉን ክደርፋሉን እንከለዋ፡ ኣብ ማእከለን ሳዕሲዑን ሸሊሙን፡ ኣብ'ቲ ውራይ ኣጽሒፉ ዝኸይድ ወረጃ ሰብ'ዩ ነይሩ። ከም'ዚ ደቂ-ዓዲ ዝገለጽዎ፡ ንሕመማትን ሓራሳትን ናብ ሆስፒታል የብጽሕ። ምምሕዳር ከባቢ ገዛ ጎቦ ኣብዚ ሕጂ ዘለዎ ቦታ ምስ መጸ፡ ብሰም ምምሕዳር ከባቢ ገዛ ጎቦ፡ ገዛ ሰሪሑ ንዓዲ ኣረኪቡና። ብድሕሪኡ፡ ንዝፈረሰ ክፋል ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ፡ ብገንዘቡ እናጸገነ ከም ዝሰርሕ ገይሩዎ። ከምኡ'ውን፡ ጽሩይ ዝሰተ ማይ ብቐይሕ መስቀል ምስ ተሰርሓልና፡ ባዕሉ መከፋፈሊ ነቑጣ ምስ መከባብያኡ ሰሪሑ፡ ንኣርባዕተ ዓዲ ከም ዝከፋፈል ገይሩዎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዓዲ ንዘተረኽበ ጸገም ኩነ ክርክር ዋሕሰ ኩይኑ ይፈትሖ። ኣብ ዓድናን ከባቢናን ግርሁ ስርናይ ኣይነበረን። ንሱ ግና፡ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ብምፍራይ፡ ንልዕሊ 3 ሸሕ ገባር፡ ብመገዲ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ነቲ ንሱ ዘፍረዮ ዘርኢ ምሩጽ ስርናይ ከምዘፍሪ ተገይሩ። ክሳዕ ሕጂ ከኣ፡ ንሱ ብዘፍረዮን ብዘደኸመሉን ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ፡ ዓዲ እናፋረየ ይምገብ ኣሎ። ኣብ'ቲ ንሱ ዘልምየ ሕርሻኡ'ውን፡ ብዘይ ኣፈላላይ ቁልዓ ሰበይቲ፡ ኣስላማይ ክስታናይ፡ ንኾሉ ዕድል ስራሕ እናፈጠረ፡ ከምዝሰርሕን ድራር እለቱ ከምዘእቱን ገይሩ ኣሰሪሑዎ እዩ።

ስለዚ፡ ውዕለትን ልቦናን ሙሳ ዑመር፡ ሰብን ፈጣርን ዝመስከሮ ስለ ዝኾነ፡ ብሞቱ ንሓዝን፡ ብተግባሩ ግና ኮልና ደቂ ዓድን ከብብን ኮሩዓት ኢና።

ኣቶ ሓይሎም ተስፋሚካኤል
(ቀጽጽር ልምዓት ዓዲ)

ሙሳ ዑመር ናብ'ዚ ክመጽእ ከሎ፡ ነዛ ትካል'ዩ ገይሩ። እዛ ዝጀመራ ትካል ከኣ፡ ንደቂ-ዓዲ'ያ ኾይና። ምኽንያቱ፡ ዘይተኣደና ማሽናት ምስ ኣምጽኡ፡ ኮሉ ወዲ-ዓዲ ኮነ ወዲ ከባቢ፡ በብዓቕሙ ኣብ ምስራሕ ማቶኔላን ብሉኬትን ተዋፊሩ፡ ንብዙሕ ዓመታት ናይ ስራሕ ዕድል ረኺቡ'ዩ። ምስራሕ ማቶኔላን ብሉኬትን ምስ ተጀረጸ ኸኣ፡ ናብ ሕርሻዊ ልምዓት



ኣቶ ሓይሎም ተስፋሚካኤል

ሰጊሩ፡ ቅልጡፍ ምዕባለ ኣምጺኡ። ኣብ ኮሉ ንዋፈታቱ፡ ከም ሓውናን ዓርክናን ኩይኑ ምሳና ስለ ዝሰርሐን ዘሰርሓናን ከኣ፡ ረባሕቲ ክንከውን ኣኽኢሉና። ሙሳ፡ ነዚ ኾኑ ዝገበሮ ሰናይ ተግባር፡ ጽቡቐ ሽም ኣትሪፉ'ዩ ሓሊፉ ዘሎ። ካልእ፡ ጎድኒ ጎድኒ ሕርሻዊ ልምዓቱ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ንቦታት፡ ብጸዕሩን ሓርኮትኮቱን፡ ሰራሕተኛታት ቁጺሩ ናብ ሓምላይ ቦታ ቀዩሩዎ ኣሎ። ኣቶ ሙሳ ምቕሉል፡ ሕያዋይ፡ ንፋዕ ሰብ'ዩ ነይሩ።

ብተወሳኺ፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ንዝተዋህቦ ዕዮን ዕማምን ብኣድማዕነት ኣፍርዩ፡ ዘዕግብ ስራሕ ዝሰርሕ ኣብነታዊ ሓረስታይ'ዩ። ውጽኢት ናይ'ቲ ዝዓመን ዘካይዶን ዝነበረ ስራሓት ከኣ፡ ብመገዲ ተለቪዥንን ካልእን፡ በብግዜኡ ንህዝቢ ክግለጽን ክንገርን ጸኒሑ እዩ።

***

ኣቶ ዓብደልወሃብ ዮሱፍ

ሙሳ ዑመር ንዓይ ወዲ ሓወቦይ እዩ። ከምዚ ክገልጾዎ ዝጸንሑ ኣቶ ሙሳ ደላይ ጽቡቐ፡ ሰዓት ሰለስተ ወጋሕታ ተንሲኡ ናብ ስራሑ ዝወፍር፡ ክብረት ናይ ሰራሕ ዝነበሮ'ዩ። ኣብ ሕማቐን ጽቡቐን ስድራቤት ይኹን ደቂ-ዓዲ፡ ብዘይ ተጉላባነት ዝጐዩ፡ ንጽቡቐ ነገር ወትሩ ዕጡቐ ዝነበረ ኣቦን ሓውን እዩ። እንታይ ትደሊ ገጽካ ኣንቢቡ ዝፈልዋ ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ኩልና ብተግባሩ ንዝክሮ ኣለና። ንዓዲ ገደላ ን25 ዓመታት ኣብ ግዜ ዒድ ከብቲ ሓሪዱ ዘእንገደ'ዩ። ንሰራሕተኛታቱ ደሞዞም ኣብ ሰዓቱ ዝኸፍልን ኣዛዩዱ ዝህብን ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ምስኡ ሰሪሑ ዘየመስገነ ሰብ ኣይነበረን። ከምኡ'ውን፡ ብሰርሑን ውጽኢት ጻዕሩን ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝመስከረሉ ናይ ኣብነት ኣብነት ሓረስታይ ዝነበረ'ዩ።

***

ኣቶ ሃይለ ብርሃነ
(ኣመሓዳሪ ገዛ ጎቦ ዝነበረ)

ዓይኒ ዝረኣዮ ይነግር፣ እዝኒ ዝሰምዖ ይዛረብ ስለ ዝኾነ፡ ሙሳ ዑመር ዝገበሮ ጸብጺብካ ዝውዳእ ስለዘይኩነ፡ ብወገነይ መምህር'ዩ ነይሩ ጥራይ'የ ዝብል። "ሳላ ሰማእታት እንድየ ዝዛወር ዘለኹ" እናበለ፡ ሕድሪ ሰማእታት ዘኽብርን ኣብ ጉዳያት ዓዲ፡ ኣብ ሃይማኖታውን ሃገራውን በዓላትን፡ ካብ'ቲ ዝዓበየ ክሳብ'ቲ



ኣቶ ሃይለ ብርሃነ

ዝደቐቐ ብገንዘቡ፣ ብጉልቡቱን ብማኪናኡን እናተጓየየ፣ ልዕሊ ሰቡ ዝሕግዝን ውራያት ዘማዕርግን ኣብነታዊ ዜጋ እዩ። እዝከረኒ፣ ኣብ ግዜ ኮሮና፣ ሸጉርቲ ኣምጺኡ፣ ብመገዲ ምምሕዳር ን100 ጽጉማት ከም ዝወሃብ ገይሩ። ኣብ ግዜ ቀብሪ፣ ኣብ ዝጸንሐ ጸኒሑ ደበኽ ዝብል፣ ብሕጊ ንዝተቐየደ ሰብ፣ ኣብነት ኩይኑ ዝወሓስን ንዝተባእሱ ዝዓርቐን፣ ብዘይ ዕረፍቲ ንጽጉማት ክዳን ዝኸድን እኽለ-ማይ ዝዕድል፣ ኮሉ ግዜ ኢዱ ንቐድሚት ዝሰድድ ናይ ኣምላኽ ሰብ'ዩ። ስለዚ፣ ሙሳ፣ ንኑብሰይ ይጥዓመኒ ዘይበለ ንስድራቤቱ፣ ንዓድን ንሃገርን ግና ኣብነት ኩይኑ ዝሓለፈ ሓውና'ዩ - ረቢ ኣብ ጀና ይቀበሎ።

***

ኣቶ ፍቐረ መስፍን

ኣቶ ሙሳ ዑመር፣ ኣሰሩ ክንክተል ኣብነት ገዲፋልና ዝሓለፈ ሰብ'ዩ። ካብ'ታ ኣብዛ ዓዲ ከልምዕ ኢሉ ዝመጽኣላ ጀሚሩ፣ ሓበን ደቂ-ዓዱን ፈለጥቱን ኩይኑ ምድራዊ ጉዕዞኡ ብዓወት ዝዛዘመ ኣቦ'ዩ። ብዙሓት ሃብታማትን ርኹባትን ሰባት ደኣ ኣለዉ'ኮ፣ ጸጋ ናይ ሙሳ ግና፣ ንሰብ ይሕሾ ስለ ዝኾነ፣ ዘይሃለነ ዝኽርን ስምን ገዲፋልና ሓሊፉ ኣሎ። ብህዝቢ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ከይተረፈ ኣብነታዊ ሓረስታይ ኩይኑ ኣቓልቦ ዝሰሓበን ዓወቱን ጻዕሩን ብግብሪ ዘርኣየ ሓበን ደቂ ዓዱ ኢለ'የ ዝገልጾ።

***



ኣቶ ፍቐረ መስፍን

ቀሺ ኣማኑኤል እንድርያስ

ንፍስሄር ሙሳ ዑመር፣ ሓውናን ገባር ጽቡቕናን'ዩ ዝነበረ። ቡቲ ጽቡቕ ተግባሩ ኸኣ፣ 'ሙሴ' ኢልና ኢና ንጽውያ



ቀሺ ኣማኑኤል እንድርያስ

ዝነበርና። ምኽንያቱ፣ ከም ኣቦና ኣብርሃም ንድኻታትን ውጹዓትን ዝረድእ፣ ከም ኣቦና ሙሴ በዓል ብዙሕ ስልጣን ኩይኑ፣ ምስ ኣምላኽን ሰብን ብማዕረ ዝኸይድ፣ ንህዝብን ዓድን ዘመሓድር፣ ለይትን መዓልትን እንትርፎ ሰናይ ተግባር ሕማቕ ዘይብሉ፣ ኣብ'ዛ መካራን ሸግርን ዝመልኣ ዓለም፣ ብሓጎስን ብሰናይ ተግባርን ዕድሚኡ ብጽቡቕ ዘሕለፈን ዘደንቕ ክብሪ ዝተሸለመን ወዲ እዝግሄር'ዩ። ስለዚ፣ ሰማይ ወረቐት እንተ ዝኸውን፣ ባሕሪ ቀለም እንተ ዝኸውን ናይ ሙሳ ተግባር ጽሒፍካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ሕጂ ኸኣ፣ እቶም ተወሊዶም ዘለዉ ደቁ፣ ዕርፊ ናይ ኣቦኣም ዘልዕሉ ይግበሮም፣ ንዓና ድማ፣ ከም ሙሳ ዑመር ንዓዱን ህዝቡን ዝሓሊ ሰብ ይወለደልና።

***

መምህር ሰመረኣብ ገብረኣምላኽ

"ድሕሪ እድያት እንታይ ይፍተል" ከም ዝበሃል፣ ድሕሪ'ዞም ቅድመይ ክዛረቡ ዝጸንሑ ኣሕዋተይ ዝብሎ የብለይን። እናተመላልኡ ወዲኣምዎ'ዮም። ንዝገበረልካ ወይ ግበረሉ ወይ ንገረሉ ስለ ዝኾነ ግዳ፣ ሙሳ ዑመር 40 ፊሶቶ ማይ ዝሕዝ ባስካ ሰራሑ ህዝቢ ክጥቀም ዝገብር፣ ንመርዓን ተስካርን ማይ ዝወርድ፣ ንመርዓን ካልእ ውራያትን ክጠቅም ብምባል ንሽዱሽተ ማይ ቤት ዳስ ዝኸውን ሓጻውን ኣሰሪሑ ንዓዲ ዘረክብ፣ ኣብ ገዛ ነቦ ንዝርከቡ 30 ጽጉማት ንነፍሲ-ወከፎም 300 ናቕፋ እናኸፈለ (ዘካት እናሃበ) ንዕስራ ዓመት ዝጉዓዝ፣ ኣብ ዓዲ ገደላ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዒድ ክልተ ኩብቲ ዕሸር ዝህብ፣ ከምኡ'ውን ንኹሉ ከይፈለየ ብመኪናኡ ዝሕግዝ፣ ፍቐርን ሓልዮትን ዝመልኦን እምነቱ ሞሳኡ ዝነበረን፣ ንታቦት ዓዲ (ቅዱስ ሚካኤል) ንሰለስተ ዓመት መብራህቲ ብምግባር ብኽብሪ ክውዕል ዝገበረ፣ ኣብ ምዝንጋዕ ሰራዊት ብዕራይ ዓዲን ዝሓርድን ዘዘናግዕን፣ ኣብ ዓዲ ገደላ፣ ሰለስተ ክፍሊ ዘለዎ ቤት ትምህርቲ ዓረብ ምስ መካቡብያኡ፣ ከምኡ'ውን ሽቓቐን ክሸነን ዝሃንጽ፣ ንልዕሊ 37 ቁልዑ፣ ዲቪዛ ቀምሽ ዓረብ ዝኸድን ወዘተ. እዩ። ብሕጽር ዝበለ ኸኣ፣ ኣምባሳደር ደቂ ዓዱን ህዝቡን ነይሩ ክብል እደሊ።

***



መምህር ሰመረኣብ ገብረኣምላኽ

መሓመድሓጎስ ዑመር

ሙሳ ሓወይ'ዩ። ኣቦና ምስ ሞተ፣ ከም ወላዲና ዘዕበየናን ዘምሰለናን ንሱ'ዩ። ብድሕሪኡ፣ ዒላ ኮዒቱን ሞተረ ገዚኡን ንስራሕ ሕርሻ ኣቢሉንን ህይወተይ ክመርሕ መገዲ ጸሪጉለይን። እዚ፣ ካብ ኣሰመራ ንዓዲ ክመጽእ ዕድል ከፊቱለይ። ናጽነት ምስ ኮነ ድማ፣ እንዳ ብሉኬትን ውጽኢት ስሚንቶን ትካል ሓቲቱ ምስ ተፈቕዶ፣ ኣብ 1994 ነቲ ስራሕ ጀሚሩዎ። ክሳብ 2000'ውን ጽቡቕ ሰሪሕና። ካብኡ፣ ነቲ ናተይ ሕርሻ ይከታተሎ ስለ ዝነበረ፣ ንባዕሉ ነቲ ኣብ ማይ ዓለቕቲ ዝነበረ መሬት ሕርሻ ናይ ዓዲ ተኻርዩ ከልምየ ተበጊሱ። ኣብ'ቲ ኮባቢ ኸኣ፣ ነቲ ስራሕ ኣጸቢቑ ክመልኮን ኣተኩሮ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክረክብን ኣኽኢሉዎ። ሙሳ ሓወይ፣ ብሳላ ጻዕሩን ትግሃቱን፣ ነቲ ሕርሻ ብዘይ መጠን ክዕወተሉ ክኢሉ'ዩ። እንተኾነ፣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፣ ሙሳ ነቲ ወፍሪ ናይ ሕርሻ፣ ኣብ እንግድዓ ደቁን ደቂ-ዓዱን ገዲፉዎ ከይዱ ኣሎ።

ሙሳ ኣቦ ሸዱሸተ ቁልዑ'ዩ። ሰበይቱ ምስ ሞተቶ፡ ደቁ ንኸዐቢ ክሳብ ግዜ ሞቱ ንልዕሊ 10 ዓመታት ብዘይ ሰበይቲ ኣሕሊፉዎ። ንሰብኣዊ ባህርያቱ ክገልጾ የጸግመኒ'ዩ። ምስ ሰብን ፈጣርን ብፍቕሪ ዝነብር፡ ካብ'ታ ዘላቶ ተማቒሉ ዝበልዕ፡ ቅድሚ ንነብሱ ንኻልኦት ከሐጉሰን ክሕግዘን ዘጸዕት። ብሰርሑ ሚኒስትሪ ሕርሻን ክኢላታትን ዝዓንብሉን ዝመስከርሉን፡ ብልግሉን ተወፋይነቱን ትሕትናኡን፡ ዓድናን ከባቢናን ፈለጥቱን ገሊጾም ዘይጸግብዎ ሓው እዩ ነይሩ። ሕጂ ከኣ፡ ነዚ ብዙሕ ዋጋን ከቢድ ጻዕርን ርሃጽን ዝፈሰሶ ሃብቲ ሃገርን ደቂ-ዓድን ስለዝኾነ ሕርሻ ማይ ዓለቐትን ኣብ ከባቢኡ ተሓዚኡን ተገሪቡን ዝርከብ ከባብን፡ ካብ'ቲ ዘለዎ ብዝበለጸ ቀጺሉ ኣበርክቶ መታን ክገብር፡ ከም'ቲ ኣብ ግዜ ሙሳ ዝነበረ፡ ሕጂ'ውን ዘይጸግት ደገፍ ሚኒስትሪ ሕርሻን ክኢላታት ሕርሻን፡ ሞራልን ምትብባዕን ደቂ ዓዲ ከይፍለየና እምሕጸን።

<u>መሓመድጣሃ ሙሳ ዑመር</u>

ኣቦይ፡ ከምዚ ደቂ-ዓድና ክገልጸዎ ዝጸንሑ፡ ሕያዋይ፡ ለጋስ፡ ፈቃር፡ ትጉህ፡ ሓቀኛ፡ ምስ ኩሉ ሰብ ብፍቕርን ስኒትን ብዘይ ኣፈላላይ ዝነብር ወላዲ'ዩ ነይሩ። ንዓይ ወላዲየይ፡ ከም ሞዴል ዝወሰዶ ሰብ'ዩ ነይሩ። ንኹልና ደቁ ብጽቡቕ ሓብሒቡ'ዩ ኣዕብዩና። ሕጂ ግን፡ ከይጸንብናዮን ከዕርፍ እናደለናዮን፡ ብሃንደበት ተፈልዩና። ሞት ዘሎን ፍቓድ ረቢን ስለ ዝኾነ፡ ንንብሮ የለን - መንግስተ ሰማይ የዋርሶ'የ ዝብል። እንተኹነ፡ ከቢድ ጸር ገዲፉልና እዩ ከይዱ ዘሎ። ዝያዳ ጻዕርን ተወፋይነት ክሓተና'ዩ። ልክዕ'ዩ ኣቦይ፡ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ እናተላዘበን ዝሃብዎ መምርሒ እናተኸተለን፡ ንሓረስቶት ዝኸውን ብዙሕ ዘርኢ ኣፍሪዩ ዝዓደለ'ዩ። ሳላ ጻዕሩን ዓወቱን ከኣ፡ ሰለስተ ግዜ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ክገይሽ ተገይሩን ተሸሊሙን እዩ። ኣቦይ፡ ክእለቱን ፍልጠቱን ናባይ መታን ከሲጋግር፡ ቅድሚ ምማቱ ቅድሚ ሸዱሸተ ወርሒ፡ "ሕማቕ ኣሎ ጽቡቕ ኣሎ" ብምባል፡ ነዚ ሕርሻ ጽቡቕ ገይሩ ኣርእዩንን መሰረት ኣትሒዙንን ነይሩ። ናቱ ምኽርን መምርሕን ሒዘ እቕጽል ስለ ዘለኹ፡ እንሆ'ኳ ድሮ ልዕሊ 20 ኮንታል ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ንሚኒስትሪ ሕርሻ ኣረኪበ ኣለኹ። ብሕጂ'ውን፡ ናይ ኣቦይ ሓላፍነትን ሸሙን ከይጠፍእ ኣበርቲዐ ክሰርሕ'የ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ፡ ከምቲ ነቦይ ዝሓገዞን ዘተባብዕዎን ሕጂ'ውን ኮሉ መዳያዊ ደገፉን ሞራሉን ከድልየኒ'የ። ብወገነይ፡ ኣባል ሚኒስትሪ ምክልኻል'የ። ልምዓት'ውን ሓደ ኣካል ምክልኻል ሃገር ምኻኑ ኣብ ግምት ኣእትዩ፡ ካብ'ታ ኣቦይ ዝሞተላ ጀሚሩ፡ ደገፍን ምትብባዕን እናተገብረለይ፡ ንሕርሻ ኣቦይ ክቕጽሎ ሚኒስትሪ ምክልኻል ልዑል ምትሕብባር ገይሩለይ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንኣሃዱየይ ክፍለ ሰራዊት 29፡ ካብ ዝለዓለ ክሳብ ዝተሓተ ኣመሰግኖም።

***

ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ኣቶ ሙሳ ዑመር፡ ብመምህር ሰመረኣብ ገብረኣምላኽ ብዝተሰምዐ መልቀስ ጌርና ክንዛዝም፥

ወዲቕካ ዶ ናይ ሃገር ሸባኻ
ኣንታ ኣቦ ፍትሒ ኣቦ ድኻ
ኣይ ሎሚ እንድዩ
ሓመድ ድበ ቀብርኻ
እንታይ ኳንኻ ቁሩብ ተሃዊኽካ
በል ሓዚና'ላ ኮላ ዓደ-ቦኻ
ሓዚና'ላ ኮላ ስድራቤትካ
ገዲፍካዮም ከይድካ ሃ
በርም ኣሕዋትካ ደቅኻ
ገዚፍ ሃገራዊ ዕማም
ኣብ እንግድዓኻ ሒዝካ
በል ዓለም ኣይትጽገብን'ያ
ሓጺሩ ዕድመኻ

ደሓን ኮን ኣብ ጀና
ይቀበልካ ረቢ ፈጣሪኻ!

***

እንዳ ሓጂ ዑመር ብኸዩ ሕዘኑ
ኣርባዕተ ዓዲ ብኸዩ ሕዘኑ
ደቡብ ደቂ ድግና ብኸዩ ሕዘኑ
ኣስመራ መንደፈራ ብኸዩ ሕዘኑ
ደቂ ሙሳ ዑመር ብኸዩ ሕዘኑ
ኣርሓ ከደ ደንደላ ቡቲኑ
ሎሚ መዓልቱ ብሞቱ ተበይኑ
ራሕሲ ይግደፈልና ደቁ ይሰስኑ!

***

መደብ ፍረ ጻዕሪ

ንቕሓት ዓጢቓ
ዜጋታት ተንቅሕ
መጽሓፍ ተወኪሳ
ፍልጠት ተሰፍሕ
ደኺመ ከይበለት በረኻ ትወፍር
ዕቑር ሃብቲ ሃገር
ብጥልቀት ትምርምር።

ሓረስታይ ትፍትሽ
ሓርኮትኮት በሃሊ
ፍልጠት ክብርኽ
ብምኽሪ ተሳሊ

ንሳያ'ወ መደብ ፍረ ጻዕሪ
ምሁራት ተፍሪ
ነቲ ዝደሓረ ተማዓራሪ
ንኣብነታዊ ትሽልም
ነቲ ዝረሓቐ ተቐድም።

ዓቕብ ደዩባ ትወርድ ቁልቁለት
ዛላታት ትሰእል
ዝተዓቀበ መሬት
ትሓትት ትሰንድ ነቲ ዝረኣየቶ
ዋላ እናመሰየ እዋን እቶእቶ
ንኹሉ ተቐርብ
ሕቶ ምስ ርእይቶ
መደብ ፍረ ጻዕሪ
ከመይ ደሓን ትእቶ።

ዕጥቅና ምሉእ'ዩ
ፍረ-ጻዕሪ ሒዝና
ኩሉ ፈሊጥናዮ
ቅርጺ ናይ መሬትና
ንመራመር ኣጆኹም
ነዊሕ'ዩ ጉዕዞና
መሪሕ ጭርሖና፡ ህዝብና
እናንቃሕና
ውሑስን መኣዛውን መግቢ
ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!
ክንትግብሮ ኢና።

ተስፋመንቀርዮስ ፍቓዱ

ክ/ሕ/መሬትን ዞ/ማእከል

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)

ድሕነት ጸባን ውጽኢት ጸባን

"ድሕነት ጸባ ንውሑስ ቀጻልነት"

ብደረጃ ዓለም ድሕነት መግቢ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታት ሕርሻ ምኻኑ ይእመን። ህዝቢ ድሕነቱ ዝተረጋገጸ መግቢ ክረክብ እንተ ዘይክኢሉ ንዘተፈላለየ ጥዕናዊ ጸገማት ክቃላዕ ከም ዝኽእል ዝተፈልጠ ሓቂ እዩ። "ጥዕና ኣብ መኣዲ" ከም ዝበሃል፣ ብሰሪ መግቢ ክስዕብ ዝኽእል ሸግራት ዶብ የብሉን። መግቢ፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ደረቕ፡ ፈሳስን ሓርጭን፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ስለ ዝኣቱን ዝወጽእን ንምቁጽጻርን ድሕነቱ ንምርግጋጽን ውሁድ ስራሕ ይሓትት። ብዓቢኡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ነዚ ዕማም ንምትግባር ብደረጃ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣሃዱ ቁጽጽር እንስሳን ውጽኢት እንስሳን ይሰርሓሉ። ሓደ ካብቶም ልዑል ጥንቃቐን ምቁጽጻርን ዝጠልቡ ዓይነታት መግቢ፡ ጸባን ውጽኢትን ጸባን እዩ።

ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ፡ ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን፡ ጨንፈር ቁጽጽር ሃብቲ እንስሳ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጽጽር እንስሳን ውጽኢት እንስሳን እዩ። "ዕላማና፡ ድሕነቱን ብቕዓቱን ውሑስ ዝኾነ እንስሳን ውጽኢት እንስሳን ናብ ተጠቃማይ ምቕራብ እዩ" ይብል ኣቶ ተስፋይ።

ምንጪ መግቢ ሰብን እንስሳን ኣብ ውጽኢት ሕርሻ እዩ ዝምርኩስ። ድሕነቱን ብቕዓትን ንምውሓስ ዘየቋርጽ ስራሕ ይሓትት። ጸባን ውጽኢት ጸባን'ውን ልዑል ጥንቃቐን ቁጽጽርን ይጠልብ። ምቁጽጻር ብቕዓትን ድሕነትን፡ ንዘቤታዊ ሃልክን ሰደድን ዝውዕሉ ሕርሻዊ ምህርቲ ይቁጻጸረን የረጋግጸን።



ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ

"ኤርትራ ኣብ ቁጽጽር ድሕነት መግቢ ሃብታም ተመኩሮን ሰፊሕ ድሕረ ባይታን ዘለዋ ሃገር እያ። ብግዜ መግዛእቲ ጥልያን ካብ 1933 ክሳብ 1940 ብኢጣልያውያን ክኢላታት ይዕመም ነይሩ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ግን፡ እቶም ከም ተሓጋገዝቲ ኮይኖም ዝሰርሑ ዝነበሩ ደቂ ሃገር፡ ነቲ ስራሕ ብዘይ ዝኾነ ሕጽረት ክቕጽልዎ ተራእዮም" ይብል ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ። ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ ካብ ኮሎጅ ሕርሻ ደብረዘይት ኢትዮጵያ ብ1971 ተመሪቑ፡ ኣብታ ሃገር ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንኣስታት ሓምሳ ዓመት ኣብ ኤርትራ ብሞያኡ ዝሰርሐን ዝሰርሕ ዘሎን ሞያተኛ ሕርሻ እዩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ተስፋይ፡ ድሕነት ጸባን ውጽኢት ጸባን፡ ካብ ጽሬትን መግቢ እንስሳ'ዩ ዝፍልም። ጸባ ካብ ተነቃፊ ዓይነት መግቢ እዩ። ንዕኡ ክብክልዎ ዝኽእሉ ባእታት'ውን ብዙሓት እዮም። ድሕነት መግቢ ልዑል ጥንቃቐ ስለ ዝሓትት፡ ኣብቲ ኣሃዱ ብፍሉይ ዝከተልን ፍሉጥ ንጥፈታት ዝዓምምን ንኡስ ኣሃዱ ኣሎ።

"ኣብ ቤት ሕርዲ፡ ብቑዓት ክኢላታት መርመራ ሲጋ ብምምዳብ ቁጽጽራዊ ስርሓት የካይድ። ውጽኢት ጸባን ሲጋን ዘመስርሓ ትካላት፡ ተቐጻጸርቲ ክኢላታት ብምምዳብ፡ መርመራ ቁጽጽራዊ ስርሓት ይትግበር። ንመንግስታውያንን ንውልቃውያንን ትካላት ድጋፍ መረጋገጺ ብቕዓት ይህብ። ዓመታዊ መርጋገጺ ትካላዊ ብቕዓት የረጋግጽን ፍቓድ ይህብን። ኣዋጃትን ሕጋጋዊ መምርሕታትን ይነድፍን የተግብርን። ብዓቢኡ ከኣ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ሓረስቶት፡ ኣፍረይትን ተጠቀምትን ንምብራኽ ይጉስጉስ። በብእዋኑ ሞያዊ ሓበሬታ ምኽሪን ስልጠናን ይህብ" ይውሰኽ ኣቶ ዓወት ርእሶም፡ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጽጽር መድሃኒት እንስሳን ስነ-ህይወታውያንን።

ኣቶ ዓወት ርእሶም፡ ብ2016 ካብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ሕክምና እንስሳ (ቨትረናሪ ሳይንስ) ዝተመረቑን ንዓሰርተ ዓመት ብሞያኡ ዝሰርሐን ዝሰርሕ ዘሎን ክኢላ እዩ። ከም ኣገላልጻኡ፡ ሕርሻ ብቑጥታ ምስ መግቢ እዩ ዝተኣሳሰር። መግቢ ምስ ጥዕና ዝህልዎ ምትእስሳር ጥቡቕን ወሳንን እዩ። ስለዚ፡ መግቢ ድሕነቱ ክረጋገጽ ኣለዎ።

"ሰባት ካብ መግቢ-ጸወር ሕማማት ንምክልኻል፡ ኣብ ኣተሓሕዛ ምድላውን ምኽዛንን መግቢ ጥንቃቐታት ምክያድ'ዩ ዘድሊ" ብምባል ንትርጉም ድሕነት መግቢ ይግልጽ፣ ኣቶ ዓወት። እቲ ዕማም ብዙሕ መስርሕ ይኽተል። ምፍራይ ጽሬቱ ዝሓለወ ጸባን ውጽኢት ጸባን፡ ሓደ ካብ ንጥፈታት ድሕነት መግቢ'ዩ። ጸባን ውጽኢት ጸባን ሃብታም ዝኾነ ትሕዝቶ መኣዛዊ መግቢ ሰባትን እንስሳታትን እዩ።



ኣቶ ዓወት ርእሶም

ከምኡ'ውን ተጓዳእቲ ታህዋሲያን ንኽራብሑን ንኽዓብዩን ምቹእ ባይታ ዝፈጥር መግቢ እዩ። ብጽሬት ምስ ዘይተሓዝ ግና ይብከል" ይገልጽ ኣቶ ዓወት ርእሶም፡ ሓላፊ ኣሃዱ ቑጽጽር መድሃኒት እንስሳን ክታበትን።

ዝተበከለ መግቢ፡ ሓደ ካብ ሓደገኛታት ጠንቂ ሞት ምኻኑ ውድብ ጥዕና ዓለም ይሕብር። ዓመታዊ ልዕሊ 600 ሚልዮን ሰባት ብዝተበከለ መግቢ ከም ዝሓሙን ልዕሊ 420,000 ንሞት ከም ዝቃልዑን፣ ካብዚኣቶም እቶም 125,000 ቁልዑን ደቀንስትዮን ምኻኖም ሰነዳት ውድብ ጥዕና ዓለም የረጋግጽ። ብመሰረት ሓበሬታ ዓለምለኻዊ ውድብ ጥዕና፡ ብሰሪ ዝተበከለ መግቢ ልዕሊ 110 ቢልዮን ዶላር ክሳራ የጋጥም።

"ስለዚ፡ ድሕነት መግቢ ምውሓስ ኣገዳስን ይጽንሓለይ ዘይብሃሎ ስራሕን እዩ" የስምር ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ። "ጸባ ሓደ ካብቲ ንብከላ ዝቃላዕ ውጽኢት እንስሳ እዩ።" ውሑስን ብቑዕን ጸባ ንምርካብ ሓያል ስራሕ እዩ ዝሓትት። ናይ ገዛእ ርእሱ ኣገባብ ዝሓለወ ምርግጋጽ ውሑስን ብቑዕን ምክትታል ኣለዎ።

ውሑስን ብቑዕን ምህርቲ ጻልጣ (ዘይ ፈልሐ) ጸባ ካብ ጥዕናኣንን ጽሬተንን ዝተሓለወ እንስሳታት ይርከብ። ናይ ጸባ ኩብቲ ኣብ ዝሕለባሉ እዋን፡ ዓቑን ሙቑት ጸባ 37 ዲግሪ ሰንት ግረይድ ይበጽሕ። ስለዚ ጸባ ድሕሪ ምእካብ ቀልጢፉ ኣብ ዝድለ ዓቑን ሙቑት (4-5 ዲግሪ ሰንትግረይድ) ተዓቂቡ፡ ናብ መኣከቢ ነቑጣ ወይ መዝሓሊ ክበጽሕን ብግቡእ ተዓቂቡ ክጉዓዝ ይግባእ።

ከምቲ ቀርበት ካብ ምጥባሕ ክሳብ ምልፋዕ ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት፡ ድሕነት ጸባ'ውን ካብ ቦታ ሕርሻ ክሳብ ናብ ተጠቃማይ ዝበጽሕ ልዑል ጥንቃቐ ይጠልብ። ጸባ ካብ ጥዕናኣን ዝተሓለወ ኩብቲ ክእኩብን ሰንሰለታዊ መስርሕ ክሕሎን ናይ ግድን ይኸውን።

"ነቲ ዕማም ዝትግብሩ ሞያተኛታትን ሰራሕተኛታትን ብስነ-ምግባር ስራሕን ፍልጠትን ክትግብሩዎ ጥራይ ዘይኮኑ ንሳቶም'ውን ንባዕሎም ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝተረጋገጸ ወረቐት ምስክር ጥዕና ክሕዙ ይግባእ። ብሰሪ ሽለልትነት ዝብከል ጸባ ከቢድ ጥዕናዊ ሳዕቤን ከኸትል ይኽእል እዩ። ስለዚ ድሕነት ጸባ ናይ ኩሉ ሓላፍነት እዩ።" ይብል ኣቶ ዓወት ርእሶም።

"ምስ ጸባን ውጽኢት ጸባን ዝተኣሳሰር ጥዕናዊ ሳዕቤን ደቂ ሰብ ስግኣቱ ልዑል እዩ። ብዘይ መኽነ ጸባ፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ሕማም ክሓልፍ ይኽእል። ሕማም ምቑላዕን ዓባይ ሰዓልን'ውን ካብቶም ብዙሓት ውሑዳት እዮም። እቲ ለበዳ ካብ ሰራሕተኛታት፡ በጻሕትን ተጠቀምትን ብቑጥታ ብምትንኻፍን ክኸውን ይኽእል። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ተረፍ-መረፍ መድሃኒት እንስሳ፡ ኣብ ጸባን ውጽኢቱን'ውን እቲ ሕማም ክላባዕ ይኽእል። ስለዚ ጸባን ውጽኢት ጸባን ቅድሚ ምጥቃምና ብግቡእ ክመክንን ከምኡ ድማ እቲ ግዜ መስርሕ ምውጻእ መድሃኒት ካብ እንስሳ ብዕቱብ ክንከታተል ይግባእ።" ይውሰኽ ኣቶ ዓወት።

እቲ ኣብ 2003 ዝቐመ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቑጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብመገዲ ጨንፈር ዞባዊ ኣገልግሎት ቑጽጽር ድሕነትን ብቑዓትን፡ ጸባን ውጽኢቱን ንምርግጋጽ ብሓያል ጸዕሪ ይሰርሕ ከም ዘሎ፡ ኣብቲ ክፍሊ ሓላፊ ኣሃዱ ቑጽጽር እንስሳን ውጽኢት እንስሳን ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ የረጋግጽ። እቶም ኣብ ድሕነትን ብቑዓትን ጸባን ውጽኢቱን ብተደጋጋሚ ዝርኣዩን ሓፈሻዊ ሽግራትን፡- ባህላዊ ኣገባብ ምፍራይ ጸባ፡ ዘይብቑዕ ሕርሻዊ ንጥፈታት ምዝውታርን ንጽህና ኣከባብን፡ ዘይብቑዕ ትሕተ ቅርጺ ሕርሻ መፍረ ጸባን ኣገባብ ሕልቦን፡ ሕጽረት ብቑዕ መሳለጥያታት መጓዓዝያን ዘይብቑዕ





መኽዘንን መዝሓልን ምኽኖም'ውን ኣቶ ዓወት ርእሶም ይገልጽ።

ትካላት ኣፍረይቲ ጸባን ውጽኢት ጸባን፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ይሰስና ኣለዋ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ሰለስተ ትካላት መምስርሒ ጸባን ውጽኢት ጸባን ነይረን። ድሕሪ ናጽነት ግን ቁጽረን ብዝተዓጸፈ ዓብዩ። ኣብዚ እዋን 21 ትካላት ተመዝጊበን ይርከባ። "ብመሰረት መዓልታዊ ዘመስርሐኡ መጠን ጸባ፡ ንኣሽቱ፡ ማእከሎትን ዓቢይትን ተባሂለን ኣብ ሰለስተ መደብ ይድረጃ። እተን ዓሰርተ ሸዱሸተ ንኣሽቱ ትካላት ኮይነን ኣብ መዓልቲ ክሳዕ ሓደ ሽሕ ሊትሮ ጸባ የመስርሓ። እተን ኣርባዕተ ማእከሎትን ሓንቲ ዓቢይ ትካላትን ድማ ኣብ መዓልቲ ካብ 5 ሽሕ ክሳዕ 30 ሽሕ ሊትሮን ጸባ የመስርሓ።

ኣብዚ እዋን መብዛሕተኣን ትካላት መሰራሕቲ ጸባ፡ ርግኡ እየን ዘፍርያ። "ኣብዚ ዓቢ ዓወት ተረኺቡ ክብሃል ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ክሳብ 2009 ርግኡ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ካብ የመንን ካልኦትን ሃገራት ይመጽእ ነይሩ። እዚ ምሉእ ብምሉእ ተተኪኡ ይርከብ።" ይብል ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ።

"እቲ ቁጽጽር ብኽልተ ኣገባብ ይካየድ። ባህላዊ ኣገባብ፡ ኣብ ዝተመስርሐ ምህርቲ ዝካየድ እዩ። ዘመናዊ ኣገባብ ቁጽጽር ግን ካብ መፍረ ዝጅምር ኣገባብ ቁጽጽር እዩ። ንብዙሓት ኣካላት ዘሳትፍን ብስነ ፍልጠት ዝምራሕን ድማ እዩ። ውጽኢቱ'ውን ኣዕጋቢ እዩ" ይብል ኣቶ ዓወት።

ድሕነትን ብቕዓትን ጸባን ውጽኢቱን ንምርግጋጽ ብሕጋዊ ምልክታ ቁ.113/2006፡ ብመምርሒታት ቁጽጽርን ይሰራሕ ኣሎ። ኣፍልጦ ኣብ ድሕነት መግብን ሰንሰለት መግብን ንዝዋስኡ ኣካላት፦ ሓረስቶት፡ ኣመሰራሕትን መሻርኽትን ንምዕባይ ድማ ካብ 2022 ክሳዕ 2024 ሰፋሕቲ ናይ ምዕባይ ኣፍልጦ ኣስተምህሮታት ኣብ ሸዱሸቲኣን ዞባታትን ማእከላይ ቦታን ተኻይዱ። ጸብጻብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ 2022-2024 ከም ዘነጽሮ፡ ዓመታዊ ብድምር ንኣስታት 1,900 ዝበጽሑ ሓረስቶትን ኣመሰራሕቲ ትካላትን ሰልጠና ይወሃብ። ተቐጻጸርቲ ኣብ ማእከላይ ቦታን ዞባታትን ብምምዳብ፡ ስሩዕ ኣገልግሎት ቁጽጽር የካይዱ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ክልተ ኣመሰራሕቲ ትካላት ቀወምቲ ተቐጻጸርቲ ተመዲቦም፡ ዕለታዊ ንጥፈታት ቁጽጽር የካይድ ምህላዎም፡ ነቲ ሰራሕ ከዕብዮ ከም ዝኽእለ ይፍለጥ።

"ተቐጻጸርቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ብመሰረት ሕጋዊ መምርሒ ቁጽጽር ኣብ ጸባን ውጽኢት ጸባን ዘመስርሓ ትካላት ኣካላዊ መርመራ የካይዱ። ንዝለዓለ መርመራ ድማ ምስ ኣባላት ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ብምውህሃድ፡ ቅምሶ ተወሲዱ ድሕነቱን ብቕዓቱን ኣብ ቤተ መርመራ ይረጋገጽ።" ይውሰኽ ኣቶ ዓወት ርእሶም።

"ዋላ'ኳ ደቂቕ መጽናዕቲ እንተ ዘይተኻየደ ኣብ እዋን መጓሰ ጥራት ብሕማም ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ኣሎ። ብተወሳኺ ገደብ ኣልቦ ዝኾነ ምንቅስቓስ ወይ ዕዳጋ እንስሳታት፡ ካብ ሓደ ዞባ ናብ ካልእ ዞባ ንተመሓላለፍቲ ሕማም ከስፋሕፍሕ ይኽእል። ካልእ፦ ብሓረስቶት ዘይግበኣ ኣተሓሕዛ ሓድሽ ጸባ ከምኡ'ውን ምስ ዘይብቑዕ ንጥፈታት ንጽህናን መኽዘን ዝተሓሓዝ፡ ብባክተርያን ዕስን ዝተበከለ መግቢ እንስሳ ምምጋብ፡ ንድሕነትን ብቕዓትን ጸባ ብኣሉታ ይጸልዎ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ትሕቲ ብቕዓት ዝኾኑ ጸባን ውጽኢት ጸባን ውሑዳት ዘይምኽኖም እዩ ዝሕብር ኣቶ ዓወት።

ብምኽንያት ጉድለት ጽሬት፡ ዘይብቁዕ ምሕደራ መኽዘን፡ ትሕቲ ደረጃ ብቕዓት ትሕዝቶ ከምኡ'ውን ምውሳኽ ዘይተደለዩ ነገራትን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት (2016-2024) ዝተወገኑ ጸባን ውጽኢት ጸባን ውሑዳት ኣይኮነን። ብመሰረት ጸብጻብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን፡ 2022-2024 ጻልጣ ጸባ 362,651 ሊትሮ፡ ፋርማጆ 2,164 ኪሎ ግራም፡ ጠሰሚ 2,613 ኪሎ ግራም፡ ሞዛሬላ 19 ኪሎ ግራም፡ ርግኡ 6,000 ኩባያ ተወጊኑ።

"ዝተወገነ ዓቕን ምህርታት ብዓይኒ ቁጠባ ክርኢ ከሎ ንኣፍራዩ፡ ኣመሰራሒ፡ ካልኦት ተጠቀምቲ ዓቢ ክሳራ'ዩ። ስለዚ፡ ሕብረተ ሰብ ብሓፈሻ፡ ኣፍረይቲ ጸባን ውጽኢቱን ድማ ብፍላይ ልዑል ጥንቃቐታት ከዘውትሩ ይግባእ፣" ይብል ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ።

"ክሳዕ እቲ ምዕቡል መመርመሪ መሳርሒታት ተኣታትዩ ኣብ ግብሪ ዝውዕል፡ ሕብረተሰብ ብዓቕሙ ክጥንቀቐን መምርሒታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ከተግብርን ይግባእ። ብሓፈሻ፡ ንጸባ ካብ ታህዋሲያን ናጻ ንምግባር ምምካን ጻልጣ ጸባ ከዘውትር ይግባእ። ስድራ ቤታት ጸባ ኣፍሊሐን ክጥቀማሉ ይግባእ፣ ብምባል ለበዋኡ የመሓላልፍ ክኢላ ቁጽጽር ድሕነት መግቢ እንስሳን ውጽኢት እንስሳን ኣቶ ዓወት ርእሶም።

***

ኣዲብ ዓብዱ

ካብ ስደት ናብ ሕርሻዊ ልምዓት

መንእሰይ ሓረስታይ ሰለሞን ብርሃነ

ካብ ኣመሪካ ናብ ዓዱ ተመሊሱ፡ ኣብ ሕርሻ ተዋፊሩ ብርኩት ፍርያት ሕርሻ ኣብ ምሕፋስ ዝርከብ ኣብነታዊ መንእሰይ'ዩ። ኣብዚ እዋን ኣብ ከባቢ ባር ጅማ ኣስታት ሰለስተ ሄክታር መሬት ኣብ ምልማዕ ይርከብ። መጽሔት ፍረ ጻዕሪ፡ ነዚ ሞያ ሕርሻ ካብ ወላዲኡ ወሪሱ ብኽምቲ ዝግባእ ዘቐጽል ዘሎ ወዲ 35 ዓመት ህርኩት መንእሰይ ሓረስታይ ሰለሙን ብርሃነ ኣዕሊላቶ ኣላ።



• ምስ ኑብሰኻ ከተላልየና፧

ሰለሙን ብርሃነ እብሃል። ኣብ ከባቢ ሰምበል ኣብ 1990 ተወሊደ፡ ኣብኡ ዓብየ። መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓወት፡ ካልኣይ ደረጃ ኽኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ተማሂረ። ኣብ መበል 23 ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪደ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ዛዚመ። ኣብ ማትሪክ ናብ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ስለ ዝረኸብኩ፡ ኣብ ኮለጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲቐይሕ፡ ብዓውዲ ጂኦግራፍ ተመሪቐ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ደንደን፡ ከም መምህር ብምኻን ንኽልተ ዓመታት ምስ ሰራሕኩ፡ ንደገ ከይደ።

• ኣተዓብያኻ ከመይ ነይሩ፧

ኣብ ከባቢ ሰምበል ምስ ስድራይ'የ ዓብየ። ኣቦይ ሓረስታይ'ዩ ነይሩ። እዚ ሕጂ ሒዘዮ ዘለኹ ጀርዲን'ውን ናይ ኣቦይ እዩ። ንሱ ብተወላጎኹ፡ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብትን መስባሕቲ ኣብዑርን ይነጥፍ ነይሩ። ኣነ ድማ እግሪ እግሩ እስዕብ ነይረ። ካብ ጀርዲ ብተወላጎኹ፡ ከብቲ፡ ደርሁ'ውን ስለዝኸበራ፡ ጽቡቕ ተመኵሮ ሕርሻ ሒዘ ንኽዓብ ዕድል ረኺበ። ስለዚ ሕጽር ብዝበለ፡ ምስ ሕርሻ'የ ዓብየ እንተ በልኩ ኣየጋንኩን።

• ኣተዓብያኻ ነዚ ሕጂ ኣብ ሕርሻ ዘሎካ ፍቕሪ ጸልዩዎዶ ትብል፧

ብርግጽ እምበር። ናይ ሕርሻ ኣምር ዘይብሉ፡ 'እንታይ ክትከውን ትደሊ?' ተባሂሉ ኣብ ዝሕተተሉ፣ 'ሓረስታይ ክኸውን'የ ዝደሊ' ዝብል ውሑድ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣነ ካብ ቁልዕነተይ ምስ ሕርሻ ስለዝዓበኩ፡ ሓያል ፍቕሪ ሕርሻ እናሰረጸኒ'የ ዓብየ። ዝዓብዮንን ዝንእሱንን ኣሕዋት ኣለዉኒ። እንተኾነ፡ ካብ ኩሎም ኣነ'የ ሓረስታይ ክኸውን መሪጸ። ኣብ ሕርሻ ምውዓል ዕግበት ይህበኒ ነይሩ። ስለዚ፡ ስድራይ ሓረስቶት ምንባሮም ደራኺ ጽልዋ ነይርዎ እኳ እንተኾነ፡ ናተይ ፍቕሪ ናይቲ ስራሕ'ውን ተወሲኽዎ'ዩ።

• ብንእሽቶኻ ኣብ ጀርዲን ንወላዲኻ እንታይ ትሕግዝ ነይርካ፧

ገና ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ከለኹ፡ ናብ ጀርዲን እመላለስ ነይረ። ኣብቲ እዋን ሸሞንተ ዝበጽሑ ኣብዑር ነይሮሙና። ንዕኦም ካብ ገዛ (ሰምበል) ናብ ጀርዲን (ከባቢ ባር ጅማ) ብምምጻእ፡ ኣብ ምጉሳይ እነጥፍ ነይረ። ኣብ 1998 ወራር ምስ ኣጋጠመ፡ ኩሎም ኣሕዋተይ ስለዝኸተቱ፡ ኣነ ሓላፍነት ተሰኪመ፡ ኣብ ኩሉ'ቲ ሕርሻዊ ንጥፈት ንወለደይ ክሕግዝ ጀሚረ ነይረ።

• ክንደይ ኣሕዋት ኣለኹም፧

ኣርባዕተ ኣዋልድ ዝርከባና ሸሞንተ ኢና። ኩልና ምስ ሕርሻ ስለዝዓበና ናይ ሕርሻ ጽልዋ ኣሎንና። ከምቲ ቀዲመ ዝበልኩኻ በይነይ እየ ኣብ ሕርሻ ዝነጥፍ ዘለኹ። ተስፋ እንብር ኣብ መጻኢ ኣሕዋተይ'ውን ክጽንበርዎ።

• ኣብ ትምህርቲ ከመይ ኔርካ፧

ዝግባእ ምክትታል ወለዲ ስለዝነበረኒ፡



ደሓን'የ ነይረ። ዓቢ ሓውና ንዓይን ንምዕባይ ሓወይን ናይ መባእታ ትምህርቲ ምስ ኣመዝገበና፣ ግዱሳት መምህራን'ዮም ተቐቢሎምና፣ ጽቡቕ ይከታተሉና ነይሮም። ናይ ወለዲ ምክትታል ተወሲኽዎ ድማ ጽቡቕ ተገዳስነት ከሕድር ተደሪኽ። ከም ውጽኢቱ ኽኣ ናብ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ክረክብ ክኢለ።

• ንጥፈታት ጀርጂን ኣብ ትምህርትኻ ይሻመወካዶ ነይሩ፧

ብዙሕ ኣይኮነን። ኣብ ሓደ ኣንጻር እብረ'የ ናብ ጀርዲን ዝኸይድ ነይረ። ንትምህርቲ እኹል ግዜ ነይሩኒ'የ።

• ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲኽ ከመይ ነበረ፧

ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ'የ ተማሂረ። ግዱሳት መምህራን ነይሮምና። ኣብኡ ዘሕለፍኩዎ እዋን ንእስነት ካብ ኣእምሮኣይ ዘይሃሰስን ዘይድገምን እየ። ብዙሕ ነገር ከሲብ'የ።

• ህይወት ሳዋኽ ከመይ ትዝክሮ፧

ጥዑም'ዩ። ካብ ነንበይኑ ኮባቢ፣ ባህልን ሃይማኖትን መጺእካ፣ ኣብ ሓደ ተኣኪብካ፣ ዓመት መመላእታ ከም ሓደ ስድራ ኳንካ፣ ሓድሕዳዊ ተመኩሮ እናቐሰምካ ኢኻ ተሕልፎ። ካብ ሳዋ ብዙሕ ነገር ተማሂርካ ኢኻ እትመልሰ። ንኣብነት ኣነ ኣዝየ ሓፋር ብምንባረይ፣ ምስ ሰባት ክበሃህል እጽገም ነይረ። ኣተዓብያይ ካብ ጀርዲን ናብ ትምህርቲ ስለዝኸበረ፣ ኣብ ክፍሊ ኣብ ቅድሚ ተመሃሮ ወጺእ ክምልስ፣ ክካታዕ ኣይክእልን'የ ነይረ። ሳዋ ምስ ከድኹ ግና ኣዝየ ተቐይረ። ሳዋ፣ ናይ ባህሪ፣ ናይ ኣተሓሳስባ፣ ናይ ምብህሃል ለውጢ ዝገበርኩላ ስፍራ'ያ ክብል እኽእል።

• ትምህርቲኽ ከመይ ነይሩ፧

ኣዝዩ ጽቡቕ። ሳዋ ኩሉ ብውጥን ብስራዕን ኢኻ ትዓሞ። ንትምህርቲ፣ ንመጽናዕቲ፣ ንማእቶታዊ ስራሕ፣ ንታዕሊም ወዘተ. ነናቱ ግዜ ኣለዎ። ሳዋ ምኻይይ ሂወተይ ስሩዕ ክኸውን፣ ብመደብ ክኸይድ፣ ኣብ ትምህርቲ ዝኸበረኒ ተገዳስነት ከዕቢ ጠቒሙኒ ስለዝኾነ፣ ናብኡ ክኸይድ ዕድል ምርካበይ ኣዘየ ሕጉስ'የ።

• ድሕሪኡኽ፧

ድሕሪኡ፣ ናይ ዲግሪ ነጥቢ ስለዘምጻእኩ፣ ናብ ኮለጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲቐይሕ ተጸንቢረ። ምስ'ቶም ኣብ 2010 ኣብ ኮለጅ ዓዲ ቐይሕ ዝኣተዉ ቀዳሞት'የ ነይረ። ኣብ 2014 ብዓውዲ ጂኦግራፊ ወዲኡ ኽኣ ተመሪቐ።

• ዓውዲ ጂኦግራፍ ብኽመይ መሪጽካዮ፧

ድሌተይ ኣብ ቢዝነስ'የ ነይሩ። ካብ 2.4 ነጥቢ ንላዕሊ ዝነበሮም ጥራይ እዮም ናብ ቢዝነስ ዝኣትዉ ዝነበሩ። ኣነ 2.2 ስለዘምጻእኩ፣ ከም ካልኣይቲ ኣማራጺት ዝነበረትኒ ጂኦግራፍ'ያ ነይራ።

• ድሕሪ ምምራቕካ ናበይ ኣበልካ፧

ኣብ 2014 ምስ ተመረቐኩ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ደንደን፣ ከም መምህር ኮይነ ተመዲበ። ኣብ 11 ክፍሊ እምህር ነይረ። ኑዮም ናይ ምሕደራ ዝመሃሩ ዝነበሩ ተመሃሮ፣ ናይ ጂኦግራፊ መምህር ኮይነ ንኽልተ ዓመት ምሂረ።

• መዓስን ብኽመይ ተሰዲድካ፧

ኣብ 2016፣ ናይ ዲቪ ዕድል ረኺቡ፣ ናብ ኣመሪካ ከይደ። ኣብ ኣመሪካ ምስ ኣተኹ፣ ካልኣ ስራሕ እናዓመምኩ፣ ናይ ካልኣይ ዲግሪ ትምህርቲ ዛዚመ። ናይ ካልኣይ ዲግሪ ትምህርተይ ምስ ዛዘምኩ፣ ወላዲየይ ብህይወት እንከሎ፣ ክምለስ እብህግ ነይረ። እንተ ኾነ ብናይ ሽድሽተ ወርሒ ፍልልይ ብህይወት ክንራኸብ ኣይከኣልናን። ኣቦይ ድሕሪ ምዕራፉ፣ 'ንጥፈታት ኣቦይ ክትክእ ኣሎኒ' ብምባል እየ ናብ ዓደይ ተመሊሰ።

• ህይወት ኣመሪካ ከመይ ነይሩ፧

ኣብ ዘይተፈልጦ ዓዲ፣ ባህሊ፣ ህዝቢ ክትነብር ኣዝዩ ከቢድ'የ። ምስ ህይወት ዓድና ኣዛሚድካ፣ ብፍላይ ብዛዕባና ክዛረብ እንተ ኾይነ፣ ባህልና ጥዑም፣ ብሓባር ኳንካ ትነብር፣ ጸገምካ ጸገመይ፣ ሓጎስካ ሓጎሰይ እናተበሃህልካ ኢኻ ትኸይድ። ኣብ ስደት፣ ከምኡ ዝበሃል የለን - ውልቃውነት እዩ። ኣብኡ እንተ ረኺብካ ትበልዕ ትሰቲ፣ እንተ ስኢንካ ኽኣ ኣብ ግዳም ኢኻ ትሓድር። ዘሕድረካ ሰብ የለን። ናብ ኣመሪካ ምስ ኣተኹ ኣብቲ ፈለማ ጸቕጢ በርቲዑኒ ነይረ። እንታይ ክግበር መጻእኩ ኢለ በይነይ ተነኽኒኽ ዝበኽየሉ እዋን ነይሩ። ዕላማ ግን ነይሩኒ። 'ንኽንድ'ዚ ዓመት ተጸሚመ፣ ዓደይ ክምለስ እኽእል እንድየ' ዝብል ዕላማ ሒዘ ንኹሉ መኺተዮ ወጺኡ።



- **ኣብ ሰደት እንታይ ትሰርሕ ነይርካ፧**

ፈለማ፡ ናብ ክፍለ ሃገር ቴክሳስ ዳላስ ኣትየ። ኣብኡ ኣብ እንዳ መካኒክ ሰራሕ ጀሚረ። ንእሽቶ ከለኹ፡ መካኒክ እሰርሕ ስለ ዝነበርኩ፡ ሓጊዙኒ። ካብ መካኒክ ናብ ኣውቲስታ በጣሕ ተሰጋጊረ። ጎድኒ ጎድኒ ሰራሕ ከኣ ትምህርቲ ብምቕጻል፡ MBA (Master of Business Administration) ኣጽንዐ።

- **ጋራጅ ደኣ መዓስ ኣርኪብካሉ፧**

2002፡ ኣብ ኣስመራ ዓርኩ ነቦይ ጋራጅ ዝነበሮ ነይሩ። ምስኡ ሓደ ዓመት ሰሪሐ ነይረ። ኣብታ ሓንቲ ዓመት ጽቡቕ መንቋሕቋሕታ ረኺበ ነይረ። ሞተረ ኣዕሪ፡ ዘይቲ እቕይር ነይረ። ዳላስ ምስ ከድኩ፡ ኣብቲ ዝቕመጠሉ ክባቢ ብዙሕ ጋራጃት ስለዝነበረ፡ ከይደ ሓቲተ፡ ናይ መካኒክ ሰራሕ ረኺበ። ምስኡም እናተሓጋገዝኩ ኽኣ ዳርጋ ዓመትን ገለ ኣዋርሕን ሰሪሐ። ካብኡ መምርሒ ፍቓድ ኣውጺኡ፣ ተለማሚደ ናብ ምዝዋር በጣሕ ሰጊረ። ካብ 2019 ክሳዕ 2022 ኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት መራሕ መኪና ኮይነ ሰሪሐ።

- **ሰራሕን ትምህርትን ኮመይ ኣሳኒኾም፧**

ህይወት ሰደት ፈታኒ እዩ። ድቃስ ዝብሃል የለን። ኩሉ ግዜ ዕላማ እንተሃልዩ፣ ናብ ሓደ ደረጃ ክበጽሕ እየ ትብል እንተኾንካ ግን ትብድሆ ኢኻ። ቀትሪ ክትዝውር ውዒልካ፡ ምሸት ክትመሃር ከቢድ እዩ። ክንብር ኣሎኒ እንተ ኢልካ ግን ዘይክኣል ነገር የለን። ንሕና ደቂ ሰብ ርእሰና እንተ ደኣ ኣእሚናዮ ዝኾነ ዝገጥመና ዝኽእል ነገር ክንምክትን ክንበጽሖ ንደልዮ ክንረኽብን ንኽእል ኢና።

- **ኣብ ሰደት ከለኻ እንታይ እዩ ነይሩ ራእይኻ፧**

እቲ ዕድል ስለ ዝረኸብኩ ደኣ'ምበር ናብ ደገ ናይ ምኻድ ዕላማ ኣይነበረንን። ናይ ደገ ዕድል ምስ ረኸብኩ ግን እስከ ርእየዮ ዘይመጽእ ብምባል ከይደ። ርእየዮ'ውን ብዙሕ ኣይተሓሳስኩሉን። ካብ ኣተኹዎ፡ ገለ ነገር ሒዘ ክወጽእ ኣሎኒ ኢለ እናጸንርኩ ከለኹ፡ ምስ ወላዲየይ ቀጻሊ ንዘራረብ ነይርና። ከምዚ ገይረ ክመጽእ እየ እብሎ ነይረ። 'ብሰላም ምጻእ' ይብለኒ ነይሩ። ክንራኸብ ግን ኣይክኣልናን። ፓስፖርት ምስ ኣውጻእኩ፡ ልክዕ ኣብ ሸውዓተ መዓልተይ እየ መጺኡ።

- **ዕረፍቲ ወላዲኻ ምስ ሰማዕካ እንታይ ተሰሚውካ፧**

ኣቦይ ወላዲየይ ልክዕ ኣብ 78 ዓመት ዕድሚኡ እዩ ዓሪፉ። ኣብ 2021 ማለት'ዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብእዝነይ እየ ሰሚዐዮ። ኣጋጣሚ ንገዛ ደዊለ፡ ምንኣስ ሓፍተይ ምስ ረኸብኩዋ እናበኸየት ተቐቢላትኒ። እንታይ ዲና ኳንና ኢለ ሓቲተያ፧ ኣቦይ ከምዚ ኾይኑ ትብለኒ። ኣነ ኽኣ መኪና በጣሕ ሒዘ እየ ዝኸይድ ነይረ። ኣብ ጽርግያ (Highway) ክሳብ 120 ኪሎ ሜትር ኣብ ሰዓት እናረገጽኩ እኸይድ ነይረ። ዋላ ሓንቲ ክጻወሮ ኣይከኣልኩን። ማኪና ኣጸጊዐያ። ኣስታት ሰዓትን ገለ ደቓይቕን ደው ኢለ። ናይ ሰደት እዚ'ዩ ክብደቱ። ኩሉ ነገርካ ኣብ በይንኻ'ዩ። ሓጎስካ፡ ሓዘንካ በይንኻ፡ ነብስኻ ክተጥፍእ'ውን ትኽእል ኢኻ። ብዙሓት ነብሶም ዘጥፍኡ'ውን ኣለዉ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ነብሰይ እንተ ዘይቆጻጸር ነይረ፡ ኣብ ገደል ምኣተኹ ነይረ ክኸውን እኽእል'የ። ሰደት ኣመና ከቢድ እዩ።

- **መዓስ ኢኻ ተመሊስካ፧**

እቲ ናይ ምብጋስ መደብ ኣብ ርእሰይ ነይሩ። ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ኣብ ሰደት ጽቡቕ ደቂሰ ወይ ተሓጉሰ ኣይፈልጥን እየ። ካብ ዓደይ ምውጽኣይ ሕጉስ ኣይነበርኩን። ኩሉ ግዜ መዓስ እየ ዝምለስ እብል ነይረ። ፓስፖርት ከውጽእ ግዜ ወሲዱለይ። ብዙሕ መኻላፋት ነይሩ። ናይ ኮሮና ነይሩ፡ ኣብ 2019 ናይ ምምጻእ መደብ ነይሩኒ። ምስ ቑጠባን ካልእን ግን ኣይተኻእለንን። ኣብ መወዳእታ፡ ፓስፖርት ከውጽእ ኣብ ቴክሳስ ሰለስተ ወርሒ ምስ ቆጸሩኒ፡ ካብዚ ንላዕሊ ኣይጽበይን እየ ኢለ፡ ናብ ሳንዲያጎ ካሊፎርኒያ ብምኻድ፡ ኣብ ሰለስተ መዓልቲ ፓስፖርተይ ድሕሪ ምውጽኣይ፡ ኣብ ሸውዓተ መዓልቲ እየ ናብ ኣስመራ መጺኡ።

- **ኣስመራ ምስ ረገጽካ እንታይ ተሰሚውካ፧**

ብዙሕ ጽቡቕ ነገር ሓሲቡ። ዋላ ካልእ ይትረፍ፡ ኣብ ቴክሳስ ዘለዉ ዓበይቲ ኣሕዋትና - 'እንተ ሓሚምካ፡ ሓኪም ንኣስመራ ኪድ' ኢሉ እዩ መድሃኒት ዝጽሕፈልካ እዮም ዝብሉኻ። እቲ ንፋሱ ይኣኽለካ። ዓርቢ መዓልቲ፡ ሰዓት 10 ቅድሚ ቀትሪ እየ ኣትየ። ድሕሪ ኣርባዕተ ሰዓት፡ ሰዓት ክልተ ኮምፕላስዮኒ ገይረ ገዛ ኣብ ምጽራይ እየ ኣትየ። ቀዳም ንግሆ ኽኣ ኣብ ጀርዲን ነይረ።

- **ጀርዲን ኮመይ ጸኒሑካ፧**

እቲ ምድፍናኞ ኣሎ። መጀመርታ ገዛ ምስ ኣተኹ፡ ብኽያት'ዩ መጺኡኒ። ኣቦይ ድቃስ ኣይነበሮን፣ ንፋዕ ሓረስታይ'ዩ ነይሩ። ከጽሪ፡ ክውልውል፡ ከዕሪ ወዘተ. እዩ ዝውዕል ነይሩ። ኣነ ኽኣ ወላዲየይ ስለ ዘየሎ፡ እዚ ገዛ ከምዚ ኮይኑ ኢለ ሕንቕንቕ ኢለ። ኣደይን ሓፍተይን ስለ ዝነበራ፡ ንዕአን ከየርእየን ብምባል ኣብ ውሽጠይ ገይረዮ፡ እምበር ብዙሕ ምድፍናኞ ኣሎ። እንቋዕ'ባ መጻእኩ ትብል። እቲ ጀርዲን ኣዝዩ ጽቡቕ'ዩ ጸኒሑኒ። ምንኣስ ሓፍተይ ኣልሚዖዮ ጸኒሓትኒ። ቀድሚኡ'ውን ንዘራረብ ስለ ዝነበርና፣ ኮመደረ ለሚው ነይሩ፡ ቃፍዛ ዝበሃል ስርናይ'ውን ዘራኣ ጸኒሓትኒ።

- **ነቲ ጀርዲን ካብዚ ዘለዎ ኩሎ ምዕባሉ እንታይ ትሓስብ፧**

መጀመርታ ዝሓሰብክዎ ብዛዕባ ባህርያዊ ድኽዮ - 'ኮምፖስት' እዩ። ኣብ ደገ ኣብ ዝነበርኩሉ ኮምፖስት ውጽኢታዊ ምኻኑ እዕዘብ ነይረ። ሓሙሽተ ክሳዕ ሸድሸተ ዓመታት ስለዝተፈለኽዎ፡ ባህርያት ናይቲ ግራት ኣይፈልጦን'የ። ግድን ኮምፖስት ገይረ ኑቲ ግራት ክቕይሮ ኣሎኒ ዝብል ሓሳብ ኣንቂለ ተበጊሰ። ኮምፖስት ገይረ ኑቲ ግራት እናቕየርኩ እተፈላለዩ ዘራእቲ እናዘራእኩ ጸኒሐ።

- **ብዛዕባ ኮምፖስት ተማሂርኩዮ ዲኻ፧ ፈለማኽ እንታይ ዘሪእካ፧**

ኣገባብ ኣደላልዋ ኮምፖስት። ካብ መርበብ ሓበሬታ ዩትዩብ ብምፍታሽ'የ ፈሊጠዮ'ምበር ኣይተመሃርኩዎን። ኣብዚ ምስ መጻእኩ ኸኣ ቃፍዛ ስርናይ ተዋሂቦም ስለ ዝጸንሑኒ፡ ኩሉ እቲ ግራት ዘሪእናዮ። ኑቲ ግራት ምእንቲ ክሕደስን ባልዓት ምእንቲ ክጠፍኡን ኢልና፡ ኮመደረ ነይራ ንእሽቶይ ቦታ፡ ካልእ'ውን ካሮቲ። ብምሉኡ ቀዩርና ሰርናይ ምስ ሰገም ዘሪእዮ። ድሕሪኡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 'ኮምፖስት' ብምግባር ኮመደረ ዘሪእ።

- **ኮምፖስት ምስ ገበርካሉ ክሳብ ክንደይ ውጽኢታዊ ነይሩ፧**

መጀመርታ ግራት ቀስ ኢሉ እዩ ዝቕየር። ግራት ፍቕሪ እዩ ዝደሊ።፣ ክትፈትዎ ኣለካ። ክትኸናኸኖ፡ ክትርእዮ ኣለካ። ከምዚ ትርእየኒ ዘለኻ፡ ሰንበት መዓልቲ ኣብ ጀርዲን እየ ዘለኹ። ግራት፡ ፍቕሪ የድልዮ እዩ። ቀስ እናበለ ውጽኢት ይህቡካ። እቲ ቦታ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓመድ እዩ ዝውንን፡ ገሊኡ ቀይሕ፡ ገሊኡ ዋላኻ፡ ገሊኡ ባዕኽል። እቲ ቦታታት ምስ ኣጽናዕካዮ እንታይ ትዘርኣሉ ትውሰን። ኮምፖስት ኸኣ ውጽኢታዊ'ዩ። ቀዳማይ ነገር እቲ ኮምፖስት ጸህያይ የብሉን። ግራት ኩሉ ግዜ ትጸህዮን ትኾሰኩሶን እንተኾንካ ጸህያይ ይጠፍእ'ዩ። ኮምፖስት ተበላሊው ስለዝመጸእ፡ ነታ ተኽሊ ዘድልያ ማዕድናት እዩ ዝህቡካ።

- **ካልእ ኣብ ምርባሕ ክብቲኸ እንታይ ገበርካ፧**

ኣብ 2012 ኣቦይ ብህይወት እንከሎ፡ ኩለን ዝነበራና ክብቲ ሸይጡወን እዩ። እዘን 2-3 ዝኾና ንገዛ ክኾና ኢለ'የ ገይረየን። ምኽንያቱ፡ ካብዚ ትርእዮ ዘለኻ ጀርዲን ዝወጸ ሳዕርን ጸህያይን ፍርቁ እተን ክብቲ ተመጊበንኡ፡ ብመልክዕ ዒባ ኣቢሉ ምስቲ ጸህያይ ተሓዊሱ፡ ነቲ ኮምፖስት መባኹዕቲ (Fermentation) ንምኻን ብዝብል እየ ክብቲ ገይረ። ንገዛ ኸኣ ጸባ ትረክብ። ብኡ መንጽር'ውን ንህዝቢ ጸባ ብምሻጥ ኣገልግሎት ትህብ። ስለስተ - ኣርባዕተ ወርሒ እየን ገይረን ዘለዋ።

- **መዓልታዊ ንዋየታትካ እንታይ ይመስል፧**

ንግሆ ሰዓት ሸዱሽተ ኣብ ጀርዲን ኣለኹ። እተን ክብቲ ምስ ሓለብኩ፡ ድሕሪኡ ጸባ ዝበጽሕ እንተ'ሎ ጸባ ኣብጽሕ፣ እንተ ዘየሎ ኸኣ ሞተር ወሊዐ ጀርዲን ማይ ኣስቲ። ካብ ፋዱስ ክሳዕ ሰዓት ክልተ ንገዛ ከይደ እምሳሕ። ሰዓት ክልተ ናብ ጀርዲን እምለስ፣ ክሳብ ሰዓት ሸድሸተ ሓንሳብ ሓንሳብ ከኣ ክሳብ ሰዓት ትሸዓተ ማይ ክነስቲ ነምስየሉ እዋናት ኣሎ።

- **ክንደይ ሰራሕተኛታት ኣለዉኻ፧**

ዝበዝሐ ግዜ ብኩንትራት ኢና ነሰርሕ። ዝኹስኩስ እንተሎ፡ ካብ 3 ክሳዕ 4 ሰባት መጺኦም ኮስኩሶም እዮም ዝኸዱ። ሸው ባዕለይ ቀስ ኢለ መድሃኒት ዝግበር እንተሎ እገብር፣ ማይ ዝሰቲ እውን ብተመሳሳሊ።

- **ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘሎካ ዝምድና፧**

ንሚኒስትሪ ሕርሻ ኣዝየ እየ ዘመስግኖም። ኣባላቱ ከይተሓለሉ ንህዝብን ሓረስታይን የንቅሑ ስለዘለዉ፡ ልባዊ ምሊጋና ኣቕርበሎም። ሓረስታይ ምስ ዝኸቅሕ ከኣ፡ ህዝቢ እዩ ዝፍወስ። ምኽንያቱ፡ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ዝብሃል፡ ኣብኡ ዘሎ 'ከሚካል' ንደቂ ሰብ፡ ጠጅሚ ኣይኮነን። ዋላ ንተኽሊ ንሸው እንተ ፈወሰ እቲ ሰብ እዩ ዝበልያ ዘሎ። ንኣብነት ከም በዓል ጅርጅር፡ ኣድራ፡ ኮመደረ ኣብ ሓዊ ከይበሰሉ ዝብልዎ እዮም። ሓረስታይ ብግቡእ ኣገባብ ጸረ-ባልዕ እንተዘይተጠቒሙ፡ ብተዘዋዋሪ ነቲ ቀመም ከም ዘሎዎ ትምገቦም ኣለኻ ማለት እዩ። እቲ ከሚካል ተኣኪቡ እንታይ ዓይነት ሕማማት ከም ዘምጽእ፡ ዝኾነ ሰብ ዝስሕቶ ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ሓደ ካብኦም መንሸሮ እዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ባህርያዊ ኣገባብ ልምዓት ንምትብባዕ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕርታት፡ ዝገብሮ ዘሎ ኣስተምህሮታትን ጎስጓሳትን ብቑሊል ዝርኢ ኣይኮነን። ኣብ ንቑጣ ዘለዉ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ መዓልታዊ እናመጹ እዮም ብቑረባ ዝከታተሉና፣ እቲ ተኽሊ ዝኾነ ነገር እንተ ኾይኑ ዘድልየና



ነገራት እዮም ዝተሓባበሩና። ንኣብነት፡ ሲድራ ዝብሃል ዓይነት ስርናይ ዘሪእና ነይርና። እቲ ስርናይ ኣብ ጽቡቕ ኵነታት ነይሩ። እቶም ኣብዚ ንቑጣ ዘለዉ ወከልቲ ሕርሻ፡ ነቶም ናይ ንኡስ ዞባ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንሳቶም ድማ ጸብጸቦም ናብ ዞባ፣ ናይ ዞባ ኽኣ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ጸብጻብ ኣቕሪቦም። ኣብ መወዳእታ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ መጺኡ ርእዩዎ። ኣዝዩ ተገሪሙ። ሚኒስተር ዝኣክል መጺኡ ከምኡ ምባሉ፡ ንዓይ ብርቂ ነገር'ዩ ነይሩ። ኣብ ህይወተይ ዘይርስዓ መዓልቲ እያ። ንስርሐይ ኣኽቢሩ፡ ብኣካል ናብዚ መጺኡ ከተባብዓኒ ምኽኣሉ ኣመና'የ ተሓጉሰ። በዚ ኣጋጣሚ ልባዊ ምስጋናይ ኣቕርበሉ።

• እቲ ስርናይ እንታይ ሰለዝገበርካሉ'ዩ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ኾይኑ፧

ኩሉ ናይ ኣምላኽ እንድዩ፡ እቲ ኣነ ዝገበርክዎ ጻዕሪ ግን ኮምፖስት'ዩ እየ ዝብል። እዚ ጀርዲን ከባቢ ሰለስተ ሄክታር'ዩ ስፍሓቱ። ከባቢ 25 ቪያጆ ኮምፖስት እየ ገይረሉ። ካልኣ፡ ልክዕ ከም ሰላጣ፡ ኮመደር እዩ ተኹስኩሱ። እቲ ዝኣክል ክንክን ተገይሩሉ እዩ።

• ንሕርሻ ክሳብ ክንደይ ናብዮት የድልዮ፧

ከም ድሌተይ እንተ ዝኸውን ኣብዚ እውን ክሓድር ኣይምጸላእኩን። ዝኾነ ሓረስታይ ንጀርዲኑ እንተ ተኸናኺንዎ፡ ዝግባእ ፍቕሪ እንተ ሂብዎ፡ ምሉእ መዓልቲ እውን ኣይኣኽሎን እዩ። ሓደ ብሓደ ንኹሉ እቲ ኮመደረ ክትርእዮ፡ ቀጽሉ ገንጺልካ ክትርእዮ፡ ግዜ ኣይኣኽለካን እዩ። ከምኡ እንተ ዘይገይርካ ኽኣ ጽባሕ ንግሆ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ሕማም ኣብኡ እዩ ዘሎ። ኣብቲ መሬት ክተርፍ እዩ ወይ ነታ ጥቓኣ ዘላ ክትሓምም እያ ከምኡ እናበለ ኩላ እታ ግራት ክትሓምም ትኽእል። ለይትን ቀትርን እውን ኣይኣኽለካን እዩ።

• ትሕዝቶ ማይ ከመይ ኣለካ፧

ኣብዚ ኮባቢና ትሕዝቶ ማይ ደሓን እዩ። ናይ ማይ ጸገም የለን። ድበት ናይ ዒላ እንተ ዘይኮይኑ ብዙሕ ናይ ማይ ጸገም የለን። ሞተር ኢና ንጥቀም። ክሳብ ሕጂ እኳ ኣየተኣታተናዮን ዘሎና እምበር ብሶላር ክንጥቀም እውን መደብ ኣሎ።

• ኣብ ሰደት ምሳኻ ዝሰበሩ ትረኽቦም ዶ፧

እረኽቦም እየ። 'በቃ ኣኺሉካ ድዩ ኮፍ ኢልካ' ይብሉኒ።

• ምስቲ ዘለካ ተመኩሮ ኣዛሚድካ ሰደትን ምረቱን ከመይ ትገልጾ፧

ሰደት ገለ ጽቡቕ ነገር'ኳ እንተለዎ፣ ዝበዝሐ ግን ጸቕጢ እዩ። ካልኣ ይትረፍ ናፍቕት ይኣኽለካ። ጽምዋ ይኣኽለካ፣ ውጽኢ ኢልካ ሰብ ዘይትረኽበሉ፡ ዘይትርእየሉ፡ ከም ልብኻ ዘይትኾነሉ ዓዲ እዩ። ኩሉ ግዜ እሱር ኢኻ። ብፍላይ ኣብ ዓድና ዘሎ ጥዑም ንፋሱ፡ ብናጻ ትንቀሳቐስ ለይቲ ይኹን ቀትሪ፡ መን ኢኻ ዝብለካ ዘይብሉ፡ ዝኾትረካ ዘይብልካ፡ ኣብ ዓድኻ ምህላው መዳርግቲ የብሉን።

• መጺኢ መደባትካ፧



ብዙሕ ዝተርፈኒ ኣሎ። ከምቲ ናይ ኣቦይ ክንብሮ ብዙሕ ዝተርፈኒ ኣሎ። ንኣብነት፡ ኣቦይ ሓደ ካብ ኣርባሕቲ ጸባ ከብቲ እዩ ነይሩ። ክሳብ 1000 ሊትሮ ንመዓልቲ ጸባ የፍሪ ነይሩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ እዩ እዚ መሬት ተዋሂብዎ። ኣርባሑ ከብቲ ተባሂሉ ብሊቸንሳ እዩ ተዋሂቡዎ። ኣብኡ ደረጃ ክበጽሕ እደሊ።

• ሰድራ ቤትካ ካብ ሰደት ተመሊስካ ኣብ ጀርዲን ትሰርሕ ኣለኻ። እንታይ ይብሉኻ፧

ብፍላይ ወላዲተይ መግለጺ የብላን። ኣብ ቅድመይን ድሕረይን ምስ ሰባት ክትዛረብ እንከላ መሪቓ ኣይትጸግበንን እያ። በዓልቲ ቤተይን ወደይን ምሳይ እዮም ዘለዉ። ንግሆ ተንሲእ ባኒ ክገዝእ ንወደይ ሓንጉረዮ እየ ዝኸይድ፣ ወዲ 2 ዓመት እዩ። ገዛውትና ክረኽቡና እንከለዉ፡ እዚ ጎራሕ ኣቦኻ፡ ኣብ ጥዑም ዓድኻ ኣምጺእካ ይብልዎ። እቲ ዝብሉኒ ኩሉ ምስጋና እዩ። ከም ኣብነታዊ ገይሩ እዩ ዝወስደኒ።

• ሓዳር ኣበይ ኢኻ ገይርካ፧

ኣብ ወርሒ ሓምለ 2018 እየ ኣብ ዩጋንዳ ተመርዕየ። በዓልቲ ቤተይ ካብ ዩጋንዳ፡ ኣነ ኸኣ ካብ ኣመሪካ ናብዚ መጺእና። በዓልቲ ቤተይ ናብ ሰደት ምኻድ ብዙሕ ባህጊ ኣይነበራን። ንሳ ትምነዮ - ኣነን ንስኻን ብሓደ ንኹን እዩ። ኣብ ዓድና መጺእና ኸኣ ብሓባር ንነብር ኣሎና። ኣቦ ሓደ ቀልዓ እየ፡ ብሕጂ ከኣ ኣብ መገዲ ኣሎና።

• ኣብ መወዳእታ ትብሎ እንተ'ሎካ፧

ነቶም ኣብ ሰደት ዘለዉ፡ "ዓድኹም እተዉ፡ ዓድና ዘይውዳእ ሃብቲ እዩ ዘለዎ። ክቡር ባህሊ፡ ጥዑም ንፋስ ኣሎና፡ ብዙሕ ነገር ኣሎ፡ ተዛሪብካ ዘይውዳእ። ኣብ ዓድኹም መጺእኩም ወፍሪ ግበሩ" እብሎም። ንሓረስቶት ከኣ፡ "ተቓለሱ፡ ጸዓሩ፡ ዝጸዓረ ኣይከልኦን እዩ ኣምላኽ" ክብሎም እደሊ። ንኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻን ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀን ድማ ደጊመ ኣመስግኖም።

***

“ተጠርኒፍካ ምስራሕ፡ ብሓሳብን ወጻኢታትን ልዑል ኣስተውጽኦ ይርከቦ”

ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ (ማሕደኤ)

ብነጃት ኣድምን ሄለን መኽታን

ኣብ ማሕበር ሕርሻዊ-ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ (ማሕደኤ) ተጠርኒፈን ዝርከባ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ፡ መፍረ ንህቢ፡ ምፍራይ ኣሕምልትን ፍረታትን ምምስራሕ መግብን ወዘተ. ኣብ ምንጣፍ ይርከባ። ኣብ ክልቲኡ ኣብ ምፍራይን ምምስራሕን ዝነጥፋ ኣባላት እዚ ማሕበር ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናበርከታ ይመጻ ኣለዋ። እዚ ማሕበር፡ ዕላማኡ ከም ዘነጽሮ፡ ኣብ ሃገራዊ ውጥን ቀረብ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ኣበርክቶኡ ኣብ ምግባርን ንመነባብሮ ናይ’ተን ኣብ ንግዳዊ ሕርሻ ዝሳተፋ ደቀንስትዮ ኣብ ምብራኽ ዘይንዓቕ ኣስተዋጽኦ ይገብር ኣሎ። ኣስታት 60 ዝኾና ኣባላት ማሕደኤ ብውልቀን ብጉጅለን ኣብ ሸሞንተ ሕርሻዊ ስራሓት ኣብ ምንጣፍ ይርከባ። ምምስራሕ መግቢ ሓደ ካብ ዓይነት ንጥፈታተን ኮይኑ፡ ኣብ ምድላው ሽሮ፡ በርበረ፡ ሕልበትን ጥሕንን፡ መግቢ ሕጻናትን ብሽኮትን፡ ምድላው ቀጠፍን ቀመማትን ከምኡ’ውን ዝነቐጸ ፍረታትን ስጋ (ቋንጣ)ን ድማ ይሓቑፍ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ፡ ምስ ገለ ወከልቲ ናይቲ ማሕበር እተኻየደ ሓጸርቲ ቃለ-መሕትት ይስዕቡ፡-

ምድላው ሽሮን በርበረን

ወ/ሮ ዝፋን ባህታ፡ ኣገባብ ምድላው ሽሮን በርበረን ካብቲ ኣብ ቤታ እትርእዮ ዝነበረት’ያ ክትመሃር ጀሚራ። ኣብ ግዜ ንእስነታ፡ ብሰንከ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ዕግርግር፡ ስድራቤታት ድራር ዕለተን ክምእርራ ኣጸጋሚ ነበረ። ሓትነኣ ንዝፋን፡ ኣብ ከባቢ ነፋሲት - ሸግርኒ - ዝነበረ ናይ ሕርሻ ቦታ ወፈራ፡ ንስድራኣን ስድራ ዝፋንን ተወንግል ነበረት። ዝፋን ዓብያ፡ ኣንፈታ ናብ ሕርሻ ምስ ኣበለት’ውን ኣብቲ ትዕንገለሉ ዝነበረት ግራት’ያ ዕዮ ሕርሻ ፈሊማ። ካብ ግራት ስድራቤታን ውሕልነት ኣደታታን ዘዋህለለቶ ጥበብ፡ ናብ መጠነ-ንኡስ ንግዲ



ወ/ሮ ዝፋን ባህታ

ክትቀይሮ ዝሓገዛ ግን ናብዚ ማሕበር ተጸንቢራ ዝረኸቦቶ ፍልጠትን ተመኩሮን ምኽኑ ትሕብር። “‘ሽሮ ቀመም ኣይትፈቱን እያ፡’ ክብላ ንሰምዕ ኢና። ኣብዚ ማሕበር ምስ ኣተና ግን ብዝያዳ ንውሕልነት ፍልጠት ወሲኽናሉ። ሕጂ ፍርያትና፡ ብኹነትል ኣብ ካሮሳ ተጻዒኑ ክኸይድ ክንርእዮ እንከለና፡ ‘ናትና ድዩ’ ኢልና ንግረም፡” ብምባል ዘርኣየቶ ዕብየት ትገልጽ። ናብዚ ማሕበር ካብ ትጽንበር ኣትሒዛ (2014)፡ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ብምውሳድ፡ ብርክት ዝበለ ፍርያት ሽሮን በርበረን ንምርኢት ባዛርን ዕዳጋን ኣቕሪባ ኣላ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ምስ ካልኦት ከምኣ ዝኣመሰላ ደቀንስትዮ ብጉጅለ ተጠርኒፋ፡ ብኽንታላት ኣፍርያ ንዓበይቲ ትካላት፡ ከም ኩባንያ ሀንጻ ሰገን ዝኣመሰላ ኣብ ምእንጋድ ትርከብ።

እዚ ሓባራዊ ፍርያት፡ ብዘይካ’ቲ ሃልኪ ዝንኪ ምኽኑ፡ ተወሳኺ ጥቕምታትን ፍሉይነትን ኣሎዎ። ኣብ ምድላው ፍርያተን ዝጥቀማሉ ቀመም፡ ግቡእ መጽናዕቲ ተኻይዶሉ ዝኣቱ ኾይኑ፡ ኣብ መዐሸጊ ገበር ብንጹር ሰፊሩ ንረኽቦ። ኣብ ምምስራሕ መግቢ ሽሮ፡ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ ገፈል ዓተር ብልምዲ ይጓሓፍ እዩ። እንተ ኾነ፡ ነቲ ናይ ዓተር ገፈል ተዳልዩ ብመልክዕ ‘ሱፕ’ ክብላዕ ከም ዝኽእል ወ/ሮ ዝፋን ትገልጽ። ስለዚ፡ ኣብዚ ማሕበር ብዝረኽባኦ ስልጠናን ተመኩሮን፡ ካብቲ ኣብ ቤትና እነዳልዎ ንላዕሊ መጠን መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ ፍርያት ከም ዘዳልዋ ትውሰኽ። ሽሮ፡ ጸብሒ ተሰሪሑ፡ ነቒጹ፡ ብመልክዕ ፓውደር ‘ድሉው ሽሮ’ ከዳልዋ’ውን ሓሳብ ከም ዘሎወን ገሊጸ። ወ/ሮ ዝፋን፡ ንስራሕን ብመንጽር ሕርሻዊ ንግዲ ኣገናዚባ፡ ብብዝሒ ንምፍራይ ናይ ዓቕሚ ሰብ ሕጽረት ከም ዘሎ ትገልጽ። “ኣብ ኤርትራ ዝፈሪ ሽሮን በርበርን ካብ ናይ ካልእ ሃገር ዝበለጸን ዝጠዓመን’ዩ። እንተኾነ ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብ ምሻጥ ሓሊፍና ንሰደድ ኣይንሓስብን ኢና። ብብዝሒ እንተ ነፍሪ ግን ናብ ደገ’ውን ምለኣኽናን ጸለውቲ ምኹንናን፡” ብምባል ብርእሰ-ተኣማንነት ትገልጽ።

ምድላው መግቢ ሕጻናት

ህይወት ተኽለ፡ ምስ ክልተ ብጾታ ኣብ ሓደ ጉጅለ ተጥርኒፋ መግቢ ሕጻናት (ዲ.ኤም. ከይ) እየን ዘዳልዋ። ፍርያተን ካብቲ ኻልእ ፍሉይ ዝገብሮ ኸኣ ትሕዝቶ ምቁር ድንሽ ስለ ዝርከቦን ኣዝዩ እተመጣጠነን ብደገፍ



ወ/ሮ ህይወት ተኽለ

ክኢላታት ብሰነ-ፍልጠት እተዳለወን ምኻኑ እዩ። ምቁር ድንሽ ቪታሚን ሲ፡ ቪታሚን ኤ፡ ፋይበር፡ ፖታሽየም፡ ማግነዝዩምን ካልእ ንጥዕና ዘገድሱ ትሕዝቶታትን ይርከቦ። ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕብየት ሕጻናት ድማ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። እዚ ፍርያት'ዚ ዋላ'ኳ ንሕጻናት ኢሉ ይዳሎ፡ መኣዛዊ ትሕዝቶኡ ግን ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ንዝርከብ ሰብ'ውን ኣገዳሲ እዩ። ህይወት፡ ከም ዝበዝሓ ደቀንስትዮ ኣብ ገዛኣ ኹይና ብሽኮቲ፡ ዲ.ኤም.ከይ.ን ካልእ ዓይነት መግብን ናይ ምድላው ኣተና ነይሩዋ'ዩ። ንኣተናኣ ዘስተውዓለ ዓብዩ ሓዋ (ኢንጅነር ብርሃናዊ ተኽለ)፡ ኣባላት ማ.ሕ.ደ.ኤ. ንዘዳለዋኦ ባዛር ከይዳ ክትርእይን ክትላለን ኣማኸራ።

ህይወት፡ ንምኽሪ ሓዋ ሰሚዓ ናብዚ ማሕበር ምስ ተጸንበረት፡ ኣብ ተመሳሳሊ ፍርያት ዝኸጥፉ ደቀንስትዮ ተላላያ፡ ኣብ ሓደ ጉጅለ ተጠርኒፋ ዲ.ኤም.ከይ. ብምቁር ድንሽ ከተፍሪ ጀሚራ። "ብጉጅለ ተወሃሂድና ክንሰርሕ ምስ ጀመርና፡ ብዙሕ ጉዳያት እዩ ተቓሊሉልና። እቲ ካብ ብዙሕ ርእሲ ዝርከብ ሓሳባትን ምኽርን ኣብ ስራሕና ኣገዩ ሓጋዚ ነይሩ" ብምባል ከኣ ተመኮሮኣ ትገልጽ። ኣብ ምጅማረን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብርትዓዊ ዋጋ ምቁር ድንሽ ኣብ ምቕራብ ዝወሰዶ ተበግሶ ኣመና ሓጋዚ ምንባሩ ብምግላጽ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ካብ ዕዳጋ ገዚኣን ይጥቀማ ምህላወን ትሕብር። ክብሪ ዋጋ ምቁር ድንሽ ሓደ ብድሆ ኾይኑ፡ ኣብቲ ዝፈርየሉ እዋን፡ ብብዝሒ ገዚኣን ከዳልዎኦ ኸኣ ናይ ዓቕሚ ሰብን መሳርሕን ካልእ ብድሆ ከም ዘሎወን ትገልጽ። ምቁር ድንሽ ቀልጢፉ ናይ ምብልሻው ባህሪ ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ጸርዩን ተመቲሩን ንኽጥሓን ብርክት ዝበለ ዓቕሚ ሰብ ይሓትት። ብተወሳኺ መዐሸጊ ዝኸውን ናውቲ ከም ዝሸገራ'ውን ትሕብር። ብሓፈሻ እኹል መመስርሒ ቦታ ኣብ ምንዳይ ከም ዝርከባ ትሕብር።

ህይወት፡ ፍርያተን ኣብ ድኳናት ተሰሪዑ ክሸየጥ ክትርእዮ ኸኣ፡ ፍሉይ ስምዒት ከም ዝፈጥረላ'ያ ትገልጽ። "ኣብ ዕዳጋ ፍርያትካ ክትርኢ እንከለኻ፡ ኣብቲ ዕዳጋ ዘለኻ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓኒ" ዝበለት ህይወት፡ ጓል ኣንስተይቲ ብቕጠባ ርእሳ ክትክእል ኣገዳሲ ምኻኑ ተብርህ። ህይወት ኣብ ጉዕዞኣ ንዘንጎፋ ብድሆታት ፈቲሓ፡ ብዝሓየለ ክትዓዩ ምኻና ገሊጻ፡ ንኻልኦት ኣብ ሕርሻዊ ንግዲ ክነጥፋ ዝደልያ ኣብ በቤተን ዝርከባ ወሓለታት ደቀንስትዮ ናብዚ ማሕበር ክጽንበራ ትላቦ።

ምድላው ብሽኮቲ

ራሄል ተኽስተ፡ ብናይ ስድራቤታ ድኳን እያ ናብ ንግዲ ዓለም ተላልያ። ኣብ ቤታ ብሽኮትን ካልእ ምቁር ሕብስትን ናይ ምስራሕ ባህጊ ስለ ዝነበራ፡ ብንኡስ ዓቕን ትሰርሕን ተከፋፍልን ነበረት። ብዛዕባ ማ.ሕ.ደ.ኤ. ብመገዲ ጎረቤታ ሊድያ ለተ እያ ፈለማ ዝሰምዐት። ቡቲ ብውልቀን ዝዝርግሕኡ ዝነበራ ናይ ፊኖ ብሽኮቲ ደሓን ዝኾነ ዕዳጋ ይረኽባ ስለ ዝነበራ፡ ራሄል ንንጥፈታት ማሕበር ከም ምንጪ ዕዳጋ ኣይትርእዮን ነበረት። ሊድያ፡ ኣብቲ ማሕበር ተጸንቢራ ስልጠና ድሕሪ ምውሳዳ፡ ንባዛር ዝኸውን ብጣፍ ዝተሰርሐ ብሽኮቲ ምስ ራሄል ብምኻን ኣዳለወት። ራሄል ከኣ ናብቲ ባዛር ንፈለማ ግዜኣ ምስ ከደት። ኣረኣእያኣ ተቐየረ። ኣብቲ ምርኢት ቀሪቡ ዝነበረ ብዓሳ፡ ጥረታት፡ ፍረታትን ኣሕምልትን ዝተዳለወ ፍርያት ኣዝዩ ከም ዝመሰጣን ናብቲ ማሕበር ክተጽንበር ዓቢ ድርኺት ከም ዝፈጠረላን ትሕብር።

ራሄል ናብዚ ማሕበር ካብ እትጽንበር ልዕሊ ክልተ ዓመታት ገይራ ኣላ። ኣብዚ ግዜ ራሄል ምስ ጉጅለኣ ኾይና፡ ብእተፈላለየ ኣእካል ዝተዳለወ ብሽኮቲ ንዕዳጋ ትቕርብ ኣላ። ኣብዚ ብናይ ደገ ፍርያት ተዓብሊሉ ዝርከብ ዕዳጋ፡ እቲ ብውሽጣዊ ዓቕሚ



ወ/ሮ ራሄል ተኽስተ

ዝተዳለወ ፍርያት ተወዳዳሪ ክኸውን በዳሂ ምኻኑ ዝገለጸት ራሄል፡ ፍርያተን ብዝተኻእለ ተወዳዳሪ ክኸውን ብውልቀን ብጉጅለን ልዑል ጻዕሪ ከም እተካይድ ኣረዲኣ። ብጉጅለ ተጠርኒፍካ ዝሰራሕ ስራሕ፡ ብሓሳብን ወጻኢታትን፡ ልዑል ኣስተውጽኦ ከም ዝርከቦ ተብርህ። እዚ ብራሄልን ብጸታን ዝፈሪ ብሽኮቲ፡ ካብቲ ኣብ ዕዳጋ እንረኽቦ ናይ ወጻኢ ሃገር ብሽኮትታት፡ ብጥዕናዊ ትሕዝቶኡ ዝያዳ ተመራጺ እዩ። ኣብ ምድላው እዚ ፍርያት ልዑል ኣቓልቦ ዝወሃቦ መኣዛዊ ትሕዝቶኡ፡ ንጥዕና እወታዊ ጥቕሚ ኣሎዎ። ራሄል፡ ዝወሃበን ስልጠናታት ኣብ ስርሐን ልዑል ኣስተዋጽኦ ከም ዘሎዎ ብምጥቃስ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ምድላውን ምዕሻግን ፍርያተን እናዓበየ ከም ዝመጽኣ ትገልጽ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ሕርሻዊ ንግዲ ክነጥፋ ንዝደልያ ደቀንስትዮ ኣብዚ ማሕበር ክጥርነፋ ተላብያ።

ምምስራሕ ዝኸኞጸ ፍረታትን ቋንጣ ሲጋን

ወ/ሮ ሰላማዊት መኮነን፡ ብሞያ ክንክን ዕምባባታት ኣቢላ'ያ ናብ ዓውዲ ሕርሻ ተጸንቢራ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ምስ ዛዘመት፡ ካብ ሆስፒታል ጥቂር



ወ/ሮ ሰላማዊት መኮነን

ኣንበሳ ብዓውዲ ነርሲንግ ተመሪቓ'ኳ እንተ ነበረት፡ ድሒሩስ ኣንፈታ ናብ ዋኒን እዩ ኣቢሉ። ናብ ኤርትራ ተመሊሳ ደጊማ ማትሪክ ተፈቲና ናይ ዲግሪ ነጥቢ ስለ ዘምጽኣት፡ ናብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ተጸንቢራ ብዓውዲ ምሕደራ ዋኒንን ህዝባዊ ምሕደራን (Business and Public Administration) ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቓ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ቦኸሪ ወዳ፡ ሕጻን ስለ ዝነበረ ኣብ ዝኾነ ትካል ተቐጺራ ክትሰርሕ ክጥዕማ ከም ዘይክእል ተረዲኣ፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ዋኒን ክትከፍት'ያ ወሲና። ዝተማህረቶ ዓውዲ ቢዝነስ ከም ብልጫ ወሲዳ፡ ባዕላ እተካይዶ ዋኒን፡ ድኳን መሸጣ ዕምባባ ከፈተት። ኣብቲ ዋኒን ከኣ ካብ 2001 ክሳዕ 2017 ሰርሐት።

ማ.ሕ.ደ.ኤ. ብ2003 ክምስረት እንከሎ ካብ ዝነበራ ኣባላት ዝኾነት ሰላማዊት፡ ኣብቲ ማሕበር ምጽንባራ ዓቢ ረብሓ ከም ዝረኸበትሉ ትነግር። ፈለማ፡ ንሳን ክልተ ብጾታን ሓደ ጉጅለ ብምምስራት፡ ናይ ፍሩታ ማልማላታ ከፍርያ ጀመራ። ዘፍርያኦ ዝነበራ ማልማላታ፡ ናብ ማእከል ብቐዓት ኤርትራ ምስ ኣቕረባኡ፡ ናይ ሸሞንተ ወርሒ ዕምራ-ክብሒ ዘሎዎ ብቐዕ ፍርያት ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ፡ መረጋገጺ ወረቐት (Certificate) ተቐበላ። ሰርሐን ብኢድ ዝሰራሕ (Manual) ስለ ዝነበረ ግን ኣህላኽን ብብዝሒ ከፍርያ በዳህን ነበረ። ምስቲ ኣብ ዕዳጋ ብሕሱር ዝዝርጋሕ ዝነበረ ናይ ደገ ፍርያት ብዋጋ ክወዳደር ስለ ዘይከኣለ፡ ናይ ማሽነሪታት ፍታሕ ክሳብ ዝረኽባ ከቋርጻኦ ተገደዳ። ኣብ ከምዚ ኮነታት፡ ሰላማዊት ናይ ትምህርቲ ዕድል ብመገዲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ስለ ዝረኸበት ናብ ጃፓን ብምኻድ ንሽዱሽተ ወርሒ ናይ ምምስራሕ መግቢ ትምህርቲ ተማህረት።

ካብ መግሻኣ ምስ ተመልሰት፡ በዚ ሕጂ ትነጥፈሉ ዘላ፡ ምምስራሕ ዝኸኾጸ ፍረታትን ሲጋ (ቋንጣ)ን ክትዓዩ ወሰነት። ኣብ ዝተፈላለየ ድኳናትን ባዛርን ምስ ኣቕረቡቶ፡ ብፍላይ ብቐልዑን መንእሰያትን ጽቡቕ ተቐባልነት ስለ ዝረኸበትሉ፡ ኣብ መጻኢ ብብዝሒ ከተፍርይን ዝርጋሐኣ ከተዕብን ተሰፋ ከም ዘለዋ ትሕብር። ኣብ መወዳእታ፡ "ኣብዚ እዋን ናብ ማ.ሕ.ደ.ኤ.



ወ/ሮ ሰናይት ተስፋልደት

ዝጽንበራ ደቀንስትዮ ዕድለኛታት እየን፡" ዝበለት ሰላማዊት፡ ኣብዚ ማሕበር ብዙሕ ተመኩሮ ዝደለባ ኣደታተንን ዓቢይቲ ኣሕዋተንን ምህላወን ብሕጂ ንዝጽንበራ ደቀንስትዮ ብልጫ ምኻኑ ትገልጽ። ኣብ ሕርሻዊ ንግዲ ክነጥፋ ንዝደልያ ደቀንስትዮ፡ ናብዚ ማሕበር ብምጽንባር ብርክት ዝበለ ዕድላት ትምህርትን ሞያን ክረኽባ ከም ዝኽእላ ብምሕባር ትድምድም።

ምምስራሕ-ቀጠፍን ቀመማትን

ማ.ሕ.ደ.ኤ.፡ ከምቲ ኣብ ቀዋሙ ኣስፊሩዎ ዘሎ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ዓመት ጉባኤ ብምክያድ ኣካየድቲ ማሕበር ብወግዒ ይመርጽ። ኣብ መጋቢት 2025 ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ ኸኣ ሓንቲ ካብተን እዚ ማሕበር ክምስረት እንከሎ ዝነበራ ደቀንስትዮ፡ ሰናይት ተስፋልደት፡ ኣደ መንበር ኮይና ተመርጸት። ሰናይት ኣብ ሕርሻዊ ንግዲ ቅድሚ ምንጣፋ፡ ንሸውዓተ ዓመታት ዝኸውን ኣብ ባንክ ሰራሓ። ጸኒሓ ድማ ናብራኣ ንምምሕያሽ ባዕላ እተመሓድሮ ዋኒን ክትከፍት ልዑል ባህጊ ኣሕደረት። ናብ ወጻኢ ሃገር ምስ ገሸት፡ ኣብተን ዝነበራኣ ሸዱሽተ ኣዋርሕ፡ "ናብ ዋኒን ከሰጋገረኒ ዝኽእል ገለ ተማሂረ ናብ ዓይይ ክምለስ ኣለኒ፡" ኢላ ሓሰነት። ኣብቲ ዝነበራ ግዜ ክትመሃሮ እትኽእል ሞያ ክንክን ዕምባባ ነበረ። ብእኡ ምኽንያት ከኣ ናይ ክንክን ዕምባባ ስልጠና ወሲዳ ናብ ሃገራ ተመልሰት።

እዚ ይኹን እምበር፡ ኣትክልቲ፡ ዕምባባታትን ኣቑጽልትን ምስ ስድራቤት ሰናይት ጥቡቕ ምሕዝነት ከም ዝነበሮም ካብ ዕላላ ይበርሃልካ። ኣቦኣ፡ ኣቶ ተስፋልደት ብዘይካ ሻሂ ብቑጽሊ ቀላሚጦስ ካልእ ቁጽሊ ሻሂ ይሰቲ ስለ ዘይነበረ፡ ኣብ መንበሪ ናይ ኩሎም ደቂ፡ ገረብ ቀላሚጦስ ኣሎዎም።

ሰናይት፡ ብ2003፡ ማ.ሕ.ደ.ኤ. ክቐውም እንከሎ ካብ ዝነበራ ደቀንስትዮ ሓንቲ እዩ። ኣብዚ ማሕበር ዝወሰደቶ ስልጠናታት፡ ነቲ ዝነበራ ሞያ ክንክን ዕምባባ፡ ምፍራይን ምሻጥን ኣትክልቲ ክትውስኽሉ ሓጊዙዋ እዩ። መሸጣ ዕምባባ እናዛሕተለ ኣብ ዝኾደሉ ግዜ፡ ካልእ ከተፍርዮ እትኽእል እንተ'ሎ ሃሰው ክትብል ጀመረት።

ኣብ ከምዚ ኮነታት እምበር፡ ብዛዕባ ቀመማት ኣትክልቲ ከተጽንዕ ጀመረት። ምስቲ ዝጸንሓ ስድራቤታዊ ድሕረ-ባይታ፡ ናይ ቀመማት ኣትክልቲ ኣይሓደሳን። ኣብ ዕዳጋ ግን ሰብ ብዘይካ እቲ ዝለመዶ ቀመማት ካልእ ሓደስቲ ቀመማት ከም ዘይደፍር ተረድኣ። ፍርያታ ባህርያዊ ክነሱ፡ ምስቲ ብከሚካላት ዝፈረየ ቀመማት ወጻኢ ሃገር፡ ክወዳደር ኣጸጋሚ ኮነ። ርእይቶ እናኣከበትን መጽናዕቲ እናኣካየደትን ከይተሓለለት ጸዓረት። ፈለማ ክልተ ዓይነት፡ ደጊማ ክልተ ዓይነት ብምውሳኽ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣርባዕተ ዓይነት ቀጠፍ ከተፍሪ ክኢላ ትርከብ። ኣገባብ ኣተዓሻሸጋኡ'ውን ምስ ግዜ እናኣማዕበለቶ፡ ፍርያታ ኣብ ከረጺት ሻሂ (tea bag) ዓሺጋ ንዕዳጋ ተቐርብ ኣላ።

ሰናይት ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ናይ ናዕናዕ ሻሂ፡ ናይ ለሚን ሻሂ፡ ናይ ኣምዐ ሻሂ ከምኡ'ውን 'ህዱእ ሻሂ' ዝሰመየቶ ኣርባዕተ ዓይነት ቀጠፍ ተዳሉ። ኩሉ ፍርያት ካብ ግራታ እዩ፣ ካብ ምፍራይ ኣትክልቲ ክሳብ ተመሰሪሑ ናብ ዕዳጋ ዝቐርብ ከኣ ባዕላ ተዳልዎ። ዝተወሃህደ መማቐርቲ ተባሂሉ ኣብ መግቢ ዝኣቱ ክልተ ዓይነት ቀመም'ውን ተዳሉ እዩ። ሰናይት እዚ ማሕበር ዘለዎ ዕድላትን ተመኩሮን፡ ኣብዚ ዓውዲ ክነጥፋ ንዝደልያ ሓደስቲ ደቀንስትዮ መንጠሪ ባይታ ክኸውን ከም ዝኽእል ብምትእምማን ትገልጽ። ኣብ ሕርሻዊ ንግዲ ተገዳስነት ዘለወን ደቀንስትዮ ክጽንበራኦ ብምልባው ከኣ ዕላላ ትዛዝም።

ማሕደኡ፡ ኣብ ሕርሻዊ ንግዲ ንዘነጥፋ ኤርትራውያን ደቀ'ንስትዮ፣ ፍርያተንን ኣፍራይነተንን ንምድንፋዕን ዕዳጋታት ንምርካብ ዘኽእለን ምቹእ ሃዋሁ ንምፍጣርን ዓሊሙ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተመስረተ ማሕበር ኮይኑ፣ እዘን ትሕት ኢለን ዝጥቀሳ ኣብነታውያን ሓረስቶት ድማ ኣብ ምርባሕ ደርሁ፡ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብትን ንህብን ዘነጥፋ ብኣብነት ዝጥቀሳ ኣባላቱ እየን።

ተቐማጢት ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ቲራፖሎ ከባቢ መዓስከር ደንደን፡ ዝኾነት ተጋዳሊት ይርጋኣለም ኤልያስ ቦኽረጽዮን፣ ንምርባሕ ደርሁ፡ ቅድሚ ከም ሕርሻዊ ንግዲ፣ ኣብ ገዛ'ያ ብኽልተ-ሰለስተ ደርሁ ጀሚራቶ። ፍርያተን ካብ ሃልኪ ገዛ ሓሊፉ፡ ተሸይጡ ምንጪ እቶት ክኸውን ብምጅማሩ ድማ ኣብ ቁጠባ ስድራቤታ ብዝፈጠሮ ምርግጋእ፡ ተደሪኻ ምስ ግዜ ክሳዕ ሰላሳ ኣብጽሓተን።

ከምዚ ኢላ እናቐጸለት ግን ኣብ 2015፡ ምምሕዳር ከባቢ መዓስከር ደንደን ምስ ጽሬትን ጥዕናን ብዝተኣሳሰር፣ ኣብ ማእከል መንበሪ ገዛ ዝነየድ መፍረ እንስሳታት ስለ ዝኾልከለ፣ ምስ በዓል ቤታን ደቃን ብምልዛብ፣ ናብ ዓዳ፡ ሕምብርቲ እያ ኣግዓዘተን'ሞ ብሓገዝ በዓል ቤታ ተጋዳላይ ክፍላይ ገብረስላሴ፡ ነተን ደርሁ ወሰኽትለን። በዓል ቤታ ክፍላይ፡ ኣብ ሜዳ ናይ ምርባሕ ደርሁ ትምህርቲ ወሲዱ ዝሰርሓሉን እኹል ኣፍልጦ ዝነበሮን ብምንባሩ፡ ነቲ ዝፈርያሉ ህንጻ



ወ/ሮ ይርግኣለም ኤልያስ

ዘድሊ ምትዕርራይ ብምግባርን ናይ ማይ ባሰካ ብምስራሕን፡ ኣብቲ ሞያ ከም ዓቕማ ንኽትጎዩ መሰረታዊ ጠለባት ኣማሊኡላ።

ነተን ዝነበራ 30 ደርሁ ኾኣ ክሳዕ 250 ኣብ ምውላድ ዝበጽሓ ብምውሳኽ፡ ስራሓ 'ሀ' ኢላ ፈለመት። በብቑሩብ እናተማህረትን እናተመኩረትን ከኣ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ከተመዝግብ ጀመረት። ብዘይካ'ቲ ምንጪ እቶት ምኳነን ምስ ግዜ ዓብን ፍሉይን ተሞኩሮን'ውን ስለ ዝኾናኣ፡ ምስ ግዜ ኣብ ምርባሕ ደርሁ ፍልጠታ ክብ ከም ዝብል እዩ ኾይኑ። ምስ ደቃን በዓል ቤታን ብምኻን፡ ኣብቲ ሞያ ብዕምቁት ጠሊቕም ክዓዩ ጀመሩ።

እታ ደረጃ ብደረጃ እናዓበየት ትቕጽል ዝነበረት ይርጋኣለም'ምበኣር፡ ምስ ግዜ፡ ልዑል ቁጽሪ ደርሁ ሒዛ'ውን ክትሰርሕ ከም እትኽእል ኣመነት። ኣብ 2016፡ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓደ ሽሕ ዝኾና ጨቓዊት ብምግዛእ፣ ነቲ ወፍሪ ብሰለስተ ዕጽፊ ኣበረኸቶ።

ወ/ሮ ይርግኣለም፡ ዋላ'ኳ ብዙሓት መሰናኽላት ኣብ ርእሲ ርእሲ ይደራረብዋ፣ ኢዳ ከይሃበት እያ ትምኩት ዘላ። ሓንሳእ ደርሁ/ ጨቓዊት ብብዝሒ ይሞታኣ፡ ጉዳይ መፋረዪ ቦታ፡ ገለ ካብ ብድሆታታ እዮም።

ኣብ 2022 ብሓገዝ ፈተውታ ክልተ ሽሕ ጨቓዊት ብምግዛእ፡ ኣብ ሕምብርቲ ዳግማይ ጀመረት። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ገልጠምጠም "ሎምስ ክከሓስ እየ" ኢላ ብተስፋ እናተጸበየት ግና፡ ደርሁ ከምቲ ዝድለ ክፈርያ ኣይከኣላን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ምውላድ'ውን ደንጉየን ጀመራ። ንኣስታት ክልተ ዓመታት ብተስፋን ጠርበሸበሸን ቀጸሉ። እንደገና ኣብ 2024 ሓድሽ ምዕዳል ስለ ዝተጀመረ፡ ነተን ዝነበራ ኩለን ሸይጦም፣ ናይ ሕምብርቲ ዕዳኣም ከፋፊሎም፣ ኣብ ዓዲ ሰጉዶ ሓድሽ ገዛ ብምክራይ፣ ክልተ ሽሕ ሓደስቲ ብምምጻእ፣ ክሳዕ ናብ ምውላድ ዝበጽሓ፣ ምስ መግቢ ዝቕርቡላ'ሞ ክወልዳ ምስ ጀመራ ብዝምለስ ውዕል ገይሮም ምስኣ ተሻሪኾም ክሰርሑ ብምርድዳእ፡ ኣብ ጽቡቕ ተስፋ በጺሓ ከም ዘላ ትገልጽ።

***



ወ/ሮ ሄለን ገብሪሂወት

ነባሪት ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ በሪኽ ከባቢ ቁሸት ዝኾነት ሄለን ገብረሂወት ተኽለ፡ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ እትነጥፍ ጓለንስተይቲ እያ። ኣብ 2001 ካብ እትምርያ ክሳዕ 2013 ሳልሞን፡ ኤሸን፡ ላሚክ፡ ፊልሞን፡ ሰናይ፡ ካፒታል፡ ኣሎኒኣብን ተመስገንን ዝተሰምዩ ቁልዑ ዝፈረዩ፡ ደቀም ናይ ምጥዋር ሓላፍነት ተሰኪሙ ዝነበረ ኣባል ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝኾነ በዓልቤታ ዘገርግሽ ተሰፋልደት ጥራይ ብምንባሩ እያ፡ ንምሕጋዙ ብዙሕ ክትሓስብ ዝጀመረት።

ምእላይ ሓዳራን ደቃን ከይገደፈት፡ ብእትመልኮ ሞያን ክእለትን ኣብ ገዛኣ ኮይና ብምስራሕ፡ ብዓቕማ እጃማ ከተበርክት ከኣ ተበገስት። ካብ ሓረስቶት ስድራ ተወሊዳ ብማሕረስን ጉስነትን ዝዓበየት ከም ምኳና መጠን ከኣ፡ 'እቲ ብዓቕመ-ጉልበተይ ክገብሮ እኽእል እየ' ኢላ ናይ መጠረሽታ ዝሓሰቡቶን ከም እትገብሮ ዝኣመነትሉን ሞያ'ምበኣር፡ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ'ዩ ነይሩ። ምስ ወላዲታ ብምምኻር ከኣ ናብ እንዳ መውል ብምኻድ ዘድሊ ምኽርን ማዕዳን ብምውሳድ፡ ሰላሳ ሽሕ ናቕፋ ብምልቃሕ፡ ድሒራ "ቲና" ዝሰመየታ ናይ ጸባ ላም ብምግዛእ፡ ስራሓ 'ሀ' ኢላ ፈለመቶ።

ቲና፡ ግቡእ ክንክን እናተገብረላ ምስ ሓረስት፣ ንመዓልቲ ክሳዕ 20 ሊትሮ ዝኾውን ክትሕለብ ጀመረት። ካብዚ 20 ሊትሮ ውላዳ ንመዓልቲ ሽድሽተ ሊትሮ ዝኾውን ምስ ሰተየ፣ ዝተረፈ ስድራ ኣዕጊብካ ናብ ዕዳጋ ምውራድ ተጀመረ። ሄለን ካብ ዝተለቕሓቶ ኣዋሊዳ'ውን ድኳን

ሃለኽቲ ነገራት ከፊታ ስለ ዝነበረት፣ ጸባ ርግኡ፣ ልኻይን ብራሕን ኣብኡ ክትሸይጥ ጀመረት። ከምዚ እናበለት ከኣ ድሕሪ 2 ዓመት ኣብ ግዜኣ ልቓሕ መለሰት።

ቲና እናተዋለደት ምስ በዝሐት፣ ካብአን ዝርከብ ጸባ'ውን ብኡ መጠን እናበርከተ ስለ ዝመጸ፣ ሓንቲ መኽዘኒት እትኾና ዓባይ ፍሪጅ ገዚኣ፣ ኣብኡ እናዓቀበት ከኸም ኣድላይነቱ እናኣመሰረሐት፣ ኣብ ድኳን ካብ ምሻጥ ሓሊፋ፣ ንእተፈላለያ ትካላት ኣብያተ ሻሂን መግብን'ውን ከተከፋፍል ጀመረት።

እዚ ንግዳዊ ሕርሻ'ምበኣር፣ ንሄለን ኪንዮ ዘምጽኣላ ፊናንሲያዊ ረብሓታት፣ ንናብራ ሓዳሮም'ውን እፎይታ ብምፍጣር፣ ፍቕሮምን ሓድነቶምን ብምድልዳል፣ ደቀም'ውን ብዝግባእ ክዓብዩን ክመሃሩን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብቲ ስራሕ ብምስታፍ'ውን ብዲስፕሊንን ፍቕሪ ስራሕን ተኾስኪሶም ክዓብዩን ከም ዝበቕዑ እያ ትገልጽ።

ቀንዲ ምስጢር ዓወታ፣ ዕላማ ዝመበገሲኡ ዘይሕለል ጻዕርን ግቡእ ክንክንን ምኻኑ እትገልጽ ሄለን፣ ካብ 2013 ክሳዕ 2018 ሳላ እተካይዶ ዝነበረት ፍሉይ ጻዕርን ካብ ሞያዊ ጉዕዞኣ እትረኽቦም ፍልጠትን ተሞክሮን፣ ስራሓን ኣታዊታታን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰፍሐን እናዓበየን ይመጽእ ምህላዉ ብምግላጽ፣ ሒዛቶ ንዘላ ፕሮጀክት ንምስፋሕ፣ ዝምልከቶ ኣካል ንምርባሕ ከብትን መዝርኢ ቀጠልያ መግብን ዝኸውን እኹል መሬት ምስ ዝህባ፣ ሒዛተን ዘላ 5 ከብቲ ብዕጽፍታት ኣራቢሓ፣ ነቲ ካብአን ዝርከብ ጸባ ዝተፈላለየ መሳርሒታት መመስርሕን መዐሸግን ማሽናት ብምትካል፣ ኣመስራሓን ዓሺጋን ፍርያታ ናብ ህዝቢ ንምቕራብ መደብ ሓንጺጻ ትሰርሕ ከም ዘላ'ያ ትገልጽ።

***

ተቐማጢት ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ከባቢ ስፐይስ ዝኾነት፣ ተጋዳሊት ኣዜብ ተስፋማርያም ጸጋይ፣ ቀዋሚ ስራሓ ኣብ ኩባንያ ህንጻ ኣስቤኮ ኾይኑ፣ ኣብ ትርፊ ግዜኣ ኣብ ምርባሕ ንህብን ምፍራይ መዓርን እትነጥፍ ኣባል ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ እያ።

ኣዜብ፣ ንምርባሕ ኣናህብን ምፍራይ መዓርን ከም ተወሳኺ ምንጪ እቶት ብምሕሳብ እዮም ምስ ስንኩል በዓል ቤታ ተጋዳላይ ምሕረትኣብ ኣብ ዓዲ ባና ኣብ 2012 ጀሚራቶ። ቀድሚኡ በዓል ቤታ ኣብ ዓዲ ባና ከም ቀንዲ ስራሕ ሒዙ ደርሁ ዘራብሕ ዝነበረ ኾይኑ፣ ብዓይነትን ብዝሕን ንምዕባይ፣ ኣብ ደገ ዝቕመጡ ንዕልታን ወዲ ሓብታን፣ ነቲ ስራሕ ንምዕባይ፣ ገዚፍ ናይ ገንዘብ ለቓሕ እዮም ገይሮም።

በዚ መሰረት ከኣ ንመንበሪ ገዛ ምትዕራራት ብምግባርን ከም ናይ ባንካ ዝኣመሰለ ዘድሊ መሳለጥያታትን ብሞዳድ፣ ንዝነበራኦም 50 ናይ ቅድም ደርሁ ሸይጦም፣ ንምቕባል 1500 ጨቓዊት ይጽበዩሉ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፣ ቡቲ ሸዑ ዝነበረ ሕጽረትን ክብሪን መግቢ ደርሁ ከዋጽኦም ከም ዘይክእል ብምግንዛብ፣ ነቲ ሓሳብ ኣወንዚፎም እዮም ናብ ምርባሕ ኣናህብን ምፍራይ መዓርን ዝኣተዉ።

ናብዚ ሓሳብ ቀልጢፎም ክርዕሙ ዝገበሮም ምኽንያት ክትገልጽ እንከላ ኣዜብ፣ ወላ'ኳ ንሳን በዓልቤታን ካብ ሓረስቶት ስድራ ብምውላዶም እኹል ኣፍልጦ እንተነበሮም፣ ኣብ ርእሲ'ቲ በዓልቤታ ከቢድ ማህረምቲ ዝነበሮ ስንኩል ብምኻኑን ንሳ'ውን ቀዋሚት ሰራሕተኛ መንግስቲ ብምኻናን ብዙሕ ሃልኪ ዘይሓትትን ብዙሕ ወጻኢታት ዘይጠልብን ምኻኑ፣ በዓል ቤታ ምሕረትኣብ፣ ኣቐዲሙ'ውን ጎኒ ጎኒ'ቲ ምርባሕ ደርሁ ክልተ ሰለስተ ኣናህብ ሒዙ መዓር ዘፍሪ ብምንባሩን፣ ነቲ ዓውዲ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ይመራመረሉ ብምንባሩን ምኻኑ እያ እትገልጽ። ስለ ዝኾነ ኸኣ ቡቲ ጨቓዊት ክዕድጉ ቀሪቦሞ ዝነበሩ ገንዘብ፣ 10 ቐፎ ንህቢን ሓሙሽተ ኣናህብን ብምግዛእ ስራሖም ፈለሙ። እንተኾነ፣ ብሓሙሽተ ንህቢ፣ ምስቲ ንያም እትገብሮ ወጻኢታት ክነጻጸር እንከሎ፣ ካብኦም ዝርከብ ውጽኢት ኣዝዩ ትሑት ብምኻኑ፣ ክሳዕ ዓመተ 2022 ንዓሰርተ ዓመታት ንዕለታዊ ናብራ ካብ ምኻን ሓሊፉ ናብ ዕዳን ዝወርድ ውጽኢት ኣይነበሮምን።



ወ/ሮ ኣዜብ ተስፋማርያም

ብድሕሪኡ ግን ኣዜብ፣ ኣብ ዓመተ-2022 ናብ ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ብምጥርናፍ፣ ዘድሊ ስልጠናታት ድሕሪ ምውሳድ፣ ብሃኮስኤ ስማዊ ወለድ ዘሎዎ ናይ 30,000 ናቕፋ ልቓሕ ብምርካብ፣ እቶም ሓሙሽተ ዝነበሩ ኣናህብ ቁጽሮም ዛዩዱ ናብ 30 ስለ ዝበጽሐ፣ በብቑሩብ እቶቶም ክብርክት ብምጅማሩ፣ ጽቡቕ ኣታዊታት ክረኽቡ ጀሚሮም ኣለዉ። ብፍላይ ኣብ ወርሒ 09/2024 ኣብ ዝበርበሩዎ፣ ጽቡቕ ውጽኢት ፍርያት ብምርካቦም፣ ንገለ ክፋል ልቓሖም'ውን ክኸፍሉ በቒያም ብምህላዎም፣ ነቲ ዝተራእየ ለውጢ ብኣብነት ትገልጽ።

ኣዜብ ምስቲ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ብምኻና፣ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ቀዳመ ሰንበትን ናይ ዕረፍቲ ግዜኣን ወፈራ እያ ኣመት ኣናህብ ትገብር። ሓሙሽተ ደቃ'ውን በብመንገዶም ንስድራኦም ንምሕጋዝ ኩሉ ዓይነት ኣበርክቶ ከም ዝገብሩ እያ እትገልጽ።

ኣዜብ፣ ብዘይካ ነቲ ዝተረኽበ ፍርያት ብቑጥታ ናብ ዕዳጋ ምውራድ፣ ብመሰረት ኣብ ማሕደኤ ዝቑሰመቶ ትምህርቲ፣ ካብ ከሚካል ናጻ ናብ ዝኾነ ባህርያዊ ናይ መዓር ቅብኣት (ሻዘሊን)፣ ስርናይን ስገምን ሓርጭ ምስ መዓር ብምብዓጥ ዝሰራሕ ብሽኮቲ ሓንፈጽን ካልኣን ብምምስራሕ'ውን እያ ናብ ዕዳጋ እትቕርብ። ናይ መጻኢ መደባ፣ ልቓሓ ምሉእ ብምሉእ ዓጽያ፣ ካልእ ተወሳኺ ልቓሕ እንተረኺባ ንቑጽሪ ኣናህቦም ብዕጽፍታት ብምርባሕ፣ እኹል መዓርን ውጽኢቱን ናብ ሕብረተሰብ ምቕራብ ምኻኑ ትገልጽ።

***

“ገዛይ፡ መንበሪተይ፡ ግራተይን ትካለይን’ያ”

ኣብነታዊት ጓለ’ንስተይቲ ሓረስታይ ዕጸገነት ዕቕኑባይ

ወ/ሮ ዕጸገነት ዕቕኑባይ ትብሃል። ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ሞንጎቲ ትነብር። ወ/ሮ ዕጸገነት፡ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ቁልዑን እያ። ከም ኩለን ኣደታት ድማ ኣብ ገዛኣ ኮይና ደቃ ተዕቢ። በዓል ቤታ፡ ብምኽንያት ጥዕና ምስኣን ካብ ስራሕ ምስ በኾረ፡ ስድራ ቁጠባዊ ሕጽረት ከጋጥማ ጀሚሩ። ሽዑ’ያ እምበኣር፡ ወ/ሮ ዕጸገነት፡ ገለ ምንጪ ኣታዊ ዝኾና መገዲ ሃሰው ክትብል ዝጀመረት። ከም መበገሲ፡ ኮፍ ኢለ ካብ ዝውዕል ብምባል፡ 300 ጨቓዊት ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምግዛእ ንጥፈታታ ጀሚራ። ካብተን ዝገዝኣተን ጨቓዊት፡ እተን 70 ሚእታዊት ምስ ዓበያላ፡ ተስፋ ገይራ።

ቀጺላ፡ ረብሓታተን ብምግንዛብ፡ ተወሰኽቲ 300 ጨቓዊት፡ ናይ ሓደ መዓልቲ ሓቲታ፣ ረኺባ ድማ ጽቡቕ ሰሰናላ፣ ብምህርቲ እንቋቕሑ ድማ ንገዝኣ ኾይና ኣብ ከባቢኣ ንዕዳጋ ትቕርብ ኣላ።

በዚ ከይተሓጽረት፡ ወ/ሮ ዕጸገነት፡ ምስ ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምምኻር፡ ኣብ ካንሸሎኣ ተወሳኺ ውሁድ ስድራቤታዊ ሕርሻ ከተካይድ ኣበገሰት። ሓንቲ መላእ ጓሙስ ላም ብምግዛእ ድማ ከተራብሕ ጀመረት። ከም ውጺኢቱ ድማ ንመዓልቲ ክሳዕ 12 ሊትሮ ጸባ ብምርካብ፡ ጸባ ንስድርኣ ኾይና ኣብ ከባቢኣ ዕዳጋ ፈጠረት። ኣብዚ እዋን ወ/ሮ ዕጸገነት ጽቡቕ ተመኩሮ ኣጥረየት’ሞ፡ ተወሰኽቲ ንጥፈታት ሕርሻ ክተካይድ ተደረኸት። ንሱ ድማ ምውሓስ መግቢ እንስሳ ነበረ። ንድርብ ረብሓ ዘገልግላ፡ ሓመድ ኣልቦ ሕርሻ (ሃይድሮፖኒካ) ተጠቒማ ድማ ምንጪ ቀጠልያ መግቢ ክተውሕስ ከኣለት። ብዝገበረቶ ትዕዝብቲ፡ በዚ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ዝፈሪ ቀጠልያ መግቢ እንስሳ፡ ኣብ



ውጽኢት ምህርቲ ጸባን እንቋቕሑን ዝያዳ ረብሓ ረኺባትሉ። መበገሲ ሓሳብ ናይዚ ኣብ ቀረብ ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ዝግበር ቴክኖሎጂ፡ ብኽኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት፡ ብዘተዋህበ ኣስተምህሮ ምኻኑ እያ እትገልጽ። ክትጅምሮ ኸላ ኣብ ተራ ናይ ኣስጊዛ መትሓዚ ወይ መደርደሪ፡ ተጠቒማ እያ ጀሚራቶ። እንተኾነ፡ እዚ ኣገባብ ንሽግራ ዝፈትሕ፡ ብዙሕ ሃልኪ ዘይብሉ፡ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ክትግበር ዝኽእል፡ ብዙሕ ወጻኢታትን ጉልበትን ዘየድልዮ፡ ብእንስሳታት ድማ ተፈታዊ ኮይኑ ረኺባቶ። ኣብ ትሕዝቶን መጠን ጸባ ላምን ድማ ጽቡቕ ሕፍሰትን ብዝሕን ይህብ ብምባል’ያ ተመኩሮኣ ተካፍል።

ወ/ሮ ዕጸገነት ኣብዚ ከይተሓጽረት፡ እዚ ቴክኖሎጂ ምድላው መግቢ እንስሳ ተጠቒማ፡ ነቲ ኣብ ጸባ ከብቲ ዝረኸቡቶ ዓወት’ውን ኣብ ምህርቲ ደርሁ ክትደግሞ’ያ ኣንቂላ። ሓደ እዋን፡ ኣብ መደብ ቴለቪዥን ‘ምኽሪ ሞያውያን’፡ ብዛዕባ ኣመጋግባ ደርሁን ሕብሪ ውሽጣዊ ክፋል እንቋቕሑን ዝምልከት ምኽሪ ትከታተል’ሞ፡





ንደርሁ ቀጠልያ መግቢ ምምጋብ ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ሕብሪ እንቋቑሑ'ውን ናብ ብጫ ከም ዝቐይር ትሰምዕ። መፍትሒ ጸገማ ብምርካብ ባህ እናበላ፡ ግዜ ከይወሰደት ጀመረቶ። ንደርሆ ቀጠልያ መግቢ ምምጋብ፡ ኣብ ምህርቲ እንቋቑሑ ግብራዊ ለውጢ ተዓዘበትሉ፣ ነዚ ዝተመገባ ደርሁ ዝወልዳኦ እንቋቑሑ ውሽጣዊ ኣካሉ ብጫ ሕብሪ ከም ዝሸውን ኣረጋገጸት። ስለዚ'ያ ድማ ንሓመድ ኣልቦ ሕርሻ፡ ከም ሓደ ዓቢ ምንጪ ቀጠልያ መግቢ ላማን ደርሁታን ክኾና ብሰፊሑ ክትሰርሓሉ ወፍሪ ዘበገሰት። ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ መንደፈራ'ውን ንተበግሶኣ ተዓዚቦም፡ ብምኽርን ንዋትን ኣብ ጎና ተሰለፉ፣ ከም መርኣያ ናይዚ ድማ ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ፡ ኣብ ምድላው ሃይድሮፖኒካ ክሕግዛ ዝኽእል መሳርሒ፡ ብሓገዝ ኣበርክቱላ።

ራእይ ወ/ሮ ዕጸገነት በዚ ዝሕጸር ኣይነበረን፣ ኣብ ካንሸሎ መንበሪ ገዝኣ ተወሳኺ ወፍሪ ኣበገሰት። ተኽሊ ፍረታት ብምትካል ጠለብ ስድራቤትኳ ምምላእ ዝብል ፕሮጀክት'ውን ተለመት። ከም ውጽኢቱ ድማ እተፈላለዩ ፍረታት ከም፦ ፓፓዮ፡ ዘይቱን፡ ሚለ፡ ኩኽ፡ ጌሶ፡ ለሚንን ማንጉስን፡ ኣብታ ጸባብ ካንሸሎ ተኸለት። ድሮ እቶም ገለ ፍረታት (ፓፓዮ፡ ለሚንን ዘይቱንን) ምህርቲ ክትሓፍሰሎም ጀሚራ ኣላ። ስለዚ፡ ኣብዚ መዳይ'ውን ዕውትቲ ኾይና ከምዘላ እያ ትገልጽ ወ/ሮ ዕጸገነት ዕቑባይ። "ገዛይ፡ ኪንዮ መንበሪተይ፡ ግራተይን ትካለየን'ያ" ድማ ትብል።

ኣባላትን ክኢላታትን ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ብወገኖም፡ ፍቓዳ ብምሕታት፡ ቤት ዕጸገነት ዕቑባይ መርኣያ ወይ ሞዴል ንኡስ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ ክትኮኖም ሓረዩዋ። ከም መደቦም ድማ መርኣያ ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት ኮይና ተገልግል ኣላ። ሓረስቶት ብጥርኑፍ፡ ካብ ጎደቦ ዓድታትን ከባቢታትን ተኣኪቦም ግብራዊ ትምህርቲ ይቐስሙላ።

ስራሕ ክብረት'ዩ። ጻዕርን ጥበብን ተወሃሂዶም ድማ ዓወት የምጽኡ። ከሉ በብዓቕሙ እንተ ሰሪሑን ደኺሙን ፍረ ጻዕሩ ከም ዘይሰእን ብምእማን፡ እንሆ ሎሚ ኣብ ምፍራይ ደርሁ፡ ላም፡ ኣትክልቲ ብምውፋር ቀለብ ስድርኣ ኣውሒሱ፡ ብዓቕማ ድማ ናብ ዕዳጋ ትቕርብ ኣላ።

***



መስፍን ገብረሂወት

ዕላል ምስ ኣርካን ሞያተኛን ምኩርትን ክኢላ ምፍራይን ምርባሕን ደርሁ

ኣልማዝ ገዛኢ



ኣልማዝ ገዛኢ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ምፍራይን ምርባሕን ኩብቲ፡ ሓሰማ፡ ንህብን ደርሁን ብድምር ን36 ዓመታት ብዝድነቐ ትግሃትን ተወፋይነትን ሰሪሓ። እቲ ዝበዝሐ ናይ ሰራሕ ዓመታት ኣብ ማእከል ምፍራይን ምርባሕን ደርሁ ቀሓውታ ከም ኣካያዲት ሰራሕ ብምኻን፡ ልሉይን ኣድማዕን ኣበርክቶ ገይራ። ንብሉጽነታ ኣፍልጦ ዝህብ፡ ኣብ ነንበይኑ ኣጋጣሚታት ብርክት ዝበሉ ሽልማታት ካብ ኢድ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀን ካልኦት ሓለፍቲ ናይቲ ሚኒስትርን ተቐቢላ።

መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ምስዛ ብሕልፊ ኣብ መፍረ ደርሁ ብደረጃ ሃገር ዝበረኸ ተመኮሮን ኣበርክቶን ዘለዋ ኣርካን ሞያተኛ ኣልማዝ ገዛኢ ሰፊሕ ዕላል ኣካይዳ ኣላ። ጽማቐኡ ይስዕቡ፦

• እሞ ግዜ ደኣ ክትረኽብልና ዲኺ፧ ንገለ ሰዓት ዝኾውን ክንሕዝኪ ኢና።

ብቐጸራ ስለዝመጻእኩም ጸገም የለን።

• ኣመና ኣብ ሰራሕ ጽምድቲ ኢኺ።

ፈትየ ኣይኮንኩን። ባዕሉ እቲ ሰራሕ'ዩ ዝግድደካ። ከቢድ'ዩ ብዘይቃለዓለም። ዕጋበት ስለዝፈጥረለይ ግዳ፡ ሕጉስቲ'የ።

• እንታይ እዩ ዘኽብደ፧

ደርሁ ኣዝየን ተኣፈፍቲ'የን። ብናይ ደቓይቕ ሽለልትነት፡ ከቢድ ዕንወት ክስዕብ ይኽእል'የ።

• ምስ ኣንብቡቲ መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ክትላለዩ ዕድል ክንህበኪ።

ኣልማዝ ገዛኢ እብሃል። ኣብ ኣስመራ ኣብ ከባቢ ጣባ ተወሊደ፣ ኣብኡ ዓብየ። መባእታ ኣብ ቤት ትምህርቲ መደበር፡ ማእከላይ ኣብ ቤት ትምህርቲ እስላሚያ፡ ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ (ናይ ሽዑ ቀ.ሃ.ስ) ተማሂረ። ድሕሪኡ ኣብ ሃዋሳ (ኢትዮጵያ) ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ብስነ-እንስሳ ተመሪቐ፡ ናብ ኣስመራ ተመሊሰ።

• ስለምንታይ'ባ ሕርሻ፧

ኣብ ካልኣይ ደረጃ፡ ተፈጥሮኣዊ ሳይንስ (Natural Science) ስለ ዝተመሃርኩ፡ ስነ-ህንጻ'የ ክመሃር ዝደሊ ነይረ። ሰብ ስለ ዝበዝሖም፡ ፈተና ኣግቢሮም፡ ናብ ኩለን ኮለጃት ፋሕ ኣቢሎምና። ኣነ ድማ ኮለጅ ሕርሻ ኣዋሳ በጺሑኒ።

• ከመይ ረኺብክዮ፧

ኣይጸላእክዎን። ክፈትዎ ግዜ ኣይወሰደለይን። ድሒሮም ዳግም ኣምሪጾምና ነይሮም እንተ ዘኾኑ፡ ምናልባት ስነ-እንስሳ ምመረጸኩ ነይረ እኾውን'የ።

• ብዛዕባ ናይ ሰራሕ ድሕረ ባይታኺ'ውን ክተዕልልና

ቅድሚ ናጽነት ክልተ ዓመት፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ 34 ዓመታት፡ ብድምር 36 ዓመታት ኣብ ምርባሕ እንስሳታት ሰሪሐ። ቀዳመይቲ ካብቶም ብስነ-እንስሳ ተመሪቖም ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤርትራ ዝተመደቡ'የ ነይረ። ቅድሚኡ ሓፈሻዊ ሕርሻ ዝወድኡ'ዮም ዝመጹ ነይሮም።

ፈለማ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣብ ናይ 'ኦፊስ' ሰራሕ ተመዲበ፡ ሽዱሽተ ወርሒ ሰሪሐ። ካብኡ ኣብ ምርባሕ ሓሰማ ሰጊረ፡ ሽዱሽተ ወርሒ ምስ ሰራሕኩ፡ ኣብ ናቱ ጨንፈር ኣብ መንደፈራ፡ ስለስተ ወርሒ ሰሪሐ። መሊሰ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ተሳሒቡ፡ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ኣብ ምርባሕ ኩብቲ ሰሪሐ። ኣብኡ ከለኹ፡ ንመፍረ ንህቢ ዝኾውን መሳርሒታት ስለ ዝመጽኣና፡ 'መን ክሰርሖ ይኽእል?' ተባሂሉ ምስ ተሓተተ፡ ክፍትኖ ዝኽእል ምኻነይ ሓቢረ፡ ምስ ምርባሕ ኩብቲ ደሪበ ክሰርሖ ጀሚረ። ዕስለ ንህቢ ካብ ዓርበረቡዕ ኣምጺእና፡ ብኣርባዕተ ቀፎ ጀሚርናዮ። በትን በትን ኢልና ጽቡቕ ከይድልና፡ ምህርቲ ጀሚርና፡ ንኽፍልና መዓር ኣረኪብና። ኣብ ሃገርና መፍረ ንህቢ ንመጀመርታ ግዜ ናብ ዘበናዊ ብምቕያረይ ድማ ሓበን ይስመዓኒ።



• ጽቡቕ። ንቕጽል ኣልማዝ ...

ድሕር'ዚ ኹሉ፡ ኣብ ምርባሕ እንስኻ ክተድምዕ ትኽእል'ያ ካብ ዝብል፡ ካብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ናብ ቪላጆ እንዳ መፍረ ደርሀ ተመዲቡ፡ ክሰርሕ ጀሚረ። ኑቶም ኣናህብ'ውን ምሳይ ሒዞም ከይደ። ድሕሪኡ ናጽነት ኮይኑ፡ ብዝሓየለ ወንን ሓላፍነትን ኑቲ ስራሕ ቀጺለዮ። ኑቲ ናይ ኣናህብ ንጥፈት ግና ካብ ኢትዮጵያ ተሰጉግም ዝመጹ ክኢላታት ስለ ዝተጸንበሩና፡ ንዕኦም ኣረኪበዮም።

• እዚ ናይ ቀሓውታ ማእከል ምፍራይን ምርባሕን ደርሀ ካብ መዓስ'ዩ ስርሑ ጀሚሩ፧

ኣይተሰርሓሉን'ምበር፡ እቲ ቦታ ካብ ቀድም ንመፍረ ደርሀ ተሓርዩ ነይሩ'ዩ። ድሕሪ ናጽነት ተሰሪሑ፡ ኣብ 1993 ክነጥፍ ጀሚሩ። በብእዋኑ መሳለጥያ እናዓጠቐን እናሰፍሐን ከኣ ናብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ በጺሑ ይርከብ።

• ኣብዚ ትካል፡ ከም ኣካያዲት ስራሕ ምፍራይ ደርሀ ኼንኪ ምስ ተመደብኪ፡ እቲ ስራሕ ከመይ ተቐባሊሉኪ፧

ፍጹም ኣይጸገመንን። ዋላ ኣብቲ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ከለኹ'ውን ክሳዕ ናብ ሓመልማሎ ንሰደን፡ ኩሉ'ቲ ናይ ምክትታለንን ምምዕራይ ወረቓቕተንን ባዕለይ እየ ዝዓሞ ነይረ። ነዚ ናይ ምርባሕ ደርሀ ክርከቦ ከለኹ፡ ዝተመሃርኩሉ ዓውዲ ክመልኮን ክኸስበሉን ኣሎኒ ኢለ ስለ ዝሓሰብኩ፡ ኑቲ 'ፊልደይ' መሲለዮ እየ። ኣብ እንዳ ኹብቲ፡ እንዳ ሓሰማ፡ እንዳ ደርሀ ኣብ ኩሉ መሲለ እየ። ብሓቦን ኒሕን'የ እምበር፡ ብፍሉይ ዝመርሓኒ





ሰብ'ውን ኣይነበረን። 'ክመስሎ ኣሎኺ' ኢለ ስለዝኣተኽዎ ግና ንኹሉ ክመስሎ ኣይጸገመንን። ዕባይ ኩተማ ምኹነይ ዘፈልጡኒ ሰባት ይገርሞም'ዩ።

• ኣብ እንዳ ኩብቲ፡ እንዳ ሓሰማ፡ እንዳ መፍረ ደርሁ ሰራሕኪ። መፍረ ንህቢ ኣብ ምዝማን'ውን ተዓዊትኪ። ኩተውዳድርዮ ከለኺ፡ እንታይ ፍልልይ ረኺብክሉ፧

ኩብቲ ብዙሕ ተኣፈፍቲ ኣይኩናን። ጸገም እንተ'ጋጢሙ ዝበዝሐ ክፋሉ ብሕክምና ክትፍውሶ ትኽእል ኢኻ። ትሓርስ ኩብቲ እንተሃልያ'ውን ነታ ሸዓ መዓልቲ ዋራይ ኢኻ እትሸገር። ናይ ሓሰማ፡ ናይ ንህቢ'ውን ደሓን'ዩ። ናይ ደርሆ ግና ፍልይ ዝበለ'ዩ። ምሉእ መዓልቲ ግዜኻ ምስኣ ከትሕልፎ'ያ ትደሊ። ብዙሕ ሓንጎል፡ ብዙሕ ኣቓልቦ፡ ብዙሕ ጥንቃቐ፡ ብዙሕ ግዜ ... ኩሉ ብዙሕ'ያ ትደሊ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ብርቕቕ ዝበለ መገዲ ኢኻ ትሰርሑ። ብንእሸቶ ሸለልትነት ከቢድ ሓደጋ ኩተስዕብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ምምጋባ፡ ማይ ኣብ ምስታያ፡ ኣብ ምክንኻና፡ ኣብ ጽሬታ፡ ኣብ ሕክምናኣ ኮታ ኣብ ኩሉ መዳያ፡ እቲ ዝግባእ ጥንቃቐ ክትገብረላ'ያ ትሓተካ። ብዓቢኡ ኸኣ ምሉእ ግዜኻ ክትውፍየላ ትደልየካ። ካብ ከባቢኣ ተወር ክትብል ኣይተፍቅደልካን'ያ። በዚታት እቲ ናይ ደርሁ ካብቲ ናይ ካልኦት እንስሳታት ፍልይ ይብል'ዩ።

ኣብ ደርሆ እቲ ዝግብኣካ እንተ ጌርካ፡ እቲ ዝግብኣካ ትመልስልካ'ያ። ሓደ ነገር እንተ ኣጕዲልካላ ኸኣ ምንም ከይሃበትካ ናብ ክሳራ'ያ ትሸምመካ። ሎሚ ክትገብሮ ዝግብኣካ ከይገበርካ እንተ ሓሊፍካ፡ ጽባሕ ከቢድ ዋጋ ኢኻ እትኸፍል። ኩሉ እዚታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ኩሉ ግዜኻ፡ ሓንጎልካ፡ ጉልበትካ ንዕኣ ክትውፊ ኣሎካ። እታ ሕጂ ክትገብራ ዘሎካ፡ ሕጂ ክትገብራ ኣሎካ። ምዕዋይጣይ የለን ኣብ ደርሁ።

• ምስ ዕማማት ምርባሕ ደርሁ ቀሓውታ ኣስፍሕ ኣቢልኪ፡ ክተላልይና

ንመፍረ ዝኾና ኣዴታት ደርሁ ካብ ደገ እና'ምጻእና ኢና ንዓሞ። ይመጻ ከም ዘለዋ ምስ ተፈልጠ፡ ኩሉ'ቲ ዘድሊ ምቅርራባት ንገብረለን። ቀድም ቀዳድም ገዝአንን ከባቢአንን ክጸሪ ኣለዎ። ኣቑሑ መኺኑ ኣብ በቦታኡ ተቕሪቡ ይጸንሕ። ምስ መጻ ኸኣ ካብታ ዝኣተዋላ ሰዓት፡ ኩሉ'ቲ ዘድሊ ጥንቃቐታትን ክንክንን ንገብረለን። ሙቐትን ብርሃንን ገዛአን፡ ኣመጋግባአን፡ ሰዓት ድቃሰን ወዘተ. ብግቡእ ንሕልዎ። ሙቐት ገዝአን ምስ ደረጃ ዕቤተን እናነስየ እዩ ዝኸይድ። እዚ ኹሉ እንተ ጌርካ፡ እቲ ድሕሪ ሸዱሸተ ወርሒ ክትወቕየ እትደሊ ሸቶ ትሃርም ኢኻ።

ደርሆ ኩተዐሸዋ ኣይትኽእልን ኢኻ። ገለ ነገር እንተ ኣጕዲልካ፡ ትዛረብ'ያ። ንኣብነት ብርሃን እንተ ኣብዚሕካላ ኣቑዲማ ትወልደልካ፡ ኣቑዲማ እንተ ወሊዳ ድማ ምግምጣል ማህጸን ይመጽእ፣ ዘይተደልየ ዕንወት ከኣ ይሰዕብ። ስለዚ ናትና ቀንዲ ስራሕ ነዚ ክገልጾ ዝጸናሕኩ ምትግባር'ዩ።

ድሕሪ ሸዱሸተ ወርሒ፡ ናይ ምንቋሕ መደብ ይሰዕብ። ምኽንያቱ ቀንዲ ዕላማና ናይ ሲጋ ደርሆ ምፍራይ ዘይኮነ፡ ኣንቑሕና ንሓረስታይ ወይ ኣፍራዩ ጨቓዊት ምዝርጋሕን እቲ ሓረስታይ ዘድሊ መጠን እንቋቑሑ ረኺቡ ንሕብረተሰብ ከም ዝሓሰረሉን ምግባር'ዩ። እተን ኣብ ዓድና ዘለዋ ደርሁ ተዳቒሰን፡ ዘርኣን ከም ዘመሓይሻ ምግባር'ውን ካልእ ተወሳኺ ሰራሕና'ዩ።

• ገሲጋስ ትሕተ-ቅርጺ ናይ'ዚ ትካል ከመይ ትገልጾዮ፧

መጀመርታ ክንኣትዎ ኸለና፡ እዚ ገዛ ናይ ክልተ ሸሕ ደርሁ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ እዩ ነይርዎ። በዚ ብዙሕ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። እንቋቑሑ ሰቐ ኢልካ ኣይኩነን ዝሕቁፍ፡ ብቐርጹ ድዩ ብጽሬቱ፡ ብሚዛኑ ድዩ ብምልማጹ ክትመርጾ ኣለካ። ብኸምዚ ካብ ክልተ ሸሕሲ ክንደይ ጥዑይ ክትረክብ ትኽእል? ቡቲ ካብዚኣን ዝረኸብናዮኸ እንታይ ክንልውጥ ንኽእል? ነዚታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናብ ናይ 12 ሸሕ ኣዕቢናዮ።

እዚ ገዛ ክሰፍሕ ከሎ፡ ኩላትና ኣባላት ናይዚ ገዛ ተሳቲፍናዮ ኢና። ገለና ሚኒዋለ፡ ገለና ነዳቐ፡ ገለና ቴክኒሻናት፡ ገሌና ድራውሊኮ፡ ገለና ኻልእ ኳንና ሰሪሕና። ነታ ዝነበረትና መጫጭሒት ኢንኩቤተር እውን ብተመሳሳሊ ካብ ናይ 17 ሸሕ ናብ ናይ 120 ሸሕ ኣደዩብናዮ። ካልኣይቲ ኢንኩቤተር ምስ መጸትና ድማ መሊስና ኣመሓይሸና፡ ኣብ ሰሙን 40 ሸሕ እንቋቑሑ ከነሕቀፍ ክኢልና ኣሎና። ብኸምዚ እዚ ገዛ ክዓቢ ክኢሉ።



• እዘን ሕጂ ትዝርግሕወን ዘለኹም ጨቓዊት ከመይ ዝበላ'የን፧

ኣብ ሕርያ ዘርኢ ወይ ጅር (breed selection) ጥንቃቐ ይሓትት'ዩ። እዘን ክትርእዩወን ዝጸናሕኩም፡ 'ብላንካ' እየን ዝብሃላ፣ ጸዓዱ'የን። ኣብ ዓለም ብናይ እንቋቑሖ ምህርቲ ዝተፈልጣ'የን። ሕብሪ እንቋቑሖኣን'ውን ጸዕዳ'ዩ። ደቀን ከኣ ጸዓዱ'ዮም። ምስ ዕላማና ዝኸዳ'የን።

እተን ድሒርና ዝረኣናየን ድማ 'ቴትራኤስኤል' ይብሃላ። ሕብረን ኣንስትዮ ጸዓዱ፡ ተባዕትዮ ኸኣ ቀያሕቲ እየን። ደቀን ከኣ ኣንስትዮ ቀያሕቲ፡ ተባዕትዮ ኸኣ ጸዓዱ። ሕብሪ እንቋቑሖኣን ከኣ ቡናዊ'ዩ። ንኽልቲኡ ንእንቋቑሖን ንስጋን ድማ የገልግላ።

• እዘን ክትግልጸልና ዘጸናሕኪ ዓሌት ደርሀ፡ ካብ ናይ ዓድና እንታይ እዩ ፍሉይነተን፧

ኣይመሳሰላን እየን። ናይ ዓድና ቁሩብ ምስ ወለዱ፡ ሒቐቐ ዝብላሉ ግዜ ይበዝሕ'ዩ። ዓሰርተ፡ ዓሰርተ ክልተ እንቋቑሖ ኣሕቑፍካኸ ክንደይ ኢኻ ክትረክብ? እዚኣን ግን ብኣሸሓት እንቋቑሖ ኣሕቑፍካ ብኣሸሓት ረኺብካ፡ ብኣሸሓት ከኣ ክትዝርግሖ ትኽእል። እቲ ናይ ዓድና ዘርኢ እናተቐየረ ህዝብና ኸኣ እኹል ዘድልዮ መጠን እንቋቑሖ እናረኸበ ክኸይድ እንተ ኾይኑ፡ ከምኡ ክንገብር ግድን'ዩ።

• ኣብ ክንደይ ዕድመ'የን ናብ ሃገርና ዝኣትዋ፧

ደቂ ሓደ መዓልቲ እንከለዋ፡ ካብ እንዳ መሕቐፊ (hatchery) ውጽእ ኢለን እየን ዝመጻ። ካብ ዝተወልዳሉ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልትን ፈረቓን ናብ ገዛና ይበጽሓ።

• ጾታኣን፧

ፍሉይ መለለዩ ናይ ጾታ የብለንን። ናይ መፍረ ስለዝኾና ግዳ ግድን'ዩ ተባዕታይ ክህልወን። ሓደ ንሸሞንተ ኢኻ ተቐምጥ እቲ ዘርኢ። ንሸሞንተ ኣንስትዮ ሓደ ተባዕታይ ኢኻ ትንብረለን። ብኽምኡ'የን ዝመጻ።

• ኣብ ክንደይ ንውሓት ግዜ ክወልዳ ይጅምራ፡ ክንደይ ሚእታዊትከ ይፈርያ፧

ኣብ 19 ሰሙነን ይወልዳ'የን። ኣብ ኣርባዕተ ወርሕን ፈረቓን ገጸን ማለት'ዩ። ካብ 19 ክሳዕ 24 ሰሙን ኣብ ዘሎ ግዜ ኽኣ እቲ ዝውለድ እንቋቑሖ ብሚዛኑ፡ ብቐርጹ፡ ብብዝሑ፡ ብምውሳቡ ንኽሕቁፍ ብቑዕ ወይ ድሉው ይኽውን። ብገምጋም 95% ይወልዳ'የን።

• ኣብቲ ዝወልድኦ እንቋቑሖ እንታይ ዝግበር ጥንቃቐ ኣሎ፧

ካብ መሰበርቲ፡ መንቃዕትን ብክላን ንምክልኻል፡ እኹል መውለዲ እንቋቑሖ (nest) ክህልወካ ኣለዎ። እቲ መውለዲ ኽኣ እኹል ጉዝጓዝ ክግበረሉ የድሊ። ሸው ኣይሰበረካን፣ ኣረስሓካን'ውን'ዩ። ኣብታ ዝወልዳላ ሰዓት ከኣ ነቲ እንቋቑሖ ቀቀልጢፍካ ከተልዕሎ ኣሎካ። ሸው እቲ ዝሕቁፍ መሪጽካ፡ ኣብ 17 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ንሸዱሸተ መዓልቲ ትዕቅቦ። እቲ ዘይሕቁፍ ከኣ ቀልጢፍካ ትሸጦ። ንሕና ብመሰረቱ ንምጭጫሕ'ዩ ዕላማና፣ ንሲጋ ኣይኮነን። እቲ ዝተወልደ እንቋቑሖ መሪጽና ኣብ ቅርጹ፡ ሚዛኑ፡ ጽሬቱ መሚና ነሕቑፎ። ጫቑት ኣፍሪና ኽኣ ንሓረስታይ ንዝርግሖ።

• ኣብ መሕቐፊ (incubator) ክንደይ መዓልቲ ይጸንሓ፧

18 መዓልቲ ይጸንሓ። ዘርኢ ዝሓዘን ዘይሓዘን ከኣ ትፈልዮ። ድሕሪኡ ናብ መንቀሒ (hatcher) ትወስዶ። ኣብኡ ኽኣ 3 መዓልቲ ይጸንሕ። ኣብ 21 መዓልቲ ናብ ጫቑት ይቐየር ማለት'ዩ። ድሕሪኡ ማይ ከይጠዓማ ፍልይቲ ማኪና ጌርና ብኡ ንብኡ ናብ ከረን ወይ መንደፈራ ንሰደን። ኣብኡ መሞቑ ዘሎዎ ማእከል መዕኰኺ ጨቓዊት (Brooder Centre) ኣሎና። ኣብኡ ሓደ ወርሒ ጸኒሐን ምስ ዓኹኻ ድማ ናብ ሓረስቶት ይዝርግሓ። ሰሙናዊ 40 ሽሕ ነሕቑፍ። በዚ መገዲ ክሳዕ ሓደ ሚልዮን ከተጫጭሕ ትኽእል ኢኻ። ኣብ 2023 ንኣብነት፡ ክሳዕ ሚልዮን በጺሕና ኔርና ኢና።

• ናይ መፍረ ዕድመአን ክንደይ እዩ፧

ብገምጋም 72 ሰሙን፡ ዓመትን ሸዱሸተ ወርሕን ይጸንሓ።

ሸዱሸተ ወርሒ መዕበዩአን'ዩ። ዓመት ከኣ እንቋቑሖ ይወልዳ። ምስ ኣረጋ ኸኣ ንሲጋ ይሸየጣ።

• ልዕሊኡ ዘቑጽልወን ሓረስቶት ከም ዘለዉ ይዝረብ'ዩ። ከመይ'ዩ፧

ንገለ ኣዋርሕ ኩተቑጽለን ትኽእል እንዲኻ፡ ግና እቲ ፍርያት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናወሓደ እዩ ዝኸይድ። እቲ ንመግብን ካልእን እትገብሮ ወጻኢታት ከኣ ምስ'ተን ኣፍረይቲ ሓደ'ዩ፣ እንተዘይበዚሑ'ኳ። እቲ ዝወልዳኦን ዝግበረለን ወጻኢታትን ኣይመጣጠንን'ዩ። ንሲጋ ክትጥቀመለን እዩ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ።

• ምስ ኣኽላ ሚዛን ክንደይ ይበጽሕ፧

እተን ናይ እንቋቑሖ ደርሁ፡ 'ብላንካ' ብገምጋም 1.8 ኪ.ግ. ይበጽሓ። እተን ናይ ሲጋን ናይ እንቋቑሖን ድማ ክሳዕ 2.2 ኪሎ፡ ዋላ ልዕሊኡ'ውን ይበጽሓ'የን። ሕብሪ እንቋቑሖኣን ከከም ዓሌተን ይፈላለ፣ ውሽጡ ግና ብጫ'ዩ፣ መግበን'ዩ ዝውሰኖ።

• ኣተሓሕዛእን ከመይ'ዩ?

ከቢድ'ዩ። ግዜ፡ ሓንጎል፡ ጉልበት፡ ጥበብ ይሓታኻ'የን። ርእሲ ወይ ሓንጎል ጥራይ ሒዝካ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ግዜን ጉልበትን ከኣ ይሓታኻ። ኩሉ ተኣሳሲሩ'ዩ ዝኸይድ። ደርሆ፡ ግዜ ሃበኒ፡ ረኣየኒ፡ ኣዛርበኒ፡ ተኸናኸነኒ፡ ኩሉ ዝደልዮ ቀርበለይ እያ ትብለካ። እንተ ሂብካኒ ትህቦካ፡ እንተ ዘይሂብካኒ ኸኣ ትኸልኣካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናብ ከቢድ ክሳራ'ያ ትሸምመካ።

• ኣፈን ናይ ኩለን ቁራጽ'ዩ. . .

ጫቑኦት ምስ መጻ፡ ካብ 4 ክሳዕ 7 ኣብ ዘሎ መዓልትታት ኣፈን ወይ መትኩብን ክቑረጻ ይግባእ። እንተ ዘይተቑሪጸን ንሓድሕደን ክናኸሳ፡ ክተኻኽባ'የን። ኣብ ኣርባዕተ ወርሒ ኸኣ ተመዓራርዮ። ቅድሚ ምውላድ ምጅማረን ማለት'ዩ።

• ብኽመይ ትቑርጾ፧

መቑረጺ ማሽን ኣሎ። ሓረስቶት ኣብ ከባቢኦም ካብ ዘሎ ጨንፈር ሚኒስትሪ ክረኽብዎ ይኽእሉ'ዮም፣ ክዕድግዎ'ውን ይኽእሉ። ፍሉጥ መሳርሒ'ዩ።

• ሰፈር ደርሁ ከመይ ክኸውን ኣለዎ፧ ስፍሓቱኽ፧

ሰፈር ደርሁ ወሳኒ'ዩ። ብግቡእ ዝተሰርሐን ጽሬቱ ዝሓለወን ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ሓደ ትርብዒት ሜትር፡ ክሳዕ 10 ክተሰፍረሉ ትኽእል ኢኻ። ዓሌትን ግዝፍን ደርሆ ኸኣ ወሳኒ'ዩ። ንኣብነት እዘን ብላንካ ዝዓሌተን ደርሁ፡ 10 ጨቓዊት ክትሕዘሉ ትኽእል ኢኻ። እናዓበየ ምስ ኸዳ ግና ናብ ሸዱሸተ ሓሙሽተ ክተውሕደን ይግባእ።

• ኣብ ሓደ ትርብዒት ሜተር ልዕሊ 10 ከም ዝሰፍራ እንተ ገርካኽ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ፧

ናብ ዘየድሊ ጸቕጥን ራህድን ኢኻ ተእትወን። እዚ ድማ ንባክተርያን ጀርምታትን እዩ ዘቃልዐን። እቲ ብሰንኩ ዝሰዕብ ጠንቂ ኣዕናዊ'ዩ። ስለዚ፡ ደርሁ ኣብ ግቡእ ቦታ፡ ኣብ ግቡእ ስፍሓት፡ ኣብ ግቡእ ክሊማ ክሰፍራ ይግባእ። እኹል መመገብን መስተዩን ክህልወን ድማ ኣለዎ፣ ክጸበን የብሉን።

• ገለ ሓረስቶት መፍረ ደርሁ፡ "ምትኹኻብ" ከም ሰግኣት ይገልጽዎ'ዮም።

ከምዚ ክንገልጾ ዝጸናሕና'ዩ። ጽበት ቦታ'ዩ ናብ ምትኹኻብ ዘምርሐን።

• ዝጠልብኦ ክሊማኽ፧

ሰፈረን ኩሉ ግዜ ንፋስ ዝኣትዎን ሙቐት ዝዕቅብን ወይ 'ventilated' ክኸውን ተመራጺ'ዩ። ምስ ተጫጭሓ ኣብቲ ፈለማ መጠን ሙቐት 37 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (ዲ.ሰ.ግ) ክኸውን ኣለዎ። እናዓበየ ምስ ከዳ ድማ መጠን ሙቐት በብሰሙኑ እናቐንሰ ይኸይድ። ክልተ ወርሒ ምስ ገበራ ግና ንኩር መጠን ሙቐት (Normal room temperature) ክወሰዳ ይኽእላ'የን - 21 ዲ.ሰ.ግ ማለት'ዩ። ካብኡ ክትሕት የብሉን። ምኽንያቱ ደርሆ እንተቑሪራ ኣይትብልዕን'ያ። እንተዘይበለዓ ድማ ክትመውት'ያ። ስለዚ ንደርሆ ካብ መግቢ ንላዕሊ ምቑእ ክሊማ የድልያ።

• ኣብ ሃገርና ንደርሁ ዝመችኣ ባህርያዊ ክሊማ ዘለዎ ኣቢይ እዩ፧

ከረንን ከባቢኡን፡ መንደፈራን ከባቢኡን ዋላ ዓዲ'ኳላ'ውን፡ ጊንዳዕን ከባቢኡን ጽቡቕ ምኻኑ ብግብሪ ኣረጋጊጽናዮ ኣሎና። ምስ ናይ ከረንን መንደፈራን ዝመሳሰል ክሊማ ዘለዎ ብሓፈሻ ምቑእ'ዩ። እቲ ክሊማ ኣዝዩ ዝሑል ወይ ኣዝዩ ምዉቕ እንተ ኾይኑ፡ መውዓይን መዝሓልን መሳርሒ ከድልየካ'ዩ።

• ባህርያት ደርሁ ከመይ እዩ፧ ኣብ ሞንጎ ናይ ዓድናን ዝተዳቐላን ናይ ባህሪ ለውጢ ኣሎዶ፧

ናይ ዓድና ማእሪረን እየን ዝበልዓ። እዘን ናይ ደገ ግን ብግቡእ ዝተዳለወ ቀለብ ክትቀርበለን ኣለካ። ኣብ ካልእ ብዙሕ ነገራት'ውን ኣይመሳሰላን እየን።

• ነዞን ኣብ ማእከልኩም ዘለዋ ደርሁ፡ እንታይ ኢኹም ትምግቡወን፧ ካበይከ ትረኽቡም፧

ካብ ኩሉ ተቓሚሙ ዝተሰርሐ ውሁድ መግቢ (concentrated food) ኢና ንቕርበለን። እዚ ሕጂ ኣብ መኽዘን ዝረኣኹሞ፡ ካብ ነዘርላንድ ዘምጻእናዮ እዩ። ካብ ካልኦት ሃገራት እውን ነምጽእ ኢና። እቲ ጥራነገራት ኣብ ዝረኽብናሉ ባዕልና'ውን ነዳሉ ኢና።

• ደርሁ ኣመና ተኣፈፍቲ ምኻነን ደጋጊምኪ ክትነግርና ጸኒሕኪ። ደርሁ ብሕማም ከይጥቅዓ እንታይ ክግበር ኣለዎ፧

እቲ ዝዓበየን ወሳንን "ምክልኻል" እዩ። ኣብ ደርሆ፡ ምክልኻል እምበር ሕክምና የለን። እዚ ማለት ድማ እቲ ዝግበኣን ክታበት፡ መድሃኒትን ቫይታሚንን ከከም ኣድላይነቱ ብሰራዕ ክትህበን ኣለካ። ኣብ ቀጽረን ወይ ሰፈረን ሕማም ዘስዕቡ ጀርምታትን ካልኦት ኣዝዮም ደቓቕቲ ታህዋስያንን ንኽይኣትዉ፡ ዕቱብ ምክትታል ብምግባር፡ ድሕነትን ከተውሕስ ኣለካ። ተላባዕቲ ሕማማት፡ ብሰብ እንስሳታት፡ መካይንን ካልኦት መሳርሒታትን ተጸይሮም ናብ ሰፈር ደርሁኻ ከይኣትዉ ብዕቱብ ክትከታተል ይግባእ። ምእኩት ምህርቲ፡ ካብ ጥዑያት ደርሁ'የ ዝርከብ። መኽሰብ ከተኻዕብት እንተ ደሊኻ፡ ጥዕና ደርሁኻ ክተረጋግጽ ኣለካ።

• ንደርሁ ዘጥቅዑ ሕማማት ከመይ ዝበሉ'ዮም፧

ብሰንኪ ቫይረስ፡ ባክተርያ፡ ዕሲ (ፋንጋስ)ን ካልኦት ባልዓትን ብተላጋቢ ሕማማት ከም ኒውካስል፡ ረኽሲ ላንቃን ጎሮሮን፡ ሰዓል ኣዕዋፍ ወዘተ. ክጥቅዓ ይኽእላ።

• ብኽመይከ ንክላኸሎም፧

ከምቲ ቀዲመ ዝገለጽክም፡ እቲ መሰረታዊ ምክልኻል'ዩ። ናብ ደርሁኻ ዝበጽሑ ነገራት ደረት ትገብረሉ፣ ደርሁኻ ዝቐመጣሉ ሰፈር ትሓጽሮ፣ ደርሁኻ ክርእዩ ናብ ትካልካ ዝመጹ በጻሕቲ፡ ኣቐዲሞም ከም ዝሕጸቡን ሳእናም ከም ዘጽርዩን ትገብር፣ እንተ ተኻኢሉ ንበጻሕቲ ዝኸውን ቡት ጫማ ተዳሉ። እቶም በጻሕቲ ንባዕሎም ወነንቲ ደርሁ ምስ ዝኾኑ'ሞ ኸኣ ናብ ደርሁኻ ክተቕርቦም የብልካን። ሓደስቲ ደርሁ'ውን ክትሕውሰለን የብልካን። ጥዕናአን ንምርግጋጽ ቅድም ኣብ በይነን ክትውሽበን ኣለካ። ከም ብዓል ኣንፈዋ፡ ምጽጹላይ፡ ማንቲለን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ገሃጽቲ እንስሳታት ድማ ናብአን ከይቀርቡ ጥቡቕ ምክትታል ክትገብር ኣሎካ።

• ጽሬት ሰፈር ደርሁ ብኽመይ ኢና ነውሕስ፧

ደርሁ ዝፈርያሉ ገዛ፡ ባይታኡ፡ መንደቑ፡ ናሕሱ ዝሕጸብ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ እንዳ ደርሁኻ ጥራይ እትጥቀመሎም ጽሬቶም ዝሓለዉ ሳእንን ምሉእ ክዳንን ክህልወካ ይግባእ። ቅድሚ ናብ ሰፈር ደርሁኻ ምእታውካ፡ ኣእዳውካ ብማይን ሳምናን ከምኡ'ውን ብጸረ ጀርምታት ከሚካ ክትሕጸብ፡ እንዳ ደርሁካ መመገቢኣንን መስተዩኣንን መዓልታዊ ክተጽርዮ፡ ምስ ደርሁኻን ካብኣን ዝወጽእ ነገራትን ምትእስሳር ዘለዎም ናውቲ ወትሩ ክጸርዮን ብከሚካል ጸረ ጀርምታት ክተምክኖ፡ ዝሞታ ደርሁኻ ተቐላጢፉካ ክተቃጽለን ወይ ክትቀብረን የድሊ። ጸረ ሕማማት ከም፦ ኒውካስል፡ ማረክስ፡ ጉምበሮ፡ ኣይ.ኤል.ቲ፡ ኣይቢ (Newcastle, Marek's, gumbro, ILT, IB, etc.) ክታበት ከኣ ወሳኒ'ዩ።

• ክታበት፧

እው። ንሕና ሰሙን ሰሙን ንኸትብን ኢና። ክሳዕ ወርሕን ፈረቓን ብስሩዕ ኢና ንኸትብን።

• ሓረስቶትከ እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ፧

ተመሳሳሊ'ዩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞባ፡ ንኡስ ዞባ፡ ምምሕዳር ከባቢ ወከልቲ ኣለዉና። እቲ ኣፋውስ ይኹን ኣገባብ ክታበት ካብኣቶም ክረኽቡዎ ይኽእሉ'ዮም።

• ኣብ ህድሞ ደርሁ ምፍራይ ከመይ፧

ብቐሊሉ ዝሕጸብ ስለዘይኩነ፡ ብሕልፊ ነዚን ናይ ደገ ፍጹም ኣይከውንን'ዩ። ህድሞ ብሳዕረ-ማዕሪ፡ ኣዕጫውን ኣጉናድን እዩ ዝሰራሕ። ሕማም ምስ ዘጋጥም፡ ንድሕነት (bio-security) ኢልካ ክተቃጽሎ ክትግደድ ኢኻ። ገዛ ምቅጻል ከኣ ዕንወት'ዩ። ዋላ ንናይ ዓድና'ውን ክንድ'ቲ ኣይተባዕን'ዩ። ብሰንኩ ቅነ ኣሎ ኩለን ርፍትት ዝብላሉ።

• ሓደ ኣብ መፍረ ደርሁ ዝዋፈር ብዓል ዋኒን፡ ንደረውሁ ዝኾኖ መኣዛዊ መግቢ ባዕሉ ክዳሉ ይኽእልዶ፧ ብኽመይ፧

ፕሮቲናት፡ ቪታሚናት፡ ማዕድናት ዘሎዎ ንጥረ ነገራት ክረክብ እንተኽኢሉ ክዳሉ ይኽእል'ዩ። ዕፉን፡ ማሽላ፡ ሩዝ፡ ባልደንጉ፡ ፍሩሰኬሎ፡ ናይ ዘይቲ ጽማቕ፡ ዓሳ፡ ጥሑን ስጋ ወይ ዓጽሚ ... እዚታት ገይሩ ክዳሉ ይኽእል። ንዓቕንን ኣገባብን ዝምልከት ድማ ምስ በዓል ሞያ ተዘራሪቡ ክዳልዎ ይኽእል'ዩ።

• ኣብ ጥዕና ደርሁ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘሎዎ መግቢ ንደርሁ ዘይሰማምዐን መግቢ፧

ትሕዝቶኡ ዝሰሓተ መግቢ ክተብልዐን የብልካን። ዝዓሰወ፡ ዝተበላሸወ ወይ ዝሰይሐ መግቢ ክትቀርበለን ኣይግባእን። ኣቀራርባኡን ዓቕኑን እውን ክትፈልጦ የድልየካ።

• ደርሁ ሰበን የለልያዶ፧

የለልያ'የን። ፍልይ ዝበለ ክዳን ወድዩ ዝቐርበን ሰብ እንተርእየን ኣዝየን እየን ዘሸግራኻ። ይጎያኻ፡ ይስንብዳ እየን። ናተን ቋንቋ ኣሎወን።



• ኣብ ኣብያተ መግብና፡ ሲጋ ደርሁ ዝውቱር ኣይኮነን፧ እንተተረኺቡ'ውን ኣብ ዋጋ ርትዓዊ ኣይኩነን። ስለምንታይ ኮይኑ ይሰመዓኪ፧

ቀረብን ጠለብን ስለዘይመጣጠን። ቀረብ እንተ በዚሑ፡ ክሓስር'ዩ፡ እንተ ሓሲሩ ኸኣ ተጠላብኩቱ ክውሰኽ'ዩ። ሲጋ እንተ ተቐሪቡ'ውን በላዒ ክህሉ ኣለዎ። ክልቲኡ ተሳንዩ እዩ ዝኸይድ።

• ኣብ ገለ ሃገራት ዝተኸሸነ ሲጋ ደርሁ ክሳብ ኣብ ጎደናታት ክሸየጥ ይስትውዓል'ዩ። ኣብ ዓድና ስለምንታይ ርትዓውን ዝውቱርን ክኸውን ዘይክኣለ፧

ጉዳይ መግቢ ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። እኹል መግቢ እንተ ዝቐረብ ነይሩ፡ ሲጋ ይኹን እንቋቑሑ ምሓሰረ ነይሩ። በዚ ዘሎዎ ናይ መግቢ ዋጋ ግን ነቲ ደርሆ ኣሕሲርካ ክትሸጦ ዘተባብዕ ኣይኩነን። እቲ ተጠቃማይ ክሓስረሉ እንተዘይክኢሉ ኸኣ ከም ድላዩ ከዘውትሮ ኣይክእልን'ዩ። እቲ ጸገም ዝኸውን ዘሎ፡ እቲ ደርሁ ዝጠልብኡ መግቢ እቲ ሰብ ዝጠልቦ'ዩ። ዕፉን፡ ሩዝ፡ መሸላ እንድሕር ኢልካሲ ሰብ'ውን ንዕኡ'ዩ ዝጥቀም። እቲ ዝኸፍኡ ናይ ደርሆ ባህርይ ምስ ሰብ ትሻሞ ምኳና'ዩ። ሳዕረማዕርን ካልእ ማልእን ኣይትብልዕን'ያ።

• መቐረት ሲጋን እንቋቑሑን ደርሁ ካብ ምንታይ'ዩ ዝውሰን? እቲ ዝምገብኡ እዩ ዝውሰኖ። እዘን ናይ ዓድና እንተ ርኢና፡ ጻሕቲረን'የን ዝበልዓ፡ እቲ ዝበልዓኡ ኸኣ ባህርያዊ ወይ 'ኦርጋኒክ' እዩ። ሲጋኣንን እንቋቑሑኣንን 'ኦርጋኒክ' ክኸውን ከኣ ንቡር'ዩ። እቲ ሕብሪ፡ እቲ መቐረት እቲ ዝምገብኡ እዩ ዝውሰኖ። ኣብ ትሕዝቶ፡ ናይ'ዘን ናይ ደገ'ውን ሕማቐ ኣይኮነን። ዝተመርጸ መግቢ ኢና ንህበን። ልምዲ ኸኣ ኣሎ 'ንድዮ፧ ብዙሕ ግዜ ዝለመድካዮ'ዩ ዝምቀረካ። ብዘኾነ 'ኦርጋኒክ' ምኳኑን ዘይምኳኑን ጥራይ እዩ እቲ ፍልልይ።

• ውሽጡ ብጫ እንቋቑሑ ካብ ምንታይ እዩ፧

እዚ'ውን ካብ ኣመጋግባ'ዩ። ዋላ ነዘን ናይ ዓድና ዕጸወን እንዶ። ሕብሩ ካብ ብጫ ዝተፈለየ እዩ ዝኸውን። ስለዚ፡ ምስጢር ሕብሪ እንቋቑሑ መግቢ'ዩ። ካልእ ፍሉይ ብልሓት የብሉን።

• እተን ናይ ሆላንድ ኣብ ዓድና መጺአን ምስተፋረያ፡ ምስ ኮነታት ኣመጋግባ ብዘተኣሳስር ለውጢ ዝገብራ ኮይኑዶ ይሰመዓኪ፧ ናብ ናይ ዓድና ገጸን፡ ናብ 'ኦርጋኒክ' ገጸን ክዛዝዋ ይኽእላዶ፧

ብርግጽ እምበር። ናብቶም ብንኡስ ዓቕን ዘፍርዩ ሓረስቶት ንዝርግሐን እንዲና። 'ኦርጋኒክ' መግቢ እንተሂብካዮን፡ ኦርጋኒክ ፍርያት ይህባኻ።

• ዘርኢ ኣብ ምምሕያሽ ብወገንኩም ዝገበርኩሞ ጻዕሪ ክትገልጽልና

ካብ 2013 ጀሚርና፡ ሻወር ብላክ፡ ሃርኮ፡ ብላንካ ዝበሃሉ ሰለስተ ዓሌት ነይሮምና። ኣብ ዓድና ውጹእ ጸዕዳ ደርሆ ፍቱው ኣይኮነን። ጸሊም እውን ብተመሳሳሊ። እዘን ብላንካ ጸዓዱ እየን። ንዕኡ ከነመሓይሽ ኢልና ካብ ኣርባዕተ ዓይነት ዘርኢ ዘዳቐልናየን ክሳዕ ታሽዓይ ወለዶ ኣብጺሕና ኣብ ከረን ከነዕብየን ጀሚርና ኔርና ኢና። ሃንደበታዊ ሕማም ስለዝመጸ'የን ጠፊእን።

ሕጂ'ውን እቲ ናይ ምድቓል መስርሕ ክንቅጽሎ መደብ ሒዝና ኣሎና። ካብ ደገ እና'እተኻ፡ እና'ኸፈልካ ኣይከውንን'ዩ። እቲ ምስ ናይ ዓድና ናይ ምድቓል መስርሕ እንተ ስሊጡና፡ እቲ ዝድለ ዘርኢ ክንሕዝ ክንክእል ኢና። ኣብ ታሽዓይ ወለዶ በጺሕና ኣብ ዝነበርናሉ እዋን፡ እተን ደርሁ ኣብ ሕብረን ይኹን ምንቋሐን ጽቡቐ ከይደን ነይረን'የን። ሕጂ'ውን ንሱ ስለ ዝሕሸናን ዘዋጽኣናን ክንሰርሓሉ ኢና።

• ንሓረስታይከ ኣየናይ እዩ እቲ ዝሓሸ፧

ከም ድላዩ ገይሩ ክኣልየን ስለዝኽእል፡ ዝተዳቐላ ክሕሸኦ ይኽእላ'የን።

• ስለዚ ባዕልና ጨቓዊት ክነፍሪ ንኽእል ምኳንና ኣረጋጊጽና ኣሎናዶ ክንብል ንኽእል?

እቲ ተመኩሮ ኣጥሪናዮ ኣሎና። ብስራሕናን ክእለትናን ክንንየት እንተ ኼንና ኸኣ ገለ ነገር ክንፈጥር እንተ ኽኢልና ጥራይ'ዩ። ቁሩብ ደኣ ግዜ ንወሰድ ንኸውን እምበር፡ ኣብ ራእዩናን መደብናንሲ ኣሎ።

• ብዛዕባ ምእጋል እንቋቑሑ ገለ ክትብልና? ዝኣጎለን ዘይኣገለንከ ብኸመይ ክነለልዮ ንኽእል?

ብዛዕባ ዘርኢ ዘሎዎን ዘርኢ ዘይብሉን ኢና ንዛረብ ዘሎና። ዘርኢ ዘይብሉ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ይጸንሕ'ዩ። እዚ ናይ ደገ ንኣብነት ክሳዕ ወርሒ ክጸንሕ ይኽእል'ዩ፡ ከይኣገለ። ኮነታት ጥዕናኡ ቡቲ ንቡር ናብ ብርሃን ጌርካ ብዓይንካ ትፈልጦ ኢኻ፤ እንተኣጉሉ ጸሊም የርእየካ እንተዘይኣጉሉ ድማ ብርሃን የርእየካ።

• ናባኺ ክንምለስ። ንሞያኺ ዘዕቢ ዝወሰድክዮ ስልጠናታት ክትገልጽልና።

ቅድሚ ናጽነትን ድሕሪ ናጽነትን ዝወሰድክዎ ብዙሕ ሓጺር ሓጺር ኮርሳት ኣሎ። ኣብ 2000 ናብ ኣመሪካ ከይደ ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠና ወሲደ ነይረ። ናብ ሃገራት ኣውሮጳን ካልእን ብምኻድ'ውን ሓያለ ሓጸርቲ ኮርሳትን ናይ ስራሕ ዑደትን ኣካይዶ'የ።

• ኣብ ስራሕኪ ከመይ ሓጊዙኪ፧

ኣዝዩ ይሕግዘካ'ዩ። ኣብ ባይታ ዘሎ ነገር ብኣካል ብዓይንኻ እናረኣኻ፡ ተሞኮሮ ክትለዋወጥ ምኽኣል ኣገዳሲ'ዩ። ዋላ ልክዕ ከምኡ ክትገብር ኣይትኽኣል፡ ንዕኡ ዝመሳሰል ነገር ክትገብር ዘኽእል ዓቕሚ ተዋሪ ኢኻ። ራእዩኻ ከተዕቢ'ውን ሓጊዙ'ዩ። እዚ ኣብ ገዛና ዘመዝገብናዮ ገስጋስ'ውን ካብ ከምኡታት ዝተመኩርናዮ እዩ።

• ጓለንስተይቲ ብምኻንኪ ኣብ ስራሕ ዝበድሃኪ ነገር ኣሎዶ፧

ዝሓሰብክዎ እገብር'የ። ክገብሮ ኣሎኒ ኢለ ንርእሰይ እንተ ኣእሚነ እገብሮ'የ። ንኣብነት፡ እዚ ገዛናስ ብዙሕ ገልጠምጠም'ዩ ዘሎዎ። ምስ ኤለክትሪክ፡ ቡምባ ማይ፡ ኢንኮቤተር ወዘተ. ገልጠምጠም ክትብል ኢኻ ትውዕል። ኩሉ ተማሊኡ ስለ ዘይጸንሓኒ ብዙሕ ክብድሃካ ዝኽእል ነገራት ነይርዎ'ዩ። ይኹን'ምበር፡ እዚ ከቢዱናስ

ካብ ስራሕ በኽርና ዝበልናሉ እዋን የለን። ከምኡ እንተ ዘይጌርካ ኽእኣ ነቲ ስራሕ ኣይትወጸን ኢኻ። እቲ ስራሕ ኣዝዩ ዝተተሓሓዘን ዝተኣሳሰረን ስለዝኾነ፡ ጸገም ኣብ ዘጋጥመካ ክትጓየየሉ ኣሎካ።

• ምስ ኣባላትኪ ዘሎኪ ናይ ስራሕ ውህደት ከመይ ትገልጽዮ፧

ከይተወሃህካ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ናይ ሓደ ሰብ ሸለልትነት ዕንወት ከሰዕብ ስለ ዝኽእል ግድን ተወሃህካ ኢኻ ትሰርሕ። ንሕና ከም ሓደ ስድራቤት ብምኻን ተወሃህድና ኢና ንሰርሕ። እንሓንሳእ ዋላ ነቲ ኣብ ሞንጎ ስድራቤት ዝህሉ ውህደት ንሓልፎ ኢና እንተ በልኩኻ'ውን ኣየጋነንኩን። ኣብ ስራሕ ፍጹምነት ስለዘየለ፡ ክተማእዝን፡ ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ክትመርሕ ሓላፍነትካ ስለዝኾነ፡ ስድራቤታዊ ምምኽኻር፡ ምምዕዳይ፡ ምግስሳጽ ክህሉ ግድን'ዩ። ስለዚ ብኣጠቓላሊ፡ ዝድነቕ ምቅርራብን ምውህሃድን ከም ዘሎና'የ ክገልጽ ዝደሊ። ሓደ ኣባል፡ 'ሰዓተይ ኣኺሉ' ኢሉ ግቡእ ምርኽኻብ ከይገበረ ጠንጢኑካ ዝኸይድ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ካልእ ዓይነት ስራሕ ምናልባት ክትጸወሮ ይከኣል ይኸውን'ዩ፡ ኣብ ናይ ደርሆ ግን ከቢድ'ዩ። ኩልኻ ብሓላፍነት ኢኻ ትሰርሕ። ዋላ ሓደ ዘይሓላፍነታዊ ክህልወካ የብሉን። ነዚ ኽኣ ክትሰርሓሉ ኣሎካ። ዋላ ዘጉራፍጥ እንተጋጠመ'ውን ቅልጥፍ ኢልካ ናብቲ ንቡር ስራሕካ ክትመልስ ኣሎካ። ሓድሕዳዊ ውህደትን ስኒትን ከተስፍን ወሳንን ግድነታውን ስለዝኾነ።

• ናይ ስራሕ ግዜ ከመይ ተመሓድርዎ፧

ስራሕና 24 ሰዓታት ዘየቋርጽ ስለ ዝኾነ፡ ብእብረ ኢና ንኣቱ። ነቲ መቓይርትኻ ግቡእ ሓበሬታ ሂብካ ከየረኩብካ ምኻድ የለን። እቲ ስራሕ ኣዝዩ ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ፡ ዝወዓልካዮ ወይ ዝሓደርካዮ ክግቡእ ክትነግር ኣሎካ።

• ብወገንኪ ዝሃብክዮ ስልጠናታት እንተልዩ ክትገልጽልና።

ብወግዓውን ዘይወግዓውን ብዙሕ ስልጠናታት ሂበ'የ። እቲ ኣብ ስራሕና ረኺብናዮ ዘሎና ዓወታት'ውን ውጽኢት ናቱ ምኻኑ'የ ዝኣምን። ብሕልፊ ሓድሽ ሰብ ክምደበልና እንከሎ፡ ክተማእዘና፡ ክትሕብሮ፡ ክተለማምዶ ግድነት'ዩ። ኣብ ስራሕና እዚ ኣብ ቦታ ስራሕ ማለት "on job training" ዝበሃል ስልጠና ብግቡእ ኢና ንሰርሓሉ። ኣብዚ ጉዳይ ብፍሉይ ክገልጾ ዝደሊ፡ ብጠለብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ፡ በብሸዱሽተ ወርሒ ክፋፈል ኣርባዕተ ግዜ ብድምር ናይ ክልተ ዓመታት ስልጠና መፍረ ደርሁ ንዓይነ-ስዉራን ሂቡ። ኣብ 1990ታት ድማ ንኣስታት ሓደ ሸሕ ዝኾኑ ተመሃሮ ናይ ሸዱሽተ ወርሒ ስልጠና ሂበ ነይረ። ንሓረስቶትን ንተመሃሮ ኻልኣይ ደረጃን ዝህቦ ሓጸርቲ ስልጠናታት፡ ኣስተምህሮታት ድማ ቀጻሊ'የ።

• ኣብ መወዳእታ እንታይ ክትብሊ ትደልዩ

ኩልና ኣብ ዘዘተመደብናዮ ቦታ ስራሕ፡ ነቲ ስራሕ መሲልና ክንከይድ ክንጽዕር ይግባእ። ዋላ ብቑለም ንመሃሮ፡ ነቲ ሞያ ክንመስሎን ክንመልኮን እንተኾንና ትሕትናን ጻዕርን ከድልየና እዩ። ከይተመቕለልካን ከይጸዓርካን ዝርከብ ሞያን ተመኩሮን የለን። ጸታና ብዘየገድስ፡ ኣብ ዘዘለናዮ ንሞያና መሲልናዮ፡ ተቐቢልናዮ፡ ብትግሃትን ተወፋይነትን እንተሰራሕናሉ፡ ዘይንኽእሎ ነገር ኣይክህሉን'የ።

የቐንየልና ኣርካን ሞያተኛን ምኵርቲ ክኢላን መፍረ ደርሁ ኣልማዝ ገዛኢ!

***



ኮኾብ ሰራሕተኛ ሚኒስትሪ ሕርሻ 2024

ኣቶ ሃይለማርያም መኮነን

ዓንደመስቀል በርሀ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምብራኽን ኣብ ሞያኦም ብተወፋይነት ኣድማዕቲ ኮይኖም ንኽዋጽኡን፡ ዓቕሞም ዘዕብይሉ ሰፊሕ ዕድላት ከም ዝፈጥርን ንኣበርክቶኦም ድማ ኣፍልጦ ከም ዝህብን ይፍለጥ። ከም ኣካል ናይዚ ድማ፡ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ ዓመት ዝግበር ገምጋም ዓመታዊ ሰራሕ ሚኒስትሪ፡ ገምጋም ሰራሕተኛታት'ውን ኣቐዲሙ ብዝተሰርዐ መምዘኒ ብቕዓት ሰራሕተኛታት ይሰላሰል'ዩ። ብደረጃ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ካብ ነፍሲ ወከፍ ክፍልን ጨንፈርን ሚኒስትሪ፡ ብሉጻት ሰራሕተኛታትን ኮኾብ ሰራሕተኛን ናይታ ዓመት ይሸልምን ወረቐት ምስክርነት ይህብን። ናይ ዓመተ 2024 ኮኾብ ሰራሕተኛ፡ ዕዱም ጋሻ ገይርናዮ ኣሎና።





ምሉእ ስሙ ሃይለማርያም መኮነን ገብረዝግኣብሄር ይብሃል። ብ1989 ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዳብረ፡ ንኡስ ዞባ ማይ ምነ ተወሊዱ። ዕድሚኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ፡ መባእታ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዳብረ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ድማ ኣብ ሓውሲ ከተማ ማይምነን ከተማ ዓዲ ኻላን ብተኸታታሊ ተማሂሩ። ቀጺሉ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቱ ንምዝዛምን ግቡእ ወተሃደራዊ ታዕሊም ንምፍጻምን ኣብ ዓመተ 2007፡ ምስ መበል 20 ዙርያ፡ ናብ ሳዋ ወሪዱ። ግቡእ ኣካዳምያውን ወተሃደራውን ታዕሊም ቀሲሙ ድማ ናይ 12 ክፍሊ መርመራ ተሳቲፉ፡ ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ዘእትዎ ነጥቢ ስለ ዘመዝገቡ፡ ናብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ተጸንቢሩ።

ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመታት ናይ ኮሎጅ ጻኒሑቱ፡ ኣብ 2009 ብዓውዲ ስነ-ብቕሊ (Agronomy)፡ ተመሪቑ። ቀጺሉ ሃገራዊ ግቡእ ንምፍጻም፡ ናብ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ በይሉል ኣብ ዝተባህለ ቦታ ተመዲቡ ሰሪሑ። ኣብ በይሉል ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ግንባር ይነጥፍ ነይሩ። ካብኡ ብምቕጻል፡ ኣብ 2010 ወርሒ ትሸዓተ፡ ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሃገራዊ ትካል ምርምር ሕርሻ (ሓልሓለ)፡ ነቕጣ ጎልጅ ተመዲቡ፣ ክሳዕ'ዚ እዋን ይሰርሕ ኣሎ።

ነቕጣ ጎልጅ፡ ሓንቲ ካብ ማእከል ትካላት ምርምር ሕርሻ ኾይና፡ ንኡሳን ነቕጣታት ኣኽለለትን ገርገፍን ይሓቑፍ። ኣብ ማእከል ምርምር ጎልጅ፡ እተፈላለዩ ሕርሻዊ ምርምራትን ፈተነታት ሓደስቲ ወይ ዝተመሓየሹ ዘራእቲ ከም መሸላ፡ ብልቱግ፡ ናይ ቅብኣ ዘራእትን ጥረታትን፡ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ምርምር ሃብቲ እንስሳ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ግራብ ሕርሻ (Agro-forestry)ን ካልኦት ንጥፈታትን ይሰላሰሉ።

መንእሰይ ሃይለማርያም ዝነጥፈሉ ዓውዲ ምርምር ድማ ስነ-ብቕሊ ኾይኑ፡ ኣብ ምብዛሕ ዘርኢ እተፈላለዩ ዘራእቲ፡ ምክያድ፡ ፈተነታት ኣብ ሓደስትን እተመሓየሹን ዘራእቲ ከምኡ'ውን ምትእትታው እተፈላለዩ ምህርቲ ኣብ ምድንፋዕ ዝሕግዙ ስለ-ብቕላዊ ኣገባባት (Agronomic Practices) የጠቓልል።

ናይ ቀረባ ሓለፍቱ ብዛዕባ ኣብዚ ዓመት ዘበርክዖ'ሞ ናብ ሸልማት ዘብቅያ ክገልጹ እንከለዉ፡

- ኣብ ምህርቲ መሸላ ብዘመዝገቦ ወሰኽ እቶታውነት (15 ኩንታል ኣብ ሄክታር ዝነበረ ናብ ልዕሊ 34 ክብ ኣቢልዎ)፡
- ምርምራዊ ንጥፈታት ነቕጣ ጎልጅ፡ ኣብ ኣእካል ተሓጺሩ ዝነበረ፡ ምስ ብጾቱ ሓቢሩ ብዝገበሮ ጻዕሪ፡ ምርምራዊ ስራሓት ናይ እተፈላለዩ ንጥፈታት ሕርሻ ከም ኣሕምልትን ፍረታትን ምዕቃብ ሓመድን ማይን ንጥፈታት ሃብቲ እንስሳ ብተመሳሳሊ ኣበርክቶ ገይሩ።

ንሱ ብዛዕባ ሸልማቱ ክገልጽ ከሎ፡ "እዚ ተዋሂቡኒ ዘሎ ሸልማት፡ ብዝያዳ ሓላፍነት ተሰኪመ ንኽሰርሕ'ዩ ዝገብረኒ። ስለዚ ኣብ መጻኢ ብዝበርትዐ ንኽሰርሕ ሓደራ ተሰኪመ ኣለኹ" ይብል።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኹሎም መሳርሕተይ፡ ናይ ቀረባ ሓለፍተይ፡ ስድራይ ከምኡ'ውን ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ፡ ስለቲ ዝገበሩለይ ሓልዮትን ፍቕርን ምትብባዕን ከመስግኖም እደሊ። ንኣዳለውቲ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ድማ ነዚ ዝረኸብክዎ ዓወት ኣጋጣሚ ገይርኩም ዝዓደምኩምኒ እመስግን።

***





ሰብ ናብ ሰቡ ...
ተረፍ ምህርቲ ተኽሊ ናብ ሓመዱ

ተመስገን ገብረመስቀል

እታ ንመጀመርታ ግዜ ብዛዕባ 'ፍልሰት ማዕድናት ሓመድ' (Soil nutrient migration) ዝሰማዕኩላ መዓልቲ ጽቡቕ ገይረ'የ ዝዝክራ። ብዙሕ ግዜ ፍልሰት ደቂ-ሰብን እንስሳታትን ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ፣ ከም ኣርእስቲ ክዝረበሉ ንሰምዕ ኢና። ብፍላይ ፍልሰት ደቂ-ሰብ ካብ ገጠር ንኹተማ ኣዝዩ ግኑን ዛዕባ እዩ። ብዙሕ ግምትን ኣድህቦን ተዋሂብዎ ዘይዝረበሉ ግና ፍልሰት ማዕድናት ሓመድ ካብ ገጠር ንኹተማ እዩ። ክኢላታት ሕርሻን ሓመድን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እኹል መረዳእታን ግንዛበን ኣለዎም ዝብል እምነት ኣሎኒ። ንሳቶም ንፍልሰት ማዕድናት ሓመድ ብብዙሕ ስነ-ፍልጠታዊ መገድታትን ደረጃታት ዕምቈትን ክገልጽዎ ከም ዝኽእሉ ርዱእ'ዩ። ካብ ክኢላታት ሕርሻ፣ ሓረስቶት ሃገርና ብዕጽፍታት ስለ ዝበዝሑ ግዳ፣ ኣብኡምን ኣብ ካልእ ሓፋሽ ህዝብን ዝሓሸ መረዳእታ ፍልሰት ማዕድናት ሓመድ ምስ ዝህሉ ዕማም ክኢላታት ክቃለል ይኽእል'ዩ ካብ ዝብል ሓሳብ ነዚ ጽሑፍ ከቕርብ ተበግሶ ወሲደ።

መጽናዕትታት ከም ዝገልጽዎ፣ ናይ መወዳእታ መዓልቦ ናይ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ፍርያት ሕርሻ ኣብ ከተማታት'ዩ። ንኣብነት እኽሊ፣ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ገጠራት ሃገርና ፈርዩ ንመሸጣ ናብ ከተማታት ይጓረት። ጤለ-በጊዕን ከብትን ኣብ መጋሃሚታትን በረኻታትን ተጓስዮን፣ ንመሸጣ ናብ ከተማታት ይለኣኻ። ከምኒ ጸባ፣ መዓር፣ እንቋቑሓ ዝኣመሰሉ ውጽኢት ሃብቲ እንስሳ'ውን ብተመሳሳሊ ናብ ዕዳጋታት ከተማ ይቐርቡ። እዚ ኣብ ኩሉ ዓለም ተመሳሳሊ ንጥፈት እዩ። ኣብ ማሕበራዊ ገጻት ናይ ሓደ 'ኢንስቲትዩት ዓለማዊ ጸጋታት' (World Resources Institute) ዝተባህለ ትካል መጽናዕትን ምርምርን ተገሊጹ ዝርከብ ሓበሬታ ከም ዘነጽሮ ድማ ኣስታት 40 ሚእታዊት ካብ ፍርያት ሕርሻ ኣብ ከተማታት ብዘይረብሓ ይጐሓፍ።

ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝርከብ ብዙሕ ህዝቢ፣ ወትሩ ናብቲ 'ምዕቡል' ኢሉ ዝሓስቦ ምዕራባዊ ዓለም ክኸይድ ይሕልን። ናቱ ምኻድ ከይኣክል፣ ናይቲ ንሱ ዘፍረዮ ሕርሻዊ እቶት መዓልቦ'ውን ኣብኡ ክኾነሉ'ዩ ዝጽዕር። እዚ ማለት ድማ ሰብ ጥራይ ዘይኸነስ ሕርሻዊ እቶት'ውን ካብ ገጠር ንኹተማ ወይ ካብ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ናብ ዝማዕበላ ይግዕዝ ኣሎ ማለት'ዩ። እቲ ዘገርም ግና ካብቲ ኣብ ከተማታት ዝበጽሐ ሕርሻዊ እቶት፣ ልዕሊ ፍርቂ ብሰንኪ ዘይግበኣ ኣተዓቓቕባን ብሸለልትነትን 'ንመግቢ ሰብ ይኹን እንስሳ ክበቅዕ ኣይክእልን' ተባሂሉ፣ ከም ጕሓፍ ኩይኑ ዝድርብ ምኻኑ እዩ። ኣብ ተመሳሳሊ ማሕበራዊ ገጽ ናይ'ቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ኢንስቲትዩት ዓለማዊ ጸጋታት፣ 70 ሚእታዊት ናይ'ቲ ኣብ መላእ ንግስነት ዓባይ ብሪጣንያ ካብ መንበሪ ኣባይቲ ዝእኩብ ተርፍ መግቢ ጕሓፍ ምኻኑ ይንገር።

ምንጪ መግቢ ደቂ-ሰብ ካብ ኣትክልቲ ወይ ኣትክልቲ ካብ ዝምገቡ እንስሳታት'ዩ። ኣትክልቲ ድማ ማዕድናት ካብ ሓመድ እናወሰዱ ይዓብዩን ይፋረዩን። ሓረስታይ ሓምሊ ይዘርእ፣ እቲ ሓምሊ ዘድልዮ ማዕድናት ካብ ሓመድ እናወሰደ ይዓቢ። ምስ ኣኽለ ሒዝዎ ንመሸጣ ንኹተማታት ይኸይድ። እቲ ዝሸየጥ ዘሎ ኣሕምልቲ ካብ'ታ ግራት ዝተወሰነ ማዕድናት ሒዙ ይኸይድ፣ ምስ ግዜ ድማ ማዕድናዊ ትሕዝቶ ናይ'ታ ቃጽዮ፣ በቶም ዝዝርኡ ኣትክልቲ እናተመጽየ ይውዳእ። እቲ ሓረስታይ ድማ 'ግራት ደኺማትኒ' ይብል። ግራት ክትደኪ ዝገበራ ግና ብመልክዕ ሕርሻዊ እቶት ናብ ከተማ ፈሊሱ ዘይተመልሰ ማዕድናት እዩ። እታ ግራት ኣብ ቦትኣ ኣላ፣ እቲ ሓመድ እውን ኣብኣ ኣሎ፣ ግና ማዕድናዊ ትሕዝቶ ዘይብሉ ወይ ዝወሓዶ ድኹም ሓመድ!

ጸዕራማት ሓረስቶት ንድኻ ሓመድ ዝኾውን ፍታሕ ኣሎዎም። ድኾሚ፣ ምድኳዕ መሰረታዊ ፍታሕ ንድኽመት ሓመድ ክኾውን እንከሎ፣ ከሚካዊ መኻዕቢቲ እቶት'ውን ከም ኣማራጺ ይውሰድ'ዩ። ይኹን'ምበር ምድኳዕን ምጥቃምን ከሚካዊ መኻዕቢቲ እቶትን ክልተ ተጻረርቲ'ዮም። ምኽንያቱ፣ ማዕድናዊ ድኽነት ሓመድ

ፍልሰት ማዕድናት ምኽኑ ኣብ ላዕሊ ገሊጽናዮ ኣሎና። ንምርዳእ ክጥዕመና፡ ሓደ ፋልማዩ ዝተሓርሰ ግራት (በዱ) ኣብ መጀመርታ ዝህቦ እቶትን ምስ ግዜ ዝህቦ እቶትን ከነወዳድር ንኽእል። ሓንቲ ተኽሊ ክትዓቢ እንከላ ካብ ሓመድ ናይትሮጅን፡ ፖታስዩምን ፎስፎረስን ጥራይ ኣይኰነትን ትወስድ። ዋላ ደኣ እዚኦም እቶም ቀንዲ ይኹኑ እምበር ካልኦት ማዕድናት'ውን ማዕሪኦም የድልዩዋ እዮም። መብዛሕትኡ ከሚካዊ መኻዕበቲ እቶት፡ ሓረስታይ ብግቡእ ምስ ዝጥቀመሉ ጥራይ'ዩ ሕጽረት ናይ'ዞም ማዕድናት ዝትክእ። ብኣንጻሩ ምድኳዕ ንኹሎም እቶም ዘድልዩ ማዕድናት ካብ ምትካእ ሓሊፉ፡ ኣቓውማ ሓመድ ናብ ንቡር ይመልስ፣ ጠቕምቲ ታህዋስያን ኣብ ሓመድ የሰንን፣ ጠሊ ሓመድ ይዕቅብን ሓመድ እኹል ኣየር ንኽኣትዎ የኽእልን።

ድኾኺ ንምድላው ተረፍ-መረፍ ሳዕሪ ይኹን ካልእ ኣትክልቲ፡ ዒባ፡ ዓኾርን ከምኡ ዝኣመሰለን ምእካብ የድሊ። ገሊኦም ካብ'ዚኣቶም ድማ ካብ ናብ ድኾኺ ምውዓል ንላዕሊ ዘገድስ ዕማም'ዩ ዝጽበዮም። ንኣብነት ዒባ ተጎድጒዱ ስድራ ዘድርር ቅጫን ጣይታን የሰንክትን ጥዕምቲ ጸብሒ ደርሆ የስርሕን። ስለዚ ኣብ ጉዳይ ዒባ ሰብኣይን ሰበይትን ሲጋይ ሲጋኺ ክበሃሃሉ ይግደዱ። ነዚን ካልእን ደሚርካን ኣጉዲልካን፡ ኣብ ገጠራት መዳለዊ ድኾኺ ዝኽውን ጥረ ነገራት ክርከብ ኣሸጋሪ ይኽውን። ናብ ከተማ ምስ እንመጽእ ከኣ ብኣንጻሩ ነፍሲ-ወከፍ ስድራ መኣከቢ ጉሓፋ ብተረፍ መረፍ መግብን ቅራፍ ፍሩታታትን ቀቀልጢፉ እናመልኣት ንምጉሓፉ ትጽገም። ኣብ ገገዛና ዘሎ ጉሓፍ ከነስተብህለሉ እንተ ጀሚርና፡ ከየጋነንና፡ ሰለስተ ሲሶ ካብኡ ድኾኺ ክኽውን ዝኽእል እዩ። እዚ ብመንጽር ሓንቲ ስድራ እንተ ኾይኑ፡ ብደረጃ ከተማ፡ ካብኡ ሓሊፍና እውን ብደረጃ ሃገር እንተ ገሚትናዮ መጠኑ ማዕረ ክንደይ ዓቢ ምኽኑ ክንርዳእ ንኽእል። ቀጺልና እንሓስቦ እምበኣር እዚ ብፍልሰት ካብ ግራት ናብ ከተማ ዝገዓዘ ማዕድናት፡ ናብ'ቲ ንቡር ቦታኡ ተመሊሱ ማዕድናዊ ድኽነት ሓመድ እንተ ዘወግድ ሓረስታይና ማዕረ ክንደይ መስተርሆት ምረኸበ! ህዝብና ኽእ ካብ ከሚካዊ መኻዕበቲ እቶት ናጻ ዝኾነ ምህርቲ ሕርሻ እናተመገበ ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ዝጸንሕዎ ጥዕና ዝመልኡ መዋእል ምጸንሐ።

እሞ እንታይ ንግበርዶ በልኩም? ሚኒስትሪ ሕርሻ "ጉሓፍና'ውን ጸጋና'ዩ" ኢሉ፡ ነቲ ብፍልሰት ካብ ገጠር ናብ ከተማ ግዒዙ ከም ጉሓፍ ዝሕሰብ ዘሎ፡ ኣብ ኣትክልትን ካልእ ሕርሻዊ ፍርያትን ተጸይሩ ዘሎ ማዕድናት ሓመድ፡ ናብ መበቁሉ ንኽመልሶ ጽዒቱ ተበጊሱ ኣሎ። እዚ ተልእኾ ዕዉት ንኽኸውን ድማ ንጡፍ ተሳትፎ ናይ ኩሉ ዜጋ የድሊ። በዚ ኣጋጣሚ፡ "ሰብ ናብ ሰቡ ... ተረፍ ተኽሊ ናብ ሓመዱ" ንብል!

***



ኣገዳስነት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት እንታይ'ዩ

ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት፡ ሓደ ካብ ኣገባብት ኣገልግሎት ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኩይኑ፡ ታሪካዊ ድሕረ ባይታኡ ከም ዝሕብሮ ድማ ብ1980ታት ሓረስቶት ደቡባዊ ምብራቕ እስያ፡ ገዛእ ጥበቦምን ክእለቶምን ተጠቒሞም ንምሕደራ ባልዓት ሓዊሶም መጽናዕቲ ንምግባር ኣብ ግራቶም ከም ዝፍትንዎ ከም እተገብረ ይሕበር።

ዕላማን ተልእኾን ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት፡ እቶም ሓረስቶት እንታይ ክገብሩ ከም ዘሎዎም ኣብ ምምእዛኖም ጥራይ ዘይኩነ፡ ንንጥፈታቶም ዝድርዕ ብትምህርቲ ንምሕያሎም ከምኡ'ውን ንዘሎዎም ተመኮሮ፡ ቴክኒካዊ ኣገባብ ከም ዝውሰኽሉ ብምግባር፡ ኣብ ግራቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ውሳነ ከም ዝህልዎም ምግባር እዩ። ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት፡ በብግዜኡ ምምሕያሽ ድሕሪ ምግባር፡ ናብ ብዙሓት ሃገራት እስያ፡ ኣፍሪቃ፡ ላቲን ኣመሪካን ካራብያንን ከም ዘስፋሕፍሐ ይፍለጥ።

ብተመሳሳሊ ዕላማ፡ ኣብ ሃገርና፡ ሓበሬታን ተጠቃምነት እተፈላለዩ ኣገባባት ማሕረስ፡ ምሩጽ ዘርኢ፡ ሓድሽ ቴክኖሎጅን ካልእን፡ ብኽመይ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ሓረስቶት ከም ዝበጻሕ ምግባር፡ ገለ ካብ ዕላማታት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት እዩ። ካልእ፡ ሓረስቶት ዘሎዎም ጸገማትን ብልጫታትን ብሓባር ከም ዝዝትዩ ይገብር። ብተወሳኺ፡ ሓረስቶት ዘድልዮም ስልጠናታት፡ ጉስጓሳት፡ ካልኦት እተፈላለዩ ኣገባባት ብምክያድ፡ ኣፍልጦኦምን ሓበሬታኦምን ክብ ኣብ ምባል ዓቢ ግደ ይጻወት።

ተወሳኺ ኣገዳስነት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት ድማ፡ እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ኣብ ግራት ብምኽኑ፡ ሓረስቶት ግብራዊ ትምህርትን ተመኮሮን ንክቕስሙ ይሕግዘ። ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት ብኻልእ መንገዲ ቤት ትምህርቲ ብዘይ ህንጻ ተባሂሉ'ውን ይግለጽ። ሓረስቶት ካብ ገዛ ወጻኢ ኣብ ግራቶም



ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብ ብምኽን ኩሉ ንጥፈታቶም ዘሰላስልሉ ስለዝኾነ'ዩ።

ኣገባባት ትምህርቲ ኣብ ግራት ሓረስቶት፡ ሓደ ዓይነት መረዳእታ ዘሎዎም ካብ 25 ክሳዕ 30 ሓረስቶት ብምጥርናፍ፡ ጸገማቶም ንምፍታሕ ሓቢሮም ይዝትዩ፣ ተራ ሓረስቶት ኣብዚ መዳይ፡ ኣቐዲሞም ዘሎዎም ጸገማት የቕርቡ፣ መፈትንን መምሃርን ግራት ይመርጹ፣ ኣተግበርቲ ድማ ሓረስቶት ባዕላቶም ይኾኑ።

ተጠቃምነት ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ከም ኣብነት ምስ እንወስድ፣ ቅድሚ ሕጂ ካብ ሄክታር፡ ሓደ ኩንታል ጥራይ ዝኸቦ ዝነበረ፡ ምሩጽ ዘርኢ ብምጥቃም 30 ኩንታልን ልዕሊኡን ኣብ ምሕፋስ ደረጃ ተብጺሑ። 30 ኪሎ ግራም ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ዘሪኦም፡ 10 ኵንታል ሓፊስና ዝብሉ ሓረስቶት'ውን ኣለዉ። ነዞም እዚ ዝተጠቕሰ መጠን ምህርቲ ዝረኸቡ ዕዉታት ሓረስቶት ብምዕዳም፡ ተመኮሮ ክለዋወጡ ብምግባር፡ ዕዉት ናይ ጎስጓስ ኣገባብ ይኸውን ማለት'ዩ።

ቦኽረጽዮን ሃብቱ
ላዕለዋይ ክኢላ ልምዓት ብቑሊ

ኣብ ሞንጎ ብጫን ጻዕዳን ዝውሸጡ እንቋቕሖ ዘሎ ፍልልይ፡

ናይ ሃገርና ደርሁ ዝወልዳኦን ናይ ወጻኢ ዓሌት ዘሎወን ዝወልዳኦን እንቋቕሖ ኣብ ትሕዝቶ ፍልልይ ኣሎዎ፧ ስለምንታይ እዮኽ ሕብሪ ኣስኳሉ ወይ ውሽጣዊ ክፋሉ ዝፈላለ፧

ዋላ'ኳ እተን ብልምዲ ናይ ሓበሻ ወይ ናይ ሃገርና እንብለን ደርሁ ዝወልዳኦ እንቋቕሖ፡ ካብተን ናይ ወጻኢ (ጸዓዱን ብናዎትን ደርሁ) ዝወልዳኦ እንቋቕሖ ብትሕዝቶኡ ብዙሕ ፍልልይ ኣሎዎ እንተዘይተባህለ፡ እቲ ናይ 'ሃገርና' ግና ኣብ ዕዳጋ ዝያዳ ተጠላቢ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ሓደ ቡቲ ዘሎዎ መቐረት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ምኽንያት ድማ ደባን ኣራንሾኒ ዝዓይነቱ ኣስኳል (ብሜ ክፋል እንቋቕሖ) ስለ ዘሎዎ ብሕብረተሰብና ዝያዳ ተመራጺ እዩ።

ብሓፈሻ ግና መቐረት እንቋቕሖን ሲጋን ናይ ደርሁ ብዘምገባኦ ቀለብ እዩ ዝውሰን። መግቢ ንምምእራር ኣብ ፈቐዶ ቦታ እናዞራ፡ እናጻሕተራ፡ ሓሳኹ፡ ቁጽለ መጽሊ፡ ድኾዕን ካልእን ዝበልዓ ደርሁ፡ እንቋቕሖኦንን ሲጋኦንን ዝተፈልየ እዩ ዝኾውን። ስለዚ እቲ ዝፈሪ እንቋቕሖ ደባን ሕብሪ ኣስኳል ዝውንን ክኸውን ምስ እንደሊ፡ ኑተን ወላዳት ደርሁ፡ ሳዕረ-ማዕርን ቁጽለ መጽልን ክንምግበን ይግባእ።

ወ/ሮ ሳባ ገብረስላሴ
ላዕለወይቲ ክኢላ ምርባሕ ደርሁ

***

ኣብ ሞንጎ ቀመማውን ባህርያውን ድኽዊ ዘሎ ፍልልይ፡

ብሓፈሻ፡ ድኽዊ ክብሃል ከሎ፡ ትሕዝቶ ሓመድ ኣብ ምምሕያሽ እንጥቀመሉ ባህርያዊ ጸጋ'ዩ። ቀመማውን ባህርያውን ድኽዊ ተባሂሎም ከኣ ኣብ ክልተ ይኽፈሉ።

ባህርያዊ ድኽዊ ዝብሃል፡ ካብ ባህርያዊ ጥረ ነገር ዝምስረሐ ኮይኑ፡ ዘይከም ቀመማዊ ድኽዊ፡ ተኽሊ ዘድልዩዎ ማዕድናት ብምቕራብ፡ ኩሉ ባህርያት ሓመድ ማለት፦ ህይወታዊ፡ ፊዚካውን ከሚካውን ብዘይ ምዝንባዕ ዘመሓይሽ ባህርያዊ ጸጋ እዩ። ባህርያዊ ድኽዊ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ክርከብ ይከኣል። ኮምፖስት፡ ድኽዊ ጕንደራን ድኽዊ ገደና (FYM)፡ ቀጠልያ ድኽዊ፡ ካብ ክሽነ ዝርከብ ጎሓፍ፡ ካብ ዝተሰባበሩ ኣኻውሕ ዝርከብ ድኽዊ፡ ካብ ጻህያይ ባሕርን ተረፍ-መረፍ ዓሳታት ዝምስረሐ ፈሳሲ ድኽዕን ካልእን ክጥቀሰ ይከኣል።

ቀመማዊ ድኽዊ ዝብሃል፡ ኣብ ፋብሪካ ተዳልዩ ዝቐርብ ኮይኑ፡ ተኽሊ ቡቲ እትደልዮ ዓቐን ተዳልዩ ይቐርብ። ንኣብነት፡ ጻዕዳ ድኽዊ (Urea)፡ ናይትሮጅን ባእታ ጥራይ ይውንን፣ ጸሊም ወይ ደባን ድኽዊ (DAP)፡ ፎስፖረስን ፖታሽዮምን ባእታታት ይሓቑፍ፣ ካልኦት ከም በዓል ፖታሽዮም ሳልፈይት ወይ ኮሎራይድ ዝበሃሉ ናይ ፖታሽዮም ባእታ ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም።

ፍልልይ ኣብ መንጎ ባህርያውን ቀመማውን ድኽዊ

ባህርያዊ ድኽዊ፡ ተኽሊ ኩሎም ዘድልዩዎ ዓይነት ማዕድናት ብዘገምታ ይቕርብ። ብተወሳኺ፡ ቅርጺ ሓመድ የመሓይሽ፣ ሓመድ ማይ ናይ ምሓዝ ብቕዓቱ የዕቢ፣ ኣብ ሓመድ ዝርከቡ ታህዋሲያን ንኽራብሑ ምቹኡነት ይፈጥር። ብሓጺሩ፡ ኩሉ መዳያዊ ባህርያት ሓመድ ይዕቅብን ካብ ብከላ ናጻ ይገብርን።

ቀመማዊ ድኽዊ፡ ንተኽሊ እቶም ቀንዲ ዘድልዩዎ ዓይነታት ማዕድናት (ክልተ/ ሰለስተ) ጥራይ ይቕርብ። ኣብ ሓመድን ካልኦት ጠቕምቲ ታህዋሲያንን ዝገብሮ ሓገዝ የሎን። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ቅርጺ ሓመድ የበላሽ፡ ደቀቕቲ ታህዋሲያን የጉድል።

ኣቶ ደርማስ ሰልጣን
ክኢላ ምርምር ሓመድ - ሚ/ሪ ሕርሻ

ዘመናዊ ሜላ ምድቓል እንስሳ (Aritificial Insemination) እንታይ'ዩ፡

ዘመናዊ ሜላ ምድቓል እንስሳ (Aritificial insemination) ክንብል ከለና፡ ዘርኢ ተባዕታይ እንስሳ ካብ ብሉጻትን ዝተመርጹን ኣርሓታት ተኣኪቡ ኣብ ላባራቶሪ ተመስሪሑ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ኣብ ማህጸን ናይ ኣንስተይቲ እንስሳ ከም ዝሰርጽ ብምግባር ዝፍጸም ሜላ ምውሳብ እዩ።

ረብሓታት ዘመናዊ ሜላ ምድቓል

- ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ዘለዉ ብሉጻት ዘርኢ ኣርሓ ብዝለዓለ ብቕዓት ክንጥቀመሎም የኽእለና፡
- ኣብ ባህርያዊ ምውሳብ ሓደ ኣርሓ፡ ኣብ ዓመት ካብ 50 ክሳብ 100 ክዋሰብ ይኽእል። ኣብ ዘመናዊ ሜላ ምድቓል ግን ካብ ሓደ እዋን ዝተኣከበ ዘርኢ 250 ኣንስትዮ ክነዋስበሉ ንኽእል፡
- ብተወሳኺ፡ ዝተኣከበ ዘርኢ ምስ ፈሳሲ ናይትሮጅን ብምሕዋስ፡ ን10-20 ዓመታት ክዕቀብ ይኽእል፡



- ካብ ወጻኢታት፡ ንመግቢ ክንክንን ኣርሓ የናግፍ፡
- ምትሕልላፍ ተላገብቲ ሕማማት የጉድል፣ ብቐጥታዊ ብምትንኻፍ ዝመሓላለፉ ሕማማት ከም ሕማም ምቁላዕን ረንሰን ይከላኸል።
- ሓደ ሓረስታይ ብባህርያዊ ሜላ ወሲብ ኣብ ዝጥቀመሉ ቀዋሚ ኣርሓ (ሓደ ዓይነት ዘርኢ) ብቐጻሊ ስለ ዝጥቐም፡ ግዳይ ብሰንኪ ምድግጋም ዘርኢ ዝስዕብ ምንቁልቁል ምህርትን ሕማማትን ይኸውን፣ ኣብ ዘመናዊ ሜላ ምድቓል ዝጥቀም እንተ ኾይኑ ግን እዚ ክስተት ኣየጋጥምን።
- ዘመናዊ ሜላ ምድቓል፡ ድሕነት ሓረስታይን ኩብቲ (ላም) የረጋግጽ። ኣርሓ ኩብቲ ብዕድመ እናዓበየ ክኸይድ ከሎ፡ ክብደት ይውሰኽን ተጓዳኢ ባህሪ የማዕብልን። ስለዚ ኣብ ግዜ ወሲብ ጉነጽን ብሰንኪ ክብደት ኣርሓ፡ መስበርቲ ኣንስትዮ ኩብቲ ብፍላይ ኣርሑን ብዕድመ ዝዓበያ ኩብትን ኪጋጥም ይኽእል።

ኣብ ሃገርና ዘመናዊ ሜላ ምድቓል ኣበየናይ እንስሳታት ንጥቀመሉ፧

ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ጸባ ኩብትን ኣፍራስን ተኣታትዩ ኣሎ። ዘመናዊ ሜላ ምድቃል ናይ ጸባ ኩብቲ፡ ኣብ ሃገርና ብግዜ መግዛእቲ ጥልያን ከም ዝተኣታተወ ይፍለጥ። እንተኾነ ከምቲ ዝድለ ኣይገስገሰን። ድሕሪ ናጽነት፡ መንግስቲ ዘድሊ መሳለዋታታት ብምቕራብ ብሰፊሑ ንኽስርሓሉ ተበግሶ ወሲዱ። ዓንዩ ዝነበረ መፍረ ናይትሮጅን ብምትዕርራይ ሓድሽ መሳርሒ ብምትካል፡ ኣብ ዞባታት ማእከል፡ ዓንሰባን ደቡብን ብሰፊሑ ተኣታትዩ፡ ሓረስቶት ኣገልግሎት ከም ዝረኽቡ ተገይሩ ይርከብ። ኣብ ቀረባ መጻኢ ድማ ኣብ ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ጋሽ ባርካን ኣገልግሎት ዘመናዊ ምድቓል ንኽሰፍሕ ምድላዋት ይግበር ኣሎ። ነዚ ክዉን ንምግባር፡ ነባራትን ሓደስትን ክኢላታት፡ ዘድሊ ስልጠናታት ኣብ ውሽጥን ወጻኢ ሃገርን ተዋሂቡ ኣሎ።

ኣቶ ሄኖክ ገብረሂወት
ሓላፊ ኣሃዱ ምድቓል እንስሳታት - ሚ/ሕርሻ

***

ሰንጋል ሳሙኤል

ምህዞ ኡጋንዳ፡ ሽልማት ውድብ መግብን ሕርሻን ይረክብ

ውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራት (FAO)፡ ኣብ ምዕቃብ ዝተቐንጠበ ፍሩታታት ኣገዳሲ ተራ ክህሉዎ ምኻኑ ዝተኣምነሉ ሓድሽ ሜላ ኣተዓቓቕባ ንዘማዕበለ - ኣብ ኡጋንዳ ዝመደበሩ ኩባንያ ሸሊመ። እቲ 'ፍሬዛ ናኖቴክ' ዝተባህለ ጀማሪ ኩባንያ ኣተኣታትዩዎ ዘሎ ምህዞ፡ ኣብ ናኖ ቴክኖሎጂ መሰረት ዝገበረ ፍታሕ (solution) ኩይኑ፡ ፍረታት ተቐንጢቦም ናብ መኽዘን ወይ ናብ ድኳናት ምስ ኣተዉ፡ ከይተበላሸዉ ንነዊሕ እዋን ክጸንሑ ዝገብር እዩ። እዚ ማለት፡ እቲ ማዕቢሉ ዘሎ ካብ ህይወት ዘሎዎም ነገራት ዝተዳለወ ትሕዝቶ (organic formulation)፡ ንንጥፈታት ናይ'ቲ ፍሩታታት ግዚኡም ሓልዮም ክበሰሉ ዝገብር 'ፎስፎሊፕይስ ዲ' (phospholipase D) ዝብሃል ኤንዛይም ወይ ፕሮቲን እዩ ዘደናጉዮ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ እቶም ፍሩታታት ካብ'ቲ ምሒር በሲሉም ክበላሸዉ ወይ ክብሸርቑ ዝጅምርሉ ግዜ፡ ብውሑዱ ንተወሰኽቲ 30 መዓልትታት ብጥዑያቶም ተዓቂቦም ክጸንሑ ይኽእሉ።



በዚ ኸኣ፡ እዚ ሓድሽ ርኽበት፡ ንዕምሪ ናይ'ዞም ፍሩታታት ካብ ምንዋሕ ሓሊፉ፡ ኣብ መኽዘን ብስንኪ ምብልሻዉ ንዝርአ ልዑል ብኽነት ኣብ ምንካይ'ውን ልዑል ተራ ከምዝህሉዎ ዝገለጸ፡ በዚ ምኽንያት፡ 'ኢኖቬሽን ኣዋርድ' ዝብል ናይ 2024 ሽልማት ናቲ ኩባንያ ክወሃብ ከም ዝወሰነ ሓቢሩ። ኣብቲ ኣብ ኩቶማ ሮማ - ኢጣልያ ዝተኻየደ ሰነ-ስርዓት ምዕዳል ሽልማት፡ ዋና ዳይረክተር ውድብ መግብን ሕርሻን - ኪው.ዩ. ዶንግዩ ኣብ ዘስምዖ ቓል፡ እቲ ርኽበት ካብ ኡጋንዳ ሓሊፉ ኣብ ካልኦት ሃገራት'ውን ዝበለጸ መኣዛዊ መግቢ ኣብ ምርግጋጽን ዝተመሓየሸ መነባብሮ ህይወት ኣብ ምፍጣርን ኣገዳሲ ተራ ከም ዝህልዎ ኣረዲኡ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ኣብ ሓረስቶት ኡጋንዳ ኣተኩሩ ዝሰርሕ ኩባንያ - ሙጊሻ ጊፍት ኣርኖልድ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ቴክኖሎጂ ንመጠን ምህርቲ ፍረታት ክብ ካብ ምባል ሓሊፉ፡ ዋጋኡም ኣብ ዕዳጋ ምስ ወቕትታት ክብ ለጠቕ ንኽይብል'ውን ስለ ዝሕግዙ፡ ኣፍረይቲ ሓረስቶትን ተጠቀምትን ብማዕረ ረባሕቲ ክኸኑ ምኻናም ገሊጹ። በዚ ኸኣ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ጻዕርታት፡ ናቱ እኁም ክህሉዎ ምኻኑ ወሲኹ ሓቢሩ።

'ፋኦ ኢኖቨሽን ኣዋርድ'፡ ንጽላት ሕርሻን መግብን ዝሕግዝ ፍሉይ ርኽበት ወይ ምህዞ ንዝፈጠሩ ማሕበራት፡ ውልቀ-ሰባትን ትካላትን ዓመታዊ ዝዕደል ሽልማት እዩ።

ምንጪ፦ www.fao.org/newsroom/detail/uganda-s-freza-nanotech-wins-fao-innovation-award-2024-for-pioneering-fruit-preservation-technology/en

ንኣርባሕቲ ንህቢ ተስፋ ዝህብ ምህዞ

ሰብ-ሞያ ኮምፒዩተር ሳይንስ ዝኾኑ ኣመሪካውያን ክኢላታት፡ ኣብ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ሱር-በተኻዊ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል፡ ኣብ ሰንሰር (sensor) መሰረት ዝገበረ ቴክኖሎጂ ከም ዘማዕበሉ ይሕበር ኣሎ። እቲ 'Electronic Bee–Veterinarian' ዝተሰምየ ቴክኖሎጂ፡ መቕት ፈቲሾም ዝነግሩ ትሑት ዝዋጋኡም ሰንሰራት ተጠቒሙ ዝሰርሕ ኩይኑ፡ ኣብ ግዜ ዋሂ መጠን መቕት ናይ'ቲ ንህቢ ዘሎዎ ቀፎ ኣብ ሓደገኛ ደረጃ ቅድሚ ምብጽሑ፡ ኣጠንቃቒ ሓበሬታ ናይ ምሃብ ክእለት ዘለዎ'ዩ። በዚ ኸኣ፡ ኣብ ርሑቕ በረኻታት ኩይኖም ንህቢ ዘራብሑ ሓረስቶት፡ ቅድሚ ኣናህቦም ቀፎኦም ራሕሪሑም ምጥፋኦም፡ ከሎ ጌና ኩነታቶም ፈሊጦም ናይ ቅድመ-ምክልኻል ስጉምትታት ክወስዱ ስለዝሕግዞም፡ እቲ ዘጥሞም ዘሎ ክሳራታት ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ክወርድ ዓቢ ተስፋ ከምዘሎ'ዩ ዝሕበር ዘሎ። ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ኣርባሕቲ ንህቢ ካብ ዘጋጥሙዎም ዓበይቲ ብድሆታት ሓደ፡ እቲ መዓር ከምዕረሎም ክጽበዩዎ ዝጸንሑ ንህቢ፡ ቀፎኡ ገዲፉ ብዕለለኡ ክጠፍእ እንከሎ እዩ። ንህቢ፡ መጠን መቕት ናይቲ መዓር ዘምዕረሉ ቀፎ ኣዝዩ ልዑል ወይ ኣዝዩ ትሑት ኣብ ዝኾነሉ፡ ወይ ድማ ብምኽንያት ሕማም፡ ሕጽረት መግቢ፡ ተቓላዕነት ንመድሃኒት ጸረ-ባልዕን ካልኦ ጸገማትን ንሙቕት ቀፎኡ ክቀጻጸር ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ክበጽሕ እንከሎ'ዩ፡ በታ ሹም ተመሪሑ ካብ ቀፎኡ ብምውጻእ ዝሃድም - ብመሰረት ክኢላታት።



ጸብጻባት ከም ዝሕብሩዎ፡ ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ኣናህብ ንልዕሊ 80 ዝተፈላለዩ ኣዝርእቲ ክጽግዩ ከለዉ፡ ኣብ ጽላት ሕርሻ እታ ሃገር ድማ፡ ዓመታዊ ናይ ኣስታት 29 ቢልዮን ዶላር ኣበርክቶ ይገብሩ። ብኣንጻሩ ድማ፡ ኣርባሕቲ ንህቢ ኣመሪካ፡ ኣብ 2024 ጥራሕ ልዕሊ 55% ካብ ዝሓዙዎም ዕስለታት ንህቢ ከምዝጠፍኡዎም፡ እቶም ጸብጻባት ይሕብሩ። ብመሰረት ክኢላታት፡ ንህቢ ኣብ ቀፎኡ ክቐውምን ስራሑ ብግቡእ ክሰላስልን እንተኾይኑ፡ ውሽጣዊ መጠን ሙቐት ናይቲ ቀፎ ኩሉ ግዜ ካብ 33 ክሳብ 36 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ክኸውን ኣለዎ።

***

"ዘይጥዑይ ኣመጋግባ፡ ዓመታዊ ልዕሊ 8 ትሪልዮን ዶላር የኽስረና'ሉ" መጽናዕቲ

ውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ 156 ሃገራት ዓለም ድሕሪ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ብደረጃ ዓለም ምስ መግብን ሕርሻን ብዝተኣሳሰር፡ ዓመታዊ ክሳዕ 12 ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ዘይተደልየ ወጻኢታት ይግበር ከምዘሎ ኣረጋጊጹ። ኣስታት 70% (8.1 ትሪልዮን ዶላር) ካብኡ፡ ብሰንኪ ጥዕና ዘይህብ ግቡይ ስርዓተ-ኣመጋግባ ዝስዕብ ምኻኑ ድማ፡ እቲ ውድብ ኣብ'ቲ ጸጽዩ ዝዘርግሖ ውጽኢት መጽናዕቲ ኣፍሊጡ። ዜጋታት ዓለም፡ ብሰንኪ ዘይጥዑይ ስርዓተ-ኣመጋግባ፡ ንኽም ሕማማት ልቢ፡ ወቐሚ፡ ሽኮርያን ጸቕጢ ደምን ዝኣመሰሉ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ብብዝሒ ይቃልዑ ከምዘለዉ፡ ዝጠቐሰ እቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ደረጃ ሞትን ስንክልናን ንኽየብጽሑም ዝገብሩዎ መጠን ሕክምናዊ ወጻኢታት፡ ልዕሊ'ቲ ኣከባብያዊ ዕንወትን ማሕበራዊ ዘይምዕሩይነትን ንዓለም ዘኽፍላ ዘሎ መጠን ዋጋ ምኻኑ ሓቢሩ። ዝበዝሐ ካብዚ ምስ ምፍራይ፡ ምክፍፋልን ምህላኽን ኣስቢዛታት መግቢ ተኣሳሲሩ ዝስዕብ ዘይተደልየ ፊናንሲያዊ ወጻኢታት፡ ብዝያዳ ኣብ'ተን ልዑል መጠን እቶት ዘሎወን ሃገራት ከምዝርአ'ውን እቲ መጽናዕቲ ጠቒሱ። ብመሰረት እቲ መጽናዕቲ፡ እቶም ናብ ጥዕናዊ ሓደጋታት ዘምርሑ ቀንዲ ረቛሒታት 13 ኮይኖም፡ ካብ ኩሎም



ኣእካል፡ ጥረታት፡ ፍረታትን ኣሕምልትን እኹል ዘይኩነ ዓቐን ምውሳድ (ምምጋብ)፡ ልዕሊ ዓቐን ሶድየም ምውሳድ፡ ከምኡ ድማ ስብሒ ዘሎዎን ዝተመስርሐን ሲጋን ብልዑል ዓቐን ምምጋብ የጠቓልሉ።

ምንጪ፦ www.fao.org/newsroom/detail/SOFA2024-8-trillion-in-annual-hidden-health-costs/en

መቕሽሸ

ኣብ ብሪጣንያ፡ ሓደ ሓረስታይ ልዕሊ 4,500 ኣባጊዕ ክስረቓኦ ብምኽኣሉ፡ መዛረቢ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኮይኑ። እቲ ኮሊን ኣቤል ዝተባህለ ሓረስታይ፡ ኣባጊዑ ኣብ'ቲ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ሃገራዊ ሕዛእቲ ደርትሙር ዝርከብ ሰፊሕ መጋሃሜ ዝንስየን ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት፡ ብድምር ናብ 5 ሽሕ ዝገማገማ ኣባጊዕ ከም እተሰርቃኦ'የ ዝሕብር። ንነፍሲ-ወከፍ በጊዕ ብሕሳብ 120 ፓውንድ ስተርሊን ጸብጺቡ ኸኣ፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 500,000 ፓወንድ (650,000 ዶላር) ከሲሩ ከምዘሎ ይገልጽ።

ፖሊስ'ውን ሓቅነት ናይ'ቲ ጉዳይ ኣረጋጊጽዎ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብፍላይ ኣብ ርሑቕ በረኻታት ደርትሙር ኣብ ምርባሕ ጤለ-በጊዕን ኩብትን ተዋፊሮም ዝርከቡ ብዙሓት ሓረስቶት፡ ስርቂ ኣብ ንጥፈታቶም ዝዓበየ ብድሆ ኩይኑዎም ከምዘሎ ኣፍሊጡ። ብሰንኪ'ቶም ንስርቂ ጠለ-በጊዕን ኩብትን ከም ሞያ ሒዞም ኣብ'ቲ ከባቢ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ዘይተፈልጡ ሰባት ድማ፡ ብርክት ዝበሉ ሓረስቶት ነቲ ሕርሻዊ ንጥፈት ክጥንጥኑዎ ጀሚሮም ከምዘለዉ ኣረዲኡ። ኣብ 2024 ናይ ፈለማ ሃገራዊ ክኢላ መርመራ ስርቂ ጥራት ኩይኑ ዝተመዘዘ ማርቲን ቤክ ዝተባህለ ኣባል ፖሊስ፡ ንቢቢሲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 2024 ጥራሕ ኣብ ኣስታት መላእ'ታ ሃገር ልዕሊ 10,000 ኣባጊዕ ከም እትሰርቃ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ካብኡን እተን ልዕሊ 10% ኣብ ደርትሙር ከም እትሰርቃ ሓቢሩ። ፖሊስ ዝተራቐቐ መሳርሒታት ዓጢቑ እናሃለወ፡ ንዝተሰርቃ ኣባጊዕ ተኸታቲሉ ኣብ ምርካብ ግን፡ ኣመና ይጽገም ምህላዉ ኣረዲኡ። ማርቲን ቤክ ኣብ መወዳእታ፡ ሰረቕቲ ነቲ ኣብ እዝኒ'ተን ኣባጊዕ ዝተንጠልጠለ - ንኽኑነታት ሕማመንን ዝወስዳኦ መድሃኒትን ዝሕብር ምልክት (ታግ) ብቐሊሉ ኣልዮም ስለ ዝሸጡወን፡ ኣብ ተጠቐምቲ ሓደገኛ ጥዕናዊ ጸገማት ከየስዕባ እናተስግኣ ይመጽእ ምህላዉ ገሊጹ።

https://www.bbc.co.uk/news/articles/cly44r4pvd5o



ሰንዓ ዘመናዊት ጋብያ ደርሁ

እዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ዓለምና፣ ብምህዞ ጻዕራማት ሰባት ዝጀመረ'ዩ። እቲ ምዕባለ ቀጻሊ ክኸውን ከኣ ምህዞ'ውን ክቕጽል ኣለዎ። ምህዞ፣ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ነገራት፣ ጥቡብ ብዝተሓወሶ መገዲ ኣብ ረብሓኻን ረብሓ ከባቢኻን ምውዓል'ዩ። ምስ ግዜ ኸኣ፣ ናይ ብዙሓት ሰባት ሓሳባትን ርእይቶታትን ይሕዎሶ'ሞ፣ ንሕብረተሰብ፣ ሃገርን ዓለምን ዝጠቅም ይኸውን።

ኤሸን ዘካርያስ፣ ኣብ 1979 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ'ዩ። ነቲ ገና ወዲ 13 ዓመት እንከሎ ዝጀመሮን ን20 ዓመታት ዝቐጸሎን ቀድድም ብሸክለታ ኸኣ፣ ናብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣፍሪቃን ኣውሮጳን እናኸደ ብምጽዋት፣ ስሙን ስም ሃገሩን ከጸውዕ በቒዑ። ምስ ኣሕዋቱ ዮናስ ዘካርያስ (ሓላባይ)፣ ሳሙኤል ዘካርያስን ሚሮን ዘካርያስን ብምኻን፣ ደቂ ዘካርያስ እናተባህሉ፣ ኣብ ዕብየት ቅድድም ብሸክለታ ሃገርና ዘይርሳዕ ታሪኽን ዝናን ከትርፉ ከኣሉ።

በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ውሉድን ኤሸን ዘካርያስ፣ ኣብ'ዚ እዋን፣ ኣሰልጣኒ ቀድድም ብሸክታን ኣቦ መንበር ስፖርትን እዩ ዘሎ። ምስ ብጹቱ ብምኻን ከኣ፣ ነቶም ኣብ ትሕቲኦም ዝርከቡ ከባቢ 700 ዝበጽሑ ስፖርታውያን (ግራስ-ሩትስ ተቐዳደምቲ ቀዳማይን ካልኣይን ዲቪዥን) ኣብ ምእላይ ይርከቡ። ካብ ሓረስቶት ስድራቤት ዝተወልደ ኤሸን፣ ማዕረ ማዕረ ስፖርታዊ ንጥፈታቱ፣ ነተን ኣብ ገዛኦም ዝነበራ ናይ ጸባ ኩብቲ (ስታላታት) እናተኸታተለ'ዩ ዓብዩ። ካብ ወለዱ ዝወረሶ ፍቕሪ እንስሳን ኣትክልትን ስለ ዘለዎ ኸኣ፣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፣ ኣብ ትርፊ ግዜኡ፣ ብንኡስ ዓቑን ደርሁ ኣብ ምፍራይ ይርከብ። ንሱ ዝንብሮ ዘሎ መፋረዩ ደርሁ ኬጅ ሲስተም (cage system) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፣ ህዝቢ ኣብ ዝነብረሉ ማለት ኣብ ጸቢብ ቦታ (ኣብ ገዛኻ) ኳንኳ፣ ሽታ ደርሁ ብዘይብሉ መገዲ፣ ደርሁ ምፍራይ'ዩ። ኤሸን፣ ነዛ



ኣቶ ኤሸን ዘካርያስ

ሽታ-ኣልቦ ዘመናዊት ሰፈር ደርሁ፣ ኢንተርነትን መጻሕፍትን ፈቲሹን ናይ ካልኦት ተመኵሮታት ርእዩን ዝሰርሓ'ያ። እታ ምህዞኡ 1 ሜትሮ ብ1 ሜትሮን 30 ሰንቲ ሜትርን ግፍሒ ዘሎዋ ኾይና፣ 40 ደርሁ ክትሕዝ ትኽእል። ዓቕምን ትሕዝቶን እንተ'ሎካ ድማ፣ ንላዕሊ ሓደ ደረጃ ወሲኽካ፣ ናይ 80 ደርሁ ክትገብራ ይከኣል።

"ነዚ ክሰርሕ ዝደረኽኒ፣ ብቐንዱ ዘሎኒ ፍቕሪ እንስሳ'ዩ። ምስኡ ኸኣ፣ ኣብ ጸቢብ ገዛኻ ኳንኳ፣ ከመይ ጌርካ ሽታ ደርሆ ዘይብሉን እንቋቕሖ ክወልዳሉ ዝኽእላን ጥጡሕ ቦታ ሰሪሕካ መነባብሮኻ ከተመሓይሽ ትኽእል ዝብል'ዩ። በዚ መሰረት፣ ፈለማ ነቲ ሰፈረን ደረጃታት ዘሎዎ (Steps) ገይረ ሰሪሐዮ። እንቋቕሖ ዝወልዳሉ ቦታን ቀልቀለን ብሬተ ንታሕቲ ዝወርደሉን'ውን ገይረሉ። ምስኡ ኸኣ፣ መመገቢኡንን ብነጠብጣብ ጽሩይ ማይ መስተዩኣንን ሰሪሐለን። ቀስ ብቐስ ድማ፣ ሽታ ደርሁ ዘይብሉን እንቋቕሖ ከይተሰብረ ኣብ ውሑስ ቦታ ዝዕቀበሉን ገይረዮ። ነዚ፣ ካብ ኢንተርነት ሓበሬታ ብምምጻእ፣ ቡቲ ክረኽቦ ዝኽእል ጥረ ነገር ተሓጊዘ'የ ሰሪሐዮ። ምስ ግዜ ከኣ፣ ዝያዳ ጽፉፍ ክገብሮ ጻዕርታተይ ክቕጽል'የ" ይብል፣ ኤሸን ዘካርያስ።

"ኣብ'ዛ ሰሪሐያ ዘለኹ ሰፈር፣ 60 ደርሁ ኣለዋ። እዚን 60 ደርሁ ኣብ ካንሸሎ እንተ ፈኒኻየን፣ ብሓንቲ መዓልቲ ኣርሲሐናኣ'የን ዝውዕላ። እቲ ብከላን ርሱሓትን ናይ ደርሁ ድማ፣ ኣብ ካልኣይ ሳልሳይ መዓልቲ ናብ ጎረባብቲ'ዩ ዝኸይድ። ኣብ'ዛ ምህዞ ግን፣ ደረጃታት እናወሰኽካ ከተብዝሑ ስለ ዝከኣል፣ ካብታ ኣብ ካንሸሎ ዝግበር ያታዊ መፋረዩ ደርሁ፣ ብዙሕ ብልጫ ዘለዋ እያ።" ድማ ይውስኽ ኤሸን ዘካርያስ።

ቀንዲ ብልጫ ናይ'ዛ ሰፈር ደርሁ፣ ቀልቀልን እንቋቕሖን ምስ'ተን ደርሁ ርክብ ስለዘይብሉ። ካብ ዝኾነ ሕማማት ናጻ'የን። ምስኡ ድማ፣ ንሰለስተ መዓልቲ ዝኣኽለን ማይን መግብን ክትቅርበለን ስለ እትኽእል፣ ተወሳኺ ብልጫ ናይ'ዛ ምህዞ'ዩ። ነቲ መግቢ ጻሕቲረን ከየፍሰሳኡ ድማ መከላኸሊ ዘሎዎ'ያ። ነተን ደርሁ ጸሓይን ቁርን ዝከላኸለለን መኽደኒ'ውን ኣለዋ። ከምዚ ዓይነት ሰፈር መፋረዩ ደርሁ፣ ብፍላይ ነቲ ስራሕ ዝወፍር ሰብ፣ ከይተሰከፈ ስርሑ ወፊሩ ኣብ ዝደለዮ ግዜ መጺኡ ምህርቱ ክእክብ የኽእለሉ። ካልኣ፣ እተን ደርሁ ብሬተ ተፈላልየን ስለ ዘለዋ፣ ኣብ ሞንጎኣን ንፋስ ከም ድሌቱ'ዩ ካብን ናብን እናሓለፈ፣ ነቲ ቀልቀል ከም ዝነቅጽ ይገብሮ። ስለዚ፣ እዚ ምህዞ'ዚ፣ 'ቦታ የብለይን'፣ 'ሽታ ክገብራለይ'የን'፣ 'ጎረቤት ክርብሻ'የን' ወዘተ ዘይትብለሉ ብምኻኑ፣ ተመራጺ ይገብሮ።

ሰንዓ ኤሸን ብኽኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ፣ ኣፍልጦን ኣድናቑትን ረኺባ ዘላ'ያ። ሄኖክ ኣፈወርቂ ኣባል ሚኒስትሪ ሕርሻ ኮይኑ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስመራ፣ ከም ክኢላ ጥዕና እንስሳ ዝሰርሕ ዘሎ'ዩ። ኣብ'ዚ ሞያ ኸኣ፣ ን25 ዓመታት ሰሪሑ ኣሎ። ምስ ኤሸን ዘካርያስ፣ ኣብ ዓውደ ዙት 'ውሁድ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት' ናይ ንኡስ ዞባ ኣስመራ እዩ ሌላኡ ጀሚሩ። እዛ ኤሸን ምሂዙዋ ዘሎ ዘመናዊት ሰፈር መፋረዩ ደርሁ ድማ፣ እታ ዝበለጸት ኮይና ከም ዝረኽባ ይገልጽ። ኤሸን ነዛ ምህዞ፣ ካብ ኢንተርነትን ካልእን ኣንቢቡ'ኳ ባዕሉ እንተ ኣበገሳ፣ ብጹቱን'ውን ተሞኵሮኦምን ተወሰኽቲ ሓሳባቶምን ከም ዘካፈልዎ'ዩ ዝሕብር። ይኹን'ምበር፣ ኤሸን ነቲ ዝሃብዎ ሓበሬታ ተቐቢሉ፣ ብልጽቲ ገይሩ ስለ ዝሰርሓ፣ ምስ ዘሎና ጽበት ቦታ፣ ሕጽረት



ናይ መግብን ማይን እትኸይድ፣ ብከላ ሰለ ዘይብላ ድማ፡ ጥዕናን ጽሬትን ናይ'ተን ደርሁ ሕሉው ከም ዝኾነ ኣብሪሁ። ብዘይካ'ዚ ኤሸን፡ ጸገም መግቢ እንሰላ ንምፍኻሱ፡ ብሓመድ ኣልቦ ሕርሻ (ሃይድሮፖኒካ) ተጠቒምካ ምድላው ከም ዝከኣል ምስ ሓበርዎ፡ ሰለ ዝሰርሓላ፡ ኣመና መሳጢት ገይሩዋ ብምህላዉ፡ ነዛ ምህዞ ኮሉ ሰብ ክጥቀመላ'ውን ኣዘኻኺሩ።

እዘን ደርሁ፡ ዝተቓመመ ፍሩስካ፡ ንሙቑትን እንቋቑሑን ንኽጠቕመን'ውን ዓሳ'የን ዝምገባ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሃይድሮፖኒካ ዝበቑለ ስንም (ቀጠልያ መግቢ)ን ሰላጣን ይምገባ። እዚ፡ ነቲ እንቋቑሑ ብጫ ሕብርን ጣዕምን ክህልዎ ይሕግዞ። 1 ኪሎ ስንም (ቀጠልያ መግቢ)፡ ን100 ደርሁ ክምግበልካ ሰለ ዝኽእል ከኣ ናይ መግቢ ሕጽረት ኣየምጽኣልካን'ዩ። እዚ ኣብ ሃይድሮፖኒካ ዝበቑለ ስንም፡ ብዘይካ ከም መግቢ፡ ነቲ ቦታ ግርማ ዝህቦን ሰፈር ናይ'ዘን ደርሁ ሃመማ ንኽይንብር ሓጋዝን እዩ።

መንእሰይ ሚሊካ፡ ንል ኤሸን ዘካርያስ'ያ። ብድፍኢት ወላዲኣ ኽኣ፡ ብዓውዲ ጥዕና ኣትክልቲ (Plant health)፡ ብቑዳማይ ዲግሪ ተመሪቓ። ወላዲኣ፡ ነቲ ኣብ ሓደ ገዛ ውሕስነት መግቢ ክረጋገጽ ከም ዝኽእል ብትምህርቲ ትፈልጦ ዝነበረት፡ ብግብሪ ሰሪሑ ክርእያ ምኽኣሉ ኽኣ ኣድናቕታ ትገልጽ። "ነዚ ሓሳብ ባዕሉ'ዩ ኣበጊሱዎ። ክንብሮ ምስ ጀመረ ድማ ኮልና ሰድራቤት ክንሕግዞ ጀሚርና። ብወገኑ፡ ካብ ኢንተርነት ቪዲዮታትን ካልእን እናምጻእኩ፡ ብሞያይ ሓጊዘዮ። እዛ ምህዞ፡ ኣብ'ዚ ደረጃ ክትበጽሕ ዝሕሰብ ኣይነበረን፡ እንተኾነ ዝጸንረ ይዕወት ሰለ ዝኾነ፡ ተዓዊቱላ" ክትብል ትሕብር።

ሊድያ ምሕረትኣብ፡ ኣባል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ኮይና፡ ክኢላ ምርባሕ ደርሁ'ያ። እዛ ኤሸን ሰሪሑዋ ዘሎ ሰፈር ደርሁ፡ ካብ'ቲ ኣብ መሬት (litter system) ርሺ ገይርካ ትሕዘን ደርሁ ንላዕሊ፡ ብብዝሒ ደርሁ ክትሕዘላ እተኽእል፣ ዝኽሰር መግብን ማይን ዘይብላ ብምኻና፡ ብዙሕ ረብሓ ሰለ ዘለዋ፡ ኣዝያ ውጽኢታዊት ሰንዓ ከም ዝኾነት ትምስክር። ብተወሳኺ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብልጫኣ፡ ነተን ደርሁ፡ ዝወልዳን ዘይወልዳን፡ መግቢ ዝበልዓን ዘይበልዓን ኣየኖት ምኻነን ብቑሊሉ ክተመሓድረንን ክትኣልየንን ሰለ ተኽእለካ፡ ዝኾነ ተጠቃማይ፡ ብቑሊሉ ኣብ ገዛኡ ክጥቀመላ ዝኽእል ምህዞ ምኻና ትሕብር።

ኤሼን ዘካርያስ ምስ ሙሴ ዝተባህለ ዓርኩ ብምኻን፡ 48 ደርሁ እትሕዝ ካልእ ሰፈር መፋረዩ ደርሁ ንፈተነ ሰሪሖም ኣለዉ። እዛ ካልኣይቲ ሰፈር መፋረዩ ደርሁ፡ ጎድናዊ ቁመታ 3 ሜትሮ ኮይና፡ እተን ደርሁ መከፋፈሊ ኣብ ዘይብሉ ቦታ ብሓደ ኮይነን ዝቕመጣላ'ያ። እዚ ከኣ፡ ተባዕትዮ ደርሁ ምስአን ኣእቲኻ፡ ከም ዝወልዳን ዝፋረያን ንምግባር ዝዓለመ'ዩ። እዛ ካልኣይቲ ፈተናኣም ዕዉትቲ እንተ ኾይና፡ ብኢንኩቤተር ኣጫጪሑም ክሰርሑላ'ዩ መደቦም። ከምቲ ዝሓሰብዎ ምስ ዘይትኽውን ግና፡ ሰለስተ ደርሁ ኣብ ሓደ ከም ዝቕመጣ ብምግባር፡ ክሰርሑላ'ዮም።


ኤሼን ምስ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰምሃር ደቅየሱ፡ ነዛ ዘመናዊት ሰፈር ደርሁ፡ "ኣኽበረት" ዝብል ስም ኣጠሚቑምዎ ኣለዉ። "ምኽንያቱ፡ ንግሆ ተንሲእካ ምስ ከፈትካያ፡ ሸሻይ እትህበካ፣ ከተጽርያ ብዙሕ ጻዕሪ ዘይትሓትት፣ መግብን ማይን ኩሉ ግዜ ቀሩብን ዘየሸግርን ስለዝኾነ፡ 'ኣኽበረት' ኢልናያ ኣለና። ብዙሓት ሰባት'ውን መጺኦም እናረኣዩዋ፡ ከምኣ ክንሰርሓሎም ጠለባት የቕርቡልና ስለ ዘለዉ፡ ተወሳኺ ምንጪ ኣታዊ ትኾነና ኣላ'ሞ፡ 'ኣኽበረት' ከም ስማ ናይ ብሓቂ ብኾሉ ኣኽቢራትና ኣላ። ብዓቢኡ'ውን፡ እዛ ምህዞ መቑጸልታ ናይ'ታ፡ ቅድሚ ሕጂ ተማሂዛ ንብዙሓት ኤርትራውያን ኣደታት ካብ ትክን ጥዕናዊ ጸገማት ዘናገፈተን መጎጎ 'ኣድሓነት' ሰለ ዝኾነት፡ 'ኣኽበረት' ኢልናያ ኣለና" ክብሉ ይገልጹ።

"ልዑል ደገፍን ሞራልን ሚኒስትሪ ሕርሻ ብቑጻሊ'ዩ ዘለና። ስለዚ፡ ካብኡም ከይተፈለና፡ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኢና" ድማ ይብል ኣብ መወዳእታ፡ መሃዚ ዘመናዊት ሰፈር ደርሁ ኤሼን ዘካርያስ።

***

ብኻዶ...

መግቢ ወይሲ መድሃኒት



ባህልቢ ጐይትኣም

“ሓደ ሰብኣይ፡ ኣብ ሓደ ውራይ፡ “ምስ ነብሰጸርዶ ምስ ኣደ ቑልዓ መግቢ ምብልዕ ይሕሸካ፧” ኢሉ ምስ ተሓተ፡ እታ ነብሰጸር ኩብዳ መሊኡ ብዙሕ ኣይትብልዕን’ያ ኢሉ ስለ ዝሓሰቡ፡ “ምስ ነብሰጸር ምቕራብ እሕሸኒ” ኢሉ ይብልዎ። ወዲ ሰብ ይኹን ካልእ እንሰሳ፡ ኣብ ማሕጸን ወላዲቱ ከሎ መግቢ ከም ዝጅምር’ዮም ዝዛረቡ ክኢላታት ጥዕና። ሓንቲ ተኽሊ ቀድሚ በቕሳ፡ ቀጽሊ ኣውጺኣ መግባ ባዕላ ምድላው እትጅምር፡ ካብ ከርሲ ናይታ ዘርኢ ከም ትምገብ ይዛረቡ፡ ክኢላታት ሰኑ-ብቑሊ ብወገናም። ህይወት ዘለዎ ፍጡር ንኽዓቢ፡ ንኽፈሪ ውሕስነቱ ዝተሓለወ መግቢ፡ ማይን ኣየርን ከም ዘድልዮ ወትሩ ክዝረበሉን ብዝተፈላለየ መገድታት ክሰምዕን ከለኹ፡ ሓደ ነገር እዩ ትዝ ዝብለኒ። ሓደ እዋን እዩ ክልተ መተዓብይተይን መማህርተይን ዝነበሩ፡ ትምህርቲ ስለ ዘይሰለጦም፡ እቲ ሓደ ናብ ንግዲ እኽሊ፡ እቲ ሓደ ድማ ናብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ተዋፊሮም ዝተዓወቱን ጽቡቕ ርእሰ-ማል ዘካዕቡን’ዮም። ኣጋጣሚ ኾይኑ ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ከተማ እናተዛወርኩ ከለኹ፡ ኣብ ኣንስሎ ጎፍ ንጎፍ ተራኸብና። ርክብና ድሕሪ ነዊሕ እዋን ስለ ዝነበረ ተሓጀኞፍና ተሰዓዓምና። እቲ እዋን ኮባቢ ሰዓት 9:00 ቀ.ቐ. ስለ ዝነበረ፡ ሓቢርና ናብታ ኣብ ቀድሜና ዝነበረት ዕምርቲ ቤት ቁርሲ ኣተና።

ኣሳሳዩት ክትእዘዘና ምስ መጸት፡ ወዮ ሽቃጣይ እኽሊ፡ ሰላጣ ድንሽ፡ ኮመደረ ዝበዝሓ ኢሉ ኣዘዘ። ሽቃጣይ ኣሕምልቲ ብወገኑ ፉል መሰላሕ ኮመደረ ዘይብላ ኢሉ ኣዘዘ። ኣነ ብወገነይ ፍሪታታ እንቋቑሑ ኢለ ኣዘዝኩ። ዝኣዘዝናዮ ክሳብ ዝመጸና፡ ናይ ቀደም ዕላል ኣምጺና ነዛ ገዛ ብሰሓቕ መሊእናያ። ዝኣዘዝናዮ መግቢ መጺእና፡ በሊዕና ንኽንከፍል ወጠጥ ተባሂልና። ማዕረኦም ክዋጠጥ ኣይተዋሕጠሎምን። “ሰራሕተኛ ደኣ ካብ ደሞዝ መንግስቲ ክትከፍለልና ዲኻ ክንድ’ዚ ትዋጠጥ?” ኢሎም ተጫረቑለይ። ኣነ ብወገነይ፡ ኣንታ እዘን ናትና ገንዘብ፡ ገንዘብ ሓላል ስለ ዝኾና ብርኩታት’የን፡ ብምባል ጉጥይ ኣበልክዎም። ተታሓሒዝና ናብ ማእከል ከተማ ከድና። ኣብ ሓንቲ ውዕውዕቲ እንዳ ባር ሒዞሙኒ ኣተዉ። ኣንታ ሰዓት ዓሰርተ ናይ ንጉሆ ጀሚርና ቢራ ሰቲና ደኣ ክንሓምም ምስ በልክዎም፡ “እዋይ ዓርኪይ መዓርይ! ቢራ መግቢ’ዩ፡ ጥሜት’ዩ ዘሕምም እምበር፡ ጽጋብሲ ሓንቲ ኣይገብርን’ዩ፡” ብምባል ነቲ ከትክት ዝብል ቢራ ዝሓዘ ጠራሙዝ “ባር’ኹልና” ብምባል ንሓድሕዱ ኣጋጨናየ። ዕላል ቀጸለ፡ ብፍላይ እቲ ኣፍራዩን ሽያጥን ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ናብ ስኽራን ገዱ ኣምርሑ፡ እቲ ሳልሳይና ሽቃጣይ እኽሊ ቴሌፎን ተደዊሉዎ ንደገ ምስ ወጸ፡ “ስማዕ ዓርኪይ እዞም ኣፍረይቲ ኮመደረ ቀድሚ ንዕዳጋ ምውራዶም ነቲ ኮመደረ መድሃኒት ስለዝገብርሉ፡ ሓዊ ከየህረምካ ከይትብልዕ ሓደራ፡” ብምባል ክመኽረኒ ጀመረ። ቀጺሉ ዓንተዎይ፡ እዚ ዓርክና፡ ሰለጣ ድንሽ ምስ ኮመደረ ምስ በለ፡ ከመይ ሓሪቑ ‘መስለካ፡ ጌጋ እዩ ምስ በለኒ፡ ንምንታይ ፉል ብዘይ ኮመደረ ኣዚዙ ትዝ በለኒ። ወዮ ሳልሳይና፡ ቴሌፎን ምድዋል ወዲኡ ምስ ተመልሰ፡ እቲ ምሳይ ከዕልል ዝጸንሐ፡ ነታ ዕላል ቀይር ኣቢሉ፡ “በሉ ክሸይን እየ” ኢሉ፣ ናብ ቤት ሸንቲ ኣምርሐ። ሽቃጢ እኽሊ ብወገኑ ምሳይ ዕላል ጀመረ። “ስማዕ ዝዓርከይ ድሕሪ ሕጂ ከምዚ ዓንተዎይ ፉል ዝኣዘዞ፡ ኣብ ቤት መግቢ ኣቲኻ፡ ፉል ኣይትኣዝዘ” ምኽንያቱ፡ ባልደንጓ ቀልጢፉ ስለ ዝነቀዝ፡ ሽቃጦ መድሃኒት ይገብርሉ እዮም፣ ብምባል ካልኣይ ሓሲበሉ ዘይፈልጥ ጉድ ነገረኒ። ክልተ ጎርሓት ሓሙኹሽቲ ስንቆም ድዩ ዝበሃል፣ ኣነ ብገርህይ፡ ንሳቶም ግን ብውሽጦም ክፉእ እናሓሰቡ፡ ቁርሲ ከም ዝኣዘዙ ምስ ፈለጥኩ፡ ማዕረ ክንደይ ክፉኣት ምኳኖም ክግምግም ክኢለ።

እቲ ኣብ ሓጺር ግዜ ዘኻዕበትዎ ገንዘብ’ውን፡ ገንዘብ ሓራም ክኸውን ይኽእል’ዩ ብምባል ጠርጠርኩ። ብቑትሩ ቢራ ምስታይ ምስ ጀመርና፡ ምሳሕ ረሲዕናዮ፡ ክንድረር’ውን ኣይከኣልናን ብስኽራን ተሰኒፍና ሰንከልከል እናበልና፡ ናብ ሓንቲ ኣብ ጥቓና ዝነበረት መሕደር ኣጋይሽ ኣምራሕና። ቅድሚ’ታ መዓልቲ፡ ኩሉ ግዜ ስሩዕ ኣመጋግባ እጥቀም ስለ ዝነበርኩ፡ ምዝላል ምሳሕን ድራርን ንኣካላታይ ሓድሽ ነገር’ዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ፍርቂ ለይቲ ክሸይን ምስ ተንሳእኩ፡ ከብደይ ድምጺ ክገብር ዝጀመረ። ብዝኾነ ቃንዛ ርእሲ ስለ ዝበርትዓኒ፡ ኣብ ክንዲ ድራር፡ መድሃኒት ናይ ቃንዛ በሊዐ ደቀስኩ። ወይ ጉዳም! ባዕልኻ እተምጽኦ መዘዝ፡ ፍድኡ ከቢድ ብምኻኑ፡ ብድሮ ክትፋኖ ዘይረኣኽዋ ጽሓይ፡ ድሮ መስርሓ ፈጺማ፡ ተመሊሳ ጨራታታ ብመስኮት ኣትዩ ደቂሰሉ ዝነበርኩ ክፍሊ ብርሃን መልኣ። እንተ ኣነ ካብ ዓራት ንምትንሳእ ተሃኽየ ሕጂ’ውን እዋን ቁርሲ ሓለፈኒ።

ኣብ ዓራት ከለኹ ምስ ነብሰይ ዕላል ጀመርኩ። ኣብ ሓሳብ ተሸሚመ ከይተፈለጠኒ፡ ኣብ ናይ ቀትሪ ሕልሚ ኣተኹ። ወዲ ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣመጋግብኡ እናማዕበለ ይኸይድ ከም ዘሎ ንምርድኡ ከጸግም ኣይክእልን እዩ። ኣብ ግዜ “ሃዲንካን ማእሪርካን ምብላዕ (Hunting and Gathering)” ዝነበሩ ሕብረተሰብ ጸባ ይሰትዩዶ ነይሮም ኢለ እሓስብ፣ መሊሰ ባዕለይ ምናልባት ክሃድኑ ከለዉ ሓንቲ ሓራስ እንሰሳ ሃሪሞም ከይሞተት ከላ እንተ ሒዞማ ሓሊቦም ብጸልጣ ይሰትዩዎ ነይሮም ይኾኑ ዝብል ባዕላዊ ትንተና የምጽኡ። ግን እዞም ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ሕብረተሰብ ከምዚ ሎሚ ዘሎ ዝተፈላለየ ሕማም ካንሰር፡ ሽኮርያ፡ ኤይድስ ወዘተ ይሓሙዶ ነይሮም ይኾኑ? እብል እሞ፡ ምስቲ በዓል ኣነ ዝዓበናሉ ሕብረተሰብ ኣተሓሕዞ። ኣነ ከምዚ ሎሚ ከይኮነ፡ ኣብ ግዜ ቁልዕነተይ ኣብ ጥሪት እናንሰና ኣብ ሞሮር ዝረኸብናዮ ቋሩፍ (ፍረ ሞሮር) እናበላዕና ከምዝዓበና፡ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ገሊጸዮ

ነይረ። ክኢላታት ጥዕና ከም ዝብልዎ ወዲሰብ መግቢ ዝጅምረሉ፡ ካብታ ኣብ ማህጸን ከም ድቂ ኮይኑ ዝተፈጠረላ እየ። ብፍላይ ካብዛ ግዜ ጀሚሩ ክሳብ ክልተ ዓመት ማለት “1000” መዓልታት ዝተመጣጠነን ውሕስነቱ ዝተሓለወን መግቢ እንተተመጊቡ ከምኡ’ውን ስሩዕ ክታበት እንተ ወሲዱ፡ ኣብ መላእ ዕድሚኡ ናይ ሕማም ተጻዋርነቱ ይዓብን ብኣተሓሳሰብኡ ድማ በሊሕ ሰብ ይኸውን ይብሉ። በዓል ንሕና ግን ትውልድ ምስ ኣበልና ኣብ ክንዲ ክታበት፡ ልኻይ (ሓድሽ ጠስሚ) ቀሚስና ብዘይ ዝኾነ ክታበት ክንድሰብ ኣኺልና፡ ብሓቂ ምግናን ከይከውን እምበር ካብዞም ናይ ሎሚ ቀልው ንሕክምና ዝተገበረልና ወጻኢታት ናትና ይውሕድ። በቃ ኣዴታትና ‘ፈውሰይ-ፈውሲ ዓሻ’ ኢለን ቆጽለ-መጽሊ ጀፊፀን የስትያና ከም ዝነበራ ዝከሓድ ኣይኮነን።

ሎሚ፡ ግዜ ተቐየሩ መግብን ኣመጋግባን ህጻናት ተቐየሩ ከብቅዕ፡ ኣብ ናይ ሕጻናት ሕክምና ዝሰርሑ ክኢላታት ጥዕና ከይደቀሱ ከም ዝሓድሩ፡ ብእተፈላለየ ኣጋጣሚታት ናብ ሕክምና ቀልዓ ሒዘ ኣብ ዝኾድክሉ እርኢ’የ። እቲ ክታበት ደኣ ኣይሰርሕን ድዩ? እብል’ሞ፡ መሊሰ ከምቲ ናይ ቀደም መልመሰቲ (ፖልዮ) ዘሓዞ ቀልዓ ርእየ ስለዘይፈልጥን እቶም ሕጻናት ዝሓምዎ ሕማማት’ውን መብዛሕትኡ፡ ‘ኖሞንያ’ ምኻኑ እዕዘብ’ሞ፡ እቲ ሕማም ብሰንኪ ስድራቤት “ኣብ ኣተሓሕዛ ሕጻን” ዝገብርዎ ጸገም ከም ዝኾነ ይበርሃለይ። ግን ከኣ ኣብ ዓድታት ዘለዉ ሕጻናት ‘ዳቪስታ’ ናይ ዓይኒ ክጥቀሙ ርእየ ኣይፈልጥን እየ። ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ግን ብፍላይ ኣብዚ እዋን ኣብ ሕጻናት ናይ ዓይኒ ጸገም እናገደደ ይኸይድ ከምዘሎ ዘእንፍት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዳቪስታ ናይ ዓይኒ ዝገብሩ ተመሃሮ ናይዚ ምልክት እየ። እዚ ጸገም ምስ ምምጻእ ተለቪዥንን ተንቓሳቓሲት ቴለፎንን እናበኣሰ ይኸይድ ከይሀሉ ድማ እጥርጥር።

ሰብ፡ ስሩዕ መግቢ ክምገብ ኣሎዎ ክበሃል እሰምዕ፣ ግን ሓደ ነገር ድማ ኣብ ሓንጎለይ ይመጸኒ። ቀደም ኣብ ዓድና ቁምጣ ስረ ዝገበሩ ተጋደልቲ ጓይላ ተኺሎም ክስዕሰው ከለዉ፡ ስለፎም ከምዚ ደቂ-ሎሚ፡ ‘ስኪን’ ኢሎም ኣብ ነብሶም ዝለገበ ነዊሕ ስረ ዝገብርዎ፡ ናይቶም ተጋደልቲ ስለፍን ዳናጉን ክሳዕ ሕጂ ካብ ተዘኩሮታተይ ኣይሃሰንን። እሞኽ ደኣ እዞም ስሩዕ ኣካላት ዝዉንኑ ዝነበሩ፡ ብዘይ ጸገም ልዕሊ ክብደቶም ተሰኪሞም ጫሕ ጨርባሕ እናበሉ እምባን ኮርባን ዝድይቡን ዝወርዱን ዝነበሩ ስሩዕ መግቢ ስለዝበልው ዝነበሩዶ ይኾኑ? ወይስ ስሩዕ ኣመጋግባ ዘይምልኩቶም ፍሉያት ፍጡራት ስለዝኾኑ’የ? ኣነ ናይ መግብን ኣመጋግባን ክኢላ እንተ ዝኸውን፡ ነዛ ሕቶ ንምምላስ መጽናዕቲ መካየድኩ ነይረ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ግዜ ጉስነት ስሩዕ ኣመጋግባ የለን። ሓደ ጓሳ ንግሆ ተንሲኡ ጥራቱ ምስ ሓለቡ፡ ነታ መዓልቲ ከምዞም ደቂ ከተማ ብቁርሲ ዘይኮነ ብምሳሕ እዩ ዝጅምራ። ንግሆ ይምሳሕ ማለት’የ። ኣብ ሳንጣኡ ድማ ንእሽቶ ቅጫ ንጠዓሞት ይማላእ’ሞ፡ እንተ ተረኺቡ ኣብ ቀትሪ ብጻልጣ ጸባ ኣካፍዩ ይበልዓ። እንተዘይኮይኑ ኣብኣ ኸላ ጠንብያ ዝወዓልት ቅጫ ወይ’ውን ጣይታ፡ ማይ ኣካፈኻ ምብላዕ ልሙድ’የ። ምሸት ገዛ ምስ ኣተኻ፡ ክሳዕ እዋን ድራር ዝእክል ንእሽቶ ቅጫ ትወሃበካ፡ ድራር ምስ ሰብካ ትድረር። እስኪ እዚ ኣመጋግባ ምስቲ ሓደ ስሩዕ ኣመጋግባ ይምገብ እዩ ዝብሃል ሰብ ነወዳድሮ። እኩልዶ ይኸውን፧ ጥሜት ዝበሃልከ ከመይ እዩ፧

ገለ ቀልው ሚዛን ሰብኡቶም ምስ ቁመቶም ክወዳደር ከሎ ኣዝዩ ትሑት። ገሊኦም ድማ ቁመቶም ምስ ዕድመኦም ክወዳደር ከሎ ኣዝዮም ሓጸርቲ ይኹኑ። ስለምንታይ ከምኡ ይኸውን ብምባል ከንብብ ምስ ጀመርኩ፡ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣመጋግባ ብፍላይ ኣብ’ቲን “ሽሕ” መዓልታት ዝመጽእ ጸገም ምኽኑ በሪሁለይ። ሰብ ባዕሉ ዘምጽኦ መዘዝ ናብ እተፈላለዩ ሕማማት ከም ዘቃልያ ብቐሊሉ ክንርዳእ ንኽእል። ሓደ ዓርከይ ብትሕዝቶ ርኹብ ስለ ዝኾነ፡ ንደቁ መዓልታዊ ካብ ኩተማ ሸኮራዊ ነገራት ይማልኣሎም። ኣብ ገዝኡ’ውን ንኣሕምልቲ ከም መግቢ ድኻታት ስለ ዝቐጽርዎም መዓልታዊ ሲጋን እንቋቑሑን ከምኡ’ውን ጸባን ውጽኢት ጸባን ብብዝሒ ስለ ዘዘውትሩ፡ ክልተ ደቁ ክብደቶም ልዕሊ ዓቕን ስለ ዝኾነ ክምብልብል ኢሎም። “ካብ ምኾላሎም፡ ምዝላሎም” ዝቐልል ኮይኖም። ዓርከይ ዝጸልኣ ሓንቲ ነገር ኣላ፡ ንሳ ድማ ንንሆ ምትንሳእ እያ። ሕጂ’ሞ ብዘይምጻእ መጺኣቶ ብሕክምና ክብደት ኣካላቱ ንምጉዳል ንንሆ-ንንሆ ምንቅስቓስ ከዘውትርን ናይ ጥዕና ጸገም ስለ ዘጋጠሞ ድማ መዓልታዊ ዝውሰድ መድሃኒት ተኣዚዝሉ ከይፈተወ ናብቶም ‘መግቢ ድኻታት’ ዝብሎም ዝነበረ ተመሊሱ ክርእዮ ከለኹ፡ “መምሃሪ ኣይግበርካ መምሃሪ ኣይኽላእካ” እትብል ምስላ ኣብ ኣእምሮይ ትቐጽለኒ።

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኾሉ ኣብ ኮሉ! ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ኣተንቢህልኩም ምንባርይ ይዝከር። እንተኾነ፡ ውሕስነትን መኣዛን መግቢ በይኑ እኹል ከም ዘይኮነ፡ ካብዚ ናይ ሎሚ ኣርእስትና ክንርዳእ ንኽእል ኮይኑ እስመዓኒ። ምኽንያቱ፡ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ተረኽበ ኢልካ ልዕሊ ዓቕን ምምጋብ ሳዕቤኑ ይኸፍእ። ስሩዕ ኣመጋግባ ዘይምኽታል ድማ ናብ ስሩዕ መድሃኒት ምውሳድ ከሲጋገር ከም ዝኽእል እንተ ዘይተገንዚብና፡ ንመግቢ ከም መድሃኒት ብምሕሳብ ብትሕዝቶኡ፡ ብዓይነቱ፡ ብመቓን ግዜ ብስሩዕ እንተ ዘይወሲድናዮ፡ ከም መተካእትኡ ብሓኪም ዝተኣዘዘልና መድሃኒት ኣብ ግዜ ቁርሲ፡ ምሳሕን ድራርን ክንወስድ ክንግደድ ኢና። ስለዚ ሰኣን ስሩዕ ኣመጋግባ ኣደዳ ሕማም ኬንና መድሃኒት ከም ቀለብ ተኣዚዝልና፡ ‘ብኻዶ …’ ካብ ምባል ንጠንቀቕ።



ጉድጉዶ

ካብ ብኣገልግሎቱ ቡቲ ንዋዛን ቅየዐን ዝለዓሎ ዝያዳ ይዝከር። ሕብረተሰብና ክሰሕቐን ከሰምዕን ኣብ ዝደልየሉ ግዜ "ጉድጉዶ" እናበለ ስለዝጻረፍ። ንሓደ ንጡፍ ዘይኩነ ወገን ድማ'ዩ ከምኡ ኢሉ ዝጸርፍ። ግደ ሓቂ ጉድጉዶ እውን ንጡፍ ኣይኮነን። ብኢድ ወሓለታት ኣደታት ተጉድጉዱ ኣብ መናድቐ ደምበን ጉሎ ገዛን ምስ ተጠቀዐ ክሳዕ ነቒጹ ናብ ኪያሹን ኣባይትን ዝኣቱ ኣብ ዘሎዎ'ዩ ዝጸንሕ። ኣብ ዘቐመጥካዮ ዝጸንሕ ንምባል እውን'ዩ ጉድጉዶ ከም ጸርፊ ዝለዓል።

ጉድጉዶ፡ እቲ ብሕርሻን መጓሰን ዝናበር ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ንጸጋታቱ ኣብ ረብሓ ናይ ምውዓል ልውል ጥበብ ከምዝነበሮን ከምዘለዎን ዝምስክር፡ ሕብረተሰብና ጸዓት ንምርካብ ዘዘውትሮ ዝነበረን ዘሎን ኣገባብ'ዩ። ብኽምዚ ዝስዕብ ጥበብ ድማ ይዳሎ፦ ከብቲ ኣብ ደምቡ ቐጽራ፡ ኳዛ፡ ቤት ወዘተ. ይሓድራ'ሞ ንጉሆ ንኣለዳ ወይ ብእኡ ኣቢለን ንበረኻ ይወፍራ። ከም ኣካል ነቲ ከብቲ ኣዕሪፈናሉ ዝሓደራ ቦታ ንምጽራይ ዝግበር ስራሕ ድማ ኣደታት ኣንጊሀን ብምትንሳእ፡ ንዒባ ናብ ዝጥዕመን ክፋል ምድሪ ቤት ወይ መዳቐሶ ከብቲ ወጊነን፡ ብኢደን ኣብ ቅርጽታትን ትሕዞታትን ይመቓቐላእ። ንሓድሕዱ ብዝግባእ ኣቐምጢወን ናይ መወዳእታ ቅርጺ ከትሕዝእ እንከለዋ፡ ንምትሕሓዙን ኣብ መዓላ ክውዕል እንከሎ ኣብ መስርሕ ምንዳድ ክሕግዛን ሓሰር ወይ ሳዕሪ ይውሰኻሉ። ሓሰርን ሳዕርን ብፍላይ ኣብቲ ዒባ ብርሑሱ ናይ ጉድጉዶ ቅርጺ ከቐውም እንከሎ፡ ናይ ጉድጉዶ ቅርጺ ክሕዝን ከይብሳዕን ልውል ናይ ምጥማር ወይ ምሓዝ ተራ ይጻወቱ።

ጉድጉዶ፡ ጸዓት ንምፍጣር ክነድድ እንከሎ፡ ሳዕሪ ወይ ሓሰር ከም ቀንዲ መናኸሲ ኩይኑ የገልግል። ኣብ ግዜ ምስራሕ፡ ናብ ጉድጉዶ ዝኣቱ ሳዕሪ ወይ ሓሰር ካልእ ኣገዳሲ ኣበርክቶ'ውን ኣሎዎ። ኣደታት ከበሳ፡ ምስ ጉድጉዶ ሓሰር ወይ ሳዕሪ ምውሳኽ ንጉድጉዶ ቀልጢፉን ኣጸቢቑን ከም ዘንቅጸ እየን ዘረድኣ። ንፋሰን ብርሃን ጸሓይን ብመገዲ እቲ ኣብ ሓሰር ወይ ሳዕሪ



ዘሎ ፋርቋ (ጓንጓ) ኣቢሉ ናብ ጉድጉዶ ይኣቱ'ሞ፡ ዝያዳ እቲ ብዘይ ሓሰርን ሳዕርን ዝተጉድጎደ ቀልጢፉ ይነቅጽ። ጉድጉዶ፡ ነቒጹ ኣብ ዝቐመጠሉን ንመዓላ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉን ብቐሊሉ ከይሸረፍን ከይርፍተትን እውን ኣገዳሲ ተራ ይጻወት። በዚ ምኽንያት ኣደታት፡ ኣብ ምስራሕ ጉድጉዶ ነዚ ዝተገልጸ ጥረ ነገር ክሕውሳሉ ይግደዱ። ኣደታት ንጉድጉዶ ብዘይ ሓሰር ወይ ሳዕሪ እንተ ሰሪሐናኦ ግና እተን ብዘይ መተሓሓዚ ጉድጉዶ ዝሰርሓ ኣደታት፡ ከም ዘይቁዋት ይውሰዳ።

ሕብረተሰብ ንጉድጉዶ ኣብቲ ዝናብ ዘይብሉን ኣብ ልዕሊ ዕንጸይትን ካልእ ጸዓት ዝህቦ ጥረ ነገራትን ተወሳኺ ተጠቃምነት ኣብ ዝደልየሉ ግዜ የዳልዎ። ንፋስ ቀውዒ ገጽ ምስ ሃበ ድማ'ዩ ጉድጉዶ ክዳሎ ዝጅምር። ብፍላይ ኣደታት፡ ዒባ፡ ፋንድያ፡ ዓኹር ካብ ጉድጉዶ ንላዕሊ ኣብ ድኾዒ ዘለዎ ኣገዳስነት ስለዝፈልጣ ጉድጉዶ ከዳልዋ እንከለዋ ንተጠቃምነት ድኾዒ ቀዳምነት ብዝሃበ መልክዕ እየን ዝሰርሓኡ። ነዚ ሓሳብ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ጉድጉዶ፡ ኣደታት ካብቲ ሓጋይ ብምልኣት ኣትዩ እዩ ዝበላሉ ግዜ ከዳዋኦ ይጅምራ። ኣዝዩ ነቒጹ ኣብ ዝበሃለሉ ኾኣ ምስ ካልእ ሓዊሰን የንድዳኡ። ኣብ ሓጋይን ክረምትን ከኣ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ብፍላይ ኣብ ግዜ ክራማት ምስቲ ዝህቦ ቀንዲ ኣገልግሎት ከም መናኸሲ ሓዊ ብምኻን'ውን የገልግል።

ኣደታት ኣብ ግዜ ክራማት ነቲ ብኽንክን ዓቂበናኦ ዝነበራ ጉድጉዶ እናረፍረፉ ከም መናኸሲ ይጥቀማሉ። ጓሶት'ውን ኣብ ግዜ ክረምቲ፡ ሓዊ ንምንኻሰን መጋርያ ንምእንድን ኣብ ቀረባኦም ባኮ/ ወረቐት ይኹን ካልእ ምስ ዝስእኑ፡ ካብ ዓዲ ምስ ስንቂ ጉድጉዶ ክሰደደሎም ይነግሩ'ሞ፡ ኣብ ዋህዮ ወይ ከረጺት ተቐጺሩ ይሰደደሎም። ኣብ መኻርም ይኹን ደምበ ድማ ኣብ ዘይጠፍኣሉን ዝናብ ኣብ ዘየተርክሶን ቦታ የንብርዎ። ኣብቲ ጠቕ ዝብል ክረምቲ ኾኣ ከም ቀንዲ መናኸሲ ሓዊ ይጥቀምሉ። ኣብ ክረምቲ ኣብ ሳንጣኦምን ካልእ መጻወሪኦምን ከም ላምፓዲና ብኽንክን ዝሕዝዎ ኾኣ ነዚ ኣገዳስነት ስለ ዝርድኡ እዩ። ኣደታት እውን ንጉድጉዶ ከም ቀንዲ ናይ ጸዓት ምንጪ ኣብ ክረምቲ እየን ዝጥቀማሉ። ነቒጹ ኣብ ዝበላሉ ክሳብ ኣብ ቀፋፎኣን ከይተረፈ ካብ ዝኾነ ፈሳስን ናጤባን ክሕልዋኦ ይጸንሓ'ሞ ዕንጸይቲ ብዝናብን ግመን ጠስጠሱ ምንዳድ ምስ ኣበየ፡ ናብ ጉድጉዶ ይኣትዋ። ጉድጉዶ ክራማት ድማ ከም ካልእ ኣገዳሲ ንብረት ብልመና ይውሰድን መለቅሒ ሓዊ ይኸውንን። ካብኡ ተረፈ ኣደታት ኣብ ግዜ ሓጋይ ምስ ቀሸምን ሸባዕታን እናሓወሳ መሰንከትን መብሰልን ይጥቀማሉ።

ንጉድጉዶ ዋናታት ከብቲ ጥራይ ኣይኮናን ከም ምንጪ ጸዓት ዝጥቀማሉ። ናይ ባዕለን ጥሪት ወይ ከብቲ ዘይብለን ኣደታት እውን ብኽምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ጉድጉዶ ይጥቀማ እየን።

ኣብ ደምበአን ዒባ ክረኽባ ዘይክእላ ኣደታት፡ ናብ ገዳኡ ይኹን በረኻ ብምፋር ዒባ ጓሪተን ናብ ገዛአን ይኣትዋ። ብኸምቲ ቀድም ክብል እተጠቕሰ ኣገባብ ድማ ጉድጉዶ የዳልዋ። ተጠቀምቲ ናይቲ ጥበብ ድማ ይኹና። ካብዚ ብዝተፈልየ ካልእ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝጸንሐ ዒባ ናይ ምምቃል ልምዲ ይስዕብ። ኣብ ደምበአን ዒባ ክረኽባ ዘይክእላ ኣደታት፡ ናይ ዘፍቀዱለን ጉረባብቲ ዒባ ገይረን ጉድጉዶ የዳልዋ። እቲ ሕብረተሰብ ካብ ዘሎዎ ናይ ምትሕግጋዝ ልምዲ ነቒሉ፡ ሓደ ወገን ናይቲ ሕብረተሰብ ንሱ ምስ ጉድጉደ፣ ደድሕረኡ፡ እቲ ኣብ ጥቓኡ ዘሎ ጉረቤቱ ካብ ዒባ ክብቱ ዒባ ክጉድጉድ የፍቀድ። ከምዚ ክገብር እንተዘይክኢሉ፡ ቡቲ "ዒባ ሰንበት" ዝብሃል ጸጋታቱ ኣብ ምምቕራሕ ዘዘውትሮ ያታ ይኣቱ። ሰብ ክብቲ ወይ ጥራት፡ ሰንበት መጸ ኣብ ደምበኡም ንዝርክብ ዒባ ስኡናት ጉረባብቶም ወይ ደቂ ዓዶም ንጉድጉዶ ክጥቀምሉ የፍቅዱ። ዋላ'ውን ዒባ ዝደሊ ሰብ ሃቡኒ ክይበለ እንከሎ፡ ባዕሎም ሰብ ክብቲ ቀዳም ኣማሲያኡም ኑቲ ዒባ ክወሰድ ኣለዎ ዝበልዎ ወገናዎም ይነግርዎ። እቲ ዝተነግረ ወገን ድማ ክብቲ ካብ ደምበአን ምስ ወጻ ዒባ ይወስድ። ሓደው ይጉድጉዶ ሓደው ኣንቂጹ ግራቱ ይድኩዕ። እዚ ከምዚ ዝኣምሰለ ጸጋታትካ እናተማቐልካ ዝፍጠር ምትሕግጋዝ ድማ ኣብቲ ሕብረተሰብ ልዑል ሓድሕድ ናይ ምፍቅቓድ ኣጋጣሚ ይፈጥር። ሕብረተሰብና ካብቲ ዝለዓለ ክሳብ ዝተሓተ ጸጋታቱ (ንኣብነት ዒባ) ናይ ምምቓል ልምዲ ድማ በዚ ኣብነት ክድራዕ ይኽእል።

ብሂላት ጉድጉዶ

እዚ ንኡስ ኣርእስቲ፣ ምስ ዝረአን ዝጭበጥን ትሕዝቶታት ጉድጉዶ ዘይክይድ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እንተኾነ፡ ሕብረተሰብ በቶም ልምድታት እናበለ ዝጽውዖም ባህላዊ ውርሻታቱ ምንባርን ስነ-ሓሳብን የማእዝን እዩ። ንኣብነት፦

ጉድጉዶ እንተነደደ ናብ ግራቱ ሰብኣይ ተደንጉየ ናብ ቤቱ ይምለስ። ጉድጉዶ፡ ጸዓት ንምምንጫው ምስ ነደደ፡ ሓሙኹሽቲ ኩይኑ፡ እንተስ በይኑ እንተ ምስ ድኾዒ ተሓዊሱ ናብ ግራት ምራዱ ኣይተርፎን። ብፍላይ ኣብ ጉሎ (ጉኒ) ገዛ ዝርከብ ኣደታት ጫኹረን ዕፉን ይኹን ኣሕምልቲ ዝዘርኣኡ ዑናታት ወይ ቃጽየታት ምስ ዝርከብ ብድኾዒ፡ ሓምኹሽቲ፡ ቀልቀል ደርሁ ወዘተ. እየን ዘጽብራኡ (ዘስብሓኡ)። ኑቲ ኣብ ከምዚ መዓላ ዝውዕል ጉድጉዶ ንምንጋር ድማ'ዩ እቲ ኣበሃህላ ዝምሰል። እቲ ሰብኣይ እንተደንጉየ ናብ ቤቱ ዝብል መዓልቲ ንፍለየሉ።

እቲ ኻልእ ብሂል፡ ጉድጉዶ እንተኸሪሙ ጸቡቕ ኣይህብን ዝብል'ዩ። ኣደታት ካብ ምብቃቕ ዝተላዕሉ፡ ክራማት ክሳዕ ዝሓልፍ ባዕለን ከይተጠቕማሉን ንኻልእ ሰብ ከይሃባኡን ኣብ ኢደን እንተሓውዩወን ከም ዘይሊጋሳትን ዘይተማላላእትን ሰለዝውሰዱ፡ ጉድጉዶ ዘኽረማ ኣደታት፡ ጉረቤተን እናጸምኡን እናጠመየን መቕተል ሓሰኻ እውን ዘይህባ ኣደታት ይውሰዱ። እቲ ሕብረተሰብ ከኣ ብቕርዲድ ይምስለን።

ቀንያት ሃንሰ መስቀለ ሓሊፉ ዝዓሰዋ ሰድራ ቤታት ምስ ዝርከቡ፡ "ጉድጉዶዶ ኣኽሪሞም እዮም" ይብሃል። ጉድጉዶ ኣብ ሓጋይን ኣብ'ቲ ቀንዲ ክራማትን ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ከም ዘለዎ ዘረድእ ሰውያ ድማ'ዩ።

"ጉድጉዶ ኣይከርም
ጉዲም ነይጨርም"
ድማ ይምሰል።

መሓሪ ውቕባሚካኤል (ጠዊል)
ኮምሽን ባህልን ሰፖርትን



መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ



ምስ ክኢላ ምድላው መግቢ ኣስመረት ዳምር



ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቕንን

- 1 ኪሎ ሰላጣ
- 1 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ሽጉርቲ
- 3 ኮመደረ
- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ካሮት
- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ድንሽ
- 3 እንቋቑሑ
- 100 ግራም ተቐልዩ ዝተጣሕነ ፋል
- 250 ግራም ዝኸነ ዓይነት ጥረታት ከም ፋጆሊ፡ ዓይኒ ዓተር፡ ኣዳጉራ
- 3 ማንካ ዘይቲ ስምስም ወይ ኣውሊዕ (ዘሎና ክንጥቀም ንኽእል)
- 3 ማንካ ጽማቑ ለሚን

ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ፡ ድንሽን እንቋቑሑን ብሓንሳብ ነብስሎ። ሰላጣ ድማ ብጽሩይ ማይ ጌርና ደጋጊምና ንሓጽቦ። ብድሕር'ዚ ንመትሮ'ሞ፡ ዘዳለናዮ ኣሰፒዛ ኮመደረ፡ ሽጉርቲ ካሮትን መቲርና ብሓንሳብ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ መትሓዚ ንሓዋውሶ። ቀጺልና፡ ፋጆሊ ምስኡ ጌርና ንሓዋውሶ። ብድሕር'ዚ፡ ዝበሰለ ድንሽን እንቋቑሑን መቲርና፡ ኣብ ልዕሊኡ ንገብሮ። ኣብ መወዳእታ፡ ዝተጣሕነ ፋል፡ ዘይትን ጽማቑ ለሚንን ብላዕሊ ብምውሳኽ ኣወሃሂድና ንመግቢ ድሉው ንገብሮ።

በዚ እተጠቕሰ ዓቕን እተሰርሐ መግቢ ክሳዕ 6 ሰባት ክምግበልና ይኽእል።

መኣዛዊ ትሕዝቶ

መኣዛዊ ትሕዝቶን ጥዕናዊ ረብሓታትን እዚ መኣዲ ምስ እንርኢ፡ ከባቢ 1600 ኪሎ ካሎሪ (ኪ.ካ) መጠን ሓይሊ ኣብ ሓደ መኣዲ ይህልወና። ንሓደ ውልቀ ሰብ ድማ ከባቢ 275 ኪሎ ካሎሪ ዝኸውን መጠን ሓይሊ ይህበና፣ ካብዚ መኣዲ'ዚ ከባቢ 28 ኪ.ካ ካርቦሃይድሬት ክኸውን ከሎ፡ 25 ፕሮቲን ኪ.ካ፡ 12 ኪ.ካ ድማ ሰብሒ እዮም።

እዛ መኣዲ ብትሕዝቶ ሰብሒ ኣዝዩ ሃብታም ኰይና፡ ብተወሳኺ ድማ፡ ቪታሚናት ከም ኤ፡ ፎሌት፡ ራይቦፍላቪን፡ ኒያሲን ዝብሃሉ ኣዘዮም ኣዘዮም ጠቕምቲ ዝኾኑ ኣብዚ መኣዲ'ዚ ይርከቡ። ቪታሚን ራይቦፍላቪን (ቢ-2)፡ ኣብ ምሕቃቕ ግሉኮስ (glucose)፡ ፕሮቲን፡ ሰብሒ ይሕግዝ። ቀጠልያ ኣሕምልቲ ኣዘዮም ብማዕድናዊ ትሕዝቶ ሃብታማት ስለ ዝኾኑ፡ ከም፦ ካልሽየም፡ ማግኒዥየም፡ ፖታሽየም፡ ሶድየም፡ ሰለኒየም፡ ኮፐር፡ ዚንክ ዝብሃሉ ይውንኑ። ንኣብነት ሶድየምን ፖታሽየምን ዝበላዕናዮ መግቢ ሓቂቑ፡ ብግቡእ ናብ ዋህዮታት ደም ንኽምጸ ይሕግዙ። ብተወሳኺ፡ ጸቕጢ ደም ኣብ ምቑጽጻር ዙረት ኣክሰጅን ኣብ ደም ኣብ ምስትኽኻል፡ ኣብ ጽባቐ ጸጉርን ጽፍርን ከምኡ'ውን ኤለክትሪካዊ ምትሕልላፍ ናይ መትንታት ንኽህልወና ይገብሩ።



ቀጠልያ ባናና ምስ መረቕ ስጋን ኣሕምልትን

ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቕንን

- 2 ኪሎ ግራም ቀጠልያ ባናና
- 1/4 ኪሎ ወይ 250 ግራም ስጋ
- 200 ግራም ፋጆሊ
- 150 ግራም ዝኩኒ
- 150 ግራም ሸንጉርቲ
- 150 ግራም ኮመደረ
- 3 ማንካ ሻሂ ዘይቲ
- 1 ማንካ ሻሂ ፐርሰሚሎ
- 1 ማንካ ሻሂ ጸዕዳ ሸንጉርቲ
- 1 ማንካ ጸሊም በርበረ
- 1 ማንካ ሻሂ ካሙን
- 1 ማንካ ሻሂ ቃርፋ

ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ፡ መረቕ ስጋን ኣሕምልትን ንምድላው፡ ኑቲ መቲርና ዘዳለናዮ ሸንጉርቲ፡ ኮመደረ፡ ካሮት፡ ዝኩኒ፡ ስጋ፡ ጸዕዳ ሸንጉርቲ፡ ፋጆሊ፡ ብሓንሳብ ሓዋዊስና ብማይ ነብስሎ። በሲሉ ምስ በልናዮ፡ ዘይቲ፡ ካሙን፡ ቃርፋ፡ በርበረ ጸሊም፡ ጨውን ማይን ኣእቲና ምስ ተወሃሃደ ነውርዶ። ቀጺልና፡ ንባናና ምስ ቀራፉ ብማይ ነብስሎ። ምስ በሰለ፡ ቀራፉ ቀሊጥና ብኢድና ወይ ብጠሓኒት ማሸን ብውዕዩ ንጥሕና። ብድሕር'ዚ ዝተጣሕነ ባናና በብዓቑኑ ናብ ብያቲ ከፈልና፣ ካብቲ ዘዳለናዮ መረቕ ብላዕሊ ነፍስሰሉ። ኣብ መወዳእታ ፐርሰሚሎ ንመመላኽዒ ብላዕሊ ድሕሪ ምንስናስ ንመግቢ ድሉው ይኸውን።

መኣዛዊ ትሕዝቶ፦ እዚ መኣዲ፡ ብኹሉም ሓይሊ ዝህቡ መኣዛታት ካርቦሃይድረይት፡ ፕሮቲንን ስብሕን ኣዝዩ ሃብታም ኩይኑ ንረኽቦ። ዝበዝሐ ሓይሊ ካብ ካርቦሃይድሬት ንረኽቦ። እዚ መግቢ፡ ብፍላይ ንስፖርተኛታት ልዑል ዝኹነ ኣገዳስነት ኣለዎ። ቀድሚ ዝኹነ ዓይነት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስርሑም ድማ እዚ መግቢ ክምገብዎ ይኽእሉ። ካልእ ትሕዝቶ ናይዚ መግቢ፡ ሃብታም ዝኾነ ማዕድናትን ቪታሚናትን ብምህላዉ ድማ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ኣዝዮም ከበድቲ ዝኹኑ ብብዝሒ ዘገድሱና መኣዛታት ከም ዝሓቁፍ ይገብር። ፖታሽየም ዘሎዎም መግብታት፡ ጸቕጢ ደም ኣብ ምጉዳል ይሕግዙና። ብኣጠቓላሊ ኣብዚ መኣድና ክባቢ 358 ሚ.ግ. ፖታሽየም ንረክብ፡ ሶድየም ድማ ክባቢ 75 ሚ.ግ. ይህልወና። እዚ መግቢ'ዚ ጸቕጢ ደም ንዘሎዎም ሰባት ጸቕጢ ንምጉዳልን ምቁጽጻርን ዝሕግዞም ኣዝዩ ኣገዳሲ መኣዲ'ዩ። ስለዚ፡ እዚ ዓይነት መኣዲ ኣብ ቤትና ከነዘውትሮ ይምከር።



ኣከለት ሓሳስ

ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቕንን

- ፍርቂ ኪሎ ዕፉን
- ፍርቂ ኪሎ ስርናይ
- ማይ ንመግዓቲ ዝኸውን
- ሓደ ፍንጃል ጠስሚ
- ፍርቂ ሊትሮ ርግኢ ወይ ብራሕ
- በርበረ (ከም ኣድላይነቱ)
- ጨው (ከም ኣድላይነቱ)

ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ፡ ዕፉንን ስርናይን ንጥሕና'ሞ፡ ክልቲኡ ሓዋዊስና ነዳልዎ። ማይ ንመግዓቲ ዝኸውን ኣፍሊሕና ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዘዳለናዮ ሓርጭ ኣብቲ ዝፈልሐ ማይ ኣእቲና ንግዕየ። ብምቕጻል፡ ማይ እና'ንጠብና ክሳዕ ገዓትና ዝበስል ደጋጊምና ንግዕየ። ምስ በሰለ፡ ኣብ ሒላብ ወይ ዕሙቕ ዝበለ ሸሓኒ ገልቢጥና ከቢብ ቀርጺ ነትሕዞ። ብድሕር'ዚ ኣብ ማእከሉ ንመትሓዚ ጠስሚ ዝኸውን ኣዕሚቕና፡ ጠስሚ ኣእቲና፡ ብወሰን ወሰኑ ድማ ብራሕ ወይ ርግኢ ኣፍሲስና ንምገቡ።



መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣከለት ሓሳስ

ባህላዊ መግቢ ገዓት ዕፉን፡ ብትሕዝቶ ጸዓትን ማዕድናትን ኣዝዩ ሃብታም እዩ። እንተኾነ፡ ንሓደ ሰብ ዘድልዮ ምሉእ መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣሎዎ ክንብል ኣይንኽእልን። እዚ መግቢ ክሓቅቐን ናብ ዝግብኦ መዓላ ክውዕልን እንተኾይኑ፡ ትሕዝቶ ቪታሚናት ዘሎዎም መግብታት ኣብ መኣድና ወይ'ውን ኣብ ዝተረፈ መዓልትና ክንምገብ ይግባእ። ቪታሚናት ከም ኮ-ኢንዛይም ኣብ ምቅልጣፍ ምሕቃቕ እዞም ናይ ጸዓት ክፋል መኣዛታት ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። እዚኣቶም ድማ ካብ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ብተወሳኺ'ውን ካብ ጸላም ከብዲ፡ ሰብሒ ዘይብሉ ሲጋ፡ ፉልን ካብ ካልኦት ዓይነታት ኣእካልን ክንረኽቦም ንኽእል።



ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ፡ ንዘዳለናዮ ሓርጭ ስርናይ፡ ኣበሱዳ፡ ህሩድን መባሽዕትን ወሲኽና፡ ብማይ ንለውሶ። ቀጺልና፡ ካብ 10 ክሳዕ 15 ደቓይቕ ንኽበኽዕ ንሓድጎ። ምስ በሽዑ፡ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ ድስቲ ወይ ሽሓኒ ንሰንክቶ። ብላዕልን ብታሕትን ማዕረ ምቑት ረኺቡ ንኽበስል ድማ ከዲንና፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ መኽደኒ፡ ንህሪ ሓዊ (ፈሓም) ንገብረሉ። ብድሕር'ዚ ምስ በሰለ ኣውጺእና፡ ኣብ ካልእ መትሓዚ ብምግምጣል ንፍትፍቶ። ኣብ መወዳእታ ዘዳለናዮ ጸባ፡ ጠለምን መዓርን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝፈትፈትናዮ ብኩነይታ ብምእታው ንሓዋውሶ'ሞ ንመግቢ ንቐርቦ።

መኣዛዊ ትሕዝቶ

ባህላዊ መግቢ ብሄረ ዓፋር ብኩነይታ፡ ሓይሊ ዝህበና ትሕዝቶ ጸዓት ማእከላይ ዓቕን ክህልዎ እንከሎ፡ ብማዕድናዊ ትሕዝቶ ድማ ሃብታም መግቢ እዩ። ጉዲልዎ ዘሎ ትሕዝቶ ኣብ ማይ ዝሓቁን ኣብ ቅብኢ ዝሓቁን ቪታሚናት እዩ። ነዞም ቪታሚናት ንኽንረክብ፡ ኣብቲ ነዚ መግቢ እንምግበሉ መዓልቲ ብዝተኻእለ መጠን ገለ ካብ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ወይ'ውን ጸላም ከብዲ ወይ ፉል፡ ክንውስኽ ይግባእ።



ክለብ ኣትለቲክስ ፍረ-ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ

ሓዲር ድሕረ ባይታን ዝተረኽቡ ዓወታትን



ብመሰረት ጠለብ ዝምልከቶም ኣካላት ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ኣብ ዓመተ 2023፡ ኣብ ዞባ ማእከል ትነጥፍ ዝነበረት 25 ዝኣባላታ ጥርንፍቲ ክለብ ኣትለቲክስ፡ ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ተሰጋጊራ ንጥፈታታ ኩተካይድ ጀሚራ። ካብ 2024 ድማ 'ፍረ-ጻዕሪ' ብዝብል ስምን ብኣካያዲ ቦርድን ዳግማይ ተወዲባ።

ኣብዚ እዋን ክለብ ኣትለቲክስ ፍረ-ጻዕሪ፡ ኣብ ቅድድም ጉያ እግሪ ዝወዳደሩ፡ ካብ 100 ሜትሮ ክሳብ ፍርቂ ማራቶን ርሕቀት ዝሳተፉ 8 ደቀ ኣንስትዮ ዝርከባኦም 20 ኣባላት ትሓቑፍ። እዛ ጋንታ፡ ብኣሰልጠንቲ ገብረሂወት ኣረፋይነን ሳሙኤል ምሕረተኣብን ከምኡ'ውን ንጉዳያት ደቀንስትዮ እተከታተል ቤትልሄም ሰሎሞን እናተኣልየት ንጥፈታታ ተካይድ። እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያት ዝሓቖፈት ኩይና፡ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወጻኢ ሃገርን ብምስታፍ፡ ዝተፈላለየ ዓወታት ዓቲራ ትርከብ። ገለ ካብ ዓወታት ክለብ ኣትለቲክስ ፍረ ጻዕሪ ንምጥቃስ፡

ብደረጃ ክለብ

- ብልጽቲ ጋንታ ኣትለቲክስ 2023 (Excellence Award of 2023)
- ሻምፕዮን ኤርትራ 2024፡ ኣብ ትሕቲ ዞባ ማእከል
- ዋንጫ ናጽነት 2024/ 2025፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት
- ሻምፕዮን ኤርትራ 2024፡ ኣብ ትሕቲ ዞባ ማእከል ኣብ ኩሉ ዓውድታት

ብደረጃ ኣትለታት (ናይ ውልቂ)

ብደረጃ ወልቂ ኣትለታት ዝተጨበጡ ዓወታት ብዙሓት'ኳ እንተ ኾኑ፡ ገለ ካብቶም ድሙቓት ዓወታት ንምጥቃስ፡-

- ዳዊት ሰዓረ - ኣብ ናይ 10,000 ሜ፡ ኣብ 2024 ኣብ ፓሪስ ቀዳማይ ብምውጻእ ተሸሊሙ፡
- ፍትሓዊ ዛይድ - ኣብ ናይ 800 ሜ፡ ኣብ 2023 ኣብ All African games ቀዳማይ ብምውጻእ፡ ሃገራዊ ክብረ ወሰን ሒዙ፡
- ፋጥማ ኣሕመድ - ኣብ 800 ሜ (Track Junior Champion of Eritrea)፡ 2025 ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ፡
- ሳይሞን ተሰፋገርግሽ - ኣብ ናይ 10,000 ሜ (Gold Level)፡ ኣብ ፈረንሳ ካልኣይ ብምውጻእ፡ ሃገራዊ ክብረ ወሰን ሒዙ፡
- ኣማኑኤል በርሀ - ናይ 10,000 ሜ ሻምፕዮን ደቀምሓረ፡ 2024 ኣብ ደቀምሓረ ኤርትራ ተዓዊቱ፡
- ብስራት ፍስሃየ - Junior Champion of Eritrea 400ሜ፡ 800ሜ ተዓዊቱ፡
- ጽንዓት መብራህቱ - Youth Champion of Eritrea 2025፡ ኤርትራ
- ካናሪ ተኽለማርያም - East Africa Youth Champion፡ 2025 ኣብ ታንዛንያ ቀዳመይቲ ብምኾን ተዓዊታ፡
- ሓርነት ፋሲል - 8 መጋቢት Youth Champion 2025፡ ቀዳመይቲ ብምኾን ተዓዊታ
- ሰሰን ሚካኤል - ዋንጫ ናጽነት፡ ሻምፕዮን ኤርትራ 2025፡ ቀዳመይቲ ብምኾን ተዓዊታ
- ዮቤል ዘርኢት - 10,000 ሜ Champion Eritrea 2024፡ ቀዳመይ ብምኾን ተዓዊቱ

ኣዳላዊ፦ ኢንጅ. ፊልሞን ኣፈወርቂ

***

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

